# ሃገረይ ኤርትራ

ብርሃነ ኣብርሃ ኪዳነ



# ሃገረይ ኤርትራ

## ሕጂ'ኸ ናበይ?

(2015 ዓ.ም.)

## መጽሓፍ ክልተ

ብርሃነ ኣብርሀ ኪዳነ

## ትሕዝቶ


ምዕራፍ (13) ዓሰርተ ሰለስተ ........ 6

ኣዕናዊ ስረተ-እምነት ዶክተር ሄንሪ ኪሲንጀር ........ 6

ምዕራፍ (14) ዓሰርተ ኣርባዕተ ........ 10

ምብሳር ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ ........ 10

ናይ ተዘክርቲ ኣጋጣሚታትን ጉዳያትን ኣብነታት ........ 10

ምዕራፍ (15) ዓሰርተ ሓሙሽተ ........ 52

ኢሳያስ ንፋስ ዘራጊቶ፡ ........ 52

ጸረ ሃገራዊ ሰላምን ርግኣትን ልምዓትን ........ 52

ምዕራፍ (16) ዓሰርተ ሽዱሽተ ........ 62

ምፍጣርን ዕማማትን ህግደፍ ........ 62

ምዕራፍ (17) ዓሰርተ ሸውዓተ ........ 73

ኣድማሳዊ ወተሃደራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ........ 73

ምትካል ምልካዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ........ 73

ምዕራፍ (18) ዓሰርተ ሸሞንተ ........ 85

ዕጫታት ፍርዳዊን ሓጋጊን ፈጻሚን ........ 85

ኣካላት መንግስቲ ኤርትራ ........ 85

ምዕራፍ (19) ዓሰርተ ትሽዓተ ........ 94

ስሩዕ መደብ ምብልሻው ........ 94

ፈጸምቲ 'ትካላት' መንግስቲ ኤርትራ ........ 94

ምዕራፍ (20) ዕስራ ........ 136

ተዘክርቲ ፍጻመታት፡ ........ 136

መወዳእታ ዘይብሎም ቅጥፈታት ኣቶ ኢሳያስ ........ 136

ምዕራፍ (21) ዕስራን ሓደን ........ 148
እገዳን ምስኡ ዝተአሳሰሩ ፍጻመታትን ጉዳያትን ........ 148
ምዕራፍ (22) ዕስራን ክልተን ........ 153
መኸተ ኣንጻር ዲክታተርነት ........ 153
ዲክታተርነት ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ምዓስ ብኸመይ ስለምንታይ? ........ 153
ምዕራፍ (23) ዕስራን ሰለስተን ........ 161
ንበል መርሓባ ንለውጢ ........ 161
ምዕራፍ (24) ዕስራን ኣርባዕተን ........ 175
ንድፊ ውጥን ስራሕ ንግብራዊ ምልጋስ ዲክታተርነት ........ 175
ምዕራፍ (25) ዕስራን ሓሙሽተን ........ 182
መደምደምታ ........ 182
ጥብቆ (1) ሓደ ........ 184
ላምፐዱዛ፡ ዝኸሪ ንህልቂት ኤርትራውያን ........ 184
ጥብቆ (2) ክልተ ........ 193
ምስ ኢትዮጵያ ዝዛመዱ ጽውጽዋያት ንስጎግ ........ 193



## ምዕራፍ (13) ዓሰርተ ሰለስተ

## ኣዕናዊ ሰረተ-እምነት ዶክተር ሄንሪ ኪሲንጀር

ዶክተር ሄንሪ ኪሲንጀር ኣመሪካዊ ይሁድ እዩ። ኣብ 1923 ኣብ ፋርዝ (Furth) ጀርመን ተወሊዱ ኣብ 1938 ምስ ስድርኡ ናብ ኣመሪካ ተሰዲዱ። ኣብ ኤውሮጳ ክሎ ነቲ ቅድሚ ምጅማር ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ናዚ (Nazi) ጀርመንን ሕብረት ሶቭየትን ዝነበረ ዘይርጉእ ኩነታት ካብ ቀረባ ኮይኑ ተዓዚቡዎ። ኣገደስቲ መረዳእታታት ብዛዕባ ሰውራን ድሕሪ ምዕዋት ሰውራ ዝስዕቡ ኩነታትን ሒዙ። ብሓፈሻኡ ድማ ንሰውራታትን ንዴስነትን ማሕበርነትን ጸሊኡዎም።

ናብ ኣመሪካ ምስከደ ንኹሉ ናይ ምርምር ስርሑን ትምህርቱን ምስ ዓውዲ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኣተኣሳሲሩዎ። ኣብ እዋን ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ሰራዊት ኣመሪካ ተሰሊፉ ኣገልጊሉ። ኣብ 1943 ድማ ናይ ኣመሪካ ዜግነት ወሲዱ። ኣብ እዋን ፕረዚደንት ኒክሰን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሕመኣ ኮይኑ ተሾይሙ። ኣብ ጉዳያት እስራኤል-ፍልስጤም፡ ቬትናም፡ ዝምድናታት ቻይና-ኣመሪካ፡ ሕብረት ሶቭዬት-ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃ-ኣመሪካ፡ ብዝመጸ ወሰንቲ ተራታት ተጻዊቱ። ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ብዝነበሮ ጸላዊ ተራ፡ ኣቐዲምና ጠቒስናዮ ከምዝነበርና፡ ነቶም ድሕሪ ምጭባጥ ሃገራዊ ናጽነት ማሕበርነታዊ ስርዓት ክተኽሉ ዕላማን ኣንፈትን ዝነበሮም ቃልሰታት ኣህዛብ ሞዛምቢክን ኣንጎላን ጊኒ-ቢሳውን ብኢጋ ነከይዕወቱ ዓንቂጹዎም። ኣብ ጉዳይ ግጭት ፍልስጤም-ኢስራኤል ምስ ኢስራኤል ወጊኑ ንናጽነት ሃገረ ፍልስጤም በዲሁዎ።

### ሰረተ-እምነት ኪሲንጀር።

ዶክተር ኪሲንጀር ዝምርሓሉ መትከል ኔሩዎ። መትከሉ ሰረተ-እምነት ኪሲንጀር (the Kissinger Doctrine) ተብሂሉ ይፍለጥ።

ሰፊሕ ትሕዝቶ ኣለዎ። ኣብ 1968 ሰውራ ቬትናም ኣብ ድርኩኹት ዓወት ምስበጽሐን ሕመአ ንኩነታት ቬትናም ብኸመይ ክትሕዞ ይግብኣ ዝብል ሕቶ ምስተላዕለን ብዶክተር ኪሲንጀር ሓደ ናይ ፖሊሲ ሓሳብ ተኣመሙ ተተግቢሩ። ብኡ መሰረት ኣመሪካ ንቬትናም ኣብ ኲናት ኣበርቲዓ ቀጥቂጣታ። ዋላ ድሕሪ ዓወታ ድኹምቲ ሃገር ክምትከውን ዝገብሩዋ ኣዝዮም ኣዕነውቲ ዝተባህሉ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት ፈንያትላ።

ሓደ ክፋል ካብ ሰረተ እምነት ኪሲንጀር፡ ብሓጺር ኣገላልጻ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይብል። ለውጢ ብዘገምታዊ (evolutionary) መስርሕ እምበር ሰውራ (revolution) ብምኽያድ ክመጽእ ክፍቀድ የብሉን። ምኽንያቱ ንዘገምታዊ ለውጢ ብግቡእ ክትከታተሎን ክትኣልዮን ስለዝከኣል እንተተዓወተ እውን ናይ ዕግርግር ኩነታት ከምዘየስዕብ ጌርካ ክተማሕድሮ ትኽእል ኢኻ። ብመስርሕ ሰውራ ዝመጽእ ለውጢ ግን ብተዛማዲ ቅልጡፍን ብቐሊሉ መእዝኑ ክስሕቶ ዝኽእልን ስለዝኾነ ንሳዕቤናቱ ብግቡእ ክተማሕድሮ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ንሰውራዊ ለውጢ ከምዝጽላእን ዘይሕሰብን ንኽትገብሮ ንሰውራታት ጌና ከይተዓወቱ ክለዉ ኣቕህሞም። ምናልባት እንተተዓወቱ ድማ ንውጽኢቶም ፍረ-ኣልቦ ጌርካ ኣባላሽዎ። ብተወሳኺ፡ ማሕበርነትን ዴስነትን ከምጽእ ዕላማ ንዘለዎ ለውጢ ዓንቅፎ፡ ዝብል እዩ ሰረተ-እምነት ኪሲንጀር።

ኣመሪካ ነዚ ሰረተ-እምነት እዚ ኣብ ምሕንጻጽን ምትግባርን ናይ ወጻኢ ዝምድናታታ ኣዘውቲራ ትጥቀመሉ እያ። ኣብ ቬትናም፡ ማእከላይ ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ፡ ፍሊስጤም፡ ዒራቕ-ኣፍጋኒስታን-ሶርያ-ሊብያ፡ 'ኣየት' ኣዕራብ (the Arab Spring)፡ ወዘተ ንዝተኸተለቶ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ንምስኣል ተጠቒማትሉ።

**ለበዳ ሰረተ-እምነት ኪሲንጀር።**



ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ 'ተጋዳላይ' ኢሳያስ፡ ምስ ግዳማውያን ልኣኽቱ ብምትሕብባር፡ ንሰረተ-እምነት ኪሲንጀር ኣብ ኤርትራ ኣብ እዋን ሰውራን ኣብ እዋን ናጽነትን ብግብሪ ክሰርሓሉ ፈቲኑ። ኣይስለጦን እምበር፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ግዜ ሰውራ ንናጽነት ኤርትራ ምእንቲ ክዕንቅፍ ንኤርትራና ብቃጻን ብድብያን ብተደጋጋሚ ይብድላ ምንባሩ ዝፈልጡ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣለዉ። ሎሚ ድሕሪ ናጽነት ክኣ ንኤርትራ ክየናሕሰየላ ብጋህዲ ይብድላን የማህምናን ከምዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ንዕዘብ ኣለና።

ብሲኣይኤ ዝዝወር ሰርሳሪ ሰላዪ (mole) ምንባሩ ዝጥርጠር ኣቶ ኢሳያስ ብዛዕባ ሰረተ-እምነት ኪሲንጀር መን ከምዝምሃሮ ብዘይካኡ ካልእ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ ንባዕሎም ንሰረተ-እምነት ኪሲንጀር ብኣጋ ኣይፈለጥዎን። ፈሊጦሞ እንተዝኾኑ ኔሮም ንኣቶ ኢሳያስ ካብ ዓንኬሎም ሰጒጎም ንህዝቢ ኤርትራ ብኣግኡ ካብ ጸይቅታቱ መድሓኑዎ ነበረ። ኣይገበሩን።

ኣቶ ኢሳያስ ንናይ ኪሲንጀር ሰረተ-እምነት ኣብ ልቡ ሒዙ ንናይ ብሪጣንያ ናይ 'መቓቒልካ ግዛእ' ሜላ ተጠቒሙ ንሰውራ ኤርትራ ከዳኽም ጽዒሩ። ንኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ማእከላይ ሽማግለን ናይ ህግሓኤ ኣብ ሓድሕድ የናቑቶም ኔሩ። ናብ ተራ ተጋደልቲ ወሪዱ ደገፍቱን ዘይደገፍቱን ዝብሎም ጉጅለታት ሰሪዑ። ንናይ ማኪያቬሊ (Machiavelli) ስልቲ 'ካሮትን በትሪን' ተገልጊሉ። ንኡመት፡ 'ንነቐፌታን ነብሰ-ንቐፌታን፡ ንሓድሕድ ምግጫው፡ ንማእሰርቲ ክሳብ ምቕንጻል፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ረቛሒታት' ተጻረርተይ ንዝበሎም ውልቀሰባት ንኸዳኽምን ክግልፍን ተጠቒሙሎም።

ድሕሪ ናጽነት፡ ፍረ ናጽነት ኤርትራ ምእንቲ መሊኡ ከይምቅር፡ ኣቶ ኢሳያስ ከም ኣመሉ ንናይ ሰራዊት ይኹን ናይ ሲቪል ላዕለዎት ሓለፍቲ እናመቓቐለ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ክኽእል እሞ ንኤርትራ ብዘየዳግም ንኸዳኽማ ዘኽእሎ ዕድል ክረኽብ ሃቂኑ። ንኡመት፡ ነገራዊ ሓለፋታት (መኪና መንግስቲ ምስ ናጻ ነዳዲ፡ መንበሪ ገዛ፡

ዝሑል-ብላዕ)፡ ኩፖን ድኳን ሕድሪ፡ ማእሰርቲ፡ ደሞዝ መንግስቲ እናኸፈልካ ንሰባት ካብ ንጡፍ ስራሕ ምልጋስ፡ ንሰባት ከየፋኖኻ ጅሆ ሒዝካ ምስቓይ፡ ስደት መንእሰያት ምትብባዕ፡ ምፍርራስ ኤርትራዊት ስድራ፡ ምድኻም ሃገራዊ ቁጠባ፡ ገደብ-ኣልቦ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሽቅለተ-ኣልቦነት፡ ወዘተረፈ ከም ፍቱናት ናይ ዕንወት መጋበርያታት (destructive instruments) ጌሩ ተጠቒሙሎም።

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ እዋን ሰውራ ፍሉያት ቆልዑን ከባቢ 25 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያትን ብመደቡ መልሚሉ። ነዚኣቶም፡ ኣድማስ ፍልጠቶም ድሩትን ጸቢብን ክንሱ፡ ተግበርቲ ትእዛዛቱ ክኾኑ ብምሕሳብ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሒታት ናይ ሲቪላዊን ወተሃደራዊን ዓውዲ ስራሓት ከም ገበርትን ሓደግትን ላዕለዎት ሓለፍቲ ጌሩዎም። ኣብ ከምኒ ንጥፈታት መራኸቢ ብዙሃን (ዜና)፡ ሃገራዊ ጸጥታ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ጉዳያት ወጻኢ፡ ማሕበራትን ገለ ፍሉያት ሚኒስትሪታትን፡ ውድብ ህግደፍ፡ ወዘተ ንኸሰርሑ መዲቡዎም። ንናይ ደቀንስትዮን ናይ ብሄራትን ኣጀንዳታት ንኸውክሉ ዝመረጾም እዮም። ንገለ ወሑዳት ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተምሃሮ እውን ንእሽቱ ሓለፋታት እናወፈየ ብምድንጋሮም ኣብ ምሕንኳል መሰርሕ ህንጸትን ልምዓትን ኤርትራ ኣሳቲፉዎም።

ኣቶ ኢሳያስ ካብ 1991 ንድሓር ምስ ኣሳሰይቱ ከይኑ ንሰውራ ኤርትራ ፍረ-ኣልቦን ብህዝቢ ኤርትራ ከምዝጽላእን ክገብሮ ጽዒሩ። ኣብ ኤርትራ ቅዋማዊ ባይቶኣዊ ዴሞክራሲያዊ ስርዓተ መንግስቲ ከይምስረት ኣበርቲዑ ተቓሊሱ። ንናይ ቁጠባን ማህበራዊን ባህሊን ፖለቲካን ፖሊሲታት ኤርትራ ዘራሪጉዎ። ንህዝቢ ኤርትራ ኣደዳ ማእሰርቲን ስደትን ድኽነትን ድሕረትን ጌሩዎ። ይኹን እምበር ኣብ ዕላማታቱ ብምልኣት ኣይተዓወተን። ህዝቢ ኤርትራ ንናይ ኪሲንጀር ኣዕናዊን ዘይፍትሓዊን ሰረተ-እምነት ይነጽጎ እዩ።



## ምዕራፍ (14) ዓሰርተ ኣርባዕተ

## ምብሳር ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡

## ናይ ተዘከርቲ ኣጋጣሚታትን ጉዳያትን ኣብነታት

እዚ ምዕራፍ እዚ ንውሕ ዝበለ እዩ። ምስ ቃልሲን ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ተዛሚዶም ክዝከሩ ንዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ጉዳያትን ኣጋጣሚታትን ሓቝፉ ኣሎ። ኣብዚ ዘይተጠቕሱ ኣእላፍ ጉዳያት ስለዘለዉ ግን እቲ ምዕራፍ ኣዝዩ ሓጺር እዩ ክብሃል እውን ይክኣል እዩ።

### ናጽነት ኤርትራ ብኸመይ ግዲ እዩ ተረኺቡ?

ናጽነት ኤርትራ ኣኽሊል ዓወት ናይቲ ዘይሕለል ቃልሲን ኣበርክቶን ወለዶታት ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ናጽነት ኤርትራ ብኸምቲ እኒ ኢሳያስ ክብሉዎ ዝተመነዩዎ እሞ ዝስኣኑዎ ብፍሉይ ጻዕሪ ናይ ገለ ውሑዳት ውልቀ ሰባት ኣይተረኸበን። ጻዕቂ ኣበርክቶ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፋላለ እኳ እንተኾነ ናጽነት ኤርትራ ምቁር ፍረ ናይቲ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ብብዓቕሙ ዝተበጀወሉ ናይ ሓባር ጻዕሪን ቃልሲን እዩ።

ኣብ 1993 ናጽነት ሃገርና ምስተኣወጀ ንናጽነትና ዝተቓለስና ህዝቢ ኤርትራ ኣመና ተሓጉሽና። ንሃገርና ከካብ እቲ ሽዑ ንነበረሉ ዝነበርና ቦታታት ዓለም መጺእና ዓሲልናያ። ብስደትን ኩናትን ንዝጠፍአ ንብረትና፡ ንዝዓነወ ኣባይትና፡ ንዝተበታተነ ደምበታትናን

ስድራቤትናን፡ ንዘደኸመ ቁጠባናን ማሕበራዊ መንብሮናን፡ ንሃገራዊ ፖለቲካዊ ኣቃውማና፡ ወዘተ ኮታ ንብምልኡ እቲ ኤርትራዊ ሂወት ብወፍሪ መደብ ዳግመ-ሕውየት ኣታዓራሪና ናብ ንቡር ክንመልሶ ተበጊስና።

ምዕንቃጽ ዲክታተር ኢሳያስ ዋላ እናሃለወ ክሎ ንዳግመ-ሕውየት ሃገርና ብዕቱብ ተታሓሒዝናዮን ኣዓዊትናዮን። ናብ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ገጽና ብፍጥነት ገስጊስና። ዓለም እውን ምስ ሰናይ ድሌታ ተቐቢላትና። ስምናን ስም ሃገርናን ክመቕጽበት ሰማይ ዓሪጉ። ኣብ 1993 ኣብ ደገን ኣብ ውሽጢ ሃገርናን ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ንዓና ንኤርትራውያን ኣዝዩ ዘተባብዓናን ምቹእን ኮይኑልና።

ኣብቲ እዋን እቲ ብዓወትና ዘይተሓጎሱ ወገናት፡ ብሪጣንያን ሕመኣን ኢስራኤልን ኩሎም ትግራዎት ተወላዶ ኣውራጃ ዓጋመን ገለ ዉሑዳት ካብ ብሄር ኣምሓራን ጥራይ ኔሮም። ዝተረፉ ብሄራት ኢትዮጵያ ንናጽነት ኤርትራ ከም ጨራ ናይ ' ብርሃን ተስፋ' ጌሮም ወሲዶሞ። ብሪጣንያ ንናጽነት ኤርትራ ተቓላጢፋ ኣፍልጦ (recognition) ኣይሃበቶን። ተወላዶ ዓጋመ ንናጽነት ኤርትራ ኣይንፈልጦን ኢሎም ንኣዋርሕ ኣኹሪፎም። ኣብ መወዳእታ ግን ኩላቶም ወገናት ነቲ ውዱእን ክዉንን ዝነበረ ናጽነት ኤርትራ ዕረ እናጥዓሞም ርዒመሞ።

ግዜ ብዝሓለፈ፡ ዲክታተር ኣቶ ኢሳያስ ንፖለቲካዊ ስልጣን ሃገርና ብሒቱ ሒዙዎ። የማን ጸጋም ኢልና ወፊርና ክይንሰርሕን ክይንነብርን ዓንቂጹና። ንኹሎም ናይ ልምዓት መደባት ቆጽዩዎም። ኣብ ኤርትራ ፍርሂን ራዕድን ሰፊኑ። ክሳሲኻን መኽሰሲኻ ምኽንያትን ዘይንገረሉን ናብ ፍርዲ ዘይትቐርበሉን ዓይነት ማእሰርቲ በዚሑ። ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ስም ኤርትራ ተደዊኑ። ኤርትራውያን ክኣ ንሃገርና ካብ ሕሰማ ተቓላጢፍና ኣይገላገልናያን።



ኢሳያስ ብመስተ ሓውሲ ክስኑፍ ክሎ፡ ' ኣነ ባዕለይ ንዘምጻእኩዋ ናጻ ኤርትራ ህዝባ ኣብ ዘይተርክብዎ ኣብ ሳዕሊ ሰቒለያ ክኸይድ እየ' ይብል እዩ። ናይ ደንቆሮ ዘረባ እዩ ተዛሪቡ። ግንከ ኣቶ ኢሳያስ ንኣርባዕተ ዓመታት ጥራይ (1987-1991) እኳ እዩ ሳዕለዋይ መራሒ ህግሓኤ ኮይኑ ተሾይሙ። ንሱ እውን ብዓሎቕ ብዝተዋህቦ ስልጣን እዩ ኔሩ። ታሪኽ ከምዝምስክሮ ኣብ ምዕዋት ሰውራ ኤርትራ ካልኦት ዉሩያት ሓለፍቲ ህግሓኤ እዮም ብጻዕቂን ብተወፋይነትን ተዋሲኦም።

ኣብቲ ጽንኩር ናይ ገድሊ እዋን (1970-1987) ን17 ዓመታት ዋና ጽሓፊ ኮይኑ ንውድብ ህግሓኤ ዝመርሐ ሰብ እቲ ህቡብ ኤርትራዊ ሓርበኛ ሮመዳን መሓመድ ኑር እዩ ኔሩ። ሮመዳን ክኣ ስለ እቲ ዘወፈዮ ዕዙዝ ኣበርክቶኡ ሎሚ ብኩላትና ኤርትራውያን ከም ሓደ ካብ ' ኣቦታት ሰውራና ' ተወሲዱ ተኸቢሩን ተሓፊሩን ዝነብር ዘሎ ሰብ እዩ።

ናጽነት ኤርትራ እምብኣር ብኣቶ ኢሳያስ ዝተረኽበት እሞ ንህዝቢ ኤርትራ ዝተወፈየት ፍልይቲ ገጸ-በረኸት ኣይኮነትን። ዘረባ ኢሳያስ ግን ' ነገር' ኣለዎ። ኢሳያስ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ ክተግብሮ ዝወጠኖ እከይ መደብ ከምዘለዎ እዩ ኣንፊቱ። ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝፈትዋ ሃገሩ ንኸህድሞ፡ ንኤርትራ ድማ ካብ ህዝባ ንኸፈልያ ክሰርሕ ምኳኑ እዩ ነጊሩ።

## መደረታት ኣቶ መለስን ኢሳያስን

ኩላትና ከምእንዝክሮ፡ ኣብ 1993 ንክብሪ ምእዋጅ ናጽነት ኤርትራ ክብሃል ኣብ ኣስመራ ኣብ ኣዳባባይ ባሕቲ መስከረም ጽምብል ተኻይዱ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣቶ መለስ ዜናዊ (ናይ ሽዑ ፕረዚደንት መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ) ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘስምዖ ወግዓዊ መደረ፡ ኤርትራውያን ንዝሓለፈ ቁስልኹም ኣይትሕከኹ፡ ኣዴታት ኤርትራ ንብዓትክን ድረዛ፡ ንቕድሚት ንጠምት፡ ሓቢርና እንሰርሖ ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ኣሎ' ክብል ጣቋ ዝመልአ ዘረባ ተዛሪቡ።

ኣቶ ኢሳያስ ድማ ድሕሪኡ ብዙሕ ግዜ ከየጥፍአ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምጋሽ ንኢትዮጵያውያን ፈተውቱ ጋዜጣዊ ዋዕላ ኣካይዱሎም። ኣብቲ ዋዕላ፡ 'ኣነ ዘይከም ካልኦት ሰባት፡ ኣብ ህላወ ዶባት ናይ ሃገራት ኣይኣምንን እየ፡ ሓቢርና እንሰርሖ ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ኣሎ፡ ወዘተ ' ኢሉዎም። ኣዝዩ ኣገራሚ መልእኽቲ ዝሓዘለ ዘረባ ኣስሚዑዎም።

ናቱን ናይ መለስን ዘረባታት እምብኣር ብዓውታ ዘይተገልጸ ምስጢር ኔሩዎ። ክልቲኦም መራሕቲ ነቲ 'ናይ ሓባር ስራሕ' ዝበሉዎ ዕማም ኣይዘርዘሩዎን። ግን ቃልሲ ዝተኻየደሉ ናይ ኤርትራ ናጽነት ክዉን ካብ ኮነ፡ ምምስራት ናይታ ክልቲኦም 'ዝሓልሙዋ ' ረፑብሊክ ትግራይ ትግርኚ' እውን ብቓልሲ ክዉን ክትገብሮ ይክኣል እዩ ይብሉ ኔሮም ይኸኑ እዮም። 'ንለባም ኣምተሉ፡ ንዓሻ ደርጉሓሉ' ኔሮምልና። መግለጺታቶም ነቲ ክልቲኦም ክርእዩዎ ይምነዩዎ ዝነበሩ ናይ መጻኢት ኤርትራ ዕድል ዘእንፍት ትሕዝቶ ኔሩዎ።

ከዳዕ ኣቶ ኢሳያስ ብፍላይ ንኤርትራ ካብ ዋናታታ (ህዝባ) ብዘገምታዊ መስርሕ ክርሕቓን ምስ ኢትዮጵያ ክጽንብራን (integrate ክገብራ) ክሰርሕ ምዃኑ ገሊጹ። ምስክርነትን ጉዕዞን ታሪኽ ከየገደሰ ኣቶ ኢሳያስ ነብሳ ዝኸኣለት ናጻ ኤርትራ ክርኢ ድሌት ከምዘይብሉ ብኣግኡ ሓቢሩ። ናጻ ኤርትራ ምእንቲ ከይትህሉ ድማ ድሕሪ ዝተናውሐ እዋን ረፈረንደም ንዳግማይ ግዜ ንኸካየድ ክጽዕር ዕላማን መደብን ከምዘለዎ ብሰላሕታ ኣንፊቱ። ነቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝነበሮ ናይ ጥልመትን ክድዓትን መርገጺኡ ኣብ ድሕሪ ናጽነት ምምሕያሽ ከይገበረሉ ከቕጽሎ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኤርትራውያን ብወገንና ኣብ 1994 ታሪኻዊ ጌጋ ፈጺምና ንኣቶ ኢሳያስ ናይ ፕረዚደንትነት ስልጣን ምስኣርሓስናሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ገደብ-ኣልቦ በደላት ክፍጽም ዘኽኣሎ ተማህሊልካ ዘይርከብ ወርቃዊ ዕድል ሂብናዮ። እቲ ሽዑ ዝፈጸምናዮ ጌጋ፡ እንሆ ሎሚ 'ዝኾነ ነይምለስ፡ ጓህሪ ነይኩለስ ' ኮይኑ የሳቕየና ኣሎ።



## ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግድነት ክዕወት ኔሩዎ

ናጽነታዊ ቃልስና ክዕወት ካብ ዘኽኣሉ ኣዝዮም ብዙሓት ኣገደስቲ ረቛሕቲ ብውሑዱ ነቶም ሰለስተ ዓበይቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ንጠቕሶም። 1) ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ልዑል ናይ ናጽነት ህርፋንን ሃገራዊ ስምዒትን ወኒኑ። 2) ሰውራ ኤርትራ ብስምዒት ጥራይ ዘይኮነስ ብስነ-ፍልጠትን ብናይ ሓንጎል ናይ ምሕሳብ ክእለትን ተመሪሑ። 3) ህዝቢ ኤርትራ ነቒሑን ተወዲቡን ናብ ዘይንቕንቕ ኣድማዒ ተቓላሳይ ሓይሊ ሓፋሽ ተቐይሩ።

ኣጋጣሚ ኮይኑ ንህዝቢ ኤርትራ ልዑል ህርፋን ንናጽነትን ሃገራዊ ስምዒትን (national desire) ክሕድር ዘኽኣሉዎ ምዕባለታት ኣብ ባይታ ኔሮም። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1941 ሃገራዊ ናጽነቱ ከይረክብ ምስተገብረ ጓሂን ከቢድ ሕርቃንን ተሰሚዕዎ። ኣብ 1952 ኤርትራ ብኢትዮጵያ 'ምስተጎብጠት' ሓዚኑ። ግዙኣት ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ 50 እታት ጀሚረን ናጽነተን ክእውጃ ከለዋ ምስርኣየ ክቱር ናይ ቅዱስ ቅንኢ ስምዒት ተሰሚዑዎ። ኣብ 1962 ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብወግዒ ምስልሓቐታ ድማ 'ግድነት ናጽነተይ ክረክብ ኣሎኒ' ዘበሎ ርሱን ስምዒት ሃገራውነት ወኒኑ።

ኣብ እዋን መግዛእቲ (መጉዚትነት) ብሪጣንያ ዝነበረ ዉሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ ገለ ሃገራውያን ናይ ፖለቲካ ውድባት ንኽቖማ ሓጊዙ። ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ኣጀሚሩ። ሽዑ ብሓንጎልካን ብስነ-ፍልጠትን ተወዲብካን ምስራሕ ከምዘድሊ በሪሁ። ህዝቢ ኤርትራ ንናይ ደገን ናይ ዉሽጢን ጸላእቱን ፈተውቱን (ግዳማውያንን ዉሽጣውያንን ረቛሕቲ) ኣለሊዩ ጨመተኡ ብምንጻር <u>ንቕሓትን ብረትን</u> ዓጢቑ ክዕወት ከምዝኽእል ተገንዚቡ።

ብዘይ ህላወን ተሳታፍነትን ናይ ዝተወደበ ንቑሕ ሓፋሽ ዝዕወት ህዝባዊ ቃልሲ ዳርጋ የለን እዩ ዝብሃል። ምሁራት ደቂ ኤርትራ ስለዚ፡ ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም፡ ኣብ ርእሶም ተጽዒኑ ንዝነበረ ከቢድ ሓላፍነት ብዝግባእ ተገንዚቦም ንሓፋሽ ኣንቂሖሞ። ብግቡእ

ወዲቦምን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣሳቲፎምን መሪሖሞ። ኣቦዋት ክምስሉ ከለዉ ክምዝበሉዎ፡ 'ዘይተማህረ ሰብ ነየድሕን፡ ዘይተወቕረ እምኒ ነየጥሕን' እዩ እሞ ኤርትራውያን ምሁራት ሰውራ ኤርትራ ንኽዕወት ዘኽኣለ ንኡድ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ጌሮም። ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ክቢድ ኣርዑት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንኽድሕን ሓጊዞሞ።

## እኹል ቅድመ-ምድላው ኣይተገብረን

ህዝቢ ኤርትራ ናጽነትና ድሕሪ ምእዋጁ ብደረጃ መንግስቲ እንታይ ክንገብር ክምዝግብኣና ብንጹር ዝሕብረናን ዝኣልየናን ብቑዕ ቅድመ-ምድላው ኣይተገብረን። ማለት፡ ድሕሪ ምጭባት ናጽነት ንዝኽሰት ኩሉ-መዳያዊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ዝምልከት ንጹርን ምሉእን ምቅርራብ ብኣጋ ኣይተገብረን። ብቕዋም እትምራሕ ባይቶኣዊ መንግስቲ ዘለዋ ዴሞክራስያዊት ኤርትራ ክንሃንጽ ዘኽእለና ንጹር መደብ-ስራሕ ከየዋደድና እናሃለና ብቐጥታ መንግስቲን ሃገርን ክንመርሕ ጀሚርና። ስለዚ ኣብ ምሕደራን ኣካይዳን መንግስትና ብኸምቲ ዝግባእ ጌርና ክንስጉም ኣይከኣልናን። ተዓንቂፍና።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ' ናጽነት ኤርትራ ንከምጽእ ክቃለስን ክስዋእን እየ' ዝብል እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ድሕሪ ምምጻእ ናጽነትና ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት ሂወት እንታይ ክግበር ከምዝኾነ ብንጹርን ብዕምቆትን ፈሊጡ ዝቃለስ ተጋዳላይ ህግሓኤ ዳርጋ ኣይነበረን እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኣባህላ ኣይኮነን። ዳርጋ ኩላትና ተጋደልቲ ኣብ ዕለታዊ ኣተሓሳስባና ናጽነት ጥራይ ትጨበጥ እምበር ' ንናይ ጽባሕ ዛዕባታትሲ እቶም ጽባሕ ብሂወት ዝኣትዉን ናጽነት ሃገርና ዝርእዩን ብጾት የርክብሉ እዮም' ንብል ኔርና። 'ሃገርና ብግቡእ ክትምራሕ እያ፡ ህዝቢ ከኣ ንቕሓት ዓጢቑ ንናጻ ሃገሩ ክልምዓ እዩ' ዝዓይነቱ ኣረኣእያ ሒዝና ኢና ንጉዓዝ ኔርና።

ኣብ ናጻ ኤርትራ እቶም ክልተ ቀንዲ መራሕትና ዝኾኑና ዴሞክራሲያዊ ቅዋምን ህዝባዊ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራን ምኺኖም



ብዝግባእ ኣይተገንዘብናን። እቲ ዝጽበየና ዝነበረ ቃልሲ ብሓቂ ከቢድን ዝተሓላለኸን ምኻኑ እውን ብኣግኡ ኣይገመትናን።

ህግሓኤ ብባህሪኡ (ፖለቲካዊ) ዓስከራዊ ውድብ እዩ። ተጋደልቲ ድማ ንዝተውህበና ወተሃደራዊ ትእዛዝ ተቐቢልና ሰጥ ኢልና እንትግብር ዲሲፕሊን ዝዓጠቕና ዓሳክር። ኩላትና ብጃምላና ብዛዕባ ስሩዕ ኣካይዳን ምሕደራን ሲቪላዊ መንግስቲ ዓሚቑ ፍልጠትን ተመክሮን ኣይነበረናን። ከመይ ጌርና ብሓባር ኴንና ተቓውሞ ከምእንገብርን ስላማዊ ስልፊ ብምኽያድ ሓሳብናን ርእይቶናን ከምእንገልጽን እኳ ኣይተምሃርናን። ኢሳያስ ንባዕሉ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ሓላፊ ብምንበሩ ትእዛዝ ምሃብን ትግባረኡ ምክትታልን እንተዘይኮይኑ ብዛዕባ ኣገባብ ሲቪላዊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኣይፈልጥን እዩ። ድሕሪ ናጽነት ምእዋጅና ነዚ ኣዝዩ ድሩትን ሓደገኛን መርዳእትኡ እዚ ሒዙ እዩ ሃገር ክመርሕ ሃቂኑ። ናብ ጎደና ዕንወት ገጹ ከኣ ወሲዱና።

ከተማ ባጽዕ ኣብ 1990 ሓራ ምስወጸት ንንጥፈታት ቁጠባ ኣብ ናጻ ኤርትራ ብዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ዝመስል ኣፊናዊ ቅድመ-ምቅርራብ ተጌሩ ኔሩ። ናይ ጨናፍር ክፍሊ ቁጠባ ህግሓኤ ላዕለዎት ሓላፍቲ ዝነበርና (ቢትወደድ ኣብርሃ፡ ዑቕበ ኣብርሃ፡ ብርሃነ ኣብርሀ፡ ኣድሓኖም ገብረማርያም፡ እስቲፋኖስ ስዩም፡ እስቲፋኖስ ኣፍወርቂ [ብሩኖ]) ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ተራኺብና ናይ ክልተ መዓልቲ ኣኼባ ኣካይድና። ኣብቲ እዋን እቲ ኣባል ማረኤ (ERA) ዝነበረ ናይ ስነ-ቁጠባ ምሁር ገብረሚካኤል መንግስቱ ምሳና ተኣኪቡ። ነቲ ድሕሪ ምእዋጅ ናጽነት ኤርትራ ብወገን ሃገራዊ ቁጠባ ዝጽበየና ዘሎ ዝበልናዮ ዛዕባ ዘቲናሉ። ንብሕታዊ ክፋል ብዓብላልነት ዘሳትፍ ሃገራዊ ስርዓተ ቁጠባ ክህሉ፡ ኩሉ ትውጊታት ብገንዘብ ክኸውን፡ ንምምዕባል ኢንዱስትሪን ንግዲን ቀዳምነትን ትኹረትን ክውሃብ፡ መጠነ-ሰፊሕ መደብ ምህናጽ ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጽታት ክህሉ፡ መደብ ዳግመ-ሕውየት ብቕልጡፍ ክጅመር፡ ኩሎም ማክሮ ጽላታት ቁጠባ ነጢፎም ክሰርሑ፡ ወዘተ፡ ክድሊ ስለዝኾነ ኩላትና

በብዝምልከተና መዳይ ብኣግኡ ንኽንቀራረብ ተራዳዲእና ተፋላሊና። ንዘልዓልናዮም ኣገደስቲ ጉዳያት ንካልኣይ ግዜ ተራኺብና ብዝያዳ ንክንዝርዝሮምን ክነጻፍፎምን ግና ኣይከኣልናን። ምእዋጅ ናጽነት ሃገርና ኣርከቡ።

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ምብሳሩ እምብኣር ንህዝቢ ኤርትራ ብግቡእ ዝኣሊን ዝመርሕን ብቑዕ መሪሕነት ካብ ህግሓኤ ኣይተረኽበን። ሳዕለዋይ መሪሕነት ህግሓኤ ካብ ናይ 1987 ጉባኤ ንድሓር ስጡም ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣቶ ኢሳያስ ንኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ብፍላጥ ይመቓቕሎም ኔሩ። ኣብ 1991 ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ናይ በበይኖም መገዲን ስዓብቶም ጉጅለታትን ሒዞም ክንቀሳቐሱ ተርእዮም።

ናጽነት ምስተኣወጀ ተጋዳላይ ሃይለ (ድሩዕ) ወልደትንስኤ 'ፖለቲካዊ ስልጣን ነረክብ፡ ደጊም ንመንግስቲ ኤርትራ ብቑዓት ሓደስቲ ኪኢላታትን ምሁራትን ይምርሑዎ' ዝብል ተባዕ ሓሳብ ኣቕረቡ። ስኣን ፍልጠት ዝስዓቦ ብዙሕ ሰብ ግን ኣይነበረን።

በቲ ሽዑ ዝተኸስተ ኩነታት ዝተሳናበደ ኢሳያስ ተቐላጢፉ ናብ መኣከቢ ኣደራሽ ናይቲ ብድሩዕ ዝመራሕ ዝነበረ 'ክፍሊ ቁጠባ' መጺኡ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብቲ ኣኼባ ሃይለ ድሩዕ ነቲ ወሲዱዎ ዝነበረ መርገጺኡ ደጊሙዎ። ኣነ ብወገነይ እውን፡ ምስ ሃይለ ኣብ ብርክት ዝበሉ ኣርእስታትን ዛዕባታትን ተመሳሳሊ ርድኢትን ርኢቶን መርገጺን ዘይብለይ ክንሰይ፡ ሽዑ ዘቕረቦ ሓሳብ ቅኑዕ ኮይኑ ስለዝረኸብኩዎ፡ ካብ ናተይ እምንቶን ርድኢትን ተበጊሰ መርገጺየይ ከም ናይ ድሩዕ ምዃኑ ኣብቲ ኣኼባ ገሊጸ። ኢሳያስ፡ 'እዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ኣካይዳ ይትረፍ ማለት ድዩ?' ክብል ሓቲቱኒ። 'እወ ኢለዮ።

ኢሳያስ ምሒር ህልኽኛ ሰብ እዩ። ኣኼባ ተወዲኡ ተፋኒና ካብ ካልኣይ ደርቢ ብመሳልል ብእግርና ንታሕቲ ገጽና ብሓንሳእ ክንወርድ ከለና፡ 'ጽናሕ ጥራይ ንዓኻስ ዝብል መልእኽቲ ዝሓዘለ



ክፉእ ኣጣምታ ወርዊሩለይ። ብወገነይ ንኣጣምትኡ ኣስተብሂለሉ፡ ግን ንዒቐዮ ክሓልፍ መሪጸ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ኣቶ ኢሳያስ ካብቲ ሽዑ ዝነበረኒ ናይ ሓላፍነት መዝነት ኣልዩ (ሓላፊ ናይ ክፍሊ ውጠና ሃገራዊ ቁጠባዊ ልምዓት እየ ኔረ) ኣብ ትሕቲ ቅድም ብመዝነቶም ትሕተይ ዝነበሩ ሓለፍቲ ኮይነ ንክሰርሕ መዲቡኒ። ንደረጃይ ቀንጢጡዎ ማለት እዩ። ጸኒሑ ኣብ 1993 ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኮይነ ክሰርሕ መዲቡኒ። ብናተይ ድሩት ዓቕሚ ጥራይ ክስሳሰሎ ኣብ ዘይክኣል ዓነይት ስራሕ ንኽሰርሕ መዲቡኒ። ኣብ መፈንጠራ ኣእትዩ ክጥፍኣኒ ይደሊ ምንባሩ ስለዝተገንዘብኩ ግና ንዝነበረኒ ዓቕሚን ክእለትን ተሞክሮን መዚነ ንግዚኡ ኣብ መስርሕ ምምእካል ምድላው ሃገራዊ ማክሮ ፖሊሲን ኣብ ምክትታል ጉዳይ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ጥራይ ተወሲነ ክሰርሕ ከምዝኽእል ገሊጸሉ። ነቲ ካልእ ኣበጊሱዎ ዝነበረ መደብ ዕሽሽ ኢለ ኣብየዮ። ክቃወመኒ ኣይክእልን ስለዝነበረ ናብ ክልቲኦም ንጥፈታት ጥራይ ኣተኩረ ንኽሰርሕ ገዲፉኒ።

ብወገነይ በቲ ኢሳያስ፡ ዝኸተሎ ዝነበረ ኣጋባብ ኣሰራርሓ ኩሉሳዕ እስከፍ ኔረ። ንዲክታተራዊ ባህሪ ናይ ኢሳያስ ኣብ ቀረብኡ ኮይነ ተዓዚበዮ። ኣቶ ኢሳያስ ነቲ ሽዑ ኣጋጢሙ ዝነበረ ብተዛማዲ ሰንኮፍ ኩነታት ሃገርና ክብለጸሉ ምኻኑ ገሚተ። ካብ ኣቶ ኢሳያስ ክርሕቕ ደልየ። ባዕሉ እውን ንኣቃጫጨይ ቀልጢፉ ተገንዚቡዎስ ስጉምቲ ወሲዱ። ምስኡ መዓልታዊ ካብ ምርኻብ ገላጊሉኒ።

ብኡ መሰረት፡ ካብ መጀመርታ 2000 ጀሚረ ክሳብ ሓምለ 2012 ሚኒስተር ፋይናንስ ኮይነ ተመዲበ ሰሪሐ። ንኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ እራራ ደይበ ርእየዮን ዉሽጡን ውሻጠኡን ፈሊጠዮን። ንጥልመታትን ሸርሒታትን ኣቶ ኢሳያስ ብስፍሓትን ዕምቆትን ተገንዚበዮም። ኤርትራውያን ብርግጽ ንፖለቲካ ሃገርና ከም ድሌቶም ጌሮም ንኽጸውቱሉ ንከምኒ ኢሳያስ ዝኣመሰሉ ተኺሉ ከምዝገደፍናሎም ኣረጋጊጸ።

## ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ብኤርትራውያን ደቃ ተዓልዩ

ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1993 ብዕሊ ምስተኣወጀ ካብ ዝተፈላለያ ኣሃዱታት ኣካላት መንግስቲ ኤርትራን ብውልቂን ዝተሳተፍና ኤርትራውያን ኣሕዋት ኪኢላታትን ምሁራትን እናተላዘብና ንሰነድ ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ 1994 ኣዳሊናዮ። ካብ ዝተፈላልለዩ ዓውደ-ስርሓትን ተሞክሮታትን ዝመጻእና ኣማኢት ኣሕዋት በብጉጅለ ተመቓቒልናን ብሓባር ኳንናን ኣዳሊናዮ። ኣዳለውቲ ናይቲ ፖሊሲ ብውጺኢት ናይ ሓባር ስራሕና ዓጊብና። ኣቶ ኢሳያስ ግን፡ ቁሩብ ዓመታት ጸኒሑ ከምዘግሃዶ፡ ብናይ ኤርትራውያን ናይ ሓባር ስራሕ ንዝተዳለወ ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ኣመና ጸሊኡዎ።

ብኣንጻር እቲ ናይ ኢሳያስ መርገጺ፡ እቶም ንክተሓባበሩና ብመንግስቲ ደቡብ ኮርያ ተሊኢኾም ናብ ኤርትራ መጺኦም ዝነበሩ ኮርያውያን ኪኢላታት ግና ነቲ ድሮ ተዓልዩ ዝጸንሖም ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ምስፈተሹዎ ኣድኒቖሞ። ኣብ ቅኑዕ ኣንፈት ሃገራዊ ልምዓት ገጽና ነምርሕ ከምዝለና ብውሑዱ ኣብ ናቶም ጽፍሒ ኣረጋጊጾሙልና። 'ንብሕታዊ ክፋል ብመደብ ኣተባብዕዎ፡ ብዝተረፈ ግን ዮሃና! ጸጽብቑ ንምነየልኩም' ኢሎሙና ናብ ሃገሮም ተመሊሶም።

እቶም ኮርያውያን ንማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ዘድነቕዎ ካብ ትሕዝቶኡ ተበጊሶም እዮም። ገለ ካብ ትሕዝቶ ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ትካላውነትን ትካላዊ ኣጋባብ ምሕደራን ክህሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተማህረን ብምዕቡል ሳይንስን ቴክኖሎጂን ተጠቒሙ ዝሰርሕን ክኸውን፡ ሃገርና ብኢንዱስትሪ ንግዲን ክትምዕብል፡ ድሕነትን ጽሬትን ኣካባቢ ክሕሎ፡ ብሕታዊ ክፋል ምሉእ ተሳታፍነት ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ኤርትራ ክህልዎ፡ ጥዕና ህዝቢ ብምልኣት ክረጋገጽ፡ ቀረብ ማይን ጽዓትን ኢለክትሪሲቲን ከምኡ 'እውን ኣገልግሎት መጉዓዝያን መራኸብታትን ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጺን ውሑስን ምሉእን ክኸውን፡ ንመንነትናን እንታይነትናን ዝገልጽ ባህሊን ቅርሲን ክሕሎ፡ ወዘተ፡ ወዘተ።



ሰነድ ማክሮ-ፖሊሲ ኤርትራ ኪንዮ ማሕበረ-ቁጠባዊ ዛዕባታት ዝኸይድ ሰፊሕን ዓማሚን ትሕዝቶ ዘለዎ ፖሊሲ እዩ። ኣብቲ ናይ ደምዳሚ ጽሑፍ 'ይጽናሕ ኣይገለጽ' ስለዝበለ ኢሳያስ ክይተገልጸ ተሪፉ እምበር ንናይ ሃገርና ናይ ምክልኻል ፖሊሲ ክይተረፈ ዘጠቓለለ እዩ ኔሩ። ኣብ ዝርዝሩ ክይኣተና፡ ሽው ዝተሳእለ ናይ ምክልኻል ፖሊሲ ኤርትራ፡ 'ብሰላም ሓቢርካ ምንባር' (peaceful co-existence) ኣብ ዝብል መትከል ዝተሰረተ 'ናይ ነብሰ-ምክልኻል (active self-defense) ንጡፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ክህልወና' ዘፍቅድ ኔሩ።

ድሕሪ ምስኣል ማክሮ ፖሊሲና ሃገርና ኣብ መደብ ዳግም-ሕውየትን ልምዓትን ብጽቡቕ ንቕድሚት ገስጊሳ። ድሕሪ 2000 ዓ.ም ግን ዘይተጸበናዮምን ዘይተቐረብናሎምን ሓደስቲ ሽግራት በዚሖሙና። ኣቶ ኢሳያስ ከም ሳዕቤን ናይ ወራር ወያነ ተቖጺሩን ብሓሶት ተመኺንዩን ንዝቐጸለ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ምፍሕፋሓት መዝሚዚዎ። ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ስኢሉዎ ንዝነበረ ኣዕናዊ ናይ ፖለቲካ መደቡ ኣባራቢሩዎ። ንብዙሓት ዓበይቲ ማእከሎትን ንኣሽቱን መራሕቲ ሰውራ ዝነበሩ ተጋደልቲ እናሃደነ ፋሕ-ብትን ኣእቲዩሎም። ገሊኦም መራሕቲ ብሰላሕታ ተቐንጺሎም፡ ገሊኦም ተጨውዮም ናብ ማሕቡስ ምስተደርበዩ ማህሚናም ወይ ሂወቶም ሓሊፉ፡ ገሊኦም ናይ ፖለቲካ ጸቕጢ ምስበዝሖም ናብ ስደት ኣምሪሖም፡ ገሊኦም ደሞዝ እናተኸፍሎም ደስኪሎም፡ ገሊኦም ብምስምስ 'ሓደጋ' ብጋህዲ ተቐቲሎም፡ ገሊኦም ድማ ልሙሳት ኣምባሳደራት ኮይኖም 'ተሾይሞም' ካብ ኤርትራ ርሒቖም። ገሊኦም ብሕማምን ምድፋእ ዕድመን ተሰዊኦም፡ ዝተረፉ ኣማኢት ለሚሶም። ኤርትራና ኣብ ብተዛማዲ ኣዝዩ ሓጺር እዋን ንእወታዊ ኣበርክቶ ናይ ኣሽሓት ዉፉያት ደቃ ስኢናቶ። ጉዕዞ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ኤርትራ ንድሕሪት ተመሊሱ። ኣቶ ኢሳያስ፡ ንቦታ መሪሕነት በይኑ ስለዝብሓቶ፡ ንኤርትራ ኣብ ብዙሓት መዳያት ሰንከልከል ኣቢሉዋ። ንማክሮ ፖሊሲ ኤርትራ ሕንፍሽፍሽ

ኣእትዩሉ። ብግብሪ ክሰርሓሉ ክምዘይክኣል ጌሩ ናብ ገደል ደርብዩዎ።

**ብዛዕባ ቃልሲ ኤርትራ 'ዝነግሮ' ሰብ ዘይደሊ ጠላም ኢሳያስ።**

ናብ ሜዳ ቅድሚ ምውጽኣይ ኣብ ኢትዮጵያ ላዕለዋይ ሰራሕተኛ ናይ ማእከላይ መንግስቲ ኮይነ ኣብ ሚኒስትሪ ልምዓት ኢትዮጵያ ሰሪሐ ኔረ። ኣብኡ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ምእኩል መንግስቲ ዝምልከት ኣብ ሂወተይ ጠቓሚ ኮይኑ ዝረኸብኩዎ ተሞክሮ ኣጥሪየ። ንድኹምን ሓያልን ጎኒታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ውሽጡ ብዕምቆት ኣጽኒዐዮ። ኣብ ናጻ ኤርትራ ብግብሪ ክድገሙ ንዘለዎምን ዘይብሎምን ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ጉዳያትን ኣጋባባት ኣሰራርሓን ክኣ ኮነ ኢለ ኣብ ዉሽጠይ መዝገበዮም ንሜዳ ወጺአ።

ስለዚ ኣብ 1991 ብዛዕባ ድሕሪ ምእዋጅ ናጽነት ኣብ ኣካይዳን ምሕደራን ሓዲሽ መንግስቲ ኤርትራ ይጽበየና ንዘሎ ናይ ቀረባ እዋን ኩሉ-ጎናዊ ዕማማትን ብድሆታትን ንምግጣም ይጠቕመና ይኸውን እዩ ንዝበልኩዎ ሓልዮታዊ ናይ ተመክሮን ክኣለትን ርኢቶ ንናይ ቃልሲ 'ብጾተይ' ኣሕዋተይ ንኸካፍል ብምሕሳብ ብግርህነታዊ ተበግሶይ ናብ ዓምበርበብ ናብ ቦታ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ከይደ። ኣብ ዓምበርበብ ምስበጻሕኩ ሓሳባተይ ብጽሞና ክሰምዑኒ ዝኽእሉ ብጾት ክረክብ እየ ዝብል ዓቢ ትጽቢት ኔሩኒ። ቅድሚኡ ኢሳያስ ኣብ 1985 ኣብ ቦታ ናይ ገድሊ ስርሐይ መጺኡ ኣብ ዕላል ሓደ ሕቶ ሓቲቱኒ ኔሩ። 'ሽዑ 'ህዝቢ ኤርትራ ኣዚና ውሑዳት ስለዝኾንና፡ ፍሉጥ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ ስትራተጂ 'ዝተናውሐ ቃልሲ' ኣብ ነዊሕ መስርሕ ክዳኸመናን ንሰውራና ክስዕሮን ይኽእል እዩ' ብምባል ርኢቶይ ሂበዮ። መልሲ ኣይሃበኒን። ተንኮለኛ ስለዝኾነ ኣስቂጡ። ኣብ 1991 እምብኣር ተመሳሳሊ ዕድል ክገጥመኒ ምኺኑ ክይገመትኩ እየ ተገሪሀ ናብ ዓምበርበብ ከይደ።

ኣብቲ ቦታ ምስበጻሕኩ ምስቲ ኣብ ናይ ህግሓኤ ስርሓት ጉዳያት ወጻኢ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዝና እንፋለጥ



(ኣብ ምምስራት 'ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ' ኤናሰኣ ኣብ 1970-71 ሓቢርና ዝሰራሕና) ምሁር ገዲም ተጋዳላይ ሃይለ መንቆርዮስ ጎፍ ንጎፍ ተራኺብና። ሎሚ ንሱ ብሂወቱ ኣብ ኒው ዮርክ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይሰርሕ ኣሎ። ናብ ቦትኡም ዘምጽኣኒ ምኽንያት ክነግሮ ሓቲቱኒ ምስነገርኩዎ ዘይተጸበኹዎ ዝነበርኩ ሃደበታዊ ምዕዶ ሂቡኒ። 'ብል ሰላሕ ኢልካ ድኣ ናብ ቦታኻ ተመለስ' ኢሉኒ። 'ኣብ ቦታና ሕጂ ኢሳያስ ጥራይ እዩ ዘሎ። ካልእት ብጾት የለዉን። ንሱ ክኣ ብዛዕባ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነግሮ (ዝምህሮ) ሰብ ኣይደልን እዩ። ኣብ ዘይሓሰብካዮ ሽግር ምእንቲ ከይትኣቱ ንጽቡቓት ሓሳባትካ ንዳሕራይ መዓልቲ ኣወዚፍካዮም እንተጸናሕካ ይሕሸካ' ኢሉኒ። ብዘንነፈኒ ኩነታት ተገሪመ። ንዘደንጹ ዝርዝራዊ ዘረብኡ ሰሚዐ ክኣ ብኽምታ ዝተመዓድኩዎ ሰላሕ ኢለ ብሰላም ናብ ቦታይ ተመሊሰ። ኩላትና 'ተጋደልቲ ከምእንፈልጦ፡ ንስትራተጂ ቅዲ-ኩናት ብዝምልከት ዝውሃብ ኣስተምህሮ ኣሎ። ንሱ ክኣ 'ተጠንቀቕ፡ ክየስተውዓልካ ክትወጾ ኣብ ዘይትኽእል ዓይነት መጻብቦ ኣይትእቶ' እዩ ዝብል።

ካብቲ ሽዑ ካብ ሃይለ ዝሰማዕኩዎ ዘረባ ኣቶ ኢሳያስ ሓደ ብተንኮላት ዝተባዕጠ ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ፖለቲካ ሰብ ምኻኑ ተገንዚበ። ብደቃ እትምራሕን እትንበርን ናጻ ኤርትራ ምናልባት ኣብ ልቢ ኣቶ ኢሳያስ ዘየላ ድኣ ክይትኸውን ኢለ እውን ጠርጢረ።

**ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ነዊሑ።**

ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕ ግዜ በሊዑ ዝብሉ ሰባት ኣለዉ። ምስ ናይ ገሊኦም ናጽነታዊ ቃልሰታት ተነጻጺሩ ክርእ ከሎ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ብዛዕባ ብተዛማዲ ነዊሕ ምንባሩ ዝገልጹ ምኽንያታትን ጭብጢታትን ክኣ ኣለዉ። ካብዚ ቀጺልና ንገለ ዉሑዳት ካብኦም ኣሕጽር ኣቢልና ንጠቅስ።

ሰብን መሬትን በብቕሩብ ሓራ ንክተውጽእ ነዊሕ ግዜ እዩ ዝወስድ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝተኸሰተ ውግእ ሓድሕድ ንኽዓርፍ ነዊሕ ግዜ

በሊዑ። ናይ ግዳማውያን ሓይልታት ጣልቃ ምእታው ንዓወት ቃልስና ኣዳናጕዩዎ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝግሃዱ ዝነበሩ ኣሉታውያን ምዕባለታት እውን ቃልስና ንኽዕወት ንዝወሰዶ ግዜ መጢጦሞ።

ህዝቢ ኤርትራ ደድሕሪ ምስንግ መግዛእቲ ኢጣልያ ከምቲ ካልኦት ህዝብታት ኣፍሪቃ ዝገብርዎ ዝነበሩ ናጽነትና ንኸይንረክብ ዝዓንቀፉና ዓበይትን ንኣሽቱን ውሽጣዊን ግዳማዊን ረቛሕቲ ኔሮሙና። ከም ሓደ ውሽጣዊ ረቛሒ ክውሰድ ዝክኣል፡ ቅድሚ 1941 ንመግዛእቲ ኢጣልያ ክንቃለሶ ዘኽእለና ምስ ናይ ዓለምን ሃገርናን ኩነታት ዝዳረግ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ውዳበን ኣይነበረናን። መንግስቲ ጥልያን ንመሰላትና ግሂሱን እመና ዓፊኑናን ይገዝእ ስለዝነበረ ኤርትራውያን፡ ከቶ ብማንም ክግሃስ ዘይግብኦ መሰል ከምዘለና ተረዲእና፡ ካብ መግዛእቲ ዝገላግለና 'ናጽነትና ይውሃበና' ኢልና ኣይሓተትናን። ኣብ ከባቢ መወዳእታ 40 እታት እዮም ውሕዳት ኣንጻር ስርዓታት መግዛእቲ ዝቃለሱ ዘቤታውያን ህዝባዊ ፖለቲካዊ ውዳበታት ኣብ ኤርትራ ተቐልቂሎም። ዘይዱልዱላት ስለዝነብሩ ከኣ ብከምቲ ዝድለ መጠን ኣድማዕቲ ኣይነበሩን። ስለዚ ንህዝቢ ንምንቃሕን ንምውዳብን ዝወሰደ ግዜ ዳርጋ ነዊሑ።

ሰውራ ኤርትራ ውሽጣዊ ምፍሕፋሕ ዝለዝነበሮ እሞ ኣብ 1970 ናብ ክልተ ምስተገምዐ ዓወት ቃልስና ዝወሰዶ ግዜ ግድነት ተመጢጡ። ኣብቲ እዋንቲ ገለ ካብቶም ብተሓኤ ናብ ቻይናን ዒራቕን ሶርያን ንስልጠና ተልኢኾም ዝነበሩ ተጋደልቲ ናብ ሜዳ ኤርትራ ምስተመልሱ ካብ ውድብ ተሓኤ ተፈንጪሎም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ህሓሓኤ) ዝበሉዎ ሓዲሽ ናቶም ውድብ ኣቝሞም። ክዳዕን ሰርሳሪን 'ተጋዳላይ' ኢሳያስ ሓደ ካብቶም ዝተፈንጨሉ ተጋደልቲ ኔሩ። እቲ ሽዑ ዝቖመ ካልኣይ ውድብ ናይ ጸረ-ሃጸይነትን ጽዮንነትን መርገጺ ከምኡ ድማ ማሕበርነታዊት ኤርትራ ናይ ምህናጽ ዕላማ ሒዙ ስለዝተበገሰ ናይ ዲሳዊ ደምበ ተደናጋጽነት ረኺቡ። ከምእኒ ኩባ፡ ሕብረት ሶቭየት፡ ሊብያ፡ ደቡብ የመን ወዘተ ዝኣመሰላ ሃገራት ብትሑት መጠን ዋላ ይኹን ደጊፈንኦ። ብካልኦት



ገስገስቲ ሓይልታት እውን ተተባቢዑ። እቲ ብርቱዕ ዝነበረ ሓይሊ ደምበ ሃጸይነት ግና ተጻቢኡዎ። ስለዚ ሰውራ ኤርትራ ብፍጥነት ንቕድሚት ክስጉም ኣብ ዘየኽእሎ ኣዋጣሪ መድርኽ ኣትዩ።

ኣብ መንጎ እተን ክልተ ውድባት ናይ ሰውራ ኤርትራ ኣብ 1970-1974 እንደገና ድማ ኣብ 1981 ውግእ-ሓድሕድ ምስተኻየደ ካብ ክልቲኡ ወገናት ናይ ብዙሓት ተጋደልቲ ሂወት ጠፊኡ። ማእለያ ዘይብሉ ንብረት ህዝቢን ሰውራን ኤርትራ ዓንዩ። ተሓኤ ኣብ 1981 ብህግሓኤ ክሳብ ዝድምሰስ ዝተኻየደ ውግእ ሓድሕድ ንሓይልና ኣዳኺሙ ንዓወት ሰውራ ኣደናጕዩዎ።

ኣብ ከባቢ 1986 ኣቶ ኢሳያስ ንኣባላት ላዕለዋይ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኮነ ኢሉ ንሜላ 'መቓቒልካ ግዛእ' ተጠቒሙ ገማሚዑ ኣዕገርጊሩዎም። ንስሉጥነት ስርሖም ዓንቂፉዎ። ስለምንታይ ሽዑ ከምኡ ከምዝገበረ ምኽንያቱ ብንጹር ኣይተፈልጠን። ግን ከኣ ንመሪሕነት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽሩ ንኽእቱን ኣብ 1987 ጽሓፊ ህግሓኤ ኮይኑ ንኽምረጽን ስለዝሓሰበ ዕላምኡ ንምውቃዕ ዘኽእሎ ምቅርራብ እዩ ዝገብር ኔሩ ተብሂሉ ይጥርጠር እዩ።

እቶም ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበሩ ለባማት ኣባላት መሪሕነት ህግሓኤ፡ ንስለ ሓድነት ውድብ ክብሉ፡ ብኣቶ ኢሳያስ ይፍጸም ንዝነበረ ምዕግርጋር ሸለል እናበሉ ብዝያዳ ንዕላማ ናጽነት ንኸዐውቱ ሰሪሖም። ዋላ እኳ ንሳቶም እውን በብግዲኦም ዝፈጸሙዎም ገለ ጌጋታትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን እንተነበሩዎም ብሓፈሻኡ ንመስርሕን ጉዕዞን ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝንኣድ ብቕዓት ቀሊሶሞን ኣማሕዲሮሞን።

ኣብ 1941 ኣመሪካ ኣብ ናይ ምስፍሕፋሕ መደባ ዕንቅፋት ክፈጥረላ ይኽእል እዩ ኢላ ንዝገምገመቶ ጉዳይ ናጽነት ኤርትራ ጌና ክብገስ ከሎ ብኣግኡ ዓምጺጻቶ።

ኣብ 1947 ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪላ ወግዓዊት (official) ወተሃደራዊ ኣማሓዳሪት ኤርትራ ዝኾነት ብሪጣንያ ኣብ 1952 ንሃገርና ንኢትዮጵያ ምስኣረከበታ ሕመኣ ድማ ንኢትዮጵያ ብዘበናዊ ወተሃደራዊ ዕጥቂ ኣደልዲላታ። ኤርትራ ስለዚ ኣንጻር እዚ ዱልዱል ዕጥቂ እዚ ገጢማ እያ ኣብ ዝተናውሐ ናይ ኲናት ግዜ ሰዒራ።

ኣመሪካ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ንኤርትራ ክልሕቃ ምኽኑ ኣብ 1941 ብዝነገረቶ እሞ ንኤርትራ ኣብ 1962 ምስልሓቓ ናጽነታዊ ቃልስና ኣዝዩ ከቢዱ። ዓወትና ህያው ንኽኸውን ግዜ መጢጡ። ድሕሪ ምልጋስ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ ኢትዮጵያ ዝስዓቡ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ንዓወት ሰውራ ኤርትራ ብዝያዳ ዘዳናጉዩዎ እምበር ዘቃላጥፉ ኣይነበሩን።

ኣብ ርእሲ እዞም ዝተጠቕሱ ረቛሕቲ ካልእት ግዳማውያን ጸለውቲ ረቛሕቲ እውን ኔሮም። ብረታዊ ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጤም ኣብ 1962 ምስተጀመረ ዓወት ሰውራ ኤርትራ ንፍልስጤማውያን ከየተባብዖም ዝሰግኣት ኢስራኤል ኣንጻርና ደው ኢላ። ሓንቲ ካብቶም ቀንዲ ጸላእቲ ህዝቢን ናጽነትን ኤርትራ ኮይና። ገረብ ብሓኸላ ክምዝብሃል፡ ንሰውራ ኤርትራ ብሓድሕዳዊ ምኩስታር ክድምስስ ዕላማ ዝገበረ መደብ ኣበጊሳ ኣንጻር ናጽነታዊ ቃልሲ ኤርትራ ዝዋግኡ ኤርትራውያን 'ኮማንዶ' ንኢትዮጵያ ዓሊማትላ። ንሱ ጥራይ ከይኣኽላ፡ ካብቲ ካብ ኣመሪካ ትረኽቦ ዝነበረት ዘበናዊ ኣጽዋር ውግእ ጨንፈላን ምስ ወተሃደራዊ ምኽሪታት ኣሰንያን ንኢትዮጵያ ሂባታ። ንኢትዮጵያ ብኣጽዋርን ምኽሪታትን ደሪዓታ። ኢስራኤል፡ ኣንጻር ብረታዊ ቃልስና ይቕሬታ ዘይግበረሉ ተቓውሞ ዘቕንዐት ሃገር ኮይና። ገሊኣን ሃገራት ዓረብ እውን 'ሰውራ ኤርትራ ስለምንታይ ኣይምስልምን' ዝብል ምጉት እናልዓላ ንቃልስና ንዓመታት ተጻቢኣንኦ።

ኣብ 60 እታት ኣብ መንጎ ርእሰ-ማላዊን ዴሳዊን ደምበታት ዝሑል ኲናት ምስጻዕጽዐ፡ ኣፍሪቃ ግዳይ ናይቲ ኲናት ክምዝኾነት ኣቐዲምና ርኢናዮ ኔርና። ኣመሪካ ሽዑ ኣዝያ ስለዝዓንተረት ንሰውራ



ኤርትራ ክትብድህ ኢላ ንሰረተ-እምነት ኪሲንጀር ኣብ ልዕሌና ኣጽዒቓ ተጠቒማትሉ።

## ኢትዮጵያዊ ሽነኽ ተቓውሞ ንናጽነት ኤርትራ

ልክዕ ከምቲ ሰውራ ኤርትራ ንውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ዝጸለዎ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ዉሽጣዊ ኩነታት ብግዲኡ ንናጽነት ኤርትራ ጸልዩዎ። እዚ ሓድሕዳዊ ምጽልላው እዚ በዳህቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣኸቲሉ። ብሸነኽ ኢትዮጵያ ዝተበገሱ ገለ ምዕባለታት ኣብ ቃልስና ብዙሕ ዓንቂፎሙና።

ኣመሪካ፡ ሓዳስ-ገዛኢት ከም ምኳና መጠን፡ ካብ ኢትዮጵያ ቅረነገራት ክትወስድን ዕዳጋ ክተውሕስን ኢላ ብዙሕ ኣይተገደሰትን። ናይ ኣመሪካ ኩባንያታት ነዳዲ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪን ኦጋዴንን ዳህሳስ ጀሚረን እኳ እንተነበራ ብዕቱብ ዝሓዝኦ ዕማመን ኣይነበረን። ንናይ ዳህሳስ ንጥፈታተን ኣይደፍኣሉን። ቀቀልጢፈን ኣቋሪጸንኦ። ኣመሪካ ንኢትዮጵያ ብመንጽር ፖለቲካ ቀይሕ ባሕሪን ዝሑል ኲናትን ረብሓታት ኢስራኤልን ከምኡ ድማ ብመንጽር ህላወ ሰውራ ኤርትራን ጠሚታ እያ ዝያዳ ተገዲሳትላ። እቲ ብኣመሪካ ንኢትዮጵያ ዝተወፈየ ኩሉ ዓይነት ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ወተሃደራዊን ረድኤታዊን ወዘተ ሓገዛት ኣብ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ዝሕግዝን ዘተኩርን ኮይኑ።

ሶቭየት ሕብረት ብወገና ንኢትዮጵያ ምስ ዝሑል ኲናት ኣዛሚዳ ቀሪባታ። ንብዙሓት ኢትዮጵያውያን ናብ ሃገራት ኣባላት ሶቭየት ሕብረት (ፖላንድ፡ ሃንጋሪ፡ ቸኮስላቫኪያ፡ ዩጎዝላቪያ፡ ሩስያ፡ ወዘተ) እናወሰደት ኣምሂራቶም። ንኢትዮጵያ ኣብ ባህር-ዳር ቤት ትምህርቲ ፖሊቴክኒክ ኣብ ዓሰብ ክኣ ፋብሪካ መጻረዪ ነዳዲ ሃኒጻትላ። ኣብ ሕቶ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝመጸ ክኣ ኣቐዲማ ምስ ሰውራ ኤርትራ ተዳናጊጻ እኳ እንተነበረት ጸኒሓ ግና ምስ ኢትዮጵያ ወጊና ንሰውራ ኤርትራ ወጊኣ።

ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ 1960 ብሓደ ኣብ ኣመሪካ ተምሂሩ ናብ ሃገሩ ብዝተምልሰ 'መንግስቱ ነዋይ' ዝተባህለ መኮንን ኣባል ሰራዊት ኢትዮጵያን ሓዉ 'ግርማሜ ነዋይን' ዝተመርሐ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ኣንጻር ንጉስ ሃይለ ስላሰ ተፈቲኑ። ግና ኣይተዓወተን፡ ፈሺሉ። ኣብቲ እዋን እቲ ንጉስ ሃይለስላሰ ካብ መገሻኡ ተመሊሱ ብኤርትራ ኣቢሉ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኤርትራ ኣብ ምፍሻል እቲ ዕልዋ ናይ ምሕጋዝ ተራ ተጻዊታ ኢሎም ዝኣመኑ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ኣንጻር ናጽነታዊ ቃልስና ደው ኢሎም።

ኣብ እዋን ሰውራ፡ ተሓኤ ሜዳ ኤርትራ ንክልተ ውድባት ክጾውር ኣይክእልን እዩ ይብል ኔሩ። ነናይ በይኖም ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት ዝነበሮም ተቓለስቲ ውድባት ኢትዮጵያ ግና ኣብ 70 እታት ብሽነኽ እቲ ህሓሓኤ ዝተቛጻጸሮ ቦታታት ጌሮም ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዮም። ኢፒኣርፒን (EPRP) ወያነ ትግራይን ካብቶም ሽዑ ናብ ሜዳ ኤርትራ ዝኣተዉ ብዙሓት ውድባት ኢትዮጵያ እዮም። ተጋደልቲ ወያነ ትግራይ ንብረታዊ ቃልሶም ኣብ ሜዳ ኤርትራ መጺኦም ጀሚሮሞ። ድሕሪኡ እዮም ዕጥቂን ብረትን ካብ ሰውራ ኤርትራ ተቐቢሎም ናብ ደደቢት (ትግራይ) ሰጊሮም።

ንድሕሪት ተመሊስካ ምስትርኣዩ ስለምንታይ እዮም ተቓለስቲ ኢትዮጵያውያን ንብረታዊ ቃልሶም ካብ ዉሽጢ ሃገሮም ኮይኖም ዘይጀመሩዎ ኢልካ ክሕተት ይክኣል እዩ። ብፍላይ እውን ስለምንታይ ብወገን እቲ ኢሳያስ ተሰሊፉሉ ዝነበረ ውድብ ህሓሓኤ ጌሮም ናብ ኤርትራ ኣትዮም። እዚ ጉዳይ እዚ ምኽንያቱ ንምርግጋጽ ክፍተሽ ዝግብእ ነጥቢ ኣለዎ። ናይ ውድባት ኢትዮጵያ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ምህላው ኣብ መንጎ ናይ ኤርትራን (ብዝያዳ ተሓኤ) ኢትዮጵያን ተቓለስቲ ክምኡ እውን ኣብ መንጎ ተሓኤን ህግሓኤን ዘይምቅዳዋት ኣስዒቡ እዩ።

ንኤርትራ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግና ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ዓመት ናይ 1974 እቲ ኣብ ሃገርና ዓስኪሩ ንሰውራና ዝወግእ ዝነበረ 'እዚ (Command) ሰሜን' ሰራዊት ኢትዮጵያ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ



ብሰላማዊ መገዲ ንኽፍታሕ ብምጥላብ ኣዲሙ። እቲ ኣድማ ንሃጸይ ሃይለስላሰ ካብ ስልጣኑ ንምግላፍ ዓቢ ጠንቂን ረቛሒን ኮይኑ። ክም ሳዕቤኑ ወተሃደራዊ ጉጅለ <u>ደርግ</u> ንገለ ምሁራት ኢትዮጵያውያን ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ናብ ኮረሻ ስልጣን ደይቡ። ኣብ ኮረሻ ስልጣን ምስደየበ ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ሰላማዊ ፍታሕ ክገብረሉ ኣይደለየን። ኣብቲ ዝተረከቦ መስመር ናይ ፖሊሲ ጎንጻዊ ፍታሕ ረጊጹ ክቕጽል ስለዝመረጸ ንዕድመ ብረታዊ ቃልስና መሊሱ ኣናዊሑዎ።

ደርግ ንጭርሖ 'ማሕበርነት' ኣልዒሉ ይንቀሳቐስ ስለዝነበረ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ደምበ ዴስነት ክንጽሎ ፈቲኑ። ተዓዊቱ እውን። ነተን ቅድም ንሰውራ ኤርትራ ዝድግፋ ዝነበራ ሃገራት ማለት ንሕብረት ሶቭየት፡ ኩባ፡ ሊብያ፡ ደቡብ የመን፡ ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ተኸራኺሩን ኣእሚኑን ተገምጢለን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ክምዝሰለፉ ጌሩወን። ንሓቅነት ናይቲ 'ሃገራት ነባሪ ረብሓ እምበር ነባሪ ምሓዛ የብለንን' ዝተባህለ ብሁል ዳግማይ ኣረጋጊጹዎ።

ደርግ ኣብ ስልጣን ምስደየበ ንኽምስል ንሕመኣ ብዕሊ ካብ ኢትዮጵያ ሰጒጉዋ። ሕመኣ ግና ንጉጅለ ደርግ ብምልኣት ጠንጢናቶ ኣይከደትን። ክሳብ ውድቀቱ ዝመጽእ ተጎዝጒዛቶ ተጉዒዛ። ንሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስን ንደርግ ንምውዳቕን እናሰርሐት ክሳብ 1991 ኣብ ኢትዮጵያ ኣድብያ ጸኒሓ። ካብ 1991 ንድሓር ንህወሓት (ወያነ) ዓትዒታ ብምሓዝ ንኢትዮጵያ ብመልክዕ ሓዲሽ-መግዛእቲ ተቛጻጺራታ። ነቲ ኣንጻር ኤርትራ ተካይዶ ዝነበረት ቃልሳ ድማ ብዝያዳ ኣሓይላ ቀጺላቶ።

እቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ኣሰር ናይ ተሞክሮ ማርክሳዊት ኣልባንያ እየ ዝኽተል እናበለ ዝጭድር ዝነበረ ውድብ ወያነ ትግራይ (ህወሓት) ጌና ኣብ ሑቕፊና ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከሎ 'ኣባላት ህግሓኤ ኢድሓርሓርቲ ኢኹም' እናበለ ጸሪፉና። ማዕረ እቲ ክውሃቦ ዝግባእ ዝነበረ ግን ተሪር መልሰ-ግብሪ ኣይተዋህቦን። ስለምንታይ ህወሓት ንኤርትራውያን ደፊሩና? ስለምንታይከ ብህግሓኤ ተንሒፉ? ኢሳያስ ዝረከቦ መሪሕነት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ 'ትም ክንብል መሪጽና'

ኢሉ ስለዝተባህለ ተጋደልቲ ህግሓኤ ንህውሓት 'ትም ኢልና' ርኢናዮ። ኣብ ክንዲ ንጨፍልቖ ኣበርቲዑ ንኽጸባእና ዘኽኣሎ ዕድል ሂብናዮ።

ኣብ ኢትዮጵያ ይርአዩ ብዝነበሩ ዘይተሳማምዑዋ ሓደስቲ ምዕባለታት ዝተሻቐለት ኣመሪካ ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ብምኳን ንጉጅለ ደርግ ንሕቶ ናጽነት ኤርትራ ሓቀኛ ፌደረሺን ወይ ኮንፌደረሽን ብምምስራት ተቓላጢፉ ብሰላማዊ መገዲ ክፈትሖ ኣሚማትሉ። ደርግ ግን ንእማመኣ ነጺጉዎ። ናጽነታዊ ሰውራ ኤርትራ ኣብ 1991 ብሃንደበት ምስተዓወተ ግን ናይ ኣመሪካ እማመ እውን ፈሺሉ። ፍረ-ኣልቦ ኮይኑ። ኣመሪካ ስለዚ ንኤርትራ ክምብሕዲሽ ንኽትብድሃ ብዝያዳ ተዳልያ። ኢትዮጵያ ድማ ንኤርትራ ምንጪን ሳዕቤንን ናይ ብዙሓት ዓይነት ተቓውሞታትን ዕንቅፋታትን ኮይናታ።

## 'ሓቀኛ' ፌደረሺን ኣብ ባይታ ኣይነበረን

ከም ዝፍለጥ: ኣብ መዓልታዊ ኣዘራርባን በዘልማድን ኣብ 1952-1962 ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መንእን ስርዓት ፌደረሺን መስሪተን ይብሃል እዩ። እቲ ተመስሪቱ ዝተባሕለ 'ፌደረሽን' ኣብ 1962 ምስፈረሰ ሽዑ እያ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ልሒቓታ እውን ይብሃል እዩ። ኣብ ጉዳይ ናይ ህላወን ዘይህላወን 'ሓቀኛ ፌደረሺን' ግና ኤርትራውያን ዝተፈላለዩ ዓይነት ርድኢታት ኣሎዉና። እዚ ኩነት እዚ ንባዕሉ ንዕምቆት ተገዳስነትና ኣብ ሃገራዊ ዛዕባና ስለዘንጸባርቕ ኣይጽላእን እዩ። ይኹን እምበር: ኤርትራውያን ኣብ ገለ እዋን እሲ ንርድኢትና ኣብ ሓቂታት ተሞርኲስና ኣብ ሓደ ክነስምሮ ክእ ይግብኣና እዩ።

ብወገነይ ንዓሰርቱ-ዓመት (decade) 1952-1962 'እዋን-ፌደረሺን' ኢለ ክሰምዮ ኣይመርጽን እየ። እንታይ ድኣ እሲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘዳህለሉ ናይ ሽፈጥ ድራማታት ናይ ዝተሰርሕሉን ኣብ ታሪኽ



ኤርትራ ዓበይቲ ክሳራታትን መኽሰባትን ናይ ዝተመዝገብሉን እዋን እዩ ኔሩ ጥራይ እየ ክብሎ ዝመርጽ።

ዝበዝሑ ካብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ፡ ንገለ ዉሕዳት ፖለቲከኛታት ገዲፍካ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተኣትዩ ዝተባህለ <u>ዝኾነ ይኹን</u> 'ዓይነት ፌደረሺን' ምንባሩ ወይ ዘይምንባሩ ኣይፈልጡን እዮም። ሓቀኛ ፌደራላዊ ስርዓት ብርግጽ ከመይ ምዃኑን ብኸመይ ከምዝሰርሕን እውን፡ ኣብ ባህሊ ናይ ክልቴና ህዝብታት ዝውቱር ስለዘይነበረ: ክልቴና ኣይንፈልጦን ኔርና። እቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተቐረበ 'ሰነድ ውሳነ ፌደረሽን' ንባዕሉ: ቃሉ ከምዝሕብሮ፡ ናይ ሽፈጣዊ ውሳነ ሰነድ እምበር ንምቛም ስርዓተ 'ሓቀኛ' ፌደረሺን ዝገለጽ ትሕዝቶ እውን ኣይነበሮን። ሕመእን ብሪጣንያን ንሃገራዊ ረብሓታተን ንኽቐድማ ክብላ ዝምሃዘኦ ልቢ-ወለዳዊ (fictional) 'ናይ ጽሑፍ' ፌደረሽን እዩ ኔሩ። ኣብ ባይታ ብግብሪ ኣይነበረን። ነዚ ዓይነት ፌደረሽን እዚ እየን ክእ እተን ሃገራት ከም 'ሓቀኛ' ፌደረሽን ኣምሲለን ኣብ ልዕሊ ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክስርጽኦ ፈቲነን። ግና ኣይተዓወታን።

ኢትዮጵያ ሽዑ ብመስፍናዊ ስርዓት እትምሓደር ሃገር እያ ኔራ። ኤርትራ ድማ ስርዓት ርእሰማልነት ክተታኣታቱ ተበጋጊሳ ዝነበረት ሃገር። ህዝቢ ኢትዮጵያ ንንጉሳዊ/ምልካዊ መንግስቲ ተቐቢሉ ዝርዕም ኔሩ። ኣብ ኤርትራ ግና ንምልካዊ ስርዓት ዘይቅበል ኩነተ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ኔሩ። ምሕደራ ሕብረተሰባት ኤርትራ ኣብ ሕግታት እንዳባታት ዝሙርከስ እዩ ኔሩ። ኣብ ክልትአን ሃገራት ስለዚ ኣብ ስርዓታት ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ብቐሊሉ ክትዓረቕ ዘይክእል ፍልልያት ኔሩ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ናይ ሓሶት ስርዓት ፌደረሽን ክእቶ ሕጃይ ኣድላይነት ኣይነበሮን። እቲ ኣብ 1952 ዝተወሰደ ፌድረሽን ናይ ምምስራት ስጉምቲ፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብሰላሕታ ንኽትግብጣን ኣብ 1962 ብዕሊ ንክትልሕቓን ዘኽኣለ ህንዱስ <u>ኣዳህላሊ</u> ሜላን ድራማን ጥራይ እዩ ኔሩ። ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 1952-62 ብስርዓተ ሓቀኛ ፌደረሺን ኮቶ

ኣይተማሕደርናን። ከምኡ ካብ ኮነ እቲ ሓቂ እምብኣር ኤርትራውያን 'ፈደረሺን ኣይነበረን' እናበልና ክንዛረብ እዩ ዝግብኣናን ዘምሕረልናን።

ኢትዮጵያ ኣብ 50'ታት 'እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው' (ንዝኣበየ ሰብ ተኲስካ ቅተሎ) ዝብል ጭርሖ ዝተሓንገጠ ወራሪ ሰራዊት ኣብ ኤርትራ ኣስፊራ። ሽዑ ኤርትራ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣይነበራን። ኣንጻር ወተሃደራዊ ወራራት ክምክት ዓቕሚ ዘይነበሮ ሓይሊ ፖሊስ ጥራይ እዩ ኔሩዋ።

ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ እቲ ንኤርትራ ከመሓድር ብህዝቢ ኤርትራ ዝተመርጸ ኤርትራዊ መራሒ-መንግስቲ ተወሳኺ ካልእ ሓደ ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘለዎ እንደራሴ (ምስሌነ) ናይ ንጉስ ሃይለስላሰ ዝበለቶ ንኤርትራ ዘመሓድር ሰብ መዚዛ። ንምንጪ ኣታዊታት መንግስቲ ኤርትራ እናመንዘዐት ንኤርትራ ብቁጠባ ኣድምያታ። ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ተቓውሞታት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምእንቲ ከይልዓሉ ንህዝቢ ኤርትራ መሰላቱ ገፊፋ ዓምጺጻቶ። ባይቶ ኤርትራ ንባዕሉ ናይ ሓሶት ተዋስኦታት እዩ ዝሰርሕ ኔሩ። ኣብ ኤርትራ ኣብ ናይ በይኑ ድሌትን ስልጣንን ተሞርኲሱ ንፈደረሽን ክፍርስ ዝኽእል ባይቶ ከቶ ኣይነበረን።

ን'ሓውሲ-ኢትዮጻያዊ' ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኩሉሳዕ ዘጨንቖ ነጥቢ ኣሎዎ። ንሱ ከኣ፡ ብወገነይ ከምዝተዓዘብኩዎ፡ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል እዩ፦

ንጉስ ሃይለስላሰ ንኤርትራ ብዕሊ ስለዝልሓቓ ኤርትራ ከም ሃገር ክትቀውምን ቃልሲ ንናጽነት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክተበግስን ክኢላ። ኤርትራ ክትልሓቕ ኣይነበራን። ምልሓቓ ኣገዳስነት ኣይነበሮን። ኤርትራ ከይተላሕቀት ከላ ዘይትፍለ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ኮይና ክትነብር ትኽእል ኔራ እያ። ንኤርትራ ተቓላሲት ሃገር ክትከውን ዘብቅዓ ናይ ኢጣልያ መግዛእቲ ዘይኮነስ (ሃሃ!) ናይ ሃይለስላሰ ግጉይ ናይ ምልሓቕ ስጉምቲ እዩ። ሕጂ እውን እንተኾነ



ንኤርትራን ንኢትዮጵያን ተባላሒትና ሓደ ንኽንገብረን ክንጽዕር ይግብኣና። ይብል ናይ ኣይተ ኢሳያስ ነጥቢ ምስተዘርዘረ። ናይ ኣቶ ኢሳያስ ግጉይ ትንታነን ቅሩብነት ንሓዲሽ ቃልሲን ግን '<u>ትደልይኦ እሞ ትስእንኦ</u>' ዝዓይነቱ እዩ።

ንኢሳያስ (ሰላዩ) ናብ ሜዳ ኤርትራ ንኽቃለስ ዘውረዶን ድሕሪ ናጽነት ድማ ዲክታተራዊ ፕረዚደንት ናይ <u>ሃገረ ኤርትራ</u> ንኽኸውን ዝደረኾን ምኽንያት ስለዚ ነዚ ናይ 'ሓድነት' ዕላማ እዚ ንኽዕውት ነኺሱ ንኽቃለስ ስለዝተበገሰ እዩ። **ኢሰያስ ንሰውራ ኤርትራ ክዕወት ኣይደልየን ኔሩ። ድሕሪ ዓወት ሰውራ ከኣ ምዕባለቲን ብልጽግቲን ናጻ ሃገረ ኤርትራ፡ እሞ ድማ ጎረቤት ናይ ኢትዮጵያ፡ ክትህሉ ኣይደለን እዩ።** ብሓጺሩ፡ ነዚ እዩ ዝመስል **ፖለቲካዊ ታሪኽ ሂወት** ናይ ኣይተ ኢሳያስ።

ቅድሚ ሃይለስላሰ ኣብ 1962 ንኤርትራ ምልሓቑ ህዝቢ ኤርትራ ድሮ ኣብ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ኣበጊሱ ከምዝነበረ ኢሳያስ ክእመን ኣይደለየን። ሃይለስላሰ ንኤርትራ እንተዘይልሕቓ ኔሩ ናይ ናጽነት ብረታዊ ቃልስና ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ኣብ መፋርቕ 60 እታት ሽቶኡ ወፂዑ ክዕወትን መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሽዑ ካብ ኤርትራ ክስጎግን ምተኻእለ ኔሩ። ኢትዮጵያ ኣብቲ እዋን እቲ ዘመክሕ ብርቱዕ ሓይሊ ኣይነበራን። ብተዛማዲ ድኽምቲ እያ ኔራ። እቲ ኣብ 1960 ዝተፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ንሃይለስላሰ ሃሰዩዎን ነብሰ-ተኣማምነት ከምዝጥፍእ ጌሩዎን ኔሩ። ሃይለስላሰ ንኤርትራ ብምልሓቑ ስለዚ ነቲ ሽዑ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዝነበረ ዘይርጉእ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኣህዲኡ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽሩ ከእትዎ ክኢሉ። <u>ንብረታዊ</u> ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብብቕዓት ክምክት ዝኽእሎ <u>ሃገራዊ</u> ውሽጣዊ ዓቕሚ ኣብቲ እዋን እቲ ኣይነበሮን።

**ኣብ እዋን 1952-62 ዝተመዝገቡ መኸሰባት**

ኤርትራውያን ኣብ እዋን 1952-62 ብርግጽ ንኽስር ጥራይ ኣይኮንናን ኔርና። ሽዑ ዝተመዝገቡ ኣገደስቲ መኽሰባት እውን ኔሮሙና። ምስ ባንዴራ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እትማሳሰል ሰማያዊን ቀጠልያን ዝሕብራ (ቅድሚኡ ዘይነበረት ሰንደቕ-ዕላማ) ባንዴራ ዝወነነት ሓዳስ ሃገረ ኤርትራ ህያው ኮይና። ሃገራዊ ስምዒት ህዝቢ ኤርትራ ሰማይ ዓሪጉ። ኤርትራውያን ቀልዖ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብዙሓት ንሃገራውነት ዘትርሩ ደርፍታት ደሪፎም። ሃገራዊ ስምዒት ኤርትራውያን ዱልዱል ስነ-ኣእምሮኣዊ ሰረት ሒዙ።

ብተዛማዲ ተጠሚቱ ዘበናዊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ እትውንን ኤርትራ ክትህሉ ተኸኢሉ። ኣጸቢቖም ዘይደልደሉ ኔሮም እምበር፡ ሓጋጊ ኣካል፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ፍርዳዊ ኣካላት መንግስቲ ተሃኒጾም። ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ብምክያድ ዝልዓለ መሪሕነት መንግስቲ (ኣስምብልያ) ተመሪጹ። ሃገርና ንትካላዊ ኣጋባብ ኣሰራርሓ ኣተኣታትያቶ። ኣብ ታሪኽና ብቐሊሉ ክንውከሶ እንኽእል ኣጋባብ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኣመዝጊብና። ብዛዕባ ኣምራት መንግስቲ እን ዴሞክራሲን ኣፈናዊ ፍልጠት ደሊብና። ዉዱብ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ኣበጊስና። ማሕበር ሸውዓተን ማሕበራት ተምሃሮን ሰራሕተኛታትን ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣትኪሎም ንኽቃለሱ ክብገሱ ከለዉ ርኢና። ወዘተ፡ ወዘተ። እዋነ ዓሰርቱ-ዓመት 1952-1962 ስለዚ ዓበይቲ መኽሰባት ኣብ ፖለቲካዊ መዳያት ዘመዝገብናሉ እዋን ከምዝነበረ ኮይኑ እውን ክዝከር ይግባእ እዩ።

እንተኾነ፡ ግዜ ብዝሓለፈ፡ ዳርጋ ብምሉኡ እቲ ሽዑ ዝተሓፍሰ መኽሰባት ኣብ መስርሕ ልሕቓን (annexation) ኣብ ቅሉዕ መግዛእታዊ ስርዓትን በብቑሩብ ተደምሲሱ እዩ። ብዘይካ ልዑል ሃገራዊ ስምዒትን ምጅማር ብረታዊ ቃልሲን ዳርጋ ኩሉ እቲ ካልእ መኽሰባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሃፊፉ። ከም ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ድማ ኤርትራውያን ኣብ እዋን ሰውራ ኮነ ኣብ እዋን ናጽነት ብዛዕባ ዴሞክራሲያዊ ኣጋባብ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲን



ሕብረተሰብን ብዙሕ ኣፍልጦን ዝንኣድ ተሞክሮን ከምዘይብልና ኣመስኪርና።

## ኢሳያስ ንዓናን ንጎረባብትናን የዕገርግር።

ናጽነት ንኤርትራውያን ኩሉ ነገር ኮይናትና። ራህዋን ቅሳነትን ሽግራትን ብሓንሳእ። ናጽነት ድሕሪ ምእዋጁ እቲ ወትሩ ሰላምና ክዝርግን ምዕግርጋር ክሳዕን ዝፈቱ ከዳዕ ኣቶ ኢሳያስ ራህዋን ቅሳነትን ክሰፍና ጀሚሩ ንዝነበረት ኤርትራና ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ናብ ከበድቲ ሽግራት ሸሚሙዋ።

ኣብ 1994 ምስ ጎረቤትና <u>የመን</u> ኣሰሓሒቡ ናብ ኲናት ኣእትዩዋ። ብኽልቲኡ ወገን ብዙሕ ሰብን ንብረትን ምስጠፍአ ኣብ ፍርዲ ተኸይዱ። እታ ሽዑ ጠንቂ ግጭት ተብሂላ ዝነበረት ደሴት ሓኒሽ ኣብ ክልተ ማዕረ ተኸፊላ ንኤርትራን የመንን ክትውሃበን ይሓይሽ ዝብል ኣተዓራቒ ሓሳብ ብፈረንሳ ቀሪቡ። ከምኒ ዒራቓዊ ሳዳም ሑሴን ዝኣመሰሉ በቲ ግጭት ዝያዳ ዝተገደሱ ውልቀሰባት መራሕቲ ስለዝነበሩ ግን ብዙሕ ሽርሒታት ተሓዊሱዎ ደሴት ሓኒሽ ኣብ ክልተ ክይትመቐለት ብውሳነ ቤት ፍርዲ ብምልእታ ንየመን ተዓዲላ። ናይ ሓላል ንብረትና ንዝነበረት ደሴት ሓኒሽ ብሰንኪ ጸይቕታት ኣቶ ኢሳያስን ብሰንኪ ኣህጉራዊ ውዲታትን ብምልእታ ስኢንናያ።

ካብኡ ቀጺሉ ኣቶ ኢሳያስ ምስ <u>ሱዳን</u> ኣሰሓሒቡና። ኣብ መንጎ ክልቲና ሃገራት ብጽቡቕ ክድልድል ጀሚሩ ንዝነበረ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ብታህዋኽን ብዘይ ብቑዕ ምኽንያትን በቲኹዎ። ኤርትራውያን ብሰንኩ ብመንጽር ሱዳን ኣብ ዲፕሎማሲያዊን ቁጠባዊን መዳያት ብዙሕ ተጎዲእና። ኣቶ ኢሳያስ ብኢደ-ዋኒኑ ንቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ሱዳን ብታህዋኽ ንተቓወምቲ ውድባት ሱዳን ዓዲሉዎ። ዝኾነ ይኹን ዕቱብ መንግስቲ ክፍጽሞ ዘይግባእ ዝነበረ ዕሽልነት ዘንጸባረቐ ነውራም ስራሕ ሰሪሑ።

ግዜ ብዝሓለፈ ግን ተቓለስቲ ደቡብ ሱዳን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኮይኖም ዘካይዱዎ ወተሃደራዊ ታዕሊሞም ምስወድኡ ናብ ሃገሮም

ተመሊሶም። ተቓለስቲ ምብራቕ ሱዳን እውን ምስ ማእከላይ መንግስቲ ሱዳን ተሰማሚዖም ናብ ሃገሮም ተመሊሶም። እቲ ዝተራእየ ምዕባለ ንዲፕሎምስያዊ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ከምእንደገና ናብ ንቡር ንኽምለስ ሓጊዙ። ኤምባሲ ሱዳን ኣብ ኣስመራ ኣብ ናይ ቀደም ቤት ጽሕፈቱ ተመሊሱ። ዝምድንታት ክልቲአን ሃገራት ድማ ተመሓይሹ።

ኣቶ ኢሳያስ ንኤርትራውያን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ <u>ደቡብ ሱዳን</u> ብኣካል ኣሳቲፉና። ብሰንኩ እውን ተሰዊእና። እታ ሃገር ናጻ ምስ ወጸት ግና መርገጺ መንግስቲ ደቡብ ሱዳን ምስ ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝደናገጽን ንኤርትራና ዘግልልን ኮይኑ። ኢሳያስ በይኑ ኣሊሙዎ ዝነበረ ውዲት ፈሺሉ።

ብሸነኽ <u>ኢትዮጵያ</u> ብዘመጸ: ኣቶ ኢሳያስ 'ዶባዊ ምስሕሓብ ዝጠንቁ' ዝተባህለ ኲናት ኣብ 1998 ኣብ መንጎ ክልቴና ሃገራት ኣወሊዑ። ከም ሳዕቤኑ: ካብ ክልቲኡ ወገናት ብዙሕ ሂወትን ንብረትን ብላሽ ጠፊኡ። ነቲ ኲናት መን ከምዘበገሶ ንምፍላጥ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ንኽጻርዮ ሓላፍነት ተውሂቡዎ። ይኹን እምበር እቲ ነጥቢ ከይተጻረየን እቲ ሕቶ ከይተመለሸን ተሪፉ። ምኽንያቱ ኣቶ ኢሳያስ ነቲ ምጽራይ ክደፍኣሉ ኣይደለየን። ብውሑዱ ንስለ ታሪኽ ክብሃል ግን እቲ ሕቶ ከምእንደገና ክልዓልን ኣበጋሲ ብንጹር ክፍለጥን ይግብኦ እዩ።

እዚ ኲናት እዚ ኣዝዩ ኣዕናዊን ኣኽሳሪን እዩ ኔሩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ምስተኸደ: ገለ ካብቲ ኣብ ዶብ ዝርከብ መሬት ኤርትራ ንኢትዮጵያ ተዓዲሉዋ። ንልኡላዊ መሬትና ብላሽ ከሲርናዮ። ትግራዎት ግና ክሳብ ለይቲ-ሎም ካብ ልኡላዊ መሬት (ባድመ) እውን ምውጻእ ኣብዮምና ኣለዉ። ኣማሓዳሪቶም ሕመአ 'ካብ ባድመ ኣይትውጽኡ' ስለዝበለቶም ድማ እዩ ቀንዲ ምኽንያቱ።

ኢትዮጵያ ብዓባይ ንትእዛዝ ኣመሪካ ኣይትድግፎን እያ። ተታሒዙ ካብ ዘሎ መሬትና ባድመ ክትወጽእን ኣብ መንጎ ክልቴና ሃገራት



'ስምምዕ ሰላም' (Peace Agreement) ተፈሪሙ ዳግማይ ሰላም ክሰፍንን እያ ትደሊ። ነዚ መርገጺ እዚ ዝጻረሩዎ ዘለዉ ወገናት እቶም ኣንጻር ስትራተጃዊ ዕላምኦም ዝኾኖም ኣቶ ኢሳያስን ገሊኦም ትግራዎትን ጥራይ እዮም።

ገሊኦም ትግራዎት ስትራተጃውያን ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምዃን ድሌቶም ክሳብ ሎሚ ይቕጽልዎ ኣለዉ። ኣየቋረጽዎን። ሕሉፍ ሓሊፉዎም 'ኤርትራ ናይ ኢትዮጵያ ጸላኢት እያ' ዝብል ውሳነ ብደረጃ ሃገራዊ ባይቶ ኢትዮጵያ ከምዝሓልፍ ጌሮም። እቲ ውሳነ ብቐሊሉ ዘይረም ባይቶኣዊ ዉሳነ ስለዝኾነ ተጋሩ በቲ ዝወሰዱዎ ዕሽላዊ ስጉምቲ ዓቢ ስትራተጃዊ ጌጋ ፈጺሞም።

ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ መደምደምታ ምስተገብረሉ: ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ-የመን-ሱዳን ሓደ <u>ስሉሳዊ ኪዳን</u> ተመስሪቱ። እቲ ናይ ጎረባብትና ሃገራት ስሉሳዊ ኪዳን ኣንጻር ኤርትራ ጸለመን ፕሮፓጋንዳዊ መጥቃዕቲታትን ኣበጊሱ። ኣመሪካን ገለ ሃገራት ኤውሮጳን እውን ምስቲ ኪዳን ወጊነን ንናጻ ኤርትራ ብከቢድ ተጻቢአንኣ። ኣመሪካ ብፍላይ ኣንጻር ኤርትራ ኣጸላሚ ፕሮፓጋንዳዊን ፖለቲካዊን ዘመተታት ንኽተካይደሉ ነቲ ኪዳን ተገልጊላትሉ። እቲ ኪዳን ግን ውዒሉ-ሓዲሩ ኣብ ዉሽጢ እተን ሃገራት ሕንፍሽፍሽ ኣስዒቡ ፈሪሱ። ምስ ሱዳንን የመንን ዝነበረና ዝምድናታት ዳግማይ ተመሓይሹ። እዕገርጋሪ ኢሳያስ ድሌቱ ስሚሩሉ ግና እቲ ኪዳን ብዛዕባ ኤርትራ ኣብ ዞባናን ክንዮኡን ብዙሕ ኣሉታዊ መልእኽቲ ምስኣመሓላለፈ እዩ ፈሪሱ።

ዶባዊ ግጭት ኤርትራ-ኢትዮጵያ ሕጋዊ መደምደምታ ምስተገብረሉ ኢሳያስ ብበይናዊ ናይ ውልቁ ውሳነ ነቲ ምስ <u>ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ</u> (AU) ዝነበረና ድፕሎማሲያዊ ርክብ በቲኹዎ። ኣብ <u>ኢጋድ</u> (IGAD) ንዝነበረና ኣባልነት እውን ብጉዳይ ሶማልያ ኣመሳሚሱ ኣደስኪሉዎ። እቲ ሶማልያ ከም ኣባል ዘላቶ ውድብ ኢጋድ' ግን ብሽርሓዊ ስጉምቲታት ናይ ኣቶ ኢሳያስ ኣይተዓንቀፈን። ምስቶም ዝተረፉ ኣባላቱ ኮይኑ (ድሓር ረፑብሊክ

ደቡብ ሱዳን ተጸንቢራቶ እያ) ልሙድ ስርሖ ቀጺሉ። ኤርትራ ንበይና ጥራይ ተሃሲያ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ኤምባሲ ኤርትራ ስራሕ ስኢኑ ኣይተዓጽወን እምበር ደስኪሉ።

ኣቶ ኢሳያስ ምስ ሃገረ ጂቡቲ እውን ኣሰሓሒቡና። ብጉዳይ ዶባዊ ግጭት ዝተመኽነየ ዝተባህለ ኲናት ተወሊዑ። ብሰንኩ ካብ ክልቴና ወገን ብዙሕ ሂወትን ንብረትን ጠፊኡ። ኲናት ጠጠው ምስበለ ንኤርትራን ጅቡቲን ሸምጊላ ንኽትዓርቕ ሃገረ ቀጠር ተበጊሳ። ንሽምግልንኣ ግን፡ ኣመሪካ ኩሉሳዕ ብድሕሪኣ ስለዘላ፡ ዝኾነ ይኹን ጭቡጥ ፍረ ኣይርአናሉን። ተበግሶ ቀጠር ኣብ ሓጺር እዋን እወታዊ ውጽኢት ከምጽእ እዩ ኢልካ ትጽቢት ዝግበረሉ ኣይኮነን። ጎረቤትና ጂቡቲ ብወገና፡ ሓዳሱ-ገዛኢታ ኣመሪካ ስለእትጠውያ፡ ንቲ ኣብ መንጎኣን ኢርትራን ተፈጢሩ ዘሎ ሰንፈላላዊ ዝምድና ብኽምቲ ሕጂ ዘለዎ ኮይኑ ክይትፈትሖ ክቕጽል እያ ትደሊ። ብኽምኡ እንተቐጸለ ኣይትሻቀልን እያ።

ኣቶ ኢሳያስ ንኣህጉራዊ ዝምድናታት ኤርትራ ምስ ሊብያን ቀጠርን ጥራይ ተሓጺሩ ከምዝተርፍ ጌሩዎ። ከም ሳዕቤኑ ክኣ ኤርትራ 'ኣዕሩኽይ' እትብለን ካልኦት ሃገራት ዘይብላ ኮይና ተሪፋ። ኤርትራውያን ነቶም ምስ ሊብያን ቀጠርን ዘለዉና ዝምድናታት ጭቡጣት ረብሓታት ኣይረኸብናሎምን።

ልክዕ እዩ እተን ሃገራት ብመንግስቲ ኤርትራ ክኸፈል (ክምለስ) ዘለዎ ብዓሰርታት ሚልዮናት ዝቑጸር ናይ ለቓሕ ገንዘብ ሂበናና ኣሎዋ። ብዝሑ ዘይፍለጥ ሚልዮናት ናይ ገንዘብ ህያብ እውን (graft) ንኣቶ ኢሳያስ ንግሉ ሂበንኦ። ኣብ ካልእ ጉዳያት ግን ሳልኣን ዝሓፈስናዮም እወታዊ ሃገራዊ ረብሓታት ኣይርአናን።

:ቲ ዘገርም ነገር ነቲ ምስኣተን ዝመስረትናዮ ክልተኣዊ ዝምድና ካልኦት ሳልሳይ-ወገን ሃገራት እየን ዝያዳና ረቢሐናሉ። ንኣብነት ብመንጎኘነት ክዳዕ ኣቶ ኢሳያስ ተሰሳሲሎም ብዝብሃሉ ምስጢራውያን ጸዕርታት ናይ ሊብያ ኑክለሳዊ መደብ ምስተቛረጸ፡



ኢስራኤልን ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን እየን ዝያዳና ረቢሐን። ንኮለኔል ቃዛፊ ካብ ስልጣን ንምልጋስ ኣብ ዝተኻየደ ናዕቢ ሃገረ ሊብያ ብሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ክትድብደብ ከላ እታ ኢሳያስ 'ምሓዛ ኤርትራ እያ' ዝበለና ቀጠር ነፈርቲ ኲናት ኣሳቲፋ 'መሓዛ ኤርትራ' ንዝነበረት ሊብያ ደብዲባታ። ናይ ኣቶ ኢሳያስ ጉዳይ ዘገርም እዩ! ኢስራኤል ኣብ ኣቡዛቢ ኤምባሲ ክትከፍት ዝኽኣለት ናይ ኣቶ ኢሳያስ ሸምጋልነት ስለዝተሓወሶ እዩ ዝብላ ገለ ሃገራት ኣዕራብ ኣለዋ። ከምዚ ዓይነት ጥርጣረ ክሀሉ ከሎ ድማ ንኤርትራ ኣየቕስናን እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ንከባቢ ዓሰብ ኣመልኪቱ ኣብ 2015 ምስ ሱዑዲያን ኣቡዛቢን ቀጠርን ዝፍጽሞም ዘሎ ምስጢራውያን ዉዕላትን ስምምዓትን ንህዝቢ ኤርትራ ግድን ኣሻቒሎሙና። ባዕለይ እፈልጠልካ እየ እናበለ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ እውክሎ እየ እናበለ ዝፍርሞም ዘሎ በብዓይነቶም ምስጢራውያን ስምምዓት ኣብ መወዳእትኡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንዘለና ሃገራዊ ረብሓ ኣብ ሓደጋ ከየውድቖዎ ሰጊእና።

ንየመን ንምውጋእ ቆይሙ ኣብ ዘሎ ወተሃደራዊ ኪዳን፡ ኤርትራ 'ብምስጢር' ምስ ጉጅለ ሱዑዲያን ቀጠርን ኣቡዛቢን ኩዌትን ኣመሪካን ኢስራኤልን ወጊና ትሳተፍ ኣላ። እዚ ተሳትፍነት እዚ ግን ብህዝቢ ኤርትራ ብቑሊሉ ዝርዓምን ዝድገፍን ኣይኮነን። ንኤርትራ ናብ ከቢድ ሓደጋ ከውድቓ ይኽእል እዩ።

ኣብ ከባቢ 2003 ፕረዚደንት ኢሳያስ ን 'ደምህት' (ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ) ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኮይኖም ብረታዊ ቃልሲ ኣንጻር ኢህኣደግ ክካይዱ ኣፍቂዱሎም። እቲ ስጉምቲ ዳግማይ ናይ ወራር ኲናት ክካየድ ዝዕድምን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዕግርግር ክንሃህር ዝኽእልን እዩ። ደምህት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዓስኪሩ ምህላዉ ንኤርትራውያን ኣይቕስነናን። ስለምንታይ እዮም ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኮይኖም ዘይቃለሱ ኢልና ነንብስና ሓቲትና ኢና።

ጽቡቕ ዕድል ጌሩልና ግና ኣብዚ እዋን እዚ ሓደ ግማዕ ናይ ውድብ ደምሀት ንኣቶ ኢሳያስ ራሕሪሑም ናብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰሊሞም ኣለዉ። እቶም ተሪፎም ዘለዉ ኣባላት ደምሀትን ኩሎም እቶም ኣብ ሃገርና ኣትዮም ዘለዉ ኣባላት ናይ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያን ናይ ካልኦት ሃገራትን እውን ኣሰሮም ክሰዓቡ መድለየና።

ደምህታውያን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ናይ ፕረዚደንት ኢሳያስ መስርዕ ሓለዋ-ሰይቲ ኮይኖም ሰሪሖም። ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራን ፕረዚደንት ኢሳያስን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ዝምልከቱ ርጡባት ስለያዊ ሓበሬታታት ብቀጻሊ ንስርዓት ኢህወደግ መጢዮም። ካብዚታት ተበጊሶም እዮም ስለዚ ሓደ እዋን ገሊኦም ዓያሹ ትግራዎት 'ንኤርትራ ክንወራ ምስእንደሊ፡ ድሮ ፕረዚደንት ኢሳያስ ባዕሉ ኣሳሊጡልና ስለዘሎ፡ ኣብ ታንክታት ተወጢሕና ዘይኮነስ፡ ኣብ ኣውቶቡሳት ኣራጢጥና ኮፍ ኢልና ኢና ናብ ኣስመራ ስተት ኢልና ክንኣቱ' ኣብ ምባል ዝበጽሑ።

ህዝቢ ዓለም ከምዝፈልጦ፡ ናይ ኣመሪካ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ፖሊሲ ምስ ምቕይያር ናይተን ኣብ መሪሕነት ዝድይባ ሰልፍታት ምሒር ዘይቀያየር ሓውሲ ርጉእ እዩ። ኣባላት ረፑብሊካዊ ሰልፊ (W.A.S.P = White Anglo Saxson Party) 'ዝበቕዐ ጥራይ ይንበር' ወይ 'ዝሓየለ ይትዓወት' ኣብ ዝብል ዳርዊናዊ ኣተሓሳስባ ዝኣምኑ ዝመስሉ እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ስትራተጃውያን ኣህጉራውያን ጉዳያት ምስመጸ ግን ምስ ኣባላት ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ኣይፈላለዩን እዮም። እቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ብባይቶ ጸጥታ ተበይኑ ዘሎ ውሳነ <u>እገዳ</u> ስለዚ ፕረዚደንት ኢሳያስ ካብ ስልጣን ክሳብ ዘይተገለፈን <u>ኣመሪካ</u> ብድሌታ እንተዘየልዓለቶን፡ ብኸምቲ ኣብ ሃገረ ኩባ ኣጓኒፉ ዘሎ ተሞክሮ፡ ንዓመታት ክቕጽል ተኽእሎታት ኣለዎ።

**ኢትዮጵያ ኣሻኹ ጎረቤትና፡ ትግራዎት ክኣ ጸላእትና**



ኩላትና ሃገራውያን ኤርትራውያን ንኢትዮጵያ ከም ኣርእስቲ ክንልዕላ ከለና ዳርጋ መብዛሕትኦም ዝመጹና ሓሳባት ናይ ሰላምን ጽቡቕ ድሌትን ዘይኮኑስ እቶም ብኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ዝተፈጸሙ በደላትን ግፍዒታትን ስቅያታትን እዮም። ኩሎም እዞም ተዘክሮታት እዚኦም ንኢትዮጵያ ከም ኣሻኹ ጎረቤትና ጌሮም ዝገልጹዋ እዮም። ብሓቂ ክኣ ኣብ ጭቡጣት ተሞክሮታት ንዝተሰረቱ ኣሕዘንቲ ፍጻመታት እዮም። ንኢትዮጵያ ብጽቡቕ ክልዕልዋ ዝደልዩ ምናልባት ቁንጣሮ ኤርትራውያን እንተሃልዮም እቶም፦ 1) ናይ ኢትዮጵያ ድርብ ዜግነት ዘለዎምን 'ኣነ ኢትዮጵያዊ እየ' ኢሎም ካብ ልቢ ዝኣምኑን፡ ወይ 2) ካብ ኢትዮጵያ ኣዕጋቢ ውልቃዊ ረብሓታት ዝረኸቡን ዝረኸቡ ዘለዉን፡ ወይ 3) ናይ ኢትዮጵያ ምስጢራውያን ልኡኻት ብምዃን ንኤርትራ ዝሃስዩ ዘለዉ፡ ወይ 4) ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ እሞ 'ምሁራት' ስለዝኾኑን 'ሚዛናዊን ዘይስምዒታዊን' ኣጣምታ እንውንን ሰባት ኢና ብሃልቲ ዓይነት እዮም።

ኢትዮጵያ ብርግጽ ንረብሓታት ኣመሪካን ብሪጣንያን ካልኦት ባዕዳውያን ሃገራትን ክተገልግል ክትብል ኣብ ልዕሌና ንኣስታት 60 ዓመታት ናይ ውክልና ኩናት (proxy war) ፈንያ ኣሹኻትና እያ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረን ዘሎን ደረጃ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክኣ ነዚ ሓቂ እዚ ዝግንዘብ እውን ኣይኮነን።

ኣብ ጉዳይ ኣሻኹነት ልዕሊ ኩሉን ብቐዳምነትን ተሓተትቲ ትግራዎት እዮም። ብዝያዳን ቀንዲን ድማ ተጋሩ ተወላዶ ናይ ክባቢ ወረዳታት ዓድዋ ሽረ ኣኽሱምን ዓጋመን (ዓሽኣዓ)። ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ንኤርትራውያን ማዕረን ከምን ናይ ተጋሩ ጌሮም ከቶ ኣየሳቐዩናን፡ ኣይገፍዑናን። ተጋሩ ብሓፈሻኡ ግና ቀደም ምስ ሃጸይ ሃይለስላሰ ድሓር ምስ ደርግ ድሕሪኡ ድማ ምስ ኢህኣደግ ተጸጊዖም ንኤርትራውያን ብጭካነ ኣሳቒዮምና። ኣብ 40 እታት፡ 50 እታት፡ 60 እታት፡ 70 እታት፡ 80 እታት፡ 90 እታትን ኣብ 1998-2015ን ኣንጻር ረብሓ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ኣትኪሎም ደው

ኢሎም። ዝርዝር ናይቶም ብተጋሩ ዝትፈጸሙ ፈግፍዒታት ኣብ ታሪኽን ኣብ ሂወት ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊን ተሰኒዶም ኣሎዉ። ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ይፍለጦም። ታሪኽ ታሪኽ እዩ። ግፍዒ ክኣ ግፍዒ።

ክምቲ 'ዝወግአ እንተረስዐ፡ ዝተወግአ ኣይርስዕን' ዝብሃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ንትግራዎት ኣብ ልዕሌና ብዝፈጸምዎም ማእለያ ዘይብሎም ኢሰብኣዊ በደላትን ኣስካሕካሒ ግፍዕታትን ከቶ ኣይክንርስዮምን ኢና። ይቕረ ክንብለሎም እውን ከጸግመና እዩ። ብሓፈሽኡ ተጋሩ ንዝተገብረሎም ጽቡቕ ክዝክሩ ዘይደልዩ ምሒር ጠላማት እዮም። እረ ኣብ ኤርትራ እሲ ትግራዎት 'ደቂ ማይ ጠላሚት' ብዝብል 'ሳጓ' እዮም እኮ ዝጽውዑ!

ንጉስ ሃይለስላሰ ምድሪ ኤርትራ እምበር ህዝቢ ኤርትራ ኣየድልየናን እዩ ኢሉ ድሕሪ ምፍካሩ እቲ ብትግራዎት ሰለይቲ ዝተቐለሰ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ መታሕትን ከበሳን ኤርትራ (ባርካ፡ ሰንሒት፡ ጋሽ፡ ዓንሰባ፡ ሰምሃር) ይቕመጥ ንዝነበረ ህዝቢ ኣጋፊዑዎ። ኣጥባት ኤርትራውያን ኣደታት ብኻራ ተዘልዚሎም። ማህጸናት ኣዴታት ብሳንጃታት ተበሲዮም። ኣሽሓት ሰባት ኣብ ውሽጢ ገዛኦም ኣብ ሓዊ ተጠቢሶም። ብመግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝጠፍአ ናይ ኤርትራውያን ንብረትን ሂወትን ማእለያ ስኢኑ።

ኣብ ግዜ ደርግ እውን እንተኾነ ኩሉ እቲ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ግፍዒታት 'ትግራይኛ' ብዝዛረቡ ሰለይቲ ተጋሩ ይቕለስ ስለዝነበረ ብተዓጻጻፊ ገዲዱ እዩ ተደጊሙ። ብሰንኩ ብዙሓት ዓድታት ከበሳ ናብ ሓሙኽሽቲ ተቐይረን። ዝጠፍአ ኤርትራዊ ሂወትን ንብረትን ድማ ኣመና በዚሑ።

[N.B. 'ትግራይኛ' ንቋንቋ ኣምሓርኛ ኣጨይፉ ብተጋሩ ዝዝረብ ኣምሓርኛ-መሰል ዓይነት ትግርኛ እዩ። ንኣብነት፡- ተሳኽዕሎም፡ ተናጊዑ፡ ተሳማርዮም፡ ምርግጋዕ፡ መዳወርያ፡ ኣይትቐልዱ፡ ተዛቢዑ፡



ተጣናቒቑ፡ ተስማዕሚዮም፡ ወዘተ፡ ዝብሉ ቃላት ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ዝተመንዝዐ ዝውቱራት ናይ 'ትግራይኛ' ቃላት እዮም።]

ንስርዓት ደርግ ካብ ሱሩ ንምብንቋር ዕላማ ዝገበረ መጥቃዕታዊ ኲናት ብህግሓኤ ምስተበገሰ እታ ኣብ ኢትዮጵያ ብቐዳምነት ሓራ ዝወጸት ክፍለ-ሃገር ወያ ትግራይ ኮይና። ድሕሪኡ እቲ ውግእ ናብተን ዝተረፋ ክፍለ-ሃገራት ማለት ናብ ወሎ፡ ጎጃም፡ በጌምድር፡ ሽዋ፡ ከባቢታት ኦሮሞ፡ ወዘተ ልሒሙ። ደረጃ ብደረጃ ድማ ናብ ዉሽጢ ኣዲስ ኣበባ በጺሑ።

ሽዑ እቶም ብባህሪኦም 'ኣዝዮም' ተንኮለኛታትን ስሱዓትን ዝኾኑ ተጋደልቲ ህወሓት፡ ›ዕላማ ቃልስና ንትግራይ ሓራ ንምውጻእ ጥራይ ስለዝነበረ እሞ ሽቶኡ ድሮ ተወቒዑ ስለዝኾነ ካብ ትግራይ ወጺእና ናብቶም ዝቕጽሉ ውግኣት ኣይንኣቱን ኢና እ፡ 'ኣብ ትግራይ ዝተሰልበ ኣጽዋር ውግእ እውን ኩሉ ንብረት ትግራይ ብምዃኑ ቀልጢፍኩም ኣረክቡና' ዝብል ጠለብ ኣቕሪቦም። ንሰራዊት ህግሓኤ ኣብ ቀጸልቲ ውግኣት ኣእትዮም ከደምስሱዎ እውን ወጢኖም። 'ሕራይ ኩሉቲ ዝተሰልበ ኣጽዋር እሲ ናትኩም ይኹን፡ ግና ክሳብ ኣዲስ ኣባባ ንበጽሕ እሲ ሓቢርና ድኣ ንገስግስ' ተብሂሎም ምስተለመኑ ጥራይ እዮም ነውራማት ወየንቲ እናኣዕጠጠዩ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ኤርትራ ተለጢፎም ናብ ኣዲስ ኣበባ ገጾም መሪሾም። ወያነ ትግራይ ንሰራዊት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ መሬት ኢትዮጵያ ከስዓርን ፍጹም ክድምስስን ይደለዩዎ ስለዝነበሩ ንሰራዊትና ሓቅነት ዘይብሎም ስለያዊ ሓበሬታታት ይምግብዎ ኔሮም። ወይ ድማ ንሰራዊትና ዝኸነ ይኹን ሓበሬታ ይነፍጉዎ እሞ ብፍላጥ ናብ ድብያ የእትውዎ ኔሮም። ነቲ ብህሰሓኤ ዝሕፈስ ዝነበረ መስተንክራዊ ወተሃደራዊ ዓወታት ክኣ ባዕሎም ከምዝፈጸሙዎ ጌሮም ብምቕራብ ብዘይሕፍረት ናብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ የቃልሑዎን ንህዝቢ ኢትዮጵያ እቲ ልሙድ ሓሶታቶም ይቕልቡዎን ኔሮም። ወየንቲ ብሓቂ ምሒር ይሕስዉ እዮም።

ጅግና ሰራዊት ኤርትራ ግን፡ ብናይ ትግራዎት ጥልመትን ውዲታትን ከይተዳህለ፡ ንታሪኽ ዝግደፍ ክቡር መስዋእቲ እናኸፈለ ብዓወት ናብ እዲስ ኣበባ ኣትዩ ንደርግ ስዒሩን ካብ ስልጣን ገሊፉን ሽቶኡ ምሉእ ብምሉእ ምስወቕዐ ሓዲሽ በትረ ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ <u>ንኢህኣደግ</u> ኣረኪቡ ናብ ሓሳል ሃገሩ ናብ ኤርትራ ተመሊሱ። ህግሓኤ በትረ ስልጣን መንግስቲ ንወያነ ትግራይ <u>ኣየረከቦን።</u>

ደርግ ካብ ስልጣን ምስተገለፈ መራሒ መንግስቲ (ቀዳማይ ሚኒስተር) ኢትዮጵያ ኮይኑ ዝተሸመ ሰብ፡ ኣይተ ትግራዋይ መለስ ዜናዊ ዘይኮነስ እቲ ኣብ ዉሽጢ ውድብ ኢህኣደግ ንውድብ ኣምሓራ ዝውክል ዝነበረ ኣምሓራይ ኣቶ ታምራት ላይኔ እዩ ኔሩ። ቁሩብ ምስጸንሐ እዩ ኣቶ ላይኔ ናይ መራሒነት ስልጣኑ ብወየንቲ ተመጢሉ።

ሽዑ መለስ ዜናዊ ስማዊ ስልጣን (symbolic authority) ጥራይ ዘለዎ ፕረዚደንት ኮይኑ እዩ ተሸይሙ ኔሩ። ነዊሕ ከይደንጎዩ ግና ወዮም ኣመለኛታት ከድዓት ትግራዎት ውዲት ምሂዞም ንታምራት ላይኔ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕኖም። ንመለስ ዜናዊ ክኣ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ቀዳማይ ሚኒስተር ጌሮም ሸይሞሞ። የገርም እዩ። ትግራዎት ብሓፈሽኡ፡ ከም ናይ ኢሳያስ ዝመስል፡ ጠላሚ ናይ ምኻን ዘይፍቶ ክፉእ ባህሪ ኣለዎም!

ኣብ 1998-2000 ኤርትራውያን ብመንግስቲ <u>ኢህኣደግ</u> ካብ ኢትዮጵያ ተሰጕግና። ሽዑ ትግራዎት ከምኣመሎም ብተደጋጋሚ ገፊዮሙና። ንስለታሪኽ ክብሃል ንገለ ካብቲ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒታቶም ኣብዚ ምጥቃሱ የድሊ።

ትግራዎት ንኤርትራውያን ዜጋታትና ኣብ ዘንድድ ዕጹው ናይ ሓጺን ኮንተይነር ዓሺጎም እናሳቐዩ ናብ ኤርትራ መሊሶሞም። ኣብ ቦታታት ወተሃደራዊ ግንባራት ብፈንጂታት ንዝትሓጽረ መሬት እናርገጹ ናብ ኤርትራ ኣስጊሮሞም። ንኣረገውያንን ቆልዓ-ሰበይትን ብህሮሩማ



ጽሓይ እናተወቕዑን ብእግሪ ነዊሕ እናተጓዕዙን ናብ ኤርትራ ሃገሮም ክምዝእትዉ ጌሮሞም።

ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብቲ እዋን እቲ ውሑዳት ሲቪል ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ሃዲሞም ናብ ሃገረ ማላዊ ተዓቍቦም ኔሮም። ነዚ ሓበሬታ እዚ ዝሰምዐ፡ ናይ ሽዑ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ዝነበረ፡ ዓጋመታይ ስዩም መስፍን ንኹሎም እቶም ኣብ ማላዊ ዝተዓቑቡ ኤርትራውያን ብህጹጽ ንኢትዮጵያ ክተስተልም ንመንግስቲ ማላዊ ሓቲቱዎ። ሃገረ ማላዊ ድማ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዑቕባ ጥሒሳ እወታዊ መልሲ ሂባቶ። ብሰንኩ ዜጋታትና ብመገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ተጽዒኖም ናብ ኣዲስ ኣበባ ተመሊሶም። ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ወያነ ተዳጕኖም። ተጋሩ ክኣ ኣብ ልዕሊኦም ኣስካሕካሕቲ ግፍዕታት ፈጺሞም።

ኣብ <u>ዩኒቨርሲቲ</u> ኣዲስ ኣበባ ዝምሃሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ተሰጕጎም ናብ ኤርትራ ክምለሱ ይብገሱ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ይውንኖ ንዝነበረ ንጋ ሆቴል ገዲፉ ናብ ዓዱ ዝሃደመ ትግራወታይ ሰብኣት ነጋ ኪዱ ናብ ሃገርኩም ተመለሱ፡ ንኤርትራ ባርዕ ሓዊ ወልዑላ ኢሉዎም። እቶም ኤርትራውያን ተምሃሮ ግና ኣይሓመቑን እንተደሌኻ ድኣ ንስኻ ንሃገርካ ኢትዮጵያ ባርዕ ሓዊ ወልዓላ እምበር ንሕናስ ንማዕዳኻ ኣይንውዕሎን ኢና ኢሎም ነጺጎሞ።

ኣብ ካልኣት ዓይነታት ፍጻመታት ብዝመጸ፡ ኣብ 1998 ኣብ እዋን ወራር ወያነ ዉሑዳት ኤርትራውያን መንእሰያት ደቅተባዕትዮን ደቀንስትዮን ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ ዓውደ-ኩናት ተማሪኾም። ሽዑ ንሓደ ኣዛዚ ሰራዊት ወያነ ዝነበረ ትግራወታይ ገብሩ ኣስራት ዝተማረኹ ኤርትራውያን ኣለዉና እሞ ንምውካስ ዝኣክል እንታይ ክንገብሮም ዝብል ሕቶ ካብ ታሕተዎት ሓለፍቲ መጺኡዎ። ኣይተ ገብሩ ›ንመርኣዪ ክኸውን (sample) ሓደ ተባዕታይ ጥራይ ገዲፍኩም ንዝተረፉ ኩሎም ተባዕትዮ ረሽኑዎም፡ ነተን ደቀንስትዮ (ጸርፊ) ክኣ ድላይኩም ግበሩወን እ፡ ክብል መልሲ ሂቡ። ተጋደልቲ

ህግሓኤ ንዝተማረኹ ትግራዎት ንሕብሕብ እምበር ዘይንርሽን ምንባርና ምስዝዝክር ናይ ኣይተ ገብሩ መልሲ ነቲ ትግራዎት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዘለዎም ክቱር ጽልኢን ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ኣንጸባሪቑ። ንትግራወተይቲ ሓብቱ ምግዳል ዝምሃረታ እኮ እታ ኤርትራዊት ተጋዳሊት ኣባል ህሰሓኤ ምዃና ገብሩ ኣስራት ኣይዘከረን። ነታ ንተጋደልቲ ወያነ ተወድአም ዝነበረት ወተሃደራዊት መዓስከር ከተማ ሽረ ብመስዋእትናን ጅግንነትናን ካብ ሰራዊት ደርግ ሓራ ኣውጺእና ንወያነ ዘረከብናያ ባዕልና ኤርትራውያን ምንባርና ገብሩ ኣስራት ሻቡ ረሲዑዎ።

ኣባይ ጽሃየ ዝተባህለ ሓደ ትግራወታይ ኣባል መሪሕነት ህወሓት ኣሎ። ንሱ ኤርትራ 'ናይ ኣፍሪቃ ሲንጋፖር' ክትከውን ትብገስ ኣላ ዝብል ዘረባ ምስ ሰምዐ: 'ኤርትራ ናይ ኣፍሪቃ ሲንጋፖር (ኣንበሳ እምባ) ክትከውን ዘይክኣትሲ: ወያነ ባዕልና ናይ ኣፍሪቃ ሲንጋፑር (singapoor=ድኽ) ክምትኽውን ክንገብራ ኢና' ኢሉ ተዛሪቡ። ካብ ተፈጥርኡ ናይ ሓንጎልን ኣተሓሳስባን ድኽነት ዝተዓደለ ኣባይ ጽሃየ ምስ ኤርትራውያን እናተሓባበረ ርሂጹን ሰሪሑን ማዕቢሉን ክነብር ኣብ ክንዲ ዝሓስብ ንኤርትራውያን ምስኡ ለኪሙና ክደኪ ተመንዩ።

ምስዚ ኣጋጣሚ እዚ ዝዛመድ ሓደ ነጥቢ ኣሎ። ኣብ ከባቢ 1995 ብሚኒስተር ጴጥሮስ ሰለሙን ዝተመርሐ ኣምባሳደር ኤርሚያስ ደበሳይን ዳይረክተር ብርሃነ ኣብርሀን ዝተሳተፉዎ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ልኡኽ ናብ ሲንጋፖርን ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ከይዱ። ኣብ ልምዓት ኤርትራ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ምስ ሰበ-ስልጣናት ናይተን መንግስታት ተመያይጡ። ሽዑ ነዚ ወረ እዚ ዝሰምዐ ኣይተ ኣባይ ጽሃየ በቲ ናይ ኤርትራውያን ምብጻሕ ኣዝዩ ቀኒኡን ብጓሂ ሕርር ኩምትር ኢሉን ከምዝነበረ እዮም እቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎ ተጋሩ ኣሕዋቱ ዝገልጹ።

ስየ ኣብርሃ ዝብሉዎ ካልእ ኣባል መሪሕነት ጉጅለ ወያነ ድማ 'ኤርትራውያውያን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ነዊሕ ገምገም እናሃለዎም ስለምንታይ እያ ኢትዮጵያ ሃገርና ንእሽቶ ኣፍደገ ባሕሪ እኳ ትስእን: ንኤርትራ ክንወራ ኣሎና ' እናበለ ወርትግ ዝቑንዞ ትግራዋይ ውላድ ወረዳ ተምቤን ኣሎ። ኣይተ ስየ: ኤርትራ በይና ኤርትራ: ኢትዮጵያ ድማ በይና ኢትዮጵያ: ምዃነን ክፈሊ ዘይክኣለ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ዝተማህረ ጽጉም ደንቆሮ ሰብ እዩ።



እዚ ኩሉ ክብሃል ዝጸንሐ እናሃለወ ግና: ዉሑዳት እዮም ድኣ እምበር: ኣዕሩኽ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ዝኾኑ ምስጉናት ትግራዎት ከምዘለዉ እውን ክዝንጋዕ የብሉን። ንኣብነት ጥራይ እኳ ክንጠቅስ ሓደ ኣቶ ኣለም ዝተባህለ ትግራወታይ ጋዜጠኛ ነባሪ ሕመአ 'ንኢትዮጵያ እፈትዋ እየ ዝብል ኢትዮጵያዊ እንተሎ ንናጽነት ኤርትራ ክድግፍ ኣለዎ' እናበለ ምስ ናይ ሃገሩ ረብሓ ኣዛሚዱ ንፍትሓዊ ብረታዊ ናጽነታዊ ቃልስና ብምድጋፍ ይጉስጉስ ከምዝነበረ ኤርትራውያን ንፈልጥን ንዝክርን ኢና። ንናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብመትከል ዝደገፉ ከምኒ ዋልልኝ መኮንን ዝኣመሰሉ 'ኣምሓሩ' መንእሰያት ተምሀሮ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ እውን ኔሮም። ሰውራን ህዝብን ኤርትራ ነዚኣቶምን ንኹሎም እቶም ንዕኦም ዝመስሉ ኢትዮጵያውያንን ብኣድናቖትን ክብረትን ንዝክሮም ኢና።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ምስ መብዛሕትኦም ትግራዎትን ገለ ቁንጣሮ ኣምሓሩን እንተዘይኮይኑ ምስቶም ካልኦት ዝተረፉ ዝተፈላለዩ ብሄራት ኢትዮጵያ ናይ ጽልኢን ቅርሕንቲን ዝምድናታት ከምዘይብልና ባዕላቶም ኢትዮጵያውያን ይፈልጡ እዮም። ኣብ ዉልቀ ደረጃ ብዝመጸ እውን ከም ጎረባብቲ ኣህዛብ መጠን ንሓድሕድና ተኻባቢርና ኢና ንነብር። ኣብ ናይ ሃገርን መላእ ህዝብን ሕቶ ብዝመጸ ግና: ኣመሪካ ንጉርብትና ኤርትራን ኢትዮጵያን ከተሕርፍፍ ብዘይዕረፍቲ ትሰርሕ ስለዘላ: ኣብ መንጎና ዘሎ ዝምድና ምናልባት ዝተፈልየ መልክዕ እንተሓዘ ዘገረም የብሉን። ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ 'ባድመ' ንዝርከብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ወሪራ ሒዛቶ እላ። ጉርብትናና ናብ ንቡር ቦትኡ ምእንቲ ክምለስ ኢትዮጵያ ካብ ዝወረረቶም ልኡላዊ መሬታት ኤርትራ ብዘይ ቅድመ-ኩነትን ምዕጥይጣይን ብህጹጽ ክትወጽእ ይግብኣ እዩ።

ንኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶ እምብኣር ነቲ ኣብ መጻኢ ምስ ኢትዮጵያን ህዝቢ ትግራይን ክህልዎ ዝደልዮ ክልተኣዊ ፖለቲካዊ ዝምድናታትን ፖሊሲታትን ብጥንቃቐ ክስእሎ ኣሎዎ። ኣሻዥ ኢትዮጵያ እትብሃል ብርግጽ መን ምዃና ፈልዩ ክለሊ ኣለዎ። ደጊም እሲ ኤርትራውያን ኣቦዋት ዝፈጸምናዮም ጌጋታት ኣይደገሙ። ምስ ተጋሩ ኣብ ዝግበሩ ዝምድናታት ብሸለልታ ዝጥመቱን ዝሕለፉን ጉዳያት ኣይሃልዉ። ኣብ ልዕሊ ትግራዎት ዘርኣናዮ ኤርትራዊ ግርህነትን የዋህነትን ተኣሪሙን ኣብቂዑን ጉርሒ ብዝተሓወሶ ኣካይዳ ክትካእ ኣሎዎ። መብዛሕትኦም ተጋሩ ስሱዓትን ጎርሓትን እምበር ኣርሒቖም ዝጥምቱ 'ለባማት' እዮም ዝብሃሉ ኣይኮኑን። ኤርትራውያን ነዚ ሓቂ እዚ ኩሉሳዕ ክነስተብህሎ ይግባእ። ካብ ኢትዮጵያ ዝመጹና ኩሎም ዓይነታት ተጻብኦታት ቀንዲ ኣበገስቶምን ኣሳወርቶምን ተግበርቶምን ትግራዎት ምዃኖም ኣይንዘንግዕ። ኤርትራውያን ግሩሃት ዘሕለፍናዮም መረርቲ ተመክሮታት ዘይርሳዕ ትምህርቲ ኣቕሲሞምና እዮም ሓሊፎም።

ኤርትራውያን ግና ንኢትዮጵያ ከም ኣሻዥ ጎረቤትና ጥራይ ቆጺርና ክንፍልጣ እውን ግድነት ኣይንድለ። ነዚ ኣሉታዊ ቅርጸተ-ኣእምሮ እዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ በይናዊ ፖለቲካዊ ተበግሶ ወሲድና፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክነወግዶ ይግብኣና እዩ። ዘይትእሹኽና ጎረቤትና ኢትዮጵያ ንኽትህልወና ብቕንዕና ክንሰርሕ ይሕሸና።

ምናልባት ብመንጽር ስትራተጃዊ ሃገራዊ ረብሓና ተጠሚቱ ጎረቤትና ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብፍሉይነትን እምብዛን እተገድስና ሃገር ኣይኮነትን። ብግምጥልሹ እውን ኤርትራ ንኢትዮጵያ እምብዛ ኣይተገድሳን እያ። ኤርትራውያን ምስ ካልኦት ሃገራት ዝህልዉና ልሙዳት (normal) ዓይነታት ክልተኣዊ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዝምድናታት ምስ ኢትዮጵያ እውን ብማዕረኡ ንኽህልዉና እንተሰራሕና ንሱ ይኣክል እዩ። እቶም ኣቶ ኢሳያስ ምስ ኢትዮጵያ ንኽህልዉና ዝደልዮምን ዝጽዕረሎምን ዘሎ ሸርሓዊ ዓይነታት



ፖለቲካዊ ዝምድናታት ንኽንምስርት ዘድልየናን ዘገድደናን ምኽንያት ግና የብልናን።

ክልቴና ሃገራት ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ነናትና ሃገራዊ ረብሓታት ኣለሊና ክንሰርሕ ናጻ ክንግደፍ እዩ ዝግባእ። ኤርትራውያን ንኢትዮጵያ ከም ማዕረ እተን ኩለን ዝዳወባና ሃገራት ጌርና ንውሰዳ። ምስ ኢትዮጵያን ካልኦት ጎረባብትና ሃገራትን ጥንቃቐ ዝተሓወሶ ሰላማዊ ጉርብትናን ዝምድናን ይሃልወና። ዓለም ሰፊሕ ስለዝኾነት፡ ንኤርትራ ኣብ ክንዲ ብቐጻሊ ናብ ኢትዮጵያን ትግራዎትን ገጻ እትጥምት ንኣንፈታ 180 ዲግሪ ጠውያ ናብታ ሰፊሕ ዝኾነት ዓለም ገጻ ክትጥምት ይሕሻ።

ኤርትራውያን እንተስ ብሕማቕ እንተስ ብጽቡቕ 'ኢትዮጵያ' 'ኢትዮጵያ' ምባል ይእክለናን ይትረፈናን። ንናይ ሱዳን ጂቡቲ የመንን ሱዑዲያን ኣህዛብን ሃገራቶምን ተወሳኺ ቆላሕታ ንገብረሎም። ኣቓልቦና ናብኣቶም ገጹ እውን ይቕናዕ።

**ዛዕባ ሃገራዊ ልምዓት (ናጻ) ኤርትራ።**

ዛዕባ ሃገራዊ ልምዓት (National Development Agenda) ኣዝዩ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ ምሉእ ጽሑፍና ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ፋሕ ኢሉ ተዘርጊሑ ብቐጥታዊን ብዘይቀጥታዊን መገዲታት ተገሊጹ እሎ። ኣብን ምስን ሓድሕዱ ዝተዛመደን ዝተውሃሃደን መጠነ-ሰፊሕ ዛዕባ ሃገራዊ ልምዓት ንዛዕባ ቁጠባዊ ልምዓት፡ ንዛዕባ ፖለቲካዊ ልምዓት፡ ንዛዕባ ማሕበራዊ ልምዓት፡ ንዛዕባ ባህላዊ ልምዓት፡ ንዛዕባ ልምዓት ትካልነትን ትካላዊ ኣሰራርሓን የጠቓልል። ዛዕባ ልምዓት ፍርዲን ፍትሒን ኣብ ውሽጢ ነፍሲ-ወከፎም ኣሎ። ዛዕባ ልምዓት ቅኑዕ ስነ-ምግባር ክኣ ኣብ ውሽጢ ልምዓት ባህሊ ይኣቱ።

ናጽነት ኤርትራ ምስተበሰረ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ጎደና ሃገራዊ ልምዓት ክንምርሽ ተበጊስና። ኣቐዲሙ ተገሊጹ ከምዝነበረ ክኣ

ንእስታት ዓሰርተ ዓመታት ካብ 1991 ክሳብ ክባቢ 2000 ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ኣዕጋቢ ግስጋሰ (progress) ኣመዝጊብና። ብሰንኪ ናይ ኣቶ ኢሳያስ ግእለያ ዘይብሎም ሽርሒታትን ተንኮላትን ግና ካብ 2002 ንድሓር ጀሚርና ብገዚፍ ኣንሸራቲትና ንድሕሪት ተመሊስና። ኣብ ኩሉ-ጎናዊ ልምዓት ሃገርና ክሳራታት በዚሑና።

እቲ ብሚኒስትሪ 'ሓሶት' (ዜና) ኣብ መደብ ልምዓት ንቕድሚት ንጋልብ ከምዘለና ኣምሲሉ ወግሐ-ጸብሐ ዝዝርጋሕ ሓበሬታን ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነትን ፍጹም ዘይጋጠም ኮይኑ። ትሕዝቶ ናይ ሓበሬታታት ብሓሶታት ተዓብሊሎም። ኣብ ሓደ እዋን ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝዝርግሖም ሓሶታት ዝኣምኖ ሰማዒ ከምዝስኣነ ምስተገንዘበ ንኣብነት፡ ዓለም ዘይትፈልጦ ናይ ሓሶት ሓቂ ዘሎ ያኢ መሲሉዎ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተሓንገጠ ንእዝኒ ሰማዒ ዝኹርኩሕ ጭርሖ ገዲፉ ናብ ጭርሖ 'ምግልጋል ንሓቀኛ ሓቂ' (serving the truly truth) ሰጊሩ። ኣይፋልካን ዓገብ ምስተባህለ ክኣ ከምእንደገና ንሓዲሽ ጭርሖኡ ሓዲጉ ናብቲ ናይ ቀደሙ ጭርሖ 'ምግልጋል ንሓቂ' ተመሊሱ። ሓቀኛ ስራሕ ብምስራሕ እዩ ዓወት ዝሕፈስ እምበር ሓሶታት ብምዀማር ኣይኮነን!

ኣብ ጎደና ልምዓት ብዓወት ንቕድሚት ምእንቲ ክንምርሽ ግድነት ንትዕዝና ዝኣልዩ ንጹራት ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ክህልዉና የድሊ። ኮይኑ ድማ ኣብ 1994 ንናይ ሃገርና ፖለቲካን ቁጠባን ማሕበራዊን ባህላዊን ፖሊስታትን ስትራተጂታትን ክልቲ ተጸሪርቲ ወገናት ማለት ሃገራውያን ኤርትራውያን ብሓደ ወገን ከዳዕ ኣቶ ኢሳያስ ድማ በቲ ካልእ ተሰሊፍና በብወገንና ሓንጺጽና።

ሽዑ ቅዋም ኤርትራ ጌና ኣይተኣወጀን ባይቶ ኤርትራ እውን ኣይቆመን ኔሩ። ናይ ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣካይዳን እምነትን ሃናጺን ንጹህን ናይ ኣቶ ኢሳያስ ክኣ ጉርሒን ምስሉይነትን ዝተሓወሰ ኣፍራሲን ሽርሓዊን ኔሩ። ኣቶ ኢሳያስ ኩሉሳዕ ምሳና ምስ ኤርትራውያን ዘሎ እኳ ይመስል እንተኾነ ኣብ ዳሕራይ እዋን ነቶም ሽዑ ብኤርትራውያን ዝተሓንጸጹ ሃገራዊ ፖሊሲታትን



ስትራተጂታትን ብበይናዊ ውሳነ ብጋህዲ ከባላሽዎምን ብናቱ ክልውጦምን ተርእዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝልዓለ ቦታ ስልጣን ኮፍ ኢሉ ምህላዉ. ስለዝተረድኦ ኣብ ዝገብሮም ጸይቅታት ዝዕንቅፎ ቡዳዊ ሓይሊ ክህሉ ከምዘይኮነ ፈሊጡ።

ከምቲ ትጽቢት ዝተገበረሉ፡ ኣቶ ኢሳያስ ካብ መድርኽ ናብ መድርኽ እናተቐያየሩን እናተሰጋገሩን ዝትግበሩ ሓደስቲ ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ባህሊን ማሕበራዊን ኣዕነውቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ብሰላሕታን በይኑ ብምኽንን እናሓንጸጸ ብፍላይ ድሕሪ 2002 ንብምልኡ ዛዕባ ሃገራዊ ልምዓት ኤርትራ ጨውዩ ኣንፊቱ ኣስሒቱዎ። ብሰንኩ ሎሚ (2015) ኣብ ሃገርና ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ዜጋ ጽባሕ ወይ ድሕሪ ጽባሕ ብርግጽ ኣበይ ክህሉን እንታይ ክገብርን ምኽኣሉ ተኣማሚኑ ኣብ ዘይፈልጠሉ መድርኽ ተበጺሑ እሎ።

ኢሳያስ ናይ ኤርትራ ኢንዱስትሪያዊን ንግዳዊን ሓፈሻዊ ቁጠባዊን ልምዓት ምእንቲ ዋላ ፍሕት ኢሉ እኳ ከይብገስ ብዕሊ ዘይተኣወጁ 'መምርሒታት' እናሃበ ንኣገልግሎታት ኤለትሪሲቲን ኢንተርኔትን ደምሲሱዎም። ከምኡ እውን ንናይ ማይን ናይ ኩሎም ዓይነታት ጽዓትን ቀረባት ኣብኩሩዎም። ንብምልኡ ንጥፈታት ኣህጉራዊ ንግዲ (እታዎት፡ ሰደድ፡ ኮንትሮባንድ) ሚእቲ ብሚእቲ ኣጊዱዎ። ንጽላት ሕርሻ በታቲኑዎ። ንኹሎም እቶም ኣብ ኩሎም ጽላታት ዝርከቡ እሞ ሰሪሕካ ክትነብር ዘኽእሉ ዝነበሩ ናይ ስራሕ ዕድላት ልኩት ኣቢሉ ዓጽዩዎም። ንመጠነ ስእነት-ስራሕ ኣብ ሃገርና ሰማይ ኣዕሪጉዎ።

ንፖለቲካዊ ልምዓት ኤርትራ ምእንቲ ክዕንቅፍ ንባይቶ ኤርትራ ከምዘይሰርሕ ጌሩዎ። ንሕቶ ሕጊን ሕጋዊ ኣሰራርሓን ከምኡ ድማ ንሕቶ ትካላውነትን ትካላዊ ኣሰራራሓን ናብ ናይ ጉሓፍ በርሚል ደርብዩዎም። ንዛዕባታት ማሕበራዊን ባህላዊን ልምዓታት ከም ቁምነገር ጌሩ ስለዘይቆጸሮም ርሱዓት ጌሩዎም። ንናይ ሃገርና ደረጃ ልምዓት ትምህርቲን ሕክምናን ባይታ ኣዝቢጡዎ።

ድሕሪ ደጊም ስለዚ፡ ዛዕባ ኲሉ-መዳያዊ ልምዓት ናጻ ኤርትራ ብመንእሰይ ትውልዲ ተመዓራርዩ ክም ሓዲሽ ክዳሎ እዩ ዘሎዎ። ኣብ ገለ እዋናት ኣቦታቶምን ኣያታቶምን ብዝከኣለና መጠን ንመንእሰያት ክንሕግዞም ንደሊን ንፍትንን ዋላ እኳ እንተኾንና ነቲ ጉዳይ ዝሕዝዎን ዝመርሑዎን ባዕላቶም ክኾኑ ኣሎዎም። መንእሰያት ብዉሑዱ ንኣርባዕተ-ሕምሲት (80%) ናይቲ ሎሚ ዲክታተር ኢሳያስ ዝጥቀመሉ ዘሎ ስርዓት <u>ኣካይዳን ምሕደራን</u> መንግስቲ ኤርትራ ክጉሕፉዎን ኣምሳያኡ ናይ ገዛእ ርእሶም ምዕቡል ስርዓት ክዋድዱን ኣሎዎም። ንሱ እዩ እቲ ሎሚ ዝጽበዮም ዘሎ ውድዓዊ ኣማራጺ።



# ምዕራፍ (15) ዓሰርተ ሓሙሽተ

## ኢሳያስ ንፋስ ዘራጊቶ፡

## ጸረ ሃገራዊ ሰላምን ርግኣትን ልምዓትን

እዚ ምዕራፍ እዚ ኣብ ባህርያትን እንታይነትን ኣቶ ኢሳያስ ብምትኳር ንክልተ ጉዳያት የድህበሎም። ብሓደ ሸነኽ፡ ኣቶ ኢሳያስ ብህጹጽ ካብ ስልጣኑ ክግለፍ ከምዝግብኦ ንዝገልጹ ምኽንያታት ንኽፍለጡ ዝሕግዝ ጥጡሕ ባይታ የንጽፍ። ብካልኣይ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ንኣቶ ኢሳያስ ዝመስሉ ንምዕናውን (destruction) ምትላልን (deception) ከም መሰረታውያን ናይ መቃለሲ መሳርሒታት ጌሮም ዝጥቀሙ ኣዝዮም ሓደገኛታት ውልቀሰባት ክቕልቀሉ ተኽእሎ ስለዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ነዚኣቶም ብኣጋ ንኽለሊን ንኽምክትን ዝሕግዝ ንቕሓት ንኽጥሪ የዘኻኽር።

### ኢሳያስ ንፋስ ዘራጊቶ።

ኲላትና ካብ ዓውደ ስነ-ፍልጠት ከምእንፈልጦ (tornado) መቾም ዘራጊቶ ፍሉይ ዓይነት ኣዕናዊ ንፋስ እዩ። ጥዑም ልኡም ንፋስ (breeze) ኣይኮነን። ካብ ንፋስ ህቦብላ (hurricane) ብዝዛይድ ናህሪ ዝውንጨፍ ዘይቅዱዊ ዓይነት ንፋስ እዩ። ንፋስ ህቦብላ ብሓፈሻኡ ኣስታት 120-160 ኪሜ ኣብ ሰዓት ንጋድም ይጉዓዝ። ንፋስ ዘራጊቶ ግና ብሓፈሻኡ ኣስታት 160-480 ኪሜ ኣብ ሰዓት ንጋድምን ንሰማይን (ንትኹል) ገጹ እናተጓዕዘ ቅርጺ-ዋንጫ ሒዙ ዕንክሊል ዝሰርሕን ኣብ መገዱ ንዝጸንሑዎ ነገራት መመጽዩ

መናጢሉ ዝወስድን ኣዕናዊ ንፋስ እዩ። ንፋስ ዘራጊቶ ስለዚ ብባህሪኡን ተግባራቱን ተፈታዊ ዓይነት ንፋስ ኣይኮነን።

ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ብዝፍጽሞም ጸይቂታትን ኣዕናዊ ባህርያቱን ተጠሚቱ፡ ኣቶ ኢሳያስ ክም ተምሳል ናይ ንፋስ 'ዘራጊቶ' ኮይኑ ክሕሰብን ክግለጽን ዝክኣል ሰብ እዩ። ንናይ ሃገርና ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ፖለቲካ ከዕኑን ክዝርግን ብመደብን ብባህታን ዝሰርሕ ዘራጊቶ እዩ።

ሕጂ ኣብ ዘለናዮ እዋን ብዙሓት ኤርትራውያን እናተገረሙ ስለምንታይ እዩ ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ዝዘርጎን ዘሳቕዮን ዘሎ? ብምስቓይናን ብምዝራግናንከ እንታይ ይረብሕ? እናበሉ ይሓቱ እዮም። እቲ መልሲ ኣብ ውሽጢ ተፈጥሮኣዊን ፖለቲካዊን ባህርያት (natural and political characters) ኣቶ ኢሳያስ እዩ ዝርከብ። ብዝያዳ ድማ ኣብ ፖለቲካዊ ባህሪኡ።

ተፈጥሮኣዊ (ስነ-ኣእምሮኣዊ) ሰብነት ኣቶ ኢሳያስ ካብ ተወርሶን ካብ ኣካባቢን ብዘተዋህቦ ትዕድልቲ ንዝኣከቦ ጠባዩ ይገልጽ። ፖለቲካዊ ሰብነቱ ከኣ ኣብ መስርሕ ናይ ፖለቲካዊ ሂወቱ ንዘጥረዮ ጽቡቕን ሕማቕን ባህሪያት ይገልጽ። ክልቲኦም ተደሚሮም ንምሉእ ሰብነታዊ እንታይነት (essence) ኢሳያስ ይገልጹ። ንዝተፈላለዩ ነገራት ስለምንታይ (motifs) ይገብሮም እውን የብርሁ።

ብወገነይ ንኣቶ ኢሳያስ ብሓቂ ኣብ ተፈጥሮኣዊ (personal natural) ሂወቱ ካብ ቀረባ ኮይነ ኣይፈልጦን እየ። ኣብ ናይ ፖለቲካ (political) ሂወቱ እየ ተፋሊጠዮ።

ኣብ ናይ ቁልዕነት ሂወቱ ብቐረባ ዝፈልጡዎ እሞ ዝገምገሙዎ ገሊኦም ዕቱባት ሰባት ንኢሳያስ ክገልጹዎ ከለዉ ብጽቡቕ ኣየልዕልዎን እዮም። ንባዕሉ ብዱልን ንካልኦት ቆልዑ ዝብድልን ቆልዓ ከምዝነበረ ጌሮም እዮም ዝገልጽዎ። ብዙሓት ሰባት ንኢሳያስ ብውሑዱ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነቱ፡ ጸወታ 'ኣፋራራስ ገዛ' ዘዘውትረ፡



ህልኸኛ፡ ተንኮለኛ፡ ዘይእመን፡ ቀናእ፡ ቂመኛ፡ ጨካን፡ ብቃንዛ ናይ ተጻረርቱ ዝሕጎስ (Sadist=ሳዲስት)፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማም 'ስኪዞፍረኒያ' (schizophrenia) ዝሳቐ፡ ወዘተ ዓይነት ሰብ እዩ ይብልዎ። ተደነቕቲ ድራማታት ዝደርስን ንነብሱን ካልኦት ተዋሳእቲን እናሳተፈ ናብ ተዓዘብቲ ዘቕርብን ኪኢላ ስነ-ጥበበኛ እዩ እውን ይብልዎ እዮም። ብወገነይ ንኢሳያስ፡ ጎራሕ (shrewd)፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ኪኢላ (psychologist)፡ ፈጣሪ-ውርግርግ (mystifier)፡ ምስሉይ (hypocrite)፡ ሞኗቕ (cunning)፡ ተሰልባጢ (flip-flop) ዓይነት ሰብ ኮይኑ ረኺበዮ እሎኹ።

ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ፡ ፈጣሪ-ውርግርግ፡ ጎራሕ፡ ምስሉይ ዓይነት ሰብ ብምዃኑ ኣብ ብዙሓት ፖለቲካዊ ብድሆታት ንውልቃዊ ረብሕኡ ብዘገልግል መገዲ እናተዓጸጸፈ ንግዚኡ ይዕወት እዩ። ብዛዕባ ›ሳዲስት እን ተንኮለኛን ምዃኑ ድማ ንዝቐርቡዎ መሳርሕቱ የልግበሎም እዩ። ምስ ምሕላፍ ግዜ ንሳቶም ንባዕሎም ከምኡ ይኾኑ። እዚ ኣሉታዊ ባህርያት እዚ ኣብ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስቲ ብኣልማማ ክሰርጽን ብግብሪ ክሰርሓሉን ክርአ ከሎ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ የቑንዝዎ እዩ።

ንኢሳያስ፡ ብድምር ናይ ተፈጥሮኣዊን ፖለቲካዊን ባህሪኡ ተጠሚቱ፡ ›ክፉእ-ዘርኢ፡ ናጤባ ›ክርዳድ እ፡ ዘይብቑዕ፡ (ሲቪላዊ) መራሒ፡ ሰብኣዊ ርህራህ ዝጎድሎ፡ ኣዝዩ ጨካን ሰብ እዩ ክትብሎ ይክኣል እዩ። 'ሰይጣናዊ' ኢሳያስ 'ንሰብ ዝመስል ' ኣራዊት' ብምዃኑ መዓልታዊ ካብ ጽቡቕ ነገር ክሓስብን ክገብርን ክፉእ ነገር ክሓስብን ክገብርን እዩ ንግዚኡ ዘሕልፎ። ኩሉሳዕ እውን ንነብሱ ልዕሊ ሕጊ ጌሩ ክርእያን ኬኽዳን ይህቅን።

ኣቶ ኢሳያስ 'ኣነ ንኻልኦት ዝምህር ፈላጥ እየ' ኢሉ ንነብሱ ስለዘእምና ካብ ናይ ካልኦት ሰባት ፍልጠትን ክእለትን ተመኩሮን ክምሃር እምብዛ ኣይደሊን እዩ። ካብ ካልኦት ፈላጣትን ምኩራትን ሰባት ምእንቲ ከይምሃር፡ ነቲ ኣብ ደረጃ 'ውድብ' (ግንባር) ዝሰርሓሉ ወተሃደራዊ ኣጋባብ ምሕደራ ብደረጃን ኣብ ዉሽጢን ሃገራዊ

ሲቪላዊ ምሕደራ ኣእትዩ ብግንጢ ክሰርሓሉ ህርድግ ይብል። ኣይሰልጠን ክኣ። ዕግርግር የስዕብ።

ኣብ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብዙሕ ስለዘይደፍአ ምናልባት ግዲ ኮይኑ፡ ንኢሳያስ ሓሓሊፉ ትምህርቲ-ጠቀስ ናይ ነፍሰ-ምትሓት ስምዒት (educational inferiority complex) ይንጸባርቖ እዩ ንኣቶ ኢሳያስ። ናይ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ቻንስለር ክንሱ ኣብ ስኑ-ስርዓታት ምረቓታት ቲምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ብኣካል ኣይሳተፍን። ዓመት መጸ ወኪልቲ ጌሩ ይሳተፍ። ኣብ መፋርቕ 90 እታት ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ ዝቐንዐ ሰላማዊ ሰልፊ ኣስሊጠም ምንባሮም ኣብ ዝኸነ ግዜ ኣይርስዕን እዩ።

ኣቶ ኢሳያስ ምስ ምሁራት ለባማት ሰባት ንነዊሕ ግዜ ምዃን ይጸልእ። ካብኣቶም ክምንጥሎ ዝደልዮን ዝኽእልን እሞ ኸኣ ቀልጢፉ ዝርስዖ ገለ ንግዚኡ ዘብለጭልጭ ላህመታዊ ፍልጠት ምስወሰደ ነቲ ምስኦም ዝጸንሖ ዝምድና ቀልጢፉ የቋርጾ። ንውሽጣዊ ትሕዝቶኡ ምእንቲ ክይግምትዎ ወይ ክይፈልጡዎ ምናልባት እውን ይኸውን ካብ ምህራት ሰባት ይርሕቕ። ንምሁራት ምእሳርን ምድስካልን ይፈቱ። ክመልከም እኽእል እየ ምስ ዝብሎም ዓይነታት ሰባት ጥራይ እዩ ንነዊሕ እዋን ክትዓራረኹ ዝኽእል። ንጹህ ኤርትራዊ መንእሰይ ናብ ሽግር እንተኣተወ፡ ናብ ስደት ግጹ እንተምርሐ፡ ዋላ እውን ኣብ ኩናት ተጠቢሱ እንተሃለቐ፡ ንኣቶ ኢሳያስ ዘራጊቶ የሐጉሶ እምበር ኣየሻቕሎን እዩ።

**ኢሳያስ እቲ ጸረ ሃገራዊ ስሜን ርግእትን ልምዓትን።**

ፕረዚደንት ኢሳያስ ብትውልዲ ኤርትራዊ እዩ። ብመንጽር ፖለቲካ ምስዝጥመት ግና ዘይተቐርመመ ምሉእ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት የብሉን። ብናይ ፖለቲካዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውምኡን ዜግነቱን ኢትዮጵያዊ-ኤርትራዊ ወይ ኤርትራዊ-ኢትዮጵያዊ ክኸውን እዩ ዝመርጽ። እዚ ኣባህላ እዚ ዘገርም እኳ እንተመሰለ ግና ሓቂ እዩ።



ኣብ 1993 ናጽነት ኤርትራ ምስተኣወጀ ኣቶ ኢሳያስ ብተብተብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ጌሹ። ሽዑ ንኢትዮጵያውያን 'ኣሕዋቱ' ብቛንቋ እንግሊዝኛ ጌሩ ጋዜጣዊ ዋዕላ (press conference) ኣካይዱሎም። እቲ ፍጻመ እቲ ኣብ ቪድዮ ተሰኒዱ ኣብ ኢንተርነት ሽዑ-ንሽዑ ተዘርጊሑ። ኣገልግሎት ኢንተርነት እትረኽቡ ኤርትራውያን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቲኹም ባዕልኹም ነቲ ቪድዮ ርኣዩዎን ንዘረባ ኣቶ ኢሳያስ ስምዕዎን። እቲ ኣድራሻ፡

http://youtube.com/watch?v=rthKX-ymawE

or http:/yout.be/rthKX-ymawE

እዩ። ኢንተርነት ንዘይረኸብኩም ተገደስቲ ድማ ፍረ ዘረብኡ ብኸምዚ ዝስዕብ ጽሟቕ እንሆ ይቐርብ ኣሎ።

ኣቶ ኢሳያስ ንዝተዛረቦ ንምድጋም፡ ›ኣነ፡ ዘይከም ካልኦት ሰባት፡ ብናይ ሃገራት ዶባት ኣይኣምንን እየ። ብዛዕባ ዶብ ንዝህሉ ስምዒታት ድርብ ዜግነት ሂብካ ክትፈትሖ ይክኣል እዩ። ማለት፡ ኢትዮጵያዊ ብተወሳኺ ናይ ኤርትራ ዜግነት ይህልዎ ኤርትራዊ ድማ ከምኡ ናይ ኢትዮጵያ ዜግነት ይህልዎ። ነዊሕ ግዜን ዕድልን ኣጥፊእና ኣለና። ሃየ ናብዚ ዕላማ እዚ ተቓላጢፍና ንበገስ ኢሉዎም።

'ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኮንፈደረሽን ወይ ፈደረሽን ይሃሉ ማለትካ ዲኻ?' ዝብል ሕቶ ንኣቶ ኢሳያስ ካብ ሰማዕቱ ምስቀረበሉ ድማ 'ኣይፋል፡ ፈደረሽን ወይ ኮንፈደረሽን ይሃሉ ኣይብልን ኣለኹ፡ እንታይ ድኣ ምሉእ ውህደት (ብቓላቱ፡ full integration) ይሃሉ እየ ዝብል ዘለኹ' ብምባል መሊሱሎም። እቲ ነገር ዝደንጽዎም ሰማዕቲ፡ 'ምሉእ ውህደት መዓስን ብኸመይን እዩ ክትግበር? ኣብ እዋን ፕረዚደንትነትካ እኸ እንታይ ኢና ክንጽበ?' ኢሎም

ምስሓተቱዎ ነዊሕ ግዜን ብርቱዕ ስራሕን ዝወስድ ዕማም እዩ። ግን ነቲ መስርሕ ሕጂ ንጅምሮ ኣለና ኢሉዎም። ዕላማ ሽቶኡ ንኽውቅዕ 1) ንነዊሕ እዋን ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ድሌት ክምዘለዎን 2) ብዕቱብ ክሰርሕ ምኻኑን ኣሚቱሎም። ኢሳያስ ነሕዋቱ ኪኖ 'እዋን ፕረዚደንትነተይ ዝቕጽል ዕማም እዩ' ይብሎም እሞ ንመደባቱን ኣታሓሳስባኡን ብኸምዚ ዝስዕብ ጌሩ ሓውሲ ዝርዝር ኣቢሉሎም።

'ቅድም ቁጠባዊ ውህደት እዩ ክህሉ። ድሕሪኡ ናብ ፖለቲካዊ ውህደት ብምስጋር ናብ ምሉእ ውህደት ይብጻሕ። ቁጠባዊ ውህደት ንኽህሉ ድሮ ንጻዕርታትና ጀሚርናዮ ኣለና' ኢሉዎም። ብኣቀጫጭ ናይ ዘረብኡ ዝተገረሙ ሰማዕቲ ኩሉ እቲ ዝተነግሮም 'ብዘይኩታኽን ወሰል በላ' ዝዓይነቱ ኮይኑ ተሰሚዑዎም።

ኢሳያስ ነቲ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ብምስጢር ዘተግብሮ ዝነበረ 'ንሰውራ ኤርትራ ከይተዓወተ ከሎ ኣብርዕዮ' ዝብል እምነቱ ብዓወት ሰውራ ኤርትራ ምስፈሸሎ ኣብ እዋን ናጽነት ንኽቕጽሎ መደብ ክምዝሓንጸጸ ብጋህዲ ገሊጹ። ክሳብ ቅዋም ኤርትራ ዝእወጅን ባይቶ ኤርትራ ዝቐውምን ክጽበ ኣይደለየን።

ንኢሳያስ ሽዑ ወደባት (ports) ዓሰብን ባጽዕን ኣብ ዓይኑ ይርኣይእ ኔረን ይኾና እየን። ንድሌትን ርእይቶን ህዝቢ ኤርትራ ከይተወከሰ ካብ ናይ ውልቁ ጥሙሕ ነቒሉ እዩ ኣህተፍቲፉ። ናይ ዉልቁ ስትራተጃዊ መደብ እዩ ንኢትዮጵያውያን 'ኣሕዋቱ' ገሊጹሎም። ዘረብኡ ከቶ ንመርገጺ መንግስቲን ህዝቢን ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኣይነበረን።

ብዙሓት ንጹሃት ኤርትራውያን ስለምንታይ ድኣ ኣቶ ኢሳያስ ይዘራርገናን የሳቕየናን ኣሎ? ስለምንታይ'ከ ካብ ስልጣኑ ምውራድ ይኣቢ? እንታይ እዩ ረብሓታቱ? እናበሉ ወርትግ ንዝሓቱዎ ሕቶ እምብኣር እንሆ መልሱ ካብቲ ኣቶ ኢሳያስ ባዕሉ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ተረኺቡ ኣሎ።



ኢሳያስ፡ ካብ መትከሉ ተበጊሱ፡ ንናይ ኤርትራ ናጽነትን ልምዓትን ዝድግፍ ሰብ ኣይኮነን። ገለ ኤርትራውያን ግና 'ኢይፋል' ይድግፍ እዩ ዝብሉ ኣሎዉ። ኢሳያስ ሃገራዊን ዉፉይን ተቓላሳይ እዩ ኔሩን ዘሎን ይብሉ። እዚ ብናታቶም ርድኢት እዩ። ኢሳያስ ባዕሉ ክምዝገለጾ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ምሉእ ዉህደት (full integration) ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ነዊሕ እዋን ዋላ ይውሰደሉ፡ ኣትኪሉ ክቃለስ እዩ ተበጊሱ ዘሎ።

ዝያዳ ምርግጋጽ የድልዮ እምበር ብዙሓት ወገናት ንኣቶ ኢሳያስ ካብ እዋን ሰውራ ጀሚሩ ምስ ሲኣይእን ሞሳድን ኢ.ድን ጓንቲን ኮይኑ ልኡላዊት ናጻ ኤርትራ ህያው ንኽይትኸውን ዝነጠፈ 'ሰርሳሪ' (mole) 'ኤርትራዊ' ሰላዪ (spy) እዩ እዮም ዝብሉ። ኩላትና ከምእንፈልጦ፡ ኤርትራውያን 'ብረት ኣልዒልና ንናጽነት ሃገርና ዝተቓለስና ፍሉጥ ዶብ ዘለዋ ናጻ ሃገርና ዳግማይ ክነረጋግጽ እሞ ተቓላጢፍና ክንልምዓ ክንጅምር ኔሩ ሸቶና። ዶባታ ዝተሓንጸጹላ ናጻ ሃገርና ንኽንረክብ ተሰዊእና፡ ደሚና፡ ቆሲልና፡ ሰንኪልና፡ ልግዐ ንእስነትናን ዕድላትናን ወፊና። ኣብ 1998 ዶብናን ልኡላውነት ሃገርናን ንክነውሕስ ኣንጻር 'ዉዲታዊ' ወራር ወያነ መኪትና። ኩሉ ዓይነት ክቡር ዋጋ ከፊልና። ኣብ ክልቲኦም ናይ ኲናት ብድሆታት ተዓዊትና።

ኣብ ታሪኽና ንዘልኣለም ብኽብሪ እንዝክሮ፡ መንእሰይ 'ዋርሳይ' ማዕረ እቲ ሓዉን ኣያኡን ዝኾኖ ወለዶ 'ይከኣሎ' ኣብ ግንባር ኲናት ተሰሊፉ ንዘይተጸበዮ ብድሆ ምውሓስ ልኡላውነት ኤርትራ ክብል ብጅግንነት ክምዝተሰውኣን ክምዝሰንከለን እዩ!

ኤርትራውያን እምብኣር ዘሕዝንን ዘሐጉስን ዘኹርዕን ሕዉስዋስ ክቡር ታሪኽ እዩ ዘሎና። ነዚ ክቡር ታሪኽና እዚ እሞ ንጠላም ኣቶ ኢሳያስ ዲና ክንገድፈሉ? ምስ ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ኮይኑ ሓንዳይ ንኽጻወተሉ? ዘበትክ! ክምኡስ ኣይክንገብርን ኢና። ኩላትና ኤርትራውያን ኩሉሳዕ ዶባታ ዝተሓንጸጸላ ልኡላዊት ሃገር

ንዘልኣለም ንኸትህልወናን ልምዕቲ ንኸትኮነልናን ኢና ንሰርሕን ንነብርን!

ኣቶ ዘራጊቶ ኣብ ኩሎም ናይ መኸተ እዋናት: 'ንይምሰል' ብኣካል ምሳና ምስ ኤርትራውያን ተሳቲፉ እኳ እንተኾነ: ብኣታሓሳስባን ዕላማን ግና ምሳና ኣይነበረን። ኣብ ኩሉ ዝተሓለፈ ዓወታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መትከላዊ ስትራተጂያዊ ዕላምኡን ድሌቱን ስለዝኾና: ዕረ እናጥዓሞ እዩ ምስሉይ ባህሪኡ እናዓቀበ ምሳና ተጉዒዙ።

ተንኮለኛ ኣቶ ኢሳያስ ንትሕዝቶ ናይቲ ንኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ዝሃቦም ጋዜጣዊ መግለጺ ንኤርትራውያን 'ብጾቱ' ኣይሓበረናን። ኤርትራውያን ስለዚ ንመግለጺኡ ኣብ እዋኑ ኣይፈለጥናዮን። ክኢላ ሰራሒ ድራማ ስለዝኾነ ነዚ ከእለቱ እዚ ተጠቒሙ ን 'ሓቂ' ንነዊሕ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ካባና ሓቢኡዋን ኣዘንጊዑ ኣታሊሉናን። ንሕና እውን እንተኾነ ኣብ ልዕሊኡ 'ሕልማዊ' እምነት ኣንቢርና ምስኡ ንጉዓዝ ስለዝነበርና ኣይጠርጠርናዮን። ኢስራኤልን ብሪጣንያን ኣመሪካን ልዕሌና ብምኻን ንመግለጺኡ ኣብ እዋኑ ፈሊጠንኦ። ንስትራተጃዊ ረብሓኦን ስለዝገለጸ ብሓጎስ ተቐቢለንኦ።

ኣቶ መለስ ዜናዊ ሓደ እዋን ብዛዕባ ከዳዕ ኣቶ ኢሳያስ ንዝተዓዘቦ ነገር ክገልጽ ከሎ: ኣብ ውሽጡ ዓቂቡዎ ብዙሕ ዘገርሞ ዝነበረ ነገር ክመስል: 'ህዝቢ ኤርትራ ንኢሳያስ ይፈትዎ እዩ: <u>ኢሳያስ ግና ንህዝቢ ኤርትራ ኣይፈትዎን እዩ</u>' ኢሉ ኔሩ። 'ተኹላ' ኣቶ ኢሳያስ ብሓደ ሸነኽ ቆርበት በጊዕ ዝለበሰ ብካልእ ሸነኽ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ዝሃስዩ መፈንጠራታት ዘጻውድ ሰብ ምኻኑ እዩ ኣቶ መለስ ገሊጹ።

ኮይኑ ድማ: ኣቶ ኢሳያስ ኣብቲ ዘካየዶ ጋዜጣዊ ዋዕላ መርገጺኡ ብዓውታ ካብ ዘፍልጥ ንድሓር: ሃገራዊ ረብሓታት ኤርትራ ንከበላሹ ሰሪሑን ይሰርሕ ኣሎን። ውህደት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንዝብል ዕላማኡ ንኽዕወት <u>መንጸፍ</u> <u>የንብሩ እዮም</u> ኢሉ ንዝኣመነሎም ንኤርትራ ዘዳኽምዋ ዝተፋላለዩ ስጉምታት ወሲዱን ይወስድ ኣሎን።



እቶም ስጉምታት: 1) ንመንእሰያትን ህዝብን ኤርትራ ካብ ሃገሮም ብምስንግ ንኤርትራ ህዝቢ ዘይብላ (depopulated) ባዶ ሃገር ክምትኸውን ምግባር: 2) ንብምሉእም <u>መንግስታዊ መሳርዕ</u> ኤርትራ ደረጃ ብደረጃ ብዘገምታ ምዝራግ: 3) ንኹሉ-መዳያዊ ምሕደራ ሃገረ ኤርትራ ምብልሻው: 4) ስርዓተ ሕጊ ዘይክተሉ ማእሰርቲን ጭውያን መቕተልቲን ከምዝበዝሑ ጌርካ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብና ራዕድን ፍርሒን ከምኡ እውን ሓድሕድ ዘይምትእምማን ኣስሪጽካ ህዝባዊ ተቓውሞታትን ቃልሲታትን ኣብ ኤርትራ ከምዝይብገሱ ምግባር: 5) ዲክታተራዊ ስርዓተ መንግስቲ ብኣታሓሳስባን ብግብሪን ብህዝቢ ኤርትራ ቀስ ብቐስ ከምዝርዓም ምግባር: 6) ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ወጺእካ ብውልቀን ብእኩብን ሓሳብካ ክትገልጽ ንዝሕግዘካ ቅዋማዊ መሰልን ናጽነትን ምንፋግ: 7) ንናይ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ምዝራግን ምስሊ ኤርትራ ኣብ ዓለም ምድዋንን: 8) ንሰራዊት ኤርትራ ብዘገምታዊ መስርሕ ብምሕቃቕ ንግብራዊ ህላወ ሚኒስትሪ ምክልኻል ምስራዝ: 9) ብዓቢኡ ከኣ ንሃገርነት ኤርትራን ሃገራዊነት ኤርትራውያንን ምድምሳስ: ወዘተ: ዝኣመሰሉ የጠቓልሉ። እቶም ኣዕነውቲ ስጉምታቱ ኣብ ዝተፈላልዩ እዋናት ዝተፈላለየ መልክዕን ዝርዝርን ይሕዙ እዮም። ይኹን እምበር ዕላምኦምን ትሕዝቶኦምን ብንጹር ዝተፈልጠ ስለዝኾነ ኣንጻሮም ዕቱብ መኸተ ብምክያድ ክቕልበሱ ዝኽእሉ እዮም።

ኣቶ ኤርትራዊ-ኢትዮጵያዊ ሸቶኡ ንምውቃዕ ዝጥቀመሉ ስትራተጂ ብገዚፍ ምስዝጥመት ክኣ ኣብዞም ዝስዕቡ ሹዱሽተ ጨናፍር ጠሚርካ ክተቕርቦ ዝክእል እዩ። 1) ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከም ሓደ ባዕዳዊ ወተሃደራዊ ጸላኢ ጌርካ ምውሳድ። 2) ኣብ ኩሎም ዝውሰዱ ስጉምታት ናይ ምትላልን (deception) ምዕናውን (destruction) ሜላ ምጥቃም። 3) ንህልዊ መሓውርን ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ፍጹም ብምዕናው ንኤርትራ ውድቕቲ ሃገር (failed State) ምግባር። 4) ኤርትራውያን ስራሕ ስኢንናን ብኹሉሙሉ ስቓይ በዚሑናን ክንስደድ እሞ ንኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ ወራር ዝምክት ህዝቢ ዘይብላ (depopulated) ባዶሽ ሃገር ኮይና

ክምትተርፍ ምግባር። 5) ንኹሎም ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኤርትራ ምብልሻው። 6) ሃገርና ብባዕዳዊ ሓይሊ ተጎቢጣ ንክትድምሰስ ዘመቻችእ ኩነት ኣብ ባይታ ምውዳድ።

ናይ ኢሳያስ ናይ ጥፍኣት ስትራተጂን ሜላን ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ብሪጣንያን ኣመሪካን ኣብ 1941 ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝነበረን መርገጺን ኣቶ ኢሳያስ ሎሚ ሒዙዎ ዘሎ መርገጺን ይመሳሰል እዩ። እቲ ፍልልይ፡ ናታተን ግዳማዊ ናቱ ድማ ውሽጣዊ ረቛሒ ብምዃኖም ጥራይ እዩ። ግና ናይ ኣቶ ኢሳያስ መርገጺ ካብ ናታተን ብዝያዳ ይኸፍእ።

ኣብቲ ንነብሱን ንልኣኹቱን ንከዕግብ ዝተለሞ ስትራተጃዊ ኣዕናዊ መደብ ምእንቲ ተዓዊቱ ክውጽእ ንኣቶ ኢሳያስ ግድነት (must) ክልተ ቅድመ-ተደለይቲ (prerequisites) ረቛሕቲ ክረጋገጹሉ ኣድልዮሞ። ንሳቶም፡ 1) ብስልጣን ዝወዳደሮ ሰብ ክህሉ ዘየፍቅድ ዝልዓለ ዲክታቶራዊ ቦታ ብሒትካ ምሓዝን 2) ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ከይግበር ብምኽልካል ኣብ ቦታ ስልጣን ንነዊሕ እዋን ምጽናሕን እዮም።

ኣብ ዝልዓለ ቦታ ስልጣን ኮፍ ምባል ሓለፋ ኣሎዎ። ንኣቶ ኢሳያስ ንዝደለዮ ጉዳይ ብዝውሓደ ዕንቅፋት ክውስንን ከተግብርን ይሕግዞ። ንነዊሕ እዋን ኣብ ቦታ ስልጣን ምጽናሕ ድማ ንመደቡ ብምድህላልን ብምትላልን ከተግብር ዘጋላብጥ እኹል ግዜን ዕድልን ንክህልዎ ይሕግዞ።



# ምዕራፍ (16) ዓሰርተ ሽዱሽተ

## ምፍጣርን ዕማማትን ህግደፍ

ህግደፍ ብጽሑፍን ብንባብን ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራሲን ፍትሕን እዩ። ብክልስ-ሓሳብ ደረጃ፦ ግንባር፡ ዝተወደበ ናይ ቃልሲ ባይታን መስርሕን ዕድልን እዩ። ህዝባዊ፡ ንናይ ህዝቢ ረብሓታት ዘቐድምን ዘገልግልን እዩ። ዴሞክራሲ፡ ብተሳታፍነት ህዝቢ ንህዝቢ ዝምሕደር ፖለቲካዊ ስልጣን እዩ። ፍትሒ፡ ራህዋን ማዕርነት ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊን ዘረጋግጽ ናጽነት ዝርከቦ ኩነት እዩ።

ናይ ህግደፍ ስምን ተግባራትን ግና ተጻረርቲ እዮም። እቲ ጥዑም ስሙ መሕብኢ ወይ መኸወሊ ናይ እከይ ተግባራቱ ኮይኑ። ተግባራት ህግደፍ ምስዚ ዝተዘርዘረ መግለጺታት እዚ ብፍጹም ኣይቃደዉን እዮም። ህግደፍ ወካሊ ናይ ህዝቢ ኤርትራ መሲሉ ክቐርብ ፈቲኑ ኣብ ግብሪ ዘይተዓወተ ምስሉይን ፍሹልን ፖለቲካዊ ውድብ (ሰልፊ) እዩ። ነዚ ክክሓድ ዘይክኣል ሓቂ እዚ ከኣ ህግደፍን ፈጣሪኡ ኢሳያስን ፈሊጦሞ ኣለዉ።

### ምፍጣር ህግደፍ

ኣቶ ኢሳያስ፡ ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1993 ብረፈረንደም ተደምዲሙ ምስተኣወጀ፡ ንውድብ 'ህግሓኤ' ኣሰሪዙ መጋበርያ ናቱ ንክኾኖ ሓዲሽ ኦርዌላዊ (Orwellian) ውድብ 'ህግደፍ' ፈጢሩ። ህግደፍ ንህግሓኤ ክትክእ ኢሉ ኣይቆመን። ቅድሚ ምፍጣሩ ብኣቶ ዘራጊቶን ደገፍቱን ፍሉይ ስረት ተነቢሩሉ እዩ። ንሽሙ ሰልፊ ተብሂሉ ኣናተጸውዐ ከም መባድልቲ ናይ ስሩዕ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ንኽንቀሳቐስ ተሓሲቡ እዩ ተፈጢሩ። ንነብሱ ከም መተካእታ ናይ ህግደፍ ዘይኮነስ ከም ቅያር ናይ ሓጋጊን ፈጻሚን ፈራዲን ኣካላት

መንግስቲ ኤርትራ ጌሩ ክቕጽራ ክምዝኽእል ኮይኑ እዩ ተዋዲዱ። ብግብሪ ከኣ ከምኡ ኮይኑ።

ተጋደልቲ ህግሓኤ ክምእንፈልጦ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ዉሽጢ ህግሓኤ ተሓቢኡ ዝተንቀሳቐስ ምስጢራዊ 'ዴሳዊ ሰልፊ' ኔሩ። ግዜ ብዝሕለፈ እቲ ዴሳዊ ሰልፊ ናብ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ተቐይሩ። ካብ 1987 ንድሓር ከኣ ኣብ ውሽጢ ውድብ ህዝባዊ-ሃገራዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተኾጒጡ። ናጽነት ምስተኣወጀ ህግሓኤ ወግዓዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ ስለዝኾነ ከም ውድብ መጠን ተደምሲሱ። ናጻ ኤርትራ ብስነ-ሓሳብ 'ዴስነት' ወይ 'ማሕበርነት' ዘይኮነት እሲ ብስነሓሳብ 'ማሕበራዊ ፍትሒ' እትምራሕ ሃገር ክትከውን ምኺና ድሮ ኣብቲ ኣብ 1987 ዝተኻየደ ናይ ህግሓኤ ሃገራዊ ውድባዊ ጉባኤ ተወሲኑን ተደምዲሙን እዩ።

ውድብ ህግሓኤ ምስ ቅሃመ መብዛሕትና ተጋደልቲ፡ ብዝያዳ ድማ እተን ንፖለቲካ ህግሓኤ ጥራይ ዝፈልጣ ደቀንስትዮ ተጋደልቲ፡ ኣብ ናይ 1994 'ጉባኤ ናቕፋ' ንዕላማታት ናይ ህግሓኤ ዝቕጽሎ ሓዲሽ ውድብ 'ህግደፍ' ነቑውም ዘለና መሲሉና ኔሩ። ህግሓኤ ንምሉእ ሓርነት ህዝቢ ኤርትራ ይቃለስ ስለዝነበረ ህግደፍ ድማ ነቲ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነት ዝተረፈና ዕማም 'ምርግጋጽ ሓርነት ኤርትራ' መሪሑ ዘቃልሰና ውድብ መሲሉና። ተጋጊና። ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይውክል ውድብ እዩ ክኸውን ኢልና ኣይገመትናን።

ህግደፍ፡ ስሙ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ኤርትራ ፍትሒን ዴሞክራሲን ክስፍን ክሰርሕ ይግባእ ኔሩ። ንሱ ግና ፍትሒን ዴሞክራሲን ኣብ ሃገርና መዓልታዊ ክርገጹን ክድምሰሱን ከለዉ እናተዓዘበ ክጣበቐሎምን ያዕ ክብልን ኣይተራእየን። ብኣንጻሩ እኳ ድኣ ንምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ክከላኸለሉን ንሓድነት ህዝቢን መንእሰይን ኤርትራ ድማ ክፍርስን እዩ ሰሊጡዎ።

ህግደፍ፡ ዓመት-መጸ ሰሚናር ዘካይዱ ዝብሎም በጻሕቲ (tuorists) ኣብ ወጻኢ ሃገር ናብ ዝርከቡ ማሕበረ ኮማት ኤርትራ ይሰድድ እዩ።



ኣብቶም ሰሚናራት ንህሉው ኩነታት ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ጠማዚዙ ናብ ተሳተፍቲ የቕርቡ። ንህዝብና ሓሶታት ምምጋብ ዝለመደ ህግደፍ ንኹሉ እቲ ኣንጻር ፕረዚደንት ኢሳያስ ዝቕንዐ ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ተቓውሞ ከም ኣንጻር ሃገርን መንግስቲን ኤርትራ ዝቐንዐ ተጻብኦ ኣምሲሉ የቕርቡ። ዘውደኽድኻ ኮሚቲታት 'ህዝባዊ መኸተ' ፈቐድኡ የቕውም። ተሳተፍቲ ሰሚናር እዚን እቲን ውሳነን መርገጺን ወሲዶም እናበለ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብሓሶት የጋግዮ። ብሰንኩ፡ እቶም ኣብ ውሽጢን ኣብ ወጻኢ ሃገርን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዛዕባ ህሉዊ ኩነታት ሃገራዊ ጉዳዮም ተጋራጫዊ መረዳእታን ኣፍልጦን ይሕዙ። ሓድነቶም ከኣ ብሰላሕታ ይፈርስ።

ህግደፍ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ጥራይ ዝነጥፍ 'መንእሰይ ህግደፍ' (Young PFDJ) ዝተሰምየ ሓዲሽ ማሕበር ኣቖሙ። ከምኡ መግበሪኡ ከኣ ነቲ ንኩሎም መንእሰያት ኤርትራ ዝውክል ሃማመትኤ ናብ ሰለስተ ክፋላት ንኽገምዮ ስለዝመደበ እዩ። ካብዚእም እቲ ሓደ ክፋል ኣብ ኤርትራ ኣሎ። እቶም ክልተ ክፋላት ከኣ ኣብ ወጻኢ። ናይ ህግደፍን ዘይናይ ህግደፍን ተብሂሎም ይፍለዩ። ሰበ-ስልጣናት ህግደፍ ነቶም ኣባላት ናይ 'መንእሰይ ህግደፍ' ንስኻትኩም ኢኹም ናይ ጽባሕ መራሕቲ ኤርትራ ክትኮኑ እናበሉ ይሽሕጥዎምን ብህርፋን-ሹመት የስክርዎምን። ዘገርም እዩ። ናይ ኤርትራ ናይ ጽባሕ መራሕታ ድኣ እሞ ግድነት ባዕሎም እቶም መንእሰያት ደቃ እዮም ክኾኑ እምበር መን ካልእ ክኸውን ደልዮም መራሕቲ ህግደፍ!!

ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘርከብ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ኣዳኺሙዎ። ነቲ ብጉባኤ ዝተመርጸ ሕጋዊ ኣቦ-መንበር ሃማማተኤ (ኣቶ ሱልጣን) ካብ ስልጣኑ ብዕልዋ (coup d እEta) ገሊፉ ብኻልእ ብጉባኤ ዘይተመርጸ ዉልቀሰብ ተኪኡዎ። ንጉባኤን ምርጫን ናይቲ ማሕበር ትርጉም-ኣልቦ ጌሩዎ። ንሃማማተኤ ብሕጊ ተውሂቡዎ ንዝነበረ 'ናይ ህላወ ናጽነት' ኣሕዲጉ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ምሕደራ ናይ ህግደፍ ኣእትዩዎ።

ግዜ ብዝሓለፈ፡ ህግደፍ ነቶም ኣብ ወጻኢ ን ውሽጢ ሃገርን ተፈላልዮም ተወዲቦም ክሽዱ ዝጸንሑ ክልተ ወገናት ናይ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ሓደ ጠሚሩዎም። ነቶም ዘይህግደፋውያን ዝተባህሉ መንእሰያት ገሊፉዎም። እቲ ዝድለ ግን ኩሎም መንእሰያት ክሰምሩ እዩ። ስለዝኾነ ነቲ ንግዚኡ ብግጉይ ቅመራ ተወሲዱ ዘሎ ኣፈናዊ ስጉምቲ ብእወታ ንርእዮ። ኤርትራዊ መንእሰይ ክአ ነዚ ዳግማይ ተረኺቡ ዘሎ ናይ ማሕበሩ ሓውሲ ሓድነት ብጥንቃቐ ክዕቅቦ ኣሎዎ።

ህግደፍ፡ ንውዳበ ኤርትራውያን መንእሰያት ጥራይ ኣይኮነን ክበላሹ ፈቲኑ። ነቶም ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝተወልዱ እሞ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ዝመስረቱ ሃገራውያን ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ሃማደኤን እውን ኣራኺኪቡሎም። ንማሕበር ሓረስቶት ኤርትራ ኣብኒኑዎ። ንሃማደኤ ኣልሚሱዎ። ንማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ክኣ ብሃኾሰኤ ተኪኡዎ።

ኣብዚ እዋን እዚ ህግደፍ ሓዲስ ቅርጺ ሒዙ እዩ ዝንቀሳቐስ ዘሎ። ኣርባዕተ ክፍልታት ኣለዉዎ። ክፍሊ 1) ቁጠባ፡ 2) ፖለቲካ፡ 3) ባህሊ፡ 4) ውዳበ፡ ይብሃሉ።

<u>ክፍሊ ቁጠባ</u>። ብኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ዝምራሕ ዘሎ ክፍሊ እዩ። ንዝተፈላለያ ኣህዱታት ናይ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ ንኽዘራርግ ይሰርሕ። እቲ ክፍሊ ሎሚ ብኹሉ ሸነኻቱ ምሒር ሓይሉን ሰዊዱን ናይ ምጽያቕ ዕማሙ ይትግብር ኣሎ። ኩሉ ስልጣኑ ተሓዲጉ ንኩሉ ንብረቱ ነናብተን ብግቡእ ዝምልከተን ኣሃዱታት ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኣረኪቡ ብህጹጽ ክድምሰስ ዝግብኦ ክፍሊ እዩ።

ኣብ 1993 ኣብ ምሕደራ ሃገራዊ ቁጠባ ኤርትራ ክልተ ወገናት ማለት ህግደፍን መንግስቲን ጥራይ ይዋስኡ ኔሮም። ኣብ 1997 ግና ቁጽሮም ናብ ሰለስተ ደይቡ። ናይ ፕረዚደንት ኢሳያስ ፍሉይ ምሕደራ ቁጠባ ተወሲኹዎም። በብቕሩብ እቲ ካብ ሰለስቲኦም ዝያዳ ዝደኸመ እቲ



መንግስታዊ ክፋል፡ እቲ ዝሓየለ ድማ እቲ ብፕረዚደንት ኢሳያስ ዝምሕደር ክፋል ኮይኖም። ብህግደፍ ዝምሕደር ክፋል እውን ካብቲ ብፕረዚደንት ኢሳያስ ዝምሕደር ክፋል እምብዛ ኣይሓመቐን። ክልቲኦም ኮይኖም ንሃገራዊ ቁጠባን ንትካላዊ ኣጋባብ ኣሰራርሓን ኤርትራ ንረሓእም ከምዘገልግል ጌሮም ዓብሊሎሞ።

ኣብ ሃገርና ቅቡልን ግቡእን ኣጋባብ ምሕደራ ሃገራዊ ቁጠባ ምእንቲ ክህሉ ግን ናይ ህግደፍን ፕረዚደንትን ምትእትታው ግድነት (must) ክስረዝ ኣሎዎ። ምሕደራ ቁጠባ ሃገርና ኣብ ትሕቲ መንግስታዊ ምምእዛን ክኸውንን እቲ በዞም ክልተ ፈገራግር ወገናት እዚኦም ዝግበር ስርቂን ምዝራው ሃብቲ ናይ ህዝቢን ግድነት ክትርፍን ኣሎዎ። ኣብ ሃገርና ንተሳታፍነት ብሕታዊ ክፋል ምሉእ ዕድል ዝህብ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝምእዘን ስርዓተ ሃገራዊ ቁጠባ ክህሉ እዩ ዝምረጽን ዝግባእን።

<u>ክፍሊ ፖለቲካ</u>። እዚ ክፍሊ እዚ ብኣቶ የማን ገብርኣብ እዩ ዝምራሕ። <u>ምርጫ</u> ሃገራዊ ባይቶ ብህዝባዊ ተሳትፎ ምእንቲ ከይካየድ ይሰርሕ። ባይቶኣዊ ምርጫ ክካየድ ዘይደልየሉ ምኽንያት ንዕድመ ስልጣን ናይ ኢሳያስ ምእንቲ ክነውሕ እዩ። ህዝባዊ ተሳትፎ ዝንጽግ ክኣ ንመሰላት ህዝቢ ዘኽብር ዴሞክርሲያዊ ስርዓተ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ምእንቲ ከይትክል እዩ። ኮይኑ ድማ ህግደፍ ሎሚ ነቲ ናጻ ህላወ ዝነበሮ ሃገራዊ ኮሚሽን ምርጫ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ምሕደርኡ ኣእትዩ ፍጹም ኣልሚሱዎ ይርከብ ኣሎ።

ክፍሊ ፖለቲካ ህግደፍ፡ ዴሞክራሲን መሰላት ህዝቢ ኤርትራን ክግሃስ፡ ፍትሒን ፍርድን ክዕምጸጹ፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኤርትራ ክበላሸዉ፡ ዲክታተርነት ክጉላዕልዕ፡ ሲቪላዊ መንግስቲ እናሃሰሰ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክዕብለል፡ ሃገር ናብ ድኽነትን ድሕረትን ገጻ ክተንሸራትት፡ ኣብያተ ማእሰርቲ ፈቐዶኡ ክህልዉ፡ ወዘተ እናተዓዘበ ተቓውሞ ምእንቲ ከየርኢ ርእሱ ኣድኒኑን ጭርኡ ደጒሉን ዝሃድም ዘሎ ብልሹው ክፍሊ እዩ።

ህግደፍ ኣብ ምብትታን ህዝቢን መንእሰይን ኤርትራ ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ንስደት ኣይምክቶን። ንናይ ህዝቢን መንእሰይን ጥምረታት ብሜላ ይዘርጎ። ካብ ናይ ኣቶ ኢሳያስ ዝፍለ ኣረኣእያን መርገጺን ንዘለዎም ዕቱባት ኤርትራውያን፡ እዚኣቶም ካብ ስራሕ መንግስቲ ከልግሱ ዝግብእዎም ኣባላት ደምበ ተቓውሞ እዮም እናበለ ብሓሶት ይጥቅኖም። ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ የዳጉኖም። ህዝቢ ኤርትራ ክቃወሞምን ክውግዞምን ይግብኦ እናበለ ኣንጻሮም ይጉስጉስ። ብሰንኩ፡ መንእሰይን ህዝብን ኤርትራ ሎሚ ኩሉ መሰሉ ብህግደፍን ኣቶ ኢሳያስን ተግሂሱ ብሕጋዊ ኣጋባብ እኳ ከይእድምን ናይ ተቓዉሞ ሰላማዊ ሰልፍታት ከየካይድን ፍጹም ተኸልኪሉ ኣሎ። ህላወ ናይዚ ፋይዳ ዘይርከቦ ጠፋሽ ክፍሊ እዚ ስለዚ ብህጹጽ ክብቅዕ ኣሎዎ።

<u>ክፍልታት ባህሊን ውዳበን</u>። ናይ ባህሊን ውዳበን ዝብሃላ ክልተ ክፍልታት ህግደፍ  እምብዛ ንጡፋት ኣይኮናን። እቲ ኩላትና ኤርትራውያን እንፈልጦ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ተጠርዩን ምስ መድርኽ ተሳንዩን ዝኸይድ እሞ ንህዝቢ ዘንቅሕ ዝነበረ ዘኹርዕ ሃገራዊ ናይ ባህሊ ንጥፈታት ኣብ ዘበነ ህግደፍ ጠፊኡ። ኣብ እዋን ሰውራ ዝቐርቡ ዝነበሩ ንጥፈታት ባህሊን ስነጥበባትን ብትሕዝቶኦም ንጹራትን ኩሉ-ጎናዊ ንቕሓት ኣብ ኩሎም ተጋደልቲን ህዝብን ዘስርጹን ኔሮም። ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክዘርጉን ሃይማኖታዊ ፍልልያት ከሳውሩን ንዝፍትኑ ሓይልታት ጸላእቲ ብንቕሓት ይብድሁ ኔሮም። ኣንጻር ስምዒታት ትሕቲ-ሃገርነት ዝቃለሱ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ጽንዓትን ተስፋን ዘሰንቑ፡ እናዛናግዑ ዝምህሩ፡ ወዘተ ዝዓይነቶም ኔሮም።

ሎሚ ኣብ እዋን ህግደፍ ኩሎም እዚኣቶም የለዉን። ከም ናታቶም ዓይነት ፍርያት ዘፍሪ ክእለትን ብቕዓትን የለን። ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ጌሩ ኣንጻር በደልን ግህሰት መሰልን ክብድህን ክቃለስን ከምዝኽእል ዘረድኦን ዝውድቦን ንቑሕ ናይ ባህሊ መሪሕ ኣካል ስኢኑ።



**ህግደፍ ክፈርስ እዩ**

እቲ ኩሉሳዕ ክስልበጥ ዘይስከፍ ኣቶ ዘራጊቶ ኣብዚ እዋን እዚ ንህግደፉ እውን ክዘርጎ ጀሚሩ እሎ። ህግደፍ፡ ካድራት ንኽምህር ዝጥቀመሉ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ኣብ ከተማ ናቕፋ መስሪቱ። ኣብ ፈለማ እቲ ቤት ትምህርቲ ቀንጠመንጢ ኣስተምሮታት ይህብ ኔሩ። ጸኒሑ ግን ብዛዕባ ዴሞክራሲን ቅዋም ኤርትራን ክምህር ጀሚሩ። ነዚ ክጻወር ዘይክኣለ ዲክታተር ኢሳያስ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኣዕጽዩዎ። ንብረቱን ህንጻታቱን ብምሉኡ ንማእከል ስልጠና መኮንናት ኣረኪቡ ጠቕሊሉ ካብ ናቕፋ ክወጽእ ኣዚዙዎ። ሕግደፍ ሕራይ ኢሉ ወጺኡ። መትካእታ ቦታ ስለዘይረኸበ ግን ክድራት ክሰልጥን ኣይክኣለን። ክምህር ንዝከበሮ መደብ ብዘይ ናይ ግዜ ገደብ ኣቋሪጹዎ። 'ካድራተይ' ዝብሎም ምልሙላት እኳ ክፍሪ ዘይክኣለ ህግደፍ ስለዚ ኢሳያስ ብዝፈነውሉ መጥቃዕቲ ተሃሪሙ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኑ። ብርግጽ እውን ዕድሚኡ ሓጺሩ ክፈራርስ ጀሚሩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ብፍትወቱ ኣባል ህግደፍ ክኸውን ዝደሊ ኤርትራዊ ዜጋ ዳርጋ የለን። ዝርካቡ እቲ ኣብ ህግደፍ ዝውደብ ዘሎ ሰብ፡ 'ኣባል ኢ'ኻ' ተብሂሉ ክምዝገብ ዝሕበርን ከይፈተወ ካርድ ኣባልነት ተውሂቡዎ ግዱድ ወርሓዊ ክፍሊት ናይ ኣባልነት ዝኸፍልን እዩ። ህግደፍ ካብ ዝቐውም ጀሚሩ ናይ ግንባር ሃገራዊ ጉባኤ ክጽውዕ፡ ገምጋም ከካይድ፡ መሪሕነታት ክቕይርን ሓደስቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂያትን ፕሮግራማትን ከውጽእ፡ ዘይክኣለ ብላሽ ውድብ እዩ።

ኩሉ ምስተባህለን ምስተደመረን እምብኣር ህግደፍ ምስ ምልጋስ ኣቶ ኢሳያስ ተለኪሙ ፍጹም ክድምሰስ ዝግብኦ 'ፖለቲካዊ' ሰልፊ ኮይኑ እሎ። ህግደፍ ምስ ኩሎም ኣካላቱን ኣባላቱን ጠቕሊሉ ክፈርስን ንብምሉኡ ንብረቱን ስልጣኑን ንዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ኤርትራ ከረክብን ኣለዎ። ምናልባት ንህግደፍ ዝትክእ ካልእ ሓዲሽ ኣካል ክህሉ እንተኣድለየ ክኣ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ኣሎ። ባይቶ ምስወሰነ እቲ ዝምልከቶ ወገን ብሕጊ ክማልኡ ዘለዎም ቅጥዕታት

ኣማሊኡ ሓዲሽ ውድብ ከቕውም ወይ ንህሉዋት ከመሓይሽ ይኽእል እዩ።

**ህግደፍ፡ ሃይማኖት፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ**

ህግደፍ ንዕዙዝ ባህሊ ሃይማኖታዊ ስኒት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ብቕኑዕ ኣይሓዞን። ኣቶ ዘራጊቶ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታት ኤርትራ ንዝወሰዶ ፖለቲካዊ ጣልቃ ምእታው ኣይተቓወሞን። ኣብ ኤርትራ ሃይማኖትን ፖለቲካን ብቅዋም መሰረት ዝተፈላለዩን ነብሶም ዝኽእሉን ክነሶም (secularist system) ኣቶ ዘራጊቶ ነዚ ኩነት እዚ ዘራሪጉዎ። ንንጥፈታት ፖለቲካ ኣብ ውሽጢ ጉዳይ ሃይማኖታት ኣእትዩዎም።

ኣቐዲምና ሃይማኖት ኣብ ዝኾነ ይኹን ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ኣካል ናይ ምሕሳብን ምንባርን ሕቶ ስለዝኾነ ብቐሊሉ ክግሃስ ዘይግብእ መሰልን ኣካል ናይ ሃገራዊ ባህሊን እዩ ኢልና ኔርና። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተገንዚቡን ኣብ መትከል ሃይማኖታዊ ስኒት ጸኒዑን እናሰርሐን እዩ ድማ ሓድነቱ ዓቂቡ ኣንጻር ኩሎም ዘጋጠሙዎ ብድሆታት ተጻብኦታትን ብዓወት ክቃለስ ክኢሉ። ንኣብነት ኣብ እዋን ረፈረንደም፡ ሽዑ ጋሻ ንዝነበረ ሃይማኖት ጅሆቫ ዊትነስ ገዲፍካ፡ ኩሎም ሃይማኖታት ኤርትራ ከም ቀደሞም ኣብ ሓደ ሃገራዊ ዕላማ ጥሙራትን ስሙራትን ኮይኖም ተቓሊሶም። ተዓዊቶም ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣዓዊቶሞ።

ካልእ ኣብነት እውን ኣሎ። መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ ዋላ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ ምምሕዳር ባዕዳዊ ጸላኢ (ኢትዮጵያ) እናሃለዉ እዮም ናይ ሓባር ኮሚቲ ኣቚሞም ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖታዊ ስኒት ጠሚሮሞን ኣልዮሞን። ንናጽነት ኤርትራ ኣቃሊሶሞ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብኹሉ ሸነኻቱ ተዓዊቱ። ህግደፍን ኣቶ ዘራጊቶን ግና ነዚ ክቡር ሃገራዊ ሃይማኖታዊ ባህሊ እዚ ክብሕግግዎ ደልዮም። ፊትንፊት ኣንጻሩ ተቓሊሶም።



ኣቶ ዘራጊቶ ሎሚ ንኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኣብ ክልተ ንኽገምዕ ህልኽ ሓዊሱ ይቃለስ ኣሎ። ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃይማኖት ተዋህዶ ጣልቃ ብምእታው፡ ኣብ ደረጅኡ ጳጳስ መሪጹ ክምዝዝ ዘኽእሎ ዝኾነ ይኹን ፖለትካዊ ወይ መንፈሳዊ ስልጣን ዘይብሉ ክንሱ፡ ብሲኖደስ ንዝተመርጹ ጳጳስ ኣቡነ ኣንጤንዮስ 'ክቡር መራሒ መንግስቲ፡ ያዕ፡ ትጋገ ኣለኻ ስለዝበሉዎ ጥራይ ኣብ ማሕዩር ዳጒኑዎም። ንዕኦም ዝትክኡ ካልእ ጳጳስ ሾይሙ። ከምኡ መግበሪኡ ምኽንያት ከኣ ንኣመንቲ ሃይማኖት ተዋህዶ ብሽርሒ እናከፋፈለ በብተናጸል ከጥቅዖም ስለዝሓሰበ እዩ ኔሩ። እቶም ኣመንቲ ግና፡ ዝገጠሞም ብርቱዕ ዕንቅፋት ብዘየገድስ፡ ከይተገርሁ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ሃይማኖታዊት ዘንጊ ተዓቚቦም ንስይጣናዊ መጥቃዕቲታቱ ብጅግንነት መኪቶሞን ይምክቱዎ ኣለዉን።

ኣቶ ዘራጊቶ ኣብ መንጎ ምእመናን ኣስላምን ክስታንን እውን ፍልልይ ክፈጥር ፈቲኑ። ንቲ ኣብ ካባቢ ጥሪ 2014 ብጉጅለ ወዲ-ዓሊ ዝተፈጸመ ኣንጻር ዲክታተራዊ ስርዓቱ ዝቐንዐ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኣቶ ኢሳያስ ሃይማኖታዊ መልክዕ ከትሕዞ ሃቒኑ። ንቲ ብሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ጌሩ 'እመን ኣይትእመን' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘድረሶ ብሓሶት ዝተጠቕጠቐ ጽሑፍ ኣብ ዓምዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣስፊሩዎ። ብሃይማኖት ምስልምና ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ክርስትና ዝተፈጸመ ሃይማኖታዊ መጥቃዕቲ 'ጂሃድ' ኣምሲሉ ክግልጾ ፈቲኑ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ንሓደገኛነት ናይቲ ጽሑፍ ምስኣንበቦ ንእከይ ዕላማ ናይ ህግደፍ ተረዲኡ ነጺጉዎ። ወዮ ወትሩ ኣብ ስኒት ሃይማኖታትና ዝተሰረተ ሓድነት ኤርትራውያን ምእመናን ብድሌትን ስይጣናዊ ዘመተን ናይ ኣቶ ኢሳያስን ህግደፍን ከቶ ኣይተዘርገን!

ኣብ ትሕቲ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ንጉዳይ ሃይማኖታት ኤርትራ 'ዝከታተል' ብኢሳያስ ዝተተኽለ ሓደ ኣካል ኣሎ። እዚ ኣካል እዚ ንኹለን ሃይማኖታት ሃገርና ወግሐ-ጸብሐ ይቱኹቱኸን። 'እዚ ግበራ፡ እቲ ኣይትግበራ' እናበለ ኣብ ጉዳያተን ጣልቃ እናኣተወ

ክእዝዘን ይመጣጠር። ኣብ ገለ እዋናት ንብረተን የሕድገን። ኣብ ገሊኡ እዋናት ክኣ ናይ ገንዘብን ንዋትን ድጎማ ከምዝውሃበን እናገበረ ይሽሕጠን። እናሻዕ ንሃይማኖታት ካቶሊክን ከኒሻን ብሰላሕታ የፈራርሀን። ንሃይማኖታት ተዋህዶን ምስልምናን ድማ ካብ ግምጃ መንግስቲ ዓመታዊ ብዝፍና ባጀት ጌሩ ይድጉመን። ከምዚ ዓይነት ከፋፊሊ ሜላ እዚ ተጠቒሙ፡ ኣይሰልጠን ድኣ እዩ እምበር፡ ኣብ መንጎ ስኒት ሃይማኖታት ኤርትራ ነቕዓት ክፈጥር ህርድግ ይብል። ትኩራት መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ ግን ሕጂ እውን እንተኾነ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖትን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ንዝመጾም ሽርሒታት ከም ወትሩ ብንቕሓት እናፍሸሉ ንሽግራቶም ብዓቕሊን ብልቦናን መኪቶም ይሓልፉዎ ኣለዉ።

ኣብ መጻኢ እዋን ስለዚ፡ ካብ ዝሓለፉ ተሞክሮታትና ተምሂርና፡ ንዘኹርዕ ሃይማኖታዊ ቅርስናን ስኒትናን ከነደልድልን ክንዕቅብን (to consolidate) ዘኽእለና መገዲ ብኣግኡ ክንቅይስ የድልየና። ካብ ቀጥታዊ ቁጽጽር መንግስቲ ናጻ ዝኾነን ነብሱ ዝኽኣለን ዝተመሓየሸ ኣጋባብ ኣተሓሕዛ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ክነተኣታቱ የድልየና። ንስኒት ናይ ሃይማኖታት ሃገርና ዘተባብዕን ዘወሃህድን ንሃገራዊ ኮሚሽን ንምርግጋጽ ስኒት ሃይማኖታት (National Commission for the Assurance of Harmony of Religions— NCAHR) ዝዓይነቱ ምዕቡል ኮሚሽን ክሃልወና መድልየና።

ብርኢቶይ፡ ናይ ሃይማኖታትን ቋንቋታትን ኮሌጅ (College of Religions & Languages) ይሃልወና። ኣብቲ ኮሌጅ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰረታዊ ጽፍሒ፡ ብዛዕባ 1) እንታይነት ሃይማኖትን (The essence of religion) 2) ምንጽጻር ሃይማኖታትን (Comperative religions) ዝምልከቱ ከም መእተዊ ዘገልግሉ ትምህርታት (Introductory courses) ክውሃቡ ምተኻእሉ። ካብ ካልኣይ ልዑል ጽፍሒ ንድሓር ክኣ ተምሃሮ ናብ ዝመረጽዎ ዓይነትን ዓውዲን ሃይማኖት ኣድሂቦም ብቀልቀት ኣብ ዘጽንዕሉን ዝመራምርሉን ጨንፈር (Section for a particular religion) ምኣተዉ። ግና ክኣ ተምሃሮ ንዝመረጽዎ ፍሉይ ሃይማኖት ብጥልቀት ከጽንዕዎ ዋላ እኳ እንተኽኣሉ እቲ ዩኒቨርሲቲ ናይ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ሰዓብቲ ንክፍሪ ዝሰርሕ ትካል ክኸውን የብሉን። ምፍራይ ምእመናን ዕማም ናይቶም መራሕቲ ናይተን ሃይማኖታት እዩ። ኣብ ኣብያተ ስብከተንን ጸሎተንን ድማ ይፍጸም።



እቲ ዩኒቨርሲቲ፡ ዕቱብ ማዕዳ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ንመንግስቲ ዝህቡ፡ ዝኾነ ዓይነት ውልቃዊ ሃይማኖት ንገዛእ ርእሶም ዘለዎም፡ መወከሳት ክኾኑ ዝኽእሉ፡ ናይ ስነ-ሃይማኖት ፈላጣትን ተመራመርቲን (specialists) ኣብ ምፍራይ ጥራይ እዩ ክነጥፍ።

ሎሚ ፖለቲካ ዓለም ዳርጋ ግሁድ ሃይማኖታዊ መልክዕ እናሓዘ ይመጽእ ኣሎ። ስለዚ ኤርትራውያን ካብ ዕቱብ ሃይማኖታዊ ንቕሓት ተበጊስና፡ ሓድነትን ስኒትን ሰኒቕና፡ ሃገራዊ ረብሓታትና ንምዕቃብ ምስ በብዓይነቶም መንግስታት ዓለም ብብቑዓትን ብሓድሕዳዊ ኣኽብሮትን ክንዋሳእ ክንክእል ይግብኣና እዩ።

## ምዕራፍ (17) ዓሰርተ ሸውዓተ

## ኢድማሳዊ ወተሃደራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡

## ምትካል ምልካዊ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ

ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሪር ስቅያትን ሰፍ ዘይብሉ ዕንወታትን ኣእትዩዎ ዘሎ እቲ ሎሚ ኣቶ ኢሳያስ ብፍላጥ ኣባላሽዩዎ ዘሎ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። እዚ ምዕራፍ እዚ ጽምብኣር ንፖለቲካ ናይዚ መደብ እዚ ብሓጺር ክድህስሶ እዩ።

ኣብ መጀመርታ 90 እታት ጉዳይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣገዳሲ ዓቢ ሃገራዊ ዛዕባ ኮይኑ። ንናይ መጻኢ ነሲብ (fate) መንእሰይን ሃገርን ኤርትራ ዝትንክፍ ተኣፋፊ ነጥቢ ስለዝነበረ ነቲ ዛዕባ ኩላትና ሃገራውያን ኤርትራውያን ብማዕረ ተገዲስና ትኹረት ጌርናሉ። ኣቶ ኢሳያስ ብወገኑ ካብ ናይ ገዛእ ርእሱ እኩይ ቅመራ ተበጊሱ ነቲ ዛዕባ ተገዲሱሉ። ሽዑ፡ ንመደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ሓደ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝዘውተር ንቡር ሃገራዊ ግዴታዊ ዕማም ጌርና ኢና እቶም ሃገራውያን ኤርትራውያን ጠሚትናዮ። ንኣቶ ኢሳያስ ግን፡ ሃገርን ህዝቢን ኤርትራ ናይ ምድምሳስ ናይ ውልቁ ድጉል ኣዕናዊ ዕላማን ስትራተጂን ስለዝነበሮ፡ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ሓደ ብሽርሒን ጉርሒን ክሕዞ ዝግብኦን ከም መጋበርያ ዝጥቀመሉን ጉዳይ ኮይኑዎ።

ንኢሳያስ፡ ነቲ ኣብ ምምሕዳር ገዚፍ ሰራዊት ዝግበር ልሙድ ሜላ ተጠቒሙ፡ ንብሙሉኡ ህዝቢ ኤርትራ ከም <u>ሓደ ሰብ</u> (as a single



individual) ጌሩ ንኸማሕድሮ ዘኽእሎ ጥጡሕ ባይታ ብኣጋ ክዋድድ ኣድልዩዎ።

ሃገራውያን ኤርትራውያን ንነቑጣ ሳዋ ከም ሓንቲ ንመንእሰያት ብኣካዳሚን ብሳይንስን ተክኖሎጂን እተስተምህር ዓባይ ከተማ (city) ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት ኮይና ክትዓቢ ኢልና ኢና ሓሲብናያ። እምበር ከም ንእሽቶ ወተሃደራዊት መዓስከር ክትከውን ኢልና ኣይብሃግናያን። ብኣንጻር እዚ ናትና ኣረኣእያ እዚ ግን ወዮ እቲ ወትሩ ጠላምን ዘራጊቶን ዝኾነ ኢሳያስ ኣብ እከይ ጸረ-ኤርትራ መደቡ ረጊጹ ንሳዋ ካብ መፈለምታ ጀሚሩ ናብ ደረጃ ከተማ ዘይትምዕብል ገጠራዊት እሞ ነባሪት ወተሃደራዊ ነቑጣ ጥራይ ኮይና ክትተርፍ እዩ ደልዩዋ። ንድሌቱ ግን ብጋህዲ ክንጸባርቖ ኣይመረጸን። ከምኡ ክኸውን እውን ንጽበዮ ኢና። ንእኩይ ድሌቱ ሚስጥራዊ ጌሩ ክሕዞ ናይ ግድን እዩ።

ኮይኑ ድማ፡ ካብ 1991 ክሳብ 1996 ኣብ ዘሎ ሓጺር እዋን ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከቱ ብድምር <u>ኣርባዕተ</u> ኣዋጃት ብተኸታታሊ ተኣዊጀም። ፈለማ ኣብ 1991፡ ድሕሪኡ ንዕኡ ዘመሓየሸ ኣብ 1994፡ ቀጺሉ ንክልቲኦም ዝሰረዘን ›ሓዲሽ እን ኣዋጅ ኣብ 1994፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ነቲ 'ሓዲሽ' ዘመሓየሸ ካልእ ኣዋጅ ኣብ 1996፡ ተርታኦም ተኸቲሎም ተኣዊጀም።

ሃገራዊ ኣገልግሎት ክህሉን ክጅመርን ኣብ 1991 ብግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝተወሰነሉ እዋን እቲ ናይ ሽዑ መንግስቲ ብኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ እዩ ዝምራሕ ኔሩ። ስለዚ ነቲ ሓሳብ ፈለማ ዘንቀለ ውልቀሰብ መን ምንባሩ ኣይፍለጥን እዩ። ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ኣብ ግምት ክኣትዉ ዝግብኦም ዝተፈላለዩ ውሁባት ረቛሕቲ ግን ኔሮም። ንኣብነት ንኣቶ ኢሳያስ ክሳብ ፍርቂ 1992 ኣብ ናይ መሪሕነት ስልጣን ክጸንሖ ዘኽእሎ ዕድል ኣብ መፋርቕ 1987 ተውሂቡዎ ስለዝኾነ ኣቶ ኢሳያስ ናይ ቀዳሞት 5 ዓመታት ዕድመ-ስልጣኑ ጌና ኣይወድኣን ኔሩ።

እቲ ሽዑ ኩሎም ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኣብ ስልጣን ከለዉ ዝተኣወጀ ፈላሚ መደብ ሃገራዊ ኣግልግሎት ኣብ ዕላምኡ ምሉእ ሲቪላዊን ፈኩስ ወተሃደራዊን ዝምስል ዓይነት ኔሩ። 'ኣገልገልቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓውዲ ስራሕ ክገልግሉን ብናይ ሽዑ ጽሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ንዝተወሰነ ፍሉጥ ግዜ ናብ ስራሕ ክምደቡን ምኽኣኖም ኣብቲ ኣዋጅ ተብሂሉ። ሓደ ኣብነት ንምጥቃስ እኳ፡ እቶም ፈለምቲ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ 1993 ኣብ ምስልሳል ስሉጥ መስርሕ ረፈረንደም ተመዲቦም ተሳቲፎም። ረፈረንደም ምስተዛዘመ፡ ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ኣገልገልቲ ንኸዕለሙ ኣብ 1994 ናብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ወሪዶም።

ዕድመ ኣገልገልቲ ኣብ ክሊ 18-40 ዓመት ዝተሓጸረ፡ ናይ <u>ንጡፍ</u> ኣገልግሎቶም ግዜ ድማ ኣብ 12-18 ኣዋርሕ ዝተደረተ እዩ ይብል ኔሩ ናይ 1991 ኣዋጅ። ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ግድነታዊ ናይ ወተሃደራዊ ታዕሊም ኮይኑን ዝስዕባ 12 ኣዋርሕ ከከም ኩነታት ተርእዩ ክመዓራረያ ዝኽእላ ናይ ሃገራዊ 'ኣገልግሎት' ግዜ ኔረን።

ኣገልገልቲ ንዝተመደበሎም ንጡፍ ኣገልግሎት ምስወድኡ እንተደልዮም፡ ኣብ ዉሽጢ ናይ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ፡ ነናብ ናይ ቀደም ቦታ ስርሖም ንክምለሱ ኣፍቂዱ እቲ ኣዋጅ። ብዛዕባ ጉዳይ ናብ ስራሕ ምምላስ ናይቶም ቅድም ኣብ ስራሕ ዘይጸንሑ ኣገልገልቲ ግን ብኸመይ ክትሓዝ ምኻኑ እቲ ኣዋጅ ኣይጠቐሰን። ንጡፍ ኣገልግሎቱ ዝውድአ ዜጋ ኣብ ዝኾነ እዋን ንሃገራዊ ክተት ወይ ወተሃደራዊ ልምምድ ድልዊ ምእንቲ ክኸውን ተሓሲቡ ናይ መሓለውታ ኣሃዱኡን ቦታኡን ኣብ እዋን ምፍናው ክንገሮ ምኻኑ ገሊጹ እቲ ኣዋጅ።

ናይ 1991 ኣዋጅ ኣብ ትሽዓተ (9) ምድባት ንዝተኸፍሉ ኣሽሓት ሰባት ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ክኾኑ ኣፍቂዱሎም። ክልተ ዓይነት ምስክር ወረቐት ክዕደል እዩ እውን ኢሉ። ቀዳማይ ምስክር ወረቐት ሓደ ዜጋ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ዝፈጸመ ዘረጋግጽ እቲ ካልኣይ ድማ ኣድላዪ እንተኾይኑ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ምኻኑ



ዘረጋግጽ ኔሩ። ይኹን እምበር ነጥቢ ምዕዳል ምስክር ወረቐታት ክይተተግበረ ተድበስቢሱ ተሪፉ።

ንሓደ ካብዞም ዝተጠቐሱ ክልተ ምስክር ዶኩመንታት እዚኦም ክየቕረበን ፍቓድ ካብ ጽሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ከይረኸበን ዝኾነ 18-40 ዓመት ዝዕድሚኡ ኤርትራዊ ናብ ወጻኢ ሃገር ክገይሽ፡ ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ወይ ውልቃዊ ስራሕ ክቑጸር ወይ ኣብ ንግዲ ክነጥፍ፡ ኣብ ናይ መዓልቲ ወይ ናይ ምሸት ትምህርቲ ክምሃር፡ ኣየፍቀደሉን እቲ ኣዋጅ።

ዘገርም እዩ። ኣብ ክሊ ዕድመ 18-40 ዓመታት ዝርከቡ ኤርትራውያን ዕለታዊ ኣብ ስራሕ እንተዘይነጢፎም ወይ ድማ እንተዘይተምሂሮም ድኣ እሞ ናይ ሕጂን መጻኢትን ኤርትራ ኩነታት ከመይ እዩ ክኸውን ዘብል ኔሩ እቲ ዝተዘርዘረ ቀይዲታት። ብስንኪ እዞም ቀይድታት እዚኦም እቲ ቅኑዕን ስሩዕን ክኸውን እዩ ተብሂሉ ዝተጀመረ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብስላሕታን ዘገምታን ንንቡር መዓልታዊ ሂወት ህዝቢ ኤርትራ ብግዙፍ ናብ ዝዘርግ ኣዕናዊ ሃገራዊ መደብ ተቐይሩ።

ኣብ ኣባላት ህግሓኤ ገኒኑ ዝነበረ ናይ ዓስከራዊ ቅርጸተ-ኣተሓሳስባ እውን (militarist mind-set) ንትሕዝቶ ናይቲ ኣዋጅ በኪሉዎ። ዲክታተራዊ ባህርያትን ትሕዝቶን ዘለዎም ኣዋጃት ብፕረዚደንታዊ ስልጣን ብዘይስክፍታ እናተኣወጁ ከለዉ ሕራይ እናበልና ዓስከራዊ ትእዛዝ ምኽባር ዝለመድና ተጋደልቲ ኣይተቓወምናን። ሲቪላዊ መሰላት መንእሰይን ህዝብን ኤርትራ ብቀጻሊን ስሩዕን ኢጋባብ ክግሃስ ክሎ ምርኣይ ልሙድን ቅቡልን እናኾነ መጺኡ።

እቲ ኣብ ሜዳ ዝተጠርየ ናይ ዓስከር ቅርጸተ-ሓሳብ ንተጋደልቲ ህግሓኤ ኣብ ብዙሕ መዳያት ናይ ሲቪላዊ ሂወትና ጎዲኡና። ቀልጢፍና ካብ ማሕንቖታቱ ክንናገፍ ስለዘይክኣልና፡ ብዓንቃፊ ጽልውኡ እናተዘወርና ንዓሰርተታት ዓመታት ንድሕሪት ገጽና ሰጒምና። ተጋደልቲ ህግሓኤ እቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ዘሕለፍናዮ ዘይምቹእ ኩነታት ኣብ ገስጋስ ውልቃዊ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ

ንዘውረደልና ሕጽረታት ተቓላጢፍና ክንእርሞ ይግብኣና እኳ እንተነበረ ኣይተዓወትናሉን። ሓዲሽን ተወሳኺን ኣካድያማዊ ትምህርቲ ከይደለብና በሊናን ኣሪግናን። ብሰንኩ፡ ተጋደልቲ ህግሓኤ ንነብስናን ንሃገርናን በዲልና!

<u>ኣብ መጋቢት 1994</u> ብዝወጸ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከት ኣዋጅ መሰረት፡ ነቲ ናይ 1991 ኣዋጅ ኣብ ትሕዝቶኡ ናይ ምኽራር ለውጢ ተጌሩሉ። ብዝያዳ ናብ ዓስከራውነት ገጹ ኣድሂቡ። ሹዱሽተ (6) ካብቶም ትሽዓተ (9) ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ክኾኑ ዝኽእሉ ተብሂሎም ዝነበሩ ምድባት ተሰሪዞም። ቁጽሪ ናይቶም ናጻ ክኾኑ ዝኽእሉ ምድባት ናብ ሰለስተ (3) ጥራይ ወሪዱ። ናጻ ክኾኑ ዝኽእሉ እቶም፦ (1) ናይ 1994 ኣዋጅ ቅድሚ ምእዋጁ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘበርከቱ፡ (2) ኣብ ንጡፍ ስራሕ መንግስቲ ዝሰርሑ ዘለዉ፡ (3) ንክገልግሉ ብቑዓት ከምዘይኮኑ ብቦርድ ሕክምና ዝተመስከረሎም ጥራይ ኮይኖም። መተካእታ ምስዝርከበሎም ወይ ጥዕንኦም ምስ ዝመሓየሽ ግን እቶም ኣብ (2)ን (3)ን ተሰሪዖም ዘለዉ እውን እንተኾኑ ንኣገልግሎት ክጽውዑ ዝኽእሉ ኮይኖም።

ኣብ ዓመተ 1993 መስርሕ ረፈረንደም ስለዝተወድአ ንኣቶ ኢሳያስ ኪኖ 1993 (ንካልኣይ ሓሙሽተ ዓመት) ክሳብ 1997 ኣብ ስልጣን ዘጽንሑ ኩነታትን ዕድልን ብኣጋጣሚ ተረኺቡ። ኣብ ዓመተ 1995 መስርሕ ምንዳፍ ቅዋም ኤርትራ ተበጋጊሱ። ደድሕሪ ምጽዳቕ ቅዋም ስለዚ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ክካየድን ሓዲሽ ባይቶ ኤርትራ ክቖውምን ስለዝኾነ ንኣቶ ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ናይ ምውራድ ተኽእሎታት ኣንጸላልዩዎ።

<u>**መደብ ሃገራዊ ኣገግሎት ንዝተበገሰሉ ዕላማ ይስሕት**</u>።

ኣብ ጥቅምቲ 1994 ኣቶ ኢሳያስ ነቶም ኣቐዲሞም ዝተኣወጁ ክልተ ኣዋጃት ዝሰረዘን ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘለዎን ማይ ዘይጥዓመ 'ሓዲሽ ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት' ኣኣዊጁ። ካብ መጋቢት ክሳብ ጥቅምቲ 1994 ኣብ ዝነበረ እዋን ክልተ ኣዋጃት ተኣዊጆም። ሓደ ካብቶም



ዕላማታት ናይቲ ኣዋጅ '<u>ህላወ ናጻን ልኡላዊትን</u> ኤርትራ <u>ንምርግጋጽ</u> ዘኽእል <u>ህዝባዊ</u> መሰረት ዘለዎ <u>ዱልዱል ሓይሊ ምክልኻል ምቛም</u>' ዝብል ኮይኑ። ከምኡ ምባል ዘድለየሉ ምኽንያት ግን ብዘይካ ኣቶ ኢሳያስ ካልእ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን።

ዕላማ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብፍላጥ ክስሓትን ኣንፈቱ ክቕይርን ጀሚሩ። እቲ መደብ ንዝነበሮ ሲቪላዊ ባህሪኡ ኣልዚቡዎ። ናብ ዕስክርና ገጹ ዘዝዩ። 'እዛ ጨና እዚኣ፡ ነገር ኣላታ' ኣቢሉ። ከም ሳዕቤን ናይቲ ኣቶ ኢሳያስ ንበይኑ ኮይኑ ዝሓንጸጾ እኩይ ዕላማን መደብን፡ ኤርትራን፡ ህዝባን መንእሰያታን፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን፡ ኩሉ እቲ ዝነበረና ሰላምን ርግኣትን ተዘሪጉ፡ ኣንጻር መንን ምዓስ ግዜን ምዃኑ ብንጹር ኣብ ዘይተፈልጠ ኣዝዩ <u>ኣዕናዊ</u> ኩናት ክንኣቱ ምዃንና ተኣንፈቱልና።

ኣዋጅ ጥቅምቲ 1994 ኣብ ናይ መእተዊ ክፋሉ ኣብ ዘስፈሮ ሓሳብ፡ 'እዚ ዘሎን መጻኢን ትውልዲ ቀጻልነት ህላወ ናጻን ልኡላዊትን ኤርትራ ናይ ምዕቃብን ምርግጋጽን ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣለዎ' ይብል እሞ ኣብ ታዕሊም ዝሓልፍ ግዜ ንሓደ ሃገራዊ ኣገልጋሊ '<u>ካብ ሲቪላዊ ናብ ወተሃደራዊ ዓለም ዘሰጋግረሉ መድርኽ</u>' ምዃኑ የነጽሮ። ሓደ ተዓላሚ 'ኣብ 'መደበር ታዕሊም ንዝውሃብ ወተሃደራዊን ኩሉ-መዳያዊን ትምህርቲ ብግቡእ ክፈልጦን ክኽታተሎን ይግባእ' እውን ኢሉ።

ብመሰረት እዚ ሓዲሽ ናይ ጥቅምቲ 1994 ኣዋጅ እዚ ካብ ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናጻ ክኾኑ ዝኽእሉ ክልተ ጉጅለታት እቶም፦ 1) እቲ ኣዋጅ ቅድሚ ምእዋጁ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘበርከቱ ዜጋታትን 2) ኩሎም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ምሉእ ግዚኦም ዝተሳተፉ ምዃኖም ዝተረጋገጸሎም ተጋደልቲን ሚሊሻን ጥራይ ኮይኖም።

ብተወሳኺ፡ ብሃገር ደረጃ ዕቑር ስራዊት ክቖውም ምዃኑ ኣብቲ ኣዋጅ ተገሊጹ። ዕቑር ስራዊት፡ ኣብ ግዜ ክተት ይኹን ህጹጽ ኩነታት

ተጸዊዑ ብዝተወደበ መልክዕ ኣብ ጎኒ ምዱብ ሰራዊት ንክገልግል ክም መሓለውታ ዝቐመ ሰራዊት እዩ።

ብመሰረት እቲ ኣዋጅ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ጉጅለታት ናይ ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድሚኦም ዜጋታት ኣብዚ ዕቑር ሰራዊት እዚ ናይ ምግልጋል ግዴታ ኣለዎም። 1) ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወድኡ፡ 2) ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኔሮም ዝተማየሱን ኣብ ሲቪል መነባብሮ ዝርከቡ ተጋደልቲን ሚሊሻን፡ 3) ተጋደልቲ ኔሮም ኣብ ብሕታዊን ህዝባዊን መንግስታዊን ስርሓት ተዋፊሮም ዝሰርሑ ዘለዉ፡ 4) ኣብ ሓይልታት ውግእን (ሓይሊ ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየር) ፖሊስ ሰራዊትን ክገልግሉ ጸኒሖም ዝተሰናበቱ።

እቲ ኣዋጅ ብተወሳኺ፡ 'ኣብ ግዜ <u>ክተት ወይ ኩናት</u>' ዝኾነ ንጡፍ ኣገልጋሊ <u>ብዘይ ናይ ግዜ ገደብ</u> 'ንልዕሊ 18 ኣዋርሕ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ምጽናሕ ግዴታ ኣለዎ' ይብል እዩ።

ብግዴታታት ናይ ኣዋጃት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይተተንከፈ ኤርትራዊ ዜጋ ስለዚ ዳርጋ የለን። ዳርጋ ብምሉኡ ህዝቢ ኤርትራ ናብ መሳርዕ ንጡፍ ኣገልግሎት ወይ ዕቑር ሰራዊት ተጠርኒፉ። ግዚፍ ሰራዊት ኣቑሙ። ኤርትራ ብሰላሕታዊ መስርሕ ተዳህሊላን ክይተፈለጣን <u>ዓስከራዊት</u> ሃገር (militarist state) ኮይና። ሲቪላዊ መንግስቲ ዘለዋ ሃገር ምኻን ገዲፋቶ። ዱልዱል ሰረት ዘለዎ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ተማሂዱ።

እቲ ድሕሪ ምዝዛም ኩናት ወያነ ዝተፈነወ 'ኣብ ኩነተ ኣይሰላም/ኣይኩናት ኢና ዘለና' ዝበለ ናይ ህግደፍ ናይ ምድንጋርን ውዲትን ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ እምብኣር ግድነት ምስ ትሕዝቶ ናይ ኣዋጃት ሃገራዊ ኣገልግሎት ተዋሲቡ ክርኣ ይግብኦ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝርከቡ ብፍሉይ ዝጥመቱ ሰባት (ናይ መንነቶም ገደብ ዘይተገልጸ) ክከም



ኣድላይነቱ ናብ ምዱብ ሰራዊት ክሰጋግር ስልጣን ከምዘለዎ ኣብቲ ናይ ጥቅምቲ ኣዋጅ ተጠቒሱ። ዘደንጽ እዩ!

መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባይቶ ኤርትራ ጌና ከይተኻትዓሉ ከሎ ኣብ 1994 ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኤርትራ (ውሽጢ ሃገር) ኣድማሳዊ (universal) ግዴታ ዘለዎ ኮይኑ ብኢሳያስ ተኣዊጁ። ብኡ መሰረት ኩሉ እቲ ኣብ ክሊ 18 ክሳብ 50 ዓመት ዝርከብ ኤርትራዊ ናብ ዓስከር ተቐይሩ። ብግብሪ ኸኣ ዓሰርተታት ኣሽሓት ልዕሊ 50 ዓመት ዋላ ዝዕድሚኦም ዝርከቡዎም ዘይተፋነዉ (ተጋደልቲ) ዓሳከር ኣባላት ናይዚ ብባህሪኡ ተመሓይሹ ዘሎ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዚ ኮይኖም።

ኣብ 1996 ዝተኣወጀ መመሓየሺ ኣዋጅ ፍልይ ዝበለ ትሕዝቶ ኣሎዎ። ቁጽሪ ናይቶም ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብግቡእ ዘማልኡ ዜጋታት ስለዝበዝሐን መንግስቲ ኣብ ስራሕ ክመልሶም ኣጸጋሚ እናኾነ ስለዝመጸን ነዚኣቶም ኣብ ዝኾነ <u>ብሕታዊ</u> (ናይ ግሊ) ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ተወዳዲሮም ክቑጸሩ ቀዳምነት ክውሃብም ከምዝግባእ ሓቢሩ። ናይ ግሎም ዋኒን ወይ ስራሕ ክህልዎም ይኽእሉ እዮም ግን ኣይበለን።

ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምዳርን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ኣብ ምትግባር ኩሎም ኣዋጃት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሓድሕድ ተማላሊኦም ክሰርሑ ሓላፍነት ኣለዎም እውን ኢሉ እቲ መመሓየሺ ኣዋጅ።

እቶም ሚኒስትሪታት ነቶም ንጡፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነዊሑ ዎምን መሪሩዎምን ብዓቕሊ ጽበት ክካብ ኣሃዱኦም ሃዲሞም ዝጠፍኡ (ዝኾብለሉ) ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምህዳንን ምእሳርን ገዛ ገዛ ኣትዮም ተፍቲሾት ኣብ ምክያድን ኣተኩሮም ንክሰርሑ ምሉእ ሓላፍነት ወሲዶም። ንሳቶም ድማ ትጉሃት ተማበርቲ እዮም ምእንቲ ክብሃሉ ንኤርትራዊ መንእሰይ ናይ መተንፈሲ ዕድል ከሊኦሞ። ኣብ መንቀራቕሮን ክቢድ ጭንቀትን ኣእትዮም ዓቕሉ ኣጽቢቦሙሉ።

ኣብ ሓድሕዶም ተሓባቢሮምን ተሓጋጊዞምን ንኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ሃገሩን ስድርኡን ተፈልዩ ናብ ዓዲ ስደተ-መከራ ንከምርሕ ደፊኦሞ!!

እዞም ሰለስተ ሚኒስትሪታት እዚኦም ከሳብ ብሙሉኡ ኤርትራዊ መንእሰይ ተጸንቂቑ ካብ ሃገር ዝወጽእ ብኢሳያስ ንዝተዋህቦም መምርሒን ዕማምን ክትግብርዎ እዮም። ኣብ ታሪኽና <u>ክድገም</u> ዘይግብኦ ኣሕፋሪን ኣጣዓሲን ናይ ዓቕ ስራሕ ክሰርሑ መሪጾም።

ፖለቲካ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ናይ ምትሓል መስርሓት ዝሓለፉዎ ኣዝዩ ዓቢ ጉዳይ እዩ። ጠላም ኢሳያስ ካብ ተሞክሮ ገድሊ ተበጊሱ ንስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቃውማ ህዝቢ ኤርትራ ብመደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣቢሉ መዝሚዙዎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን ገድሊ ብድሌትናን ብወለንታናን ኣብ ትሕቲ ፍጹም ዓስከራዊ ምሕደራ ህግሓኤ ኣቲና። ኩላትና ስጡማት ሓደ ኣካል ስለዝነበርና ኣንጻር እቲ ከም ነብስና ጌርና ዝቐጸርናዮ መሪሕነት ህግሓኤ ዝተወደበ ተቓውሞ ክነልዕል ኣይንኽእልን ኔርና። ዕቱባት ኣባላት ኬንና ብላዕለዎት መራሕቲ ህግሓኤ ንዝዝተዋህቡ ትእዛዛት ብዘይተቓውሞ ሰጥ ኢልና ነተግብር ኔርና። ብኽምኡ ጌርና ክንከይድ ጥራይ ኔሩ ዘፍቀደ ሕጊታት ውትህድርና። ስርዓት ውትህድርና 'ቅድም ትእዛዝ ፈጽም፡ ድሕሪኡ ሕተት' እዩ ዝብል። ኣቶ ኢሳያስ ነዚ ኣካይዳ እዚ ኣብ እዋን ናጽነት እውን ተጠቒሙሉ።

እቶም ብተደጋጋሚ ዝተቐየሩ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከቱ ኣዋጃት ንብሙሉኣትና ህዝቢ ኤርትራ ቀስ ብቐስ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ናይ <u>ሓደ</u> (ማለት ኢሳያስ) ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ኣእትዮሙና። ከይተፈለጠና ባዕልና **ኣብ ኤርትራ 'ወተሃደራዊ ምልካዊ ስርዓት (ዲክታተርነት) ተኺልና።** ብሕጊታት ናይ ወተሃደራዊ ምሕደራ ስለዝተቐየድና 'ቅድም ትእዛዝ ፈጽም፡ ድሕሪኡ ሕተት' ኮይኑ ኣካይዳና።



ወተሃደራዊ ሕጊ 'ዉዱብ ዓይነት' ተቓውሞ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ክነልዕል ኣየኽኣለናን። ግና እኽ ንሱ ጥራይ ከይኣክል፡ ኢሳያስ፡ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ብምግሃስ፡ ኣንጻሩ ዝቐንዐ ተቓውሞ ምእንቲ ከይግበር ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሰላማዊ ሰልፊ ከይካየድ መምርሒ ኣውጺኡ ኣጊዱ እዩ። ኤርትራውያን ስለዚ ዕላምኡን ኣንፈቱን ብፍላጥ ንዝተቐየረ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከየስተብሃልናሉ፡ ብሙሉኡ እቲ ብቕዋም ኤርትራ ዝተዋሕሰልና ሲቪላዊ መሰልና ተሓዲግና፡ ብሕጊታት ዕስክርና ተገሪሕና ንነብር ኣለና።

ኣብ ሃገርና ብጽሑፍ ወይ ብዘረባ ኣንጻር ዲክታተርነት ምቅዋም እውን ኣይከኣልን እዩ። ብመንፈት ናይ ሚኒስትሪ ዜና ክፍሊ ሳንሱር ክሓልፍ ዘይክኣለ ዝኾነ ይኹን ናይ ተቓውሞ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዘሎዎ ጽሑፍ ወይ ዘረባ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ኣይወርድን እዩ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ካብ ዝግሃስ ዓመታት ኣቑጺሩ እሎ።

ኣብ 2000 'ጉጅለ 15' ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክግበር ጸዊዖም። ኣብቲ ክግበር ዝጸውዑዎ ኣኼባ ብርግጽ ንጉዳያት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዶባዊ ግጭትን ዝምልከቱ በዳህቲ ሕቶታት ምተላዕሉን ምተዘርበሎምን ኔሩ። ጠላም ኣቶ ኢሳያስ ግና ንሃገራዊ ባይቶ ኣይኣከቦን። ባይቶ ተኣኪቡ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ኣቶ ኢሳያስ ብዘይጥርጥር ካብ ስልጣኑ ምተገለፈን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ምቐረበን ኔሩ።

ኣቶ ዘራጊቶ ካብ 2000 ንድሓር ንዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብህዝቢ ኤርትራ ከምዘይዝተይሉ ጌሩ ዓቢጡዎ። ነቲ ዛዕባ እቲ እናዓፈነ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ጸይቂታት ፈጺሙ። እከይ ጨመትኡ ናብ መንእሰይ ኤርትራን ኤርትራዊት ስድራ-ቤትን ኣነጻጺሩ። ንኽልቲኦም ብሓንቲ ዳርባ እምኒ ጌሩ ክድምስሶም መዲቡ። መንጠሊና ጥልመትን ምትላልን ተኸዲኑ ስለዚ ኣብ 2002 ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ 'ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ-ይክኣሎ

ኣኽፊቱ። ብኡ መሰረት፡ መብዛሕትኦም ካብቶም ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ብስሩዕ ተምሂሮም ዝወድኡ እሞ ፈተና ዝሓለፉ ኤርትራውያን መንእሰያት ናይ ግድን ናብቲ ኣካዳምያዊ ትምህርትን ወተሃደራዊ ስልጠናን ብሓደ ደሪቡ ዝሀብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ (መዓስከር ሳዋ) ተኣኪቦሙሉ። ብኡ ኣቢሎም ተጨውዮም ካብ ደረጃ ሲቪላዊ መነባብሮ ናብ ደረጃ ንጡፍ ወተሃደራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ሰጊሮም።

እቶም ናብ ቤት ትምህርቲ ሳዋ ክኣትዉ ዘይከኣሉ መንእሰያት ድማ ብቐጥታ ናብ ሓይልታት ምክልኻል ሰጊሮም ኣብ ምድብ ስሩዕ ሰራዊት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣትዮም።

በዚ ናይ ምትላል ሜላ እዚ ጌና ኢሰያስ ንልግዐ ሂወት ናይ ኩሎም መንእሰያት ኤርትራ ጅሆ ሒዙ ዘሪጉምን ኣሕሪሩምን። መንእሰያት ኤርትራ ሎሚ ኣብ ክንዲ ናብ ዝያዳ ትምህርትን ልምዓትን ዕብዬትን ምዕባለን ገጾም ዝሃርፉን ዝጓየዩን፡ ኣንፈት መጻኢ ሂወቶም ስለዝስሓቱ፡ ተገዲዶም ናብ ጎደና ስደትን ጥፍኣትን ሞትን ኣምሪሖም ኣለዉ።

ኩነታት መንእሰያት ኤርትራ ግና ከምኡ ኢሉ ኣይከቐጽልን እዩ። እታ በላሕቲን ጀጋኑን ኤርትራውያን መንእሰያት እተፍሪ ኤርትራዊት ስድራ-ቤት እውን ናይ ግድን ዳግማይ ክትጥርነፍን ክትጥጥዕን እያ። መንእሰያት ኤርትራ መኪቶም ንኢሳያስ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ መሕብኢ ዝኾኖ ቦታ እኳ ከስእንዎ እዮም።

ኩሎም እቶም ክጥቀሱ ዝጸንሑ ንኣዋጃት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከቱ ጉዳያት ቅድሚ እቲ ቅዋም ኤርትራ ብሃገራዊ ባይቶ ጸዲቑ ምእዋጁ ብሀጹጽን ተንኮላዊን መስርሕን ብፕረዚደንታዊ ስልጣን ዝተፈጸሙ ስለዝኾኑ ኣቶ ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ምስተገለፈ ሽዑንሽዑ ብሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ዳግማይ ተርእዮም ክመዓራረዩ እዮም።



ብቐዳምነት፡ ኩሎም እቶም ካብ 1994 ጀሚሮም ዝተኣወጁ ኣዋጃት ክስረዙ እዮም። እቶም ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት፡ ወዘተ ዝተመሓላለፉ ንመደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምልከቱ መምርሒታት ኩሎም ክስረዙ እዮም። ክሳብ ሽዑ ዝኸውን ግና እቲ ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ንስሩዕ 'መስመር እዚ' (line of command) እናጥሓሰ ዝሰርሕ ዘሎ ፋሉል ኣቶ ኢሳያስ ጥራይ እዩ ንኣዋጃትን መምርሒታትን መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክም ድላዩ ጌሩ ክሰርሖሎም ዝጸንሕ።

ነገራት ኣብ ሃገርና ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኣጋባብ እናኸዱ ከለዉ ንገሊኦም ካብ ስትራተጃውያን መደባት ኣቶ ኢሳያስ ዘፍርሱ ኣገደስቲ ምዕባለታት እውን ተኸሲቶም። ንኣብነት፡ ኣብ 1997 ቅዋም ኤርትራ ተኣዊጁ ንዶባት ሃገርና ብንጹር ስለዝወሰኖ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ናይ ኣቶ ዘራጊቶ ስትርተጃውያን ውዲታዊ ዒላማታት (targets) ተሰዒሩ። ንኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈሊ ዶብ ከምዘሎ ኣብ ዓንቀጻት ቅዋም (ሕጊ) ኤርትራ ሰፊሩ።

ኣቶ ኢሳያስ በዚ ፍጻመ እዚ ኣዝዩ ተሳናቢዱ። ንኸብድህ ኢሉ ድማ ኣብ 1998 ብጉዳይ ዶብ ዝተመኸነየ ኣዕናዊ ኲናት ኣንጻር ኢትዮጵያ ወሊዑ። ኣብቲ ሽዑ ዝተኻየደ ናይ መኸተ ኲናት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ካብቶም ብኣዋጃት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተተንከፉ ኤርትራውያን ቲሰዊኦምን ሰንኪሎምን።

እቲ ብመደብ ዝተወልዐ ኲናት ኤርትራ-ኢትዮጵያ ግና ማዕረ እቲ ኢሳያስን ኣሳሰይቱን ዝተጸበዩዎ ኣብ <u>ህላወ</u> ናይ ዶባት ኤርትራ ለውጢ ኣየምጽአን። ዶባት ኤርትራ ኣይተደምሰሱን። ልኡላዊ ዶባታ ብመስዋእቲ መንእሰያት ደቃ ተዓቂቦም። ኮሚሽን ዶብ ኤርትራ-ኢትዮጵያ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊታት ተሞርኲሱ ኣብ 2002 ብዘሕለፎ ውሳነ እውን ህላወ ዶባት ኤርትራ ዳግማይ ተረጋጊጹ። ንኢሳያስ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ናይ ክድዓት ፋይላቱ ንኹሉሳዕ ተዓጽዩሉ።

# ምዕራፍ (18) ዓሰርተ ሸሞንተ

## ዕጫታት ፍርዳዊን ሓጋጊን ፈጻሚን

## ኣካላት መንግስቲ ኤርትራ

ኢሳያስ ካብ 2001 ጀሚሩ ንኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ብመደብ ዘሪጉዎን ኣፍሪሱዎን። ንኤርትራ ናብ ደረጃ ውድቕቲ ሃገር (failed State) ክውርዳ እዩ ደልዩ። ናይ ሕጂ ምዕራፍ ንምፍራስ ናይ ፍርዳዊን ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላት መግስቲ ኤርትራ ብሓጺር ክድህስስ እዩ።

### ዕጫ ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ

ኣቶ ዘራጊቶ ብቐዳምነት ከባላሽዎ ዝመረጸ ንፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ እዩ። ምኽንያቱ በብዓይነቶም ጸይቕታትን ዘይሕጋውያን ስጉምታትን ክወስድ ከሎ ያዕ ዝብል ወይ ዝዕንቅፍ ፍርዳዊ ኣካል ክህሉ ኣይደለየን። ብቑዕን ንጡፍን ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ዘይምህላው ንኣቶ ኢሳያስ ምልካዊ ስርዓተ መንግስቲ ንኸተክል ምቹእ ባይታ ይፈጥረሉ።

ኣቶ ዘራጊቶ ተቐዳዲሙ ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኤርትራ ኣልሚሱዎ። ካብኡ ቀጺሉ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ክዳናግር፡ ንጉዳያት ብልሹውና ክርኢን ክፈርድን እዩ ዕላምኡ ንዝበሎ 'ፍሉይ ቤት ፍርዲ' ብኣዋጅ ኣቑሙ። 'ተጸቢኦሙ' ንዝብሎም <u>ውልቀሰባት</u> ብጉዳይ ብልሹውና ኣኽሲሱ ንኽጥቅዖም ብምሕሳብ ዘቘሞ ቤት ፍርዲ እዩ። ብግብሪ ከኣ ተገልጊልሉ። ስለዝኾነ፡ እቲ ኣሃዱ 'ፍሉይ ቤት ፍርዲ ኢሳያስ' (ወይ ብሓጺሩ ›ቤት ፍርዲ ሽቃ ኢሳያስ እ) ተብሂሉ ክጽዋዕ ዝክኣል እዩ።



ኤርትራ ድሮ ንብልሹውናታት በብዓውዶም እናሰርዐ ዝርእዩን ነናቶም መጋብኣያታት ዘለዉዎምን ሓሙሽተ ምዱባት ኣብያተ ፍርዲ ኣለዉዋ። እዚእቶም ሲቪላዊ፡ ገበናዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ሸሪዓ፡ ኮማዊ ይብሃሉ። ብተወሳኺ እውን፡ ንብዙሓት ዓይነት ብልሹውናታት ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ክትምክቶም ዘይክኣል ኣይኮነን። ንፍጻመታት ብልሹውና ዝምክቱ ፍሉያት መምርሒታት (rules) ብምድላው ምስ ዝጥሓሱ ክስዕቡ ዝኽእሉ መቕጻዕቲታት ብንጹር ብምግላጽን ንብልሽውናታት ክትቃለሶም ይክኣል እዩ። ዴሞክራሲን ማሕበራዊ ፍትሒን ዘረጋግጽ መንግስቲ ክህሉ ከሎ ብፍላይ ንብልሹውና ከይሳዕረረ ከሎ ይክኣል እዩ። ናይ ስልጣን ዶቡ ብንጹር ዘይፍለጥ 'ፍሉይ' ቤት ፍርዲ ኣቑምካ ክትምክቶ ምፍታን ኣየድልዮን።

'ቤት ፍርዲ ሽቃ ኢሳያስ' ብቀጥታ ኣብ ትሕቲ ኣቶ ዘራጊቶ ኮይኑ እዩ ዝሰርሕ። ኢሳያስ ባዕሉ ተኣመንቲ እዮም ዝብሎም ወተሃደራት ደያኑ ኑቲ ቤት ፍርዲ ይምድበሉ። እቶም ደያኑ ንሕጊ ዝምልከት ስሩዕ ስልጠና ናይ ግድን ኣይወሰዱን እዮም። ደረጃ ፍርዳዊ ብቕዓቶም ብተዛማዲ ትሑት ስለዝኾነ ፍትሓውነት ውሳነኦም ዘተኣማምን ኣይኮነን። ንተመሳሰልቲ ክሲታት ዝተፈላለዩ ፍርድታት ክውሃቡ ምርኣይ ልሙድ እዩ። እቲ ዘገርም ከኣ ፍትሒ ዋላ እንተተዓምጸጸ ኣብ ቤት ፍርዲ ሽቃ ኢሳያስ ንዝተፈርደ ጉዳይ ይግባይ ኣይሕተተሉን እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ፍሉይ ቤት ፍርዲ ተመዲቦም ምሉእ ግዜ (full-time) ዝሰርሑ ዕስለ ዓሳክር ኣለዉ። ኣብ መንጎኦም ሓደ ብ/ጀነራልን ኣስታት ሱሳ ኮለኔላትን ካልኦት ዝተፈላለየ መዓርግ ዘለዎም ብዙሓት መኮንናትን ይርከቡዎም።

ኣቶ ኢሳያስ መቸም ገታር እዩ ብጠባዩ። ጥሕሰታት ናይ ሕጊ ንኽይፍጸም ዘጠንቅቕዎ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ንዝመጹዎ ምኽሪታትን ተቓውሞታትን ኣይግደሰሎምን። ኣይትምከሩኒ፡ ንባዕለይ ፈላጥ እየ ይብል። ምስ ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

(ጠዓመ በየን) ካብ ዘብኣሱዎ ብዙሓት ምኽንያታት ሓደ ነጥቢ ንኣብነት በብግዚኡ ንዝተለገሰሉ 'ክኢላዊ ምኽርታት' ምቕባል ይኣቢ ብምንባሩ እዩ። ኣብ መንጎ ክልቲኦም ምስሕሓብ በርቲዑ። ኣብ 2001 ጠዓመ ኣብ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ (conference) ኣብ ኤርትራ ዴሞክራሲ ክይንሃንጽ ዝዕንቅፉና ዘሎ ኢሳያስ እዩ ኣብ ዝበለሉ ደረጃ ተበጺሑ። ብሓፈሻኡ ኢሳያስ ክም ሰብ መጠን ክትስዕቦ ዘይግባእ 'ሕማቕ ኣብነት' (a bad example) ዝዓይነቱ ሰብ እዩ። ኣብ ኤርትራ ግና ቅኑዕ መሲሉዎም ንሕማቕ ኣሰሩ ተኸቲሎም ሕጊ እናጥሓሱ ዝሰርሑ ብዙሓት ሰበ-ስልጣናት መንግስቲ ብዝያዳ ድማ ዓሳክር ኣለዉ። ንሕጊ ክይተወከሱ ንሰባት ብውልቃዊ ፊንትኦም (subjective whims) ይኣስሩን ይፈትሑን።

ኮይኑ ድማ ኢሳያስ ባዕሉ ዝፈልጠን ንሲቪላዊን ገበናዊን ሕጊታት ክይተኸተላ ንንጹሃት ዜጋታት ዝሕብሳ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣብ ሃገርና ክም ቃንጥሻ ተባዚሐን ኣሎዋ። ዓሰርተታት ኣሽሓት እሱራት ዘኣንግዳ ኣንደርግራውንድን ኮንተይነራትን እንዳ-ኣጽንሑልናን ዓይነታት ኣብያተ ማእሰርቲ ኣብ ኤርትራ ፈቐድኡ ይርከባ። ቁጽሪ ናይቶም ተሓቢሶም ናብ ፍርዲ ክይቀረቡ ዝሞቱን ዝምህምኑን ዝጸለሉን ዓይኖም ዝዑሩን ዘለዉ ኤርትራውያን ብመንግስቲ ኤርትራ ኣይግለጽን እዩ። ብምስጢር እዩ ዝትሓዝ። ካብ 'ቦታ ዕርበት' ንቤተሰብ ሬሳ ክውሃብ ይክኣል እዩ ኢልካ እሞ ዘይሕሰብ እዩ።

ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ምሒር ተዘሪጉ እዩ። ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኤርትራ ንገበናዊ ኣካይዳ ኣቶ ኢሳያስ ጠጠው ክብል ወይ ክኽልክል ሕጋዊ ስልጣን እኳ ኣንተለዎ ስጉምቲ ክወስድ ግና ብቕዓትን ዓቕሚን የብሉን። ሚኒስትሪ ፍትሒ ኤርትራ ንባዕሉ <u>ቅዋም</u> ኤርትራ ብኢሳያስ ክንጸግን መሰላት ህዝቢ ክግሃሱን ከለዉ እናርኣየ ኣብ ክንዲ ብዕሊ ዝቃወም ኣጽቂጡ እዩ ዝኸይድ። ቅዋም ክኣ እቲ ሓደ <u>ምንጪን ወላዲን</u> ናይ ኩሎም ሕግታት ኤርትራ እዩ። ዘድልዮ ዘበለ ዋጋ ተኸፊሉዎ ክሕብሓብ እዩ ዘለዎ።

**ዕጫ ሕጋጊ ኣካል መንግስቲ**



ኣቶ ዘረጊቶ ንሓጋጊ ኣካል መንግስቲ እውን ኣልሚሉዎ። ኣነ ባዕለይ እየ ሓጋጊ ኣካል ኢሉ ንነብሱ ብጌጋ ስለዘእመና፡ ኣብ 2000 ብጉጅለ 15 ኣብ ልዕሊኡ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ካብ ዝካየድ ንድሓር፡ ንሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ክእከቦ ኣየደለየን። ብሕጊ ዘሕትትዎ ብዙሓት ግጉያት ስጉምታት ወሲዱ እናሃለወ ኣብ ቅድሚ ሓጋጊ ኣካል ቀሪቡ ክይተሓተተ ክኸይድ ደልዩ።

ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ዘይገብረሉ ክልተ ዓበይቲ ምኽንያታት ግና ኣለዉዎ። 1) ሃገራዊ ባይቶ ካብ ስልጣኑ ክይኣልዮ ፈሪሁ፡ 2) ንሃገር ዝምልከቱ ኩሎም ኣገደስቲ ጉዳያትን ናይ ልምዓት ፖሊሲታትን ብደረጃ ሃገራዊ ባይቶ እንተተታሕዙ ንባዕሉ ስራሕ ስኢኑ ክይህመሽ ሰጊኡ።

ኣብ 1998 ኩናት ኢትዮጵያ-ኤርትራ ይካየድ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ተኣኪብና ኔርና። ሽዑ ኣባል ባይቶ ኣቶ መስፍን ሓጎስ፡ ልዕሊ ኩላትና ካልኦት ኣባላት ባይቶ ዝፈልጦ ምስጢር ግዲ ነይሩዎ ኮይኑ፡ 'በዚ ኣብ ልዕሌና ተፈጺሙ ዘሎ ናይ ወያነ ወራር ንስኻ ኢኻ ተሓታቲ ኢሉ' ክሲሱዎ ንኢሳያስ። ኣብ ዉሽጡ ግብሩ ፈሊጡ ዝነበረ ኣቶ ኢሳያስ ኣይተቓወሞን፡ ኣይመለሸሉን፡ ኣስቂጡ። ኣባላት ባይቶ ብግዴና ዘይፈለጥናዮ ጥልመት ክይህሉ ኢልና ስለዘይጠርጠርና እዩ ›መስለኒ ብዛዕባ እቲ ዝተላዕለ ክሲ ንኣቶ ኢሳያስ ብጸቢብ ኣይሓዝናዮን፡ ጸቒጥና ኣይሓተትናዮን። እቲ ተበጊሱ ዝነበረ ክሲ ስለዚ ክይበሰለን ግቡእ መደምደምታ ክይተገብረሉን ክም ሓደ ማንም ነጥቢ-ታሪኽ ጥራይ ኮይኑ ተመዝጊቡ ተዓጽዩ።

ህግደፍ ካብ 2002 ጀሚሩ፡ 1) ሃገርዊ ምርጫ ክካየድ ኣይክኣልን እዩ፡ 2) ኣብ ኩነተ ኣይሰላም-ኣይኩናት ኣለና፡ 3) ቀዳምነትና ኣብ ምክልኻል ሃገር ክቕንዕ ኣለዎ፡ ወዘተ እናበለ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ኣካይዱ። ኩነታት ስለዝተቐየረ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ክነካይድ ንኽእል ኢና ግን ክቶ ኣይበለን። ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ስለዚ ዋላ

ንሓንሳብ እኳ ይኹን ንኣኼባ ከይተጸውዐ 15 ዓመታት (ክሳብ 2015) ኣሕሊፉ።

ኣብ 2014 ኣብ ኩሎም እቶም ብህግደፍ ዝተኻየዱ ኣኼባታት፡ ህዝቢን ካድራትን ተጋደልትን 'ብቕዋም ንሰራሕ፡ ሃገራዊ ምርጫ ይካየድ፡ ሓጋጊ ኣካል መንግስቲ ስርሑ ይጀምር' ኢሎም ጸዊዖም። ኣቶ ኢሳያስ ግን ንጸዊዒቶም ናይ ንዕቀትን ብድዐን መልሲ ሂቡ ኣፋንዩዎ። ኣሕጽር ኣቢሉ፡ 'ዘይኣረገን ክሰርሕ ዝኽእልን ሃገራዊ ቅዋም የብልኩምን፡ ንዓኹም ዝበቅዕ ሓዲሽ ቅዋም ባዕለይ ክጽሕፈልኩም እየ' ኢሉ። ንቕዋም ኤርትራ ክቕይር ወይ ከመሓይሽ ስልጣን ዘለዎ እንኮ ሕጋዊ ኣካል ግን ፕረዚደንት ዘይኮነስ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ጥራይ ምዃኑ እዩ ኣብ ቅዋም ኤርትራ ብንጹር ተገሊጹ ዘሎ። ዝኾነ ይኹን ካልእ ብዓል-ስልጣን ወይ ውልቀሰብ ንትሕዝቶ ቅዋም ኤርትራ ክተናኽፍ ስልጣን የብሉን።

ብድዐኛ ኢሳያስ ግንቦት 2014 ዕለተ ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተረኺቡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘስምዖ መደረ 'ሓዲሽ ቅዋም እትነድፍ ኮሚቲ ኣቚመ ኣለኹ' ክብል ሓስዩ። 'ቅዋምካ ሓሪሩ እዩ (expired ኮይኑ)' ኢሉዎ ንህዝቢ ኤርትራ። ቅዋም ኤርትራ ግና ብትምኒት ናይ ኣቶ ኢሳያስ ከም ግመ ዝበንን ኣይኮነን። ብጽሑፍን ብግብሪን ተሰኒዱ እዩ። ኣይኣረገን ኣይሓረረን። ንጡፍ ሃገራዊ ቅዋም እንተዘይህልወና ኔሩ እሞ ፕረዚደንት ኢሳያስን ካቢነ ሚኒስተራትን እውን ብግብሪ ኣይምሃለዉናን ነበረ።

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ህንጻ ኮመሳርያቶ ሓማሴን ተደኲኑ ንዝነበረ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት (HQ) ሃገራዊ ኮሚሽን ምርጫ ሰሪዙዎ። ነቲ ህንጻ ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ብሓደ 'ገዲም ተጋዳላይ' ሚኒስተር ዝምራሕ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ቀይሩዎ። ሽዑ እቲ 'ገዲም ተጋዳላይ' ሚኒስተር ናብቲ ሓዲሽ ቦታ ምእታው ክኣቢ እዩ ዝብል ናይ ገለ ዮዋሃት ትጽቢት ኔሩ። ወዮ ንኣቶ ኢሳያስ ከም ኣስሓይታ ጌሩ ዝፈርሆ 'ገዲም ተጋዳላይ' ግና ሰተት ኢሉ ናብቲ ቦታ



ግዒዙ። ነቲ ዝተረከበ ህንጻ፡ 'ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት' ዝብል ሓዲሽ ታቤላ ጠቂዑሉ።

ኣቶ ኢሳያስ ንቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ኮሚሽን ምርጫ ብምፍራስ ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ኔሩዎ። 'ቀበጽ፡ ኣብ እዋነይ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ኣይክግበርን እዩ፡ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ኣይክህሉን እዩ' ዝብል ኔሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን ብሕሱር ሜላታት ናይ ኣቶ ኢሳያስ ዝድሃልን ዝድህለልን ህዝቢ ኣይኮነን። ቅዋሙ ንዘልኣለም ህያው፡ ሃገራዊ ምርጫ ክካየድን ሓዲሽ ሃገራዊ ባይቶ ክቐውምን፡ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ይፈልጥ እዩ።

**ዕጫ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ**

ኣቶ ኢሳያስ ንመሓውር መንግስቲ ኤርትራ ናይ ምዕናው መደቡ ናብ ፈጻሚ ኣካል ኣስጊሩዎ። ንኹለን ሚኒስትሪታትን ዝተፈላለያ ፈጻምቲ ኣካላትን፡ ኣብ ገሊኡ ብጃምላ ኣብ ገሊኡ ድማ በብሓደ እናጥቅዐ፡ ብዘገምታን ሰላሕታን ከዕንወንን ከልምሰንን ተበጊሱ። ዝርዝራዊ ኣብነታት ናይዚ ዕንወታት እዚ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ክግለጹ እዮም።

ኣብ 2002፡ ብይን ኮሚሽን ዶብ ኤርትራ–ኢትዮጵያ ምስተዋህበ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ናብ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ገጽና ንኺድ ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ተልዒሉ። ነዚ ሓሳብ እዚ ኣቶ ኢሳያስ ብመትከልን ካብ መዓሙቕ ልቡን እዩ ዝጽየኖ። ኣብ ጽፍሒ ናይ ሓባር ድኽነት ሓባራዊ ማዕርነት ይሃሉ ዝብል እምነት ኣለዎ። ይኹን እምበር፡ ናቱ እምነት ብዘየገድስ፡ በቲ ዝቐረበ ሓሳብ መሰረት 'ወፍሪ-ቀርሳይ ይክኣሎ' ዝተሰየመ ኩሉ-መዳያዊ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ተበጊሱ። እቲ መደብ ንብምልኡ ህዝቢ ኤርትራ ከሳትፍን ንክብሪን ዝኸሪን ናይ ክልቲኦም ተቓለስቲ ወለዶታት ኤርትራ ምእንቲ ክኸውንን ብምሕሳብ ብሓጺሩ 'ወፍሪ ዋርሳይ-ይክኣሎ' ተባሂሉ። ከምዝፍለጥ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊት ስድራቤት ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ካብ ወለዶታት ይክኣሎን ዋርሳይን ኣለዉ።

ትግባረ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ምስተጀመረ፡ ኢጋጣሚ ኮይኑ፡ ንኣቶ ዘራጊቶ ዓበይቲ ጸይቕታት ንኸተግብር ዝሕግዞ ምቹእ ሃዋሁው ተፈጢሩሉ። ኣንጻር ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ ናይ ምብልሻውን ምዕናውን መጥቃዕቲታት ፈንዩ። እቲ መደብ ጌና ብዙሕ ከይሰጎመ ከሎ ተግበርቲ ሚኒስትሪታት ዘይኮናስ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ምምሕዳር ዞባታትን ህዝብን ጥራይ እዮም ክኾኑ ኢሉ ወሲኑ ኣቶ ኢሳያስ። በዚ ውሳነ እዚ ጌና ከኣ ብሓንቲ ዳርባ እምኒ ንኹለን ሚኒስትሪታት ኣልሚሱወን። ንህዝቢ ኤርትራ እውን ንሽሙኳ እንተጠቐሶ ኣብ ትግባረ ናይቲ መደብ ብዕቱብ ከምዝሳተፍ ኣይገበሮን። ኣግሊሉዎ። ብፍላይ ንብሕታዊ ክፋል ጉሒፉዎ። ንዞባዊ ምምሕዳራት እውን ብሽምኡ ሜላ ካብ ንጡፍ ስራሕ ኣልጊሱወን። ሓይልታት ምክልኻል እዮም ተግበርቲ ክኾኑ ዝበለሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ነቲ ከይተፋነወን ብዘይምርጭኡን ንነዊሕ እዋን ኣብ 'ስራሕ' ተቐሪኑ ክርብርብ ዝተፈርደ መንእሰይ ኣባል ሃገራዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ጅሆ ንምሓዝ ዕላማ ስለዝገበረ እዩ።

ኣቶ ዘራጊቶ እምብኣር ንኩለን እተን ተግበርቲ ክኾና ዝግብኦን ዝነበራ ፈጸምቲ መሓውር መንግስቲ (ሚኒስትሪታት፡ ብዓል-መዚ ታት፡ ኮሚሽናት፡ ኣብያተ ጽሕፈት፡ ወዘተ) ካብ ልሙድ ስርሐን ኣባሪሩ ንኩሉ እቲ ወኒንንኦ ዝነበራ ናይ መተግበሪ መሳርሒታተን ነቲ ኣብ ዓሻ ጎልጎል ዝሰፈረ ብሓደ ኮሎኔል ዝምሕደር ትካል 'ጋራጅ መንግስቲ' ከረክባ ኣዚዙወን። ሎሚ እዘን መሓውራት እዚኣን ንሽሙ ጥራይ እየን ኣብ ባይታ ዘለዋ።

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ 2015 ነቲ ማእሊያ ዘይብሉ በብዓይነቱ ንብረት ዝተረከበ ጋራጅ መንግስቲ እውን መዓልቱ ስለዝኣኸለ ካብ ስራሕ ሰጒጉዎ። ሒዙዎ ንዝነበረ ተሰራዊን ተኣፋፊን ዝዓይነቱ ንብረት ብግቡእ ወጊኑ ምኺኑን ዘይምኺኑን ከየገደሶ ሃንደበት ዘሪጉዎ። ስትራተጂዊ መደብ ሃገራዊ ልምዓት ብግቡእ ጌሩ ዝኣልዮን መተግበሪ ስራሕ ዝኾኖ ገንዘባዊን ጉልበታዊን ወፍሪታት ዝህቦን መራሒ ኣካል ስኢኑ። እቲ ተተሊሙ ዝነበረ መደብ ልምዓት ከይተተግበረ ተሪፉ።



ኣቶ ዘራጊቶ ንካቢነ ሚኒስተራት ኣይንሓፎን። ክሳብ ዝኣኽሎ ጌሩ ኣረኻኺቡሉ። ሚኒስተራት በብሓደ ለሚሶም። ካብቲ ብስልጣን መዘናኦም ዝኾነ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፍቓድ ከይረኸቡ ካብ መጀምርታ 2015 ንድሓር ካብ ኤርትራ ናብ ወጻኢ ሃገር ከይገሹ ተኸልኪሎም። ደረጃ መዝነቶምን ሰብኣዊ መሰሎምን ኣብ ትሕቲ ድንጋጸ ናይ ኢስያስን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣትዩ። ኩነታቶም ዳርጋ ከም ናይቶም 'ዘይተፋነዉ' መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት መሲሉ።

ካቢነ ሚኒስተራት ነቲ ዝገጠሞም ዘሕፍር ኩነት ብዘይተቓውሞ ተቐቢሎም ርዒሞሞ። ንመሰሎም እኳ ክጣበቑ ኣይክኣሉን። ብኣቶ ኢሳያስ ተጠፍጢፎም ዝተኣከቡ 'ጋንታ እራይ-ምራይ' መሲሎም። ብህዝቢ ኤርትራ ተኸዒቦም።

ሚንስትሪታት ነቲ ብኣቶ ዘራጊቶ ዝተጻወደለን ናይ ሓውሲ-ምድስካል መፈንጠራ ቀልጢፈን ኣይነቕሓሉን። ኣቶ ኢሳያስ 1) ምውጻእ ፖሊሲ፡ 2) ምቁጽጻር ትግባረ ፖሊሲ፡ 3) ምክያድ ምርምር፡ 4) ምሃብ ስልጠና፡ (policy, regulation, research and training) እዩ ስራሕክን ኢሉወን። ኣሜን ኢለን ከኣ ተቐቢለንኦ። ፍረ-ዘይህባ (non-productive) መኻናት ናይ ፈጻሚ ኣካል ትካላት ኮይነን ተሪፈን።

ብመንጽር ቅዋም ኤርትራ ምስዝርአ ግና ፖሊሲታት ክሕንጽጽ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ እዩ። ከምኡ ዝገብር እውን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ፕረዚደንት ወይ ካብ ፈጻሚ ኣካል ዕቱባት እማመታት ምስተቐረብሉ እዩ። ሚኒስትሪታት ፖሊሲታት ናይ ምውጻእ ሓላፍነታት ምስወሰዳ ስለዚ ንሃገራዊ ባይቶ (ሓጋጊ ኣካል) ኤርትራ ኣብ ስልጣኑ ተሻምየንኦ።

ንኣቶ ዘራጊቶ ጸይቕታት ብዘይገደብ ክፍጽም ዘኽኣሎ ሓደ ኣገዳሲ ድሕረ ባይታ ኣሎዎ። ኣብ መፋርቕ 90 እታት ብዝተፍጸመን ኣቶ ኢሳያስ ብፍላዋ ኣብ 1997 ብዘየኣረሞን ጌጋ፡ 'ፕረዚደንት ሕጊ

ክውጽእ ይኽእል እዩ' ዝበለ ዓንቀጽ ኣብ መሰጋገሪ ኣዋጅ ሰፊሩ ኣሎ። ኣቶ ኢሳያስ፡ ነዚ ሀጹጻት ስርሓት ከይተዕንቀፉን ከይደንጎዩን ብስሉጥነት ንኸሰላስሉ ምእንቲ ክሕግዝ ካብ ጸቡ`ቕ ሕልና ተበጊሱ ዝተፈጸመ ጌጋ እዚ መዝሚዙዎ። ንሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ከይተወከሰ፡ ባዕሉ ዝደልዮም ሕግታትን ፖሊሲታትን ብኢደ-ዋኒኑ ኣውጺኡን ኣጽዲቑን። እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ድማ ሚኒስትሪ ፍትሒ ነዚ 'ብፍላጥ' ንፕረዚደንት ዝተዋህበ 'ግጉይ' ክብሃል ዝክኣል ስልጣን እዚ ይፈልጦን (recognizes) ጌና ክሳብ ሕጂ ከየመሓየሸ ከም ሕጋዊ መወከሲ ስልጣን ጌሩ ይጥቀመሉን ምህላዉ እዩ።



# ምዕራፍ (19) ዓሰርተ ትሽዓተ

## ሰሩዕ መደብ ምብልሻው

## ፈጻምቲ 'ትካላት' መንግስቲ ኤርትራ

ናይ ሕጂ ብተዛማዲ ነዊሕ ዝኾነ ምዕራፍ ከም መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ ምዕራፍ ጌርካ ክውሰድ ይክኣል እዩ። ንፈጻሚ ኣካል ጥራይ ጥልቕ ኢሉ ይርእዮ።

ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ናይቶም ብሓጋጊ ኣካል መንግስቲ እናተሳእሉ ናይ ቀላሲን መሪሕን ተራ ዝጻወቱ ሃገራዊ ፖልሲታት ኣተግባሪ እዩ። ንዕማማቱ ክአ ዝተፈላለዩ ተግበርቲ ትካላት ኣዋዲዱ የሰላስሎም። ብዙሕ ግዜ እዞም ትካላት እዚኦም ብድምርን ብሓፈሻን 'መንግስቲ' ብዝብል ስም ይፍለጡ እዮም። ካብ ኣብነት ፈጸምቲ ትካላት እኒ ካቢኔ ሚኒስተራት፡ ሚኒስትሪታት፡ ብዓል-ስልጣናት፡ ኮሚሺናት፡ ባንክታት፡ ፍሉያት ኣብያተ-ጽሕፈታት መንግስቲ፡ ዝኣመሰሉ ኣሃዱታት ይጥቀሱ። ነዚኣቶም ንኽዘርግን ንኽፍርስን ኢሉ እዩ እምብኣር ኢሳያስ ወርትግ ድቃስ ዝስእን።

ኢሳያስ ጸይቂታት ክፍጽም ኣብ ዝብገሰሉ ግዜ ቅድም-ቀዳድም ንህዝቢ ኤርትራ ከም ሓደ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ተበዲሁ ክስዓር ዝግብኦ 'ብረት ዝዓጠቐ ግዳማዊ ጸላኢ' ጌሩ ይርእዮን ይወስዶን። እዚ ነጥቢ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ክስመረሉ እውን ይግባእ። እወ፡ ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ዝቃወሞ ዕጡቕ ግዳማዊ 'ጸላኢ' ጌሩ እዩ ዝሓስቦ። ነዚ ኣተሓሳስባ እዚ ሒዙ ናብ ግጥም ይኣቱ። ብኡ መሰረት፡ ቅዲ-ኲናት ወተሃደራዊ ስትራተጂን ስልቲን ተጠቒሙ፡

ብምሉእ ኣቓልቦኡ ነናብ ሓንቲ ዝጀመራ 'ወተሃደራዊት' ክይና እትርኣዮ ሲቪላዊት ዒላማ ኣነጻጺሩ ብምጥቃዕ፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ብቐጻሊ የካላብቶን ን'መንግስቲ' ኤርትራ የባላሸዎን።

ኢሳያስ ንኣካላት ፍጻሚ ኣካል መንግስቲ ምእንቲ ከበላሹን ከዝርግን ከፍርሰን ንገለ ካብዞም ዝስዕቡ ሜላታት ይጥቀም፦ 1) ንሓንቲ ክትበላሽ ዝሓጸያ ኣሃዱ ከነ ኢሉ ዘይብቑዕ ሓላፊ ይምድበላ። ንፉዕ ሓላፊ እንተነይሩዋ ዘይብቑዕ ሓላፊ ይትክኣላ። ንገሊኣን ኣሃዱታት ሓላፊ ኣይምድበለንን። 2) ንሓንቲ ኣሃዱ ንሓደ ስራሕ ወይ ፕሮጀክት መተግበሪ ተብሂሉ ተመዲቡላ ዝነበረ ጸጋ (ባጀትን ንዋትን መሳለጥያታትን ምሁር ጉልበትን ወዘተ) ናብ ካልእ ዓይነት መዓላ የስግሮ እሞ ነታ ኣሃዱ የፍርሳ ወይ የዳኽማ። 3) ኣብ ገሊኣን ኣሃዱታት ንዝስርሕሎም_ፖሊሲታት፡ ናይ መቆጻጸሪ ሕጋጋት፡ ምርምራት፡ ስልጠናታት፡ ወዘተ ምስተን ዝምልከተን ሚኒስትሪታት ከይተላዘበ ብበይናዊ ውሳኔታት እናሰረዘ ባዕሉ ብዘዳልዎም ድኹማት(inferior) ኣማራጺታት ይትክኦም። 4) ንገሊኦም ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ ኣሃዱታት ብሜላ ኣርዒዱ (fear factor) ከምዘይቃወሙዎ ይገብሮም እሞ ነተን ኣሃዱታት ኣስተርሒዩ ይዝርገን። 5) ንገሊኣን ኣሃዱታት ብናቱ ወይ ብናይ ወኪሉ ትእዛዝ ከምዝምርሓ ይገብረን።

ንመርዓዲ ዝጥቀመሎም ክምኒ ጅሆ ምሓዝን ናጽነት ምኽላእን ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ኣለዉዎ። ነቶም ሓለፍቲ ብስቱር ወይ ብጋህዲ ኣብ መፈንጣራ ብልሹውና (ገንዘብ፡ ንብረት፡ ዝሙት፡ ጾታዊ-ርክባት፡ ወዘተ) ኣእትዩ ጅሆ ይሕዞም። ኣቐዲሙ ዝነበሮም ዝናን ክብረትን ናጽነትን ኣጥፊኦም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክብረት ዘውህቦም ሞራላዊ ባይታ የስእኖም። ብህዝቢ ከምዝንዓቑን ንዕኡ ስጊዶም ክም ዝቕበሉዎን ይገብሮም።

**ምብልሻው ዜናዊ ስርሓት፡ መራኸቢ ብዙሃን**



ሓድሓደ ግዜ ትካል መራኸቢ ብዙሃን (mass media)፡ ኣብ ዕለታዊ ኣዘራርባ፡ ከም ሓደ ዘይግሁድ ሓውሲ-ራብዓይ መሓውር (ኣካል) ናይ መንግስቲ ተሓሲቡ ይውሰድ እዩ። ናይ ዓለም ሕብረተ-ሰባትን መንግስታትን ንዕማም ምትሕልላፍን ምዝርጋሕን ሓበሬታ ኣገዳሲ ምዃኑ ብኣጋ ኣስተብሂሎሙሉ። ናይ ቀደም መንግስታት ግብሪ መንግስቲ ንምእካብን ኩናት ንምእዋጅን ዝገልጽ ሓበሬታ ከመሓላልፉ ምስዝደልዩ ክምኒ ተልኣኣኽቲ ምስዳድን ነጋሪትን ዝኣመሰሉ ስርዓተ መራኸቢ ብዙሃን ይጥቀሙ ከምዝነበሩ ይፍለጥ።

ኩላትና ንመራኸቢ ብዙሃን ሓሳብካ ንምግላጽን ዝደሌኻዮ መልእኽቲ ናብ ዝደሌኻዮም ወገናት ንምትሕልላፍን ኢና ንጥቀመሎም። ስለዚ ኩለን ናይ ዓለም መንግስታት ንስርዓት መራኸቢ ብዙሃን ብሸለልታ ኣይርእየኦን። ንምሕላው ሃገራዊ ጸጥታን ድሕነትን ኣብ ግምት እናኣእተዋን ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ሕልያ እናሰርዓን የማሕድርኦ። ናጽነት ናይ መብዛሕትኦም ጋዜጣታትን ጋዜጠኛታትን ክኣ ኣብ ውሽጢ እዚ ሃገራዊ መረዳእታ እዚ ኣትዩ እዩ ዝርእን ዝኸበርን። ክምቲ ስዲ ዴሞክራሲ ዘየለ ስዲን ሃገራዊ ሓላፍነት ዘይስከምን ናጽነት ጋዜጠኛነት እውን የለን። ኣብ ዓለም ካብዚ ሓቂ እዚ ርሒቓ እትሰርሕ ዋላ ሓንቲ ሃገር እኳ ኣይትርከብን እያ። ኤርትራ እውን ነዚ ኣድማሳዊ ተሞክሮ እዚ ተኸቲላ ክትሰርሕ ጀሚራ ኔራ። ነቲ ጽቡቕ ጅማሪኣ ግን ኣቶ ዘራጊቶ ነዊሕ ከየስጎሞቶ ክላ ዘሪጉዎ።

<u>ሚኒስትሪ ዜና።</u>

ወፍሪ ዋርሳይ-ይከኣሎ ኣብ 2002 ይጀመር ምስተባህለ ኢሳያስ ተቓላጢፉ ንሚኒስትሪ ዜናን ንመራኸቢ ብዙሃንን ኣብ ትሕቲ ምልኩ ኣእትዩዎም። ሚኒስትሪ ዜና ብቕጽበት ናጽነቱ ኣጥፊኡ ፍጹም ዝተባሕተ መጋበርያ ኮይኑ። ኢሳያስ ንኽምስል ኢሉ ብዝወሰዶ ውሳነ መሰረት፡ ንሚኒስትሪ ዜና ብግዚያውነት ዘመሓድሮ ሓደ ተኣዛዚኡ መንእሰይ መዲቡሉ። ንክፍሊ ሳንሱር ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ሚኒስትሪ ዜና ኣእትዩዎ። ንናይ ኤርትራ መርበብ መራኸቢ ብዙሃንን ናይ ፕረስ ናጽነትን (freedom of press) ንናይ ኢሳያስ መደባትን

ኣተሓሳስባታትን ዝድግፍ እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ይኹን ካልእ ርኢቶ ወይ ድምጺ ንኽስማዕ ዕድል ዘይህብ ዓይነት ጌሩ ኣዋዲዱዎ።

ሚኒስትሪ ዜና ሳንሱራት ንኽተግብር ንዝተዋህቦ ስልጣን ብዕቱብ ተጠቒሙሉ። ኲለንተናዊ ሃገራዊ ልምዓት ዕላማ ንዝነበሮ ›ወፍሪ ዋርሳይ-ይከኣሎ እ፡ ኣብ መምርሒ ናይ ኢሳያስ ተሞርኲሱ፡ ናብ 'ወፍሪ ንቁጠባዊ ሓርነት' ቀይሩዎ። ብጥምዙዝን ጸቢብን ስም ኣጠሚቑዎ። ንፖለቲካዊን ማሕበራዊን ባህላዊን ዕላማታት ልምዓት ሃገርና ብምርጭኦ ገሊፉዎም። ንግዚኡ ኣድላይነት ከም ዘይብሎም ጌሩ ብምቕጻር ንጎኒ ደርብዩዎም። ኣዝዩ ዘገርም እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና ነቲ ባዕሉ ዘጠመቖ መደብ ወፍሪ ንቁጠባዊ ሓርነት እውን እንተኾነ ብኽምቲ ክኸኖ ዝግብእ ዝነበረ ዕምቆትን ስፍሓትን ጌሩ ኣይገለጸን። ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ቁጠባዊ ሓርነት ናይ ሓሶት ሓበሬታት እናቐለበ ኣህውቲቱዎ። ንዕላማ ናይቲ መደብ ከምኒ ምህናጽ ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጽታት (ምስራሕ ዛላታት፡ ጽርግያታት፡ ሓጽቢታት፡ ጀሪፋት፡ መዕርፎታት ነፈርቲ፡ ወደባት፡ ወዘተ) ኣብ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ጥራይ ዝያዳ ዘተኩርን ዝተሓጽረን ኣምሲሉ ብሓሶት ገሊጹዎ።

ትሕዝቶ ቁጠባዊ ሓርነት ንባዕሉ ግና ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ። ንመንግስቲን ንብሕታዊ ክፋልን (ኮታ ንህዝቢ ብምሉኡ) ንዘሳትፉ ንጥፈታት ቁጠባ ይሓቑፍ። ንኩሎም ዝሳተፉዎ ወገናት ኣብ ናይ መንግስቲ ይኹን ኣብ ናይ ብሕቲ ስርሓት ነጢፎም ንኽሳተፉ የተብብዕ። ኣፍራይነትን ዕድላት ስራሕን የመዝግብ። ደረጃ መነባብሮ ዜጋታት የበርኽ። ፍትሓዊነት ዘለዎ ምዕባለ ንኽረጋገጽ ይሰርሕ። ናይ ሚኒስትሪ ዜና ኣገላልጻ ግን እምብዛ ጸቢቡ። ንዕላማ ተሳታፍነትን ኣበርክቶን ናይ ብሕታዊ ክፋል ጎስዩዎ ይሓልፍ።

ናይ ዜና ሚኒስተር ናይዝጊ ክፍሉ ካብ ስራሕ ጠጠው ምስ በለ ኢሳያስ ንዕኡ ዝትክእ ሓዲሽ ሚኒስተር ተቓላጢፉ ኣይመደበን። ንንጥፈታት ናይቲ ሚኒስትሪ ባዕሉ ክመርሖ ስለዝደለየ፡ ነቲ ንነብሱ



ከም ሚኒስተር 'ኣምሲሉ' ብሓሶት ከቕርባ ዝፈተነ ዕሽላዊ መንእሰይ እዩ፡ ከም 'ምሉእ' ኣማሓዳሪ እኳ ዘይኮነስ፡ ከም 'ክንዲ' ኣማሓዳሪ ናይቲ ሚኒስትሪ ጌሩ መዲቡዎ።

እቲ ዕሽላዊ መንእሰይ (ብካልኣይን ናይ ብርዒን ስሙ ጽገሬዳ ገብረኣምላኽ ይብሃል!) ኣብ እዋን ቁልዕነቱ ብኣቶ ኢሳያስ እናተጸፍዐ ዝዓበየን ካብቶም መተዓብይቱ ቆልዑ ተፈልዩ ናብ ሱዳን ከሃድም ምስፈተነ ብኣሃዱታት ሓለዋ ተትሒዙ ናብ ኣሃዱኡ ዝተመልሰን ሰብ እዩ። ስለዚ ንኣቶ ዘራጊቶ ምሒር እዩ ዝፈርሆ። ንሱ ንዝህቦ ትእዛዛት ብዘይዕጥይጥይ የተግብሮም።

እቲ መንእሰይ ኣብ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብዙሕ ኣይደፍአን። ኣብ ናይ ብሄር መንነት ብዝመጸ ክኣ ቅልውላው ኣለዎ። ብሄር ትግርኛ ክብሃል ኣይደልን እዩ። ብኹሉመሉ ተደሚሩ ብስምዒት ነብሰ-ምትሓት (inferiority complex) ዝተጠቕዐ ሰብ እዩ። ኢሳያስ ስለዚ ነዚ ዝፈልጦ ሰንኮፍ ኩነታቱ እዚ እናመዝመዘ የስርሖ።

ኢሳያስ ናብ ውሽጢ ሃገርን ግዳምን ዝስደዱ ምስጢራውያን መልእኽታት ምስዝህልዉዎ ነናብ ዝምልከቶም ኣድራሻታት ብኣካል ንኽብጽሓሉ ነዚ ፈራህ መንእሰይ እዚ ይልእኮ። ምናልባት ከጥቅዮም ወይ ከፈራርሆም ዝደልዮም ፍሉያት ሰባት ወይ ሚኒስተራት እንተለዉዎ ክኣ ንክዳፈረሉን ከጥቅዓሉን ምዒዱ የዋፍሮ።

ንኣብነት ኣብ 2005 ንሚኒስተር ፋይናንስ ደብዳበ ጽሒፍካ ዝሰፎ ተብሂሉ ብኢሳያስ ምስተኣዘዘ እቲ መንእሰይ ዘለፋ ዝመልኦ ወግዓዊ ደብዳበ ጽሒፉለይ። ንቅዳሕ ናይ ደብዳበኡ ናብ ኣቶ ዘራጊቶ ሰዲዱዎ። እቲ ንሱ ሽዑ ዝጽሓፎ ደብዳበ ብግቡእ ተሰኒዱ ኣብ ፋይላት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ተትሒዙ እሎ።

ብኸም እኒ እዚኦም ዝኣመሰሉ ሕሱራት ቆልዑ እዩ ክምሕደር ጸኒሑ መራኽቢ ብዙሃን ኤርትራ። ንህዝቢ ኤርትራ ክኣ ብኽምቲ ዝግባእ ዝነበረ ጌሩ ኣየገልገሎን። እቲ ንብዙሓት ተቓዊሞሙኒ ዝበሎም ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ብግፍዒ ዘእሰረን ዝኣሰረን ብድዕኛ ዕሽል

መንእሰይ ሎሚ ኣብ ኤርትራ የለን። ብኣቶ ኢሳያስ ካብ ዝተዋደደለይ መጻወዲያ መቕተልቲ ኣምሊጠ ኢሉ ኣመኽንዩ ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ኣብ ከተማ መልበርን (ኣውስትራልያ) ተዓቝቡ ይነብር ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ንህዝቢ ዘገልግል ዕቱብ ስርዓተ መራኸቢ ብዙሃን ዝህሉ እቲ ኢሳያስ ኣባላሸዩዎ ዘሎ ትካል ተጐሒፉ ንብሕታዊን መንግስታዊን ክፋላት ብምልኣት ክሳተፉ ዕድል ብዝህብን ዘኽእልን ካልእ ሓዲሽ ውዳበን ስርዓትን ምስዝትካእ እዩ።

ብርኢቶይ፡ እቲ ሓዲሽ ስርዓት፡ ኣብ ዘቤታዊን ኣህጉራዊን መድርኻት ኣብ 1) ፖለቲካዊ ዛዕባታት፡ 2) ቁጠባዊ ዛዕባታት፡ 3) ማሕበራዊ ዛዕባታት፡ 4) ባህላዊ ዛዕባታት፡ 5) ሓፈሻዊ ሕዉስዋስ ዛዕባታት፡ ዝተኸፋፈሉ ቴማታት ብዘተኩሩ ሓሙሽተ ነኒብሶም ዝኽእሉ (specialized and autonomous) ጨናፍር ክቖሙ ምኽኣለ። ብኽምኡ ምስዝስራሕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወቱ ንዘድልዮ ደረት-ኣልቦ (limitless) ፍልጠትን ሓበሬታን ብቐሊሉ ክረክብን ኣብ ሓድሕዱ ርኢቶታት/ሓሳባት ክለዋወጥን ዘኽእሎ ዕድል ምረኸበ።

ኣቶ ዘራጊቶ ግን፡ ንኽንፈልጦ፡ ንሚኒስትሪ ዜና ጥራይ ኣይኮነን ባዕሉ ዝመርሖ። ንመብዝሕትአን ካልኦት ሚኒስትሪታት እውን ባዕሉ እዩ ዝመርሖን። ንሚኒስትሪታት ምክልኻል፡ ጉዳያት ወጻኢ፡ ሃገራዊ ልምዓት፡ ፍትሒ፡ ›ሓቀኛ (real) መራሒአን ኣቶ ዘራጊቶ እዩ። ነተን ከም ዕንክሊል ዝጻውተለን ሚኒስትሪታት ህንጻ፡ ሕርሻ፡ ማዕድን፡ ሃብቲ ዓሳ እውን ንዝነበሩወን ሓላፍነታት ዳርጋ ብምሉኡ መንጢሉወን። ነተን ሓሸውየ ዘብለን ሚኒስትሪታት ቱሪዝም፡ ማሕበራዊ ድሕነት፡ መሬት ማይ ኣካባቢ፡ መጐዓዝያን መራኸቢታትን ከም ሓውሲ ርሱዓት (sidelined) ጌሩ ኣልሚሱወን። ንኣብያተ ጽሕፈታት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ኣኽባር ሕጊ፡ ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝኣመሰሉ ትካላት ከም ተጻረርቱን



ተጻባእቱን ጌሩ ብምርኣይ ኣዳኺሙወን። እንተዝኽእል ኔሩ እሲ ንሰለስቲአን ትካላት ክድምስሰን ምደለየ።

እቲ ዘገርም ነገር ግን ኩሎም እቶም 'ስማውያን ' ሓለፍቲ ናይዘን ትካላት እዚአን ከባላሸዋ ከሎ ንኢሳያስ ኣይተቓወሙዎን። ምኽንያቱ ከኣ (1) ካብ ቦታ ስልጣን ከይስጎጉን (2) ኣብ ልዕሊኦም ኣሰቀቒ መቕጻዕቲ ከይፍጽምን ስለዝፈርሁ እዩ። ከምዝፍለጥ፡ ዲክታተር ኢሳያስ ናይ ባይቶ ኤርትራ ፍቓድ ከይሓታተ ንላዕለዎት ሓለፍቲ (ሚንስተራት፡ ደያኑ፡ ጀነራላት ወዘተ) ባዕሉ ሓጽዩ ባዕሉ እዩ ዝሸይምን ዝሰጉግን። ኣብ ልዕሊ እቶም ስለዘይተቓደዉዎ እሞ ካብ ስራሕ ዝግልፎም ሰባት ከኣ ብጋህዲን ብስቱርን ዘዝንቦም መቕጻዕቲታት ብዙሓት ዓይነት እዮም። ብኣባላት ክፍሊ ሃገራዊ ጸጥታ ዝትግበሩ ኮይኖም ካብ ቀለልቲ ክሳብ ንሕልፈት ምሕባስን ብሞት ምቕጻዕን የጠቓልሉ።

## ምብልሻው ህንጻዊ ስርሓት

ህንጻዊ ስርሓት (construction works) ኣብ ኤርትራ ዳርጋ የለዉን። ኣዝዮም ተሰናኺሎም። ባዕሉ ሚኒስትሪ ህንጻ ከይተረፈ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ዝኾነ ተገዳሲ ዜጋ ከምዝፈልጦ፡ መብዛሕትኦም ዝነበሩኒ መሃንድሳትን ስርሓትን ብኣቶ ኢሳያስ ተመንዚዐ እየ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝሰላሰሉ ናይ ህንጸ መደባት 'ኣይምልከቱኻን እዮም' ተብሂለ እየ፡ ወዘተ እናበለ ንነብሱ ካብ ህንጻዊ ስርሓት ኣግሊሉዋ ኣሎ። ብሓቂ ከኣ እቲ ሚኒስትሪ ንናይ ሃገርና መደባት ህንጻ ኣይፈልጦምን ኣይሳተፎምን እዩ። ፍጹም ተዳኺሙ። ንኣብነት ኩለን ዓበይቲ ሚኒስትሪታት ኣብ ዞባታት ዝውክሉወን ጨናፈር እናሃለዉወን ሚኒስትሪ ህንጻ በይኑ ጥራይ ዝውክልኦ ጨናፍር የብሉን። ጨናፍር ክህልውኦ ኣድላይነት ስለዘይብሉ። ማ/ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ህንጻ ዳርጋ ኩሉ መዓልታት ስራሕ ስኢኑ ገረውረው ዝብልን ዕጹውን ኮይኑ። ንጥፈታት ህንጻዊ ስርሓት ኣብ ሃገርና ስለዝተዳኸመ ኣውፈርቲ ሃዲሞም። መዛሕትኦም መሃንዲሳትን ኮትራክተራትን ስራሕ ንኸናድዩ ናብ ካልኦት ሃገራት ግዒዞም።

ሚኒስትሪ ህንጻ፡ ኣብ 1993 ብዝተዋህበ ሓላፍነት መሰረት ሰሪሑ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ንሃገራዊ ዕማም ምህናጽ ኣባይቲ ብዕቱብ ክሕዞ ምኸኣለ። ከምኡ ግን ኣይገበረን። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ መጽለሊ እትኾኖ ገዛ ክረክብ መሰል ኣሎዎ።

ሎሚ ኣብ ሃገርና ንጉዳይ ምህናጽን ምፍራስን ኣባይቲ ዝምልከቶ ብዓል ስልጣን ኣቶ ዘራጊቶ ባዕሉ እዩ። ከምኡ'ውን ሚኒስተር ዘባዊ ምምሕዳራት ኣቶ ወልደንኪኤል ኣብርሃ፡ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከልን ከንቲባ ከተማ ኣስመራን ብ/ጀነራል ሮመዳን ኣውልያይ ዝኣመሰሉ ክኣ ብፕረዚደንት 'ተኣዚዝና' እናበሉ ኣብ መደብ ምፍራስ ኣባይቲ ብንጥፈት ይዋስኡ ኣለዉ። ኣብ ምህናጽ ኣባይቲ ኣይሳተፉን እዮም። ንዓና ንህዝቢ ኤርትራ ግና ምህናጽ ኣባይቲ እዩ ብዝያዳ ዘድልየናን ዘገድስናን። ንመደባት ህንጻዊ ስርሓት ስለዚ ዕቱብ ቆላሕታ ክንገብረሉ የድሊ። ናይ ብሕታዊ ክፉል ተሳታፍነት ኣብ ምህናጽ ኣባይቲ ገዚፍ ክኸውን ይግብኦ።

መፍቶ ድሌት ኣቶ ዘራጊቶ ኮይኑ ሚኒስትሪ ህንጻ ሎሚ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ክስከም ብዘይደሊ ዉልቀሰብ ይምራሕ ብምህላዉ ኣመና ተሃስዩ። እቲ ሓላፊ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ተሓቲቱ ክምልስ ከሎ 'ኣነ ሚኒስተር ክኸውን እየ ዝደሊ እምበር ብዛዕባ ካልእ ነገር ኣይግድሰንን እዩ፡ ሚኒስተር ክኸውን ዘይደሊ ሰብ እንተሎ ክኣ ናቱ ምርጫ እዩ' ዝበለ እዩ። ዕቱብነትን ተወፋይነትን ይጎድሎ። ነዚ ሓቂ እዚ ህዝቢ ኤርትራ ይፈልጦ እዩ።

ሚኒስትሪ ህንጻ ዝመርሖ ዘሎ ጽላት ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ብዓቢ እዩ ዘበርክት። ማእለያ ዘይብሉ ናይ ስራሕ ዕድል እውን ይፈጥር። ነዚ ጽላት እዚ ዓቲብና ክንከታተሎ ይግብኣና። ንሃገራዊ መደብ ምህናጽ ናይ በብዓይነቶም መንበሪ ኣባይቲን ንልምዓት ዘገልግሉ ህንጻታትን ዝመርሕን ዝከታተልን ነብሱ ዝኸኣለ ሚኒስትሪ ኣባይቲ ክነቝውም የድልየና።



## ምብልሻው ጽላታት ኢንዱስትሪን ንግድን

ኣብ ከባቢ 2003 ኣቶ ኢሳያስ ነቲ ኣብ ቁጠባን ሓፈሻዊ ሂወትን ናይ ሃገር ዓቢ ስትራተጃዊ ተራ ክጻወት ዝግብኦ ጉባለል ሚኒስትሪ ኢንዱስትሪን ንግድን ብሰላሕታ ኣዳኺሞዎ። ከበላሹ ከሎ ብትሪ ዝቃወሞ ሰብ ምእንቲ ከየጋጥሞ ነቲ ኣብ ክፉት ኣኼባን ኣብ ዕላላትን 'ኣቶ ኢሳያስ እንተዘየሎ ኤርትራ የላን' ዝብል መርገጺ እዩ ዘለኒ' ዝብል ከቲር ህርፋን-ሹመት ዘለዎ ውልቀሰብ ሚኒስተር ናይ ጽላታት ኢንዱስትሪን ንግድን ጌሩ ሸይሙዎ። እዚ ንሃገረ ኤርትራን ንዉልቀ ኢሳያስን ብማዕረ ሰሪዑ ዝጠመተ ሚኒስተር እዚ እምብኣር ንትእዛዝ ኢሳያስ እናተቐበለ ንጽላት ኢንዱስትሪ ነበረያ-ነበረ ጌሩዎ። ጽላት ሕርሻ ኤርትራ ንባዕሉ ጌና ዘይማዕበለን ድኹምን ክነሱ እቲ ሚኒስተር ኣብ ንጥፈታት 'ሕርሻ-ኢንዱስትሪ' ኣቶኵርና ኢና ንጽላት ኢንዱስትሪ ክንማዕብሎ ካብ ዝብል ናይ ውልቁን ናይ ጎይትኡን ግጉይ ኣተሓሳስባ ተበጊሱ ንምዕባለ ጽላት ኢንዱስትሪ ኤርትራ ሓንኵሉዎ። ብዙሕ ከይደንጎየ ንጽላት ንግዲ ኤርትራ እውን ባይታ ኣዝቢጡዎ።

ኣቶ ሚኒስተር ነቲ ኣብ 'መትከል ትንተና ስርዓታት' (principle of systems analysis) ተሞርኵሱ ዝተሃንጸን ብመንጽር 'ኣህጉራዊ ደረጃታት' (UN Standard International Classification of all Economic Activities) ተቐሪጹ ንኸሰርሕ ዝተዋደደን ኣዝዩ ስሉጥ ዝነበረ ናይ ኤርትራ 'ስርዓተ ኣዋህባ ፍቓድ ዋኒን' ሰሪዙ ብናይ ውልቀሰባት ስምዒትን ድንጋጸን እናተማእዘነ ብዝሰርሕን ዝውስንን ድሑር ስርዓት ተኪኡዎ። ተተኺሉ ንዝጸንሐ 'ኣሃዱ ምትብባዕ ንግዲ ወጻኢ (export promotion unit)' ብቤት ጽሕፈት ማክሮ ፖሊሲ ዝተመስረተን ንንጥፈታት ክፍሊ ቁጠባ ህግደፍ ዝወዳደሮን ኣሃዱ ስለዝኾነ ኣየድልየናን እዩ ብምባል ሰሪዙዎ። ንዝጸወትኦ ዕዙዝ ተርእን ብዕምቆት ከይፈለጠ ንእኸሊ ቦርድ ኤርትራን ንኢንስቲትዩት ደረጃታት ኤርትራን ኣዳኺሙወን።

ኣብ ኤርትራ ሎሚ ዘሎ ኢንዱስትሪያዊ ኩነት ነተን ንጣራት ናይ ህግደፍ ፍብሪካታት ገዲፍካ ካልኦት (ኣፍረይቲ) ፋብሪካታት ኣለዋ ኢልካ ክትዛረብ ዘድፍር ኣይኮነን። ኩሉም እቶም ኣብ ጽላት ኢንዱስትሪ ገንዘቦም ዘፍሰሱ ኤርትራውያን ኣውፊርቲ ክከሲሮም ናብ ወጻኢ ሃገራት ተሰዲዶም። ትካላቶም ክኣ ዓንየን ናብ ኩምራ ሮታመ ተቐይረን። ኢንዱስትሪ ኤርትራ ብህጹጽ ክበራበር ይግብኦ እሎ።

ብሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝትክላ ፋብሪካታት ድማ ክብሪ-ዝውስኻ መስንዓዊ (value-adding manufacturies) ዓይነት ክኾና ኣብ ግምትና ክኣቱ ይግብኦ። ብተወሳኺ፡ ብዙሕ ማይ ዘየህልኻ፡ ኣካባቢ ዘይብክላ፡ ሰፋሕቲ ቦታታት ዘየድልየን፡ ዘበናዊ 'ቴክኖሎጂ' ዝጥቀማ፡ ንሰደድ ዝብቕዕ ምህርቲ ዘፍርያ፡ ዓይነታት ክኾና እውን ይግብኣን።

ጽላት ንግዲን ኢንዱስትሪን ሰረት ምዕባለ ናይ ሓንቲ ሃገር ከም ምኻኑ መጠን ዓቢ ክፋል ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ መነባብሮኡ ዝዕንገል በቲ ካብኡ ዝርከብ ሽቕለትን ፍርያትን እዩ። ሽቕለትን ፍርያትን እንተዘይረኺቡ ግን ዝኾነ ህዝቢ ብሂወት ምእንቲ (survive ክገብር) ክነብር፡ ከምቲ ኣብ ሃገርና ሎሚ ዘጋጥም ዘሎ ኩነት፡ ግድነት እዩ ናብ ስደት ገጹ ክምርሕ።

ኣብ ሓምለ 2014 ኣቶ ኢሳያስ ዝቤታዊ እገዳ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ ንግዲ ኤርትራ (domestic sanction on foreign trade) ክህሉ ብምውሳን (unpublicized) ውሽጣዊ መምርሒ ስራሕ ኣመሓላሊፉ። ነቲ መምርሒ ስራሕ በቲ ንሚኒስተር ስቲፋኖስ ሃብተ ዝተክአ ሓዲሽ ሚኒስተር ንግዲን ኢንዱስትሪን ጌሩ ክተግብሮ መሪጹ።

ንኽንፈልጦ ጥራይ፡ ሓዲሽ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ሳዕለዋይ ሓላፊ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ኢሳያስን ክፍሊ ቁጠባ ህግደፍን ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ንግዳዊ ኩባንያ ሰቲት እዩ። ኣብ ከተማ ተሰነይ እናተቐመጠን ንቡር ዕለታዊ ንግዳዊ ንጥፈታት ናይ ኩባንያ ሰቲት



እናሰላሰለን ክኣ ነቲ ዋና ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ሚኒስትሪ ንግዲን ኢንዱስትሪን ንኩባንያ ሰቲትን ብኣድራጋ ይመርሖም። ዓጀብ ዘብል እዩ!

ኣቶ ኢሳያስ ብዛዕባ 'ዝቤታዊ እገዳ' ኣውጺኡዎ ብዘሎ መምርሒ መሰረት ኤርትራ ዝኾነ ይኹን እቕሓ ካብን ናብን ወጻኢ ሃገር ብሕጋዊ ኮነ ብዘይሕጋዊ (ኮንትሮባንዳ) መገዲ ከተእቱን ክትሰድድን (all import-export trade licenses, permits, and transactions are prohibited) ኣይፍቀደላን እዩ። እቲ ስጉምቲ ንኤርትራ ዝኾነ ይኹን ኣህጉራዊ ንግዲ ከተካይድ ከምዘይትኽእል ጌሩ ይኸርድና። ከም ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ድማ ኤርትራ ሃገርና ንግዚኡስ ብጎሮሮኣ ተሓኒቓ ኣላ። ኣዝዩ ዘደንጹ ኩነት እዩ ኣጋጢሙዋ። ብውሳነ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊኣ ተበይኑ ዘሎ ኣህጉራዊ እገዳ ከይኣኽላ ኣቶ ኢትዮጵያዊ-ኤርትራዊ ኢሳያስ ንኤርትራ ብዝቤታዊ እገዳ ደሪዑዋ። ዓለም ብዛዕባ ናጻ ንግዲን ክፉት ዕዳጋን ትዛረብ እናሃለወት ኢሳያስ ብኣንጻሩ ብዛዕባ ምህላው ቅዩድ ንግዲን ዕጹው ዕዳጋን ኣብ ኤርትራ ክስተንትን ንግዚኡ የባኽኖ።

ሎሚ ኣብ ኣህጉራዊ ንግዲ ክሳተፍ ተፈቒዱሉ ዘሎ ኤርትራዊ ኣሃዱ ናይ ህግደፍ ትካል ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ እዩ። ኣካላት መንግስቲ ካብ ደገ ተዓዲጎም ዝመጹ እቕሑ ምስዝህልዉወን ብመገዲ እዚ ትካል እዚ ጌረን የምጽኦ።

ኩላትና ከምእንፈልጦ ሃገራት ዓለም፡ ብኣንጻር እቲ ኣብ ኤርትራ ዝርኣ ዘሎ ጽልሙት ኩነታት፡ ዕሙር ኣህጉራዊ ንግዲ እታውን ሰደድን ክህልወን እየን ዝማወታ። ምኽንያቱ፡ ኣህጉራዊ ንግዲ ንሃገራት ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ንኽለዋወጣ የኽእለን ጥራይ ዘይኮነስ ብኢዱስትሪያዊ ንኽምዕብላ ንዘድልዩን ዘተባብዑን ዝተፈላለዩ ቀረባት ቴክኖሎጂን ጥረነገራትን መሳሪሒታትን ፍልጠታትን ብዚ መገዲ እዚ ጌረን ስለዝረኽባ እዩ። ምድላብ ሽርፊ ወጻኢ ካብ ንጥፈታት ኣህጉራዊ ንግዲን ወፍሪን እዩ ዝእከብ። ኣብዚ

ጽላት እዚ ዘሎ ናይ ሽቕለት ዕድል ዓርሙሸሽ እዩ። ኣቶ ዘራጊቶ ግን ንኣህጉራዊ ንግዲ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ዘሰስና ከዕንዎ እዩ መሪጹ።

እቲ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣስገዲዱዎ ዘሎ ›ዘቤታዊ እገዳ እ፡ ንሓደ ርብዒ ካብቶም ኣርባዕተ ማክሮ-ጽላታት (macro sectors) ሃገራዊ ቁጠባ ብምብልሻው ንብምልኡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ንጥፈታት ኤርትራ ኣማዚቢሉዎ። ኣብ 2015 ንክልተ ማክሮ-ጽላታት ማለት ንጽላት ባንክን ንጽላት ፊስካልን ዘበላሸዉ ስጉምታት ወሲዱ ስለዝኾነ፡ ኣርባዕቲኦም ማክሮ ጽላታት (ፊስካል፡ መፍረን ሃልኪን ኣቐሑትን ኣገልግሎታትን፡ ንግዲ ወጻኢ፡ ባንክን ገንዘብን) ሓድሕድ ተለኻኺሞም ከምዝላሸዉ ኮይኖም።

## ምብልሻው ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ፋይበር ኦፕቲክ

መንግስቲ ኤርትራ (ዉዱቕ እንተዘይኮይኑ) ንዜጋታቱ እኹልን ዘየቋርጽን ቀረብ መግብታትን ናይ ጽዓት፡ ማይ፡ ተሌፎን፡ ሞባይል፡ ኢንተርነት ዝኣመሰሉ ኣገልግሎታትን ከረጋግጽ እዩ ዝግብኦ። ዘየቋርጽን (uninterrupted) እኹልን ቀረብ ጽዓት ምስዘይህሉ ናይ ግሊ ይኹን ናይ መንግስቲ ስራሕ ብኣድማዕነት ክሰራሕ ኣይክእልን እዩ። ናይ ኤርትራ ቀረብ ጽዓት ብብቕዓት ዝፍታሕ ኣቶሚካዊ መመንጨዊ ጽዓት ብምጥቃም እዩ። ንዕኡ ዝድግፉ ክኣ ናይ ንፋስን ጽሓይን ተተካኢቲ ጽዓት ምፍራይ እዩ። ኣብ ግምት ክኣቱ ዝኽእል ናይ ጂኦ-ቴርማል ጽዓት እውን ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ እቶም ተደለይቲ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ክፍርዩን ክቐርቡን ዝኽእሉ ዝነበሩ ትካላት ሃገርና ኩነታቶም ሕማቕ ኣሎ። እኹልን ዘየቋርጽን ቀረብ ጽዓት ስለዝስኣኑ ብዝግባእ ክሰርሑ ኣይክኣሉን። ህዝቢ ኤርትራ 'ንእክለስ የጸልምቶ ድኣ!' እናበለ ንዓመታት ኣብ ጸልማት ተደፊኑ ይነብር ኣሎ። ራድዮን ተለቪዥንን ኢንተርኔትን ከፊቱ ናይ ዓለምን ውሽጢ ሃገርን ኩነታት ክከታተል ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ።



እኹል ቀረብ ኣገልግሎት መራኸቢታትን ዝስተ ማይን እውን የልቦን። ናይ ሃገርና ስእነት ማይ ብዘላቕነት ዝፍታሕ ኤርትራ ንማይ ቀይሕ ባሕሪ ኣጻርያ ክትጥቀመሉ ምስክኣለት እዩ።

ኣብ ዘለናዮ ዘበን ብኣገልግሎት ኢንተርኔት ዘይጥቀም ህዝቢ ምስቶም መሃይምነት ዘየጥፍኡ ሕብረተሰባት እዩ ዝስራዕ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክኣ ኤርትራ ኣብዚ ምድብ እዚ እያ ተሰሪዓ ዘላ። ምስ ኣህጉራዊ መስመር ፋይበር-ኦፕቲክ (fiber-optic) ስለዘይተላገበት ስሉጥ ኣገልግሎት ኢንተርኔት ተሓሪሙዋ። ንሱ ከይኣክል፡ ኣቶ ዘራጊቶ ነቲ ኣብ 2012 ኣብ ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝተጋብአ ዋዕላ ኤርትራውያን ኣውፈርቲ (Eritrean investors conference) 'ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብ ኤርትራ ብሰፊሕ ክዝርጋሕ ኣይድግፍን እየ' ዝብል ርኢቶ ዘፍሰሰ ውልቀሰብ ከም ሚኒስተር መጉዓዝያን መራኸቢታትን ጌሩ ሸይሙዎ ስለዘሎ ብዛዕባ ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብ ሓድሕድካ ክትላዘብ ዘየኽእል ኩነት ተፈጢሩ። ንህዝቢ ኤርትራ 'ቅበጹ፡ ቀረብ ስሉጥ ኣገልግሎት ኢንተርኔት ክንረክብ ኢልኩም ኣይትሕሰቡ' ኮይኑና።

ምስዚ ነጥቢ እዚ ተኣሳሲሩ ዝልዓል ንቀረብ ፋይበር-ኦፕቲክ ዝምልከት ሓደ ዘገርምን ዘጕሂን ሃገራዊ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ከባቢ 1997 ምዃን እዩ፡ እቲ ንማያት ቀይሕ ባሕሪን ህንዳዊ ውቅያኖስን ዝተዓጠቐም እሞ ካብ ግብጺ ተበጊሱ ብልኡላዊ ማያዊ-መሬት ሱዳንን ኤርትራን ሓሊፉ ንጂቡቲን ኢትዮጵያን ኣገልግሎት ድሕሪ ምሃቡ ብቀርኒ ኣፍሪቃ ተጠውዩ ክሳብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝበጽሕ ብውሽጢ-ዉሽጢ ማይ ጥሒሉ ዝኸይድ ኣህጉራዊ መስመር ገመድ ፋይበር-ኦፕቲክ ተዘርጊሑ። ካብ ምድራዊ ገማግም ብዙሕ ከይርሓቐ ኣብ ማያዊ ግዝኣት ናይተን ሃገራት ክዝርጋሕ ስለዘለዎ ኣብኡ ንምዝርግሑ ካብ ነፍሲወከፍ ናይተን ዝምልከተን ሃገራት ሕጋዊ ፍቓድ ይሕተትን ይውሃቦን ኔሩ። ኤርትራ ነቲ ሕቶ ምስቀረበላ፡ 'ክርዒዳ' መሲላ ክትርእ ያኢ፡ 'ፍቓዳ ከምዝሃበት' ዝገልጽ ቅልጡፍ

እወታዊ ወግዓዊ መልሲ ሂባ። ብኡ መሰረት ክኣ እቲ ኣህጉራዊ መስመር ፋይበር-ኦፕቲክ ብማያዊ ግዝኣት ኤርትራ ጌሩ ሓሊፉ።

ኣብቲ እዋን እቲ ኩለን እተን ድሌት ዘርኣያን ዋጋ መላገቢ ዝኸፈላን ሃገራት ካብቲ ኣህጉራዊ መስመር ብዝተጠልፈ መስመር ተላጊበን ኣገልግሎት ፋይበር-ኦፕቲክ ወሲደን። ንኢትዮጵያ ካብ መላገቢ ነቑጣታት ሱዳንን ጂቡቲን ዝደለየቶ ዓቐን ኣገልግሎት ተውሂቡዋ። ንኤርትራ ኣብ ባጽዕ መላገቢ ነቑጣ ተሰሪሑ መስመር ክውሃባ እሞ (landing point) ካብኡ ንድሓር ናብ ውሽጢ ሃገራ ባዕላ መርበባ ክትዝርግሕ ተውፍዩላ። ዋግኡ ሽዑ ዕስራ ሚልዮን ዶላር ጥራይ ኔሩ። ንዕኡ መኽፈሊ ዝኸውን ኹል ዓቕሚ እውን ኔሩና። ክፊልንና ንላገብ እንተተባህለ ደንቆሮ ኢሳያስ 'ምዕራባውያን ሃገራት ንኽሰልያና ዝዝርግሕኦ ዘለዋ መስመር ስለዝኾነ ኤርትራ ምስኡ ኣይትላገብን እያ' ብምባል ነቲ ወፈያ ነጺጉዎ። ሃገርና ብዘርኣየቶ ጥርጠራ ኣብ ቅድሚ እተን ካልኣት ሃገራት ሓፊራ። ንሳን እታ ኣብ ኩነተ-ዕግርግር ዝነበረት ሶማልያን ጥራይ ምስቲ ንኣገልግሎት ቅልጡፍ ርክብ ኢንተርነት ዝህብ ኣህጉራዊ መስመር ገመድ ፋይበር-ኦፕቲክ ከይተላገባ ተሪፈን።

ድሕሪኡ እውን፡ ዋጋ ይወሰኽ እምበር፡ ንኤርትራ ምስቲ መስመር ንኽትላገብ ዘኽእላ ሰለስተ ግዜ ዕድል ተውፍዩላ። ፕረዚደንት ኢሳያስ ስለዝኣበየ ግና ንሰለስቲኡ ወፈያታት ተሓሲማቶ። እቲ ኣብ 2012 ዝነበረ ወፈያን ምሕሳምን ብፍላይ ኣዝዩ ዘደንጽዩ እዩ። እቲ ካብ ነቑጣ ሱዳን ተበጊሱ ናብታ ክይተላገበት ዝጸንሐት ሶማልያ ጥራይ ዝበጽሕ እሞ ሶማልያ በይና ካብ ጁባኣ ባጀት ኣውጺኣ ዝመወለቶ ሓዲሽ መስመር ፋይበር-ኦፕቲክ ብማያት ኤርትራ ጌሩ ሓሊፉ። ነቲ ዝተረኽበ ጽቡቕ ዕድል ክንምዝምዞ ብምሕሳብ ካብቲ ገመድ ንዓና የድልየና እዩ ዝበልናዮ ዓቐን ኣገልግሎት መስመር ፋይበር-ኦፕቲክ ዓዲግና ንኽንጠልፍ ዘኽእለና ዘተ ምስቶም ወጻእተኛታት ወንንቲ ናይቲ ኣህጉራዊ መስመር ፋይበር-ኦፕቲክ ኣካይድና። እቲ ዘተ (negotiation) ኣዋርሕ ወሲዱ። ኣብ መደመደምታ ግና ብጽሒትና



ንኽንወስድ ሕራይ ኢሎሙና። ብኡ መሰረት፡ ናይ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ወግዓዊ ደገፍ ዘለዎን ብሚኒስተር መጉዓዝያን መራኸቢታት ዝተኸተመን ንሃገርና ኣብ ባጽዕ ነቑጣ መላግቦ ክዉሃባ ዘኽኣለ ስምምዕ ተፈሪሙ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ኢሳያስ ብዛዕባ እቲ ዝተፈረመ ስምምዕ ፈሊጡ። 'እኒ መን እዮም ንዓይ ከይሓበሩ ክምኡ ጌሮም?' ኢሉ ሓቲቱ። እቲ ዝተፈረመ ስምምዕ ብቕጽበት ክሰረዝ ድማ ኣዚዙ። ኣብ ከምኡ ህሞት፡ መምርሒ ናይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ተነጺጉ ምእንቲ ከይብሃል፡ ነቲ ኤርትራውያን ብድሌትናን ብውሳኔናን ዝፈረምናዮ ስምምዕ ብድሌትና ኣፍሪስናዮ ክምዘለና ዝገልጸ ወግዓዊ ደብዳበ ብሚኒስተር መጉዓዝያን መራኸቢታትን ተጽሒፉ ናብቶም ዋናታት ናይቲ ፋይበር-ኦፕቲክ ተሰዲዱ። ናይ ኤርትራ ኣጋባብ ኣሰራርሓ ንኹሎም ወገናት ኣደንጽዩ። ሶማልያ ንዝደለየቶ መስመራ ብዘይገለ ዕንቅፋት ወሲዳቶ። ኤርትራ ጥራይ ባዕላ ንነብሳ ነጺላ ምስ መስመር ኣህጉራዊ ፋይበር-ኦፕቲክ ዘይተላገበት እንኮ ሃገር ኮይና ተሪፋ።

ቁሩብ ሳምንታት ቅንይ ኢሉ እቲ ኣብ 'ንዑ እስከ ንረባረብ' (attrition) ኣብ ዝብል ስነ-ምጉት (logic) ተሞርኪሱ ክሰርሕ ዝመርጽ ህልኸኛ ኢሳያስ ነቲ ናይ ምልጋብ ሕቶ ኣብ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት ባዕሉ ኣልዒሉዎ። ኩላትና ኣብ ሓደ ሞገድ (same frequency) ምእንቲ ክንህሉን ንኽንፈልጦን ንኢንተርነት ብዝምልከት ብሳተላይት ጥራይ ኢና ክንግልገል ወሲንና ዘለና ድሕሪ ምባል 'ነቲ ስራሕ ክኣ ዶክተር እገለ ይከታተሎ ኣሎ' ኢሉ ንኹላትና ሚኒስተራት ነጊሩና። 98-99% ካብ ናይ ዓለም ኣሃዝ-ሓዘል ሓበሬታ (numerical data) ግና ብገመድ-ኣልቦ መስመር ሳተላይት ጌሩ ዘይኮነስ በቲ ኣብ ዉሽጢ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ተዘርጊሑ ዝርከብ መስመር ገመድ ፋይበር-ኦፕቲክ ጌሩ እዩ ዝመሓላለፍ።

ናይ ኢሳያስ ግንጢ ኣተሓሳስባ ምሒር ኣዕናዊ እዩ። ብክልቲኡ ኣገባባት እንተተገልገልና ንኽሰብ እምበር ብኸመይ ንኽስር? ኢለ

ምስሓተትኩ ካብ ኣገልግሎት ሳተላይት ጥራይ እንተተጠቐምና ይኣኽለና እዩ' ብምባል ንሕቶይ ነጺጉዎ። እንሆ ድማ ክሳብ ሎሚ (2015) ኣርባዕተ ዓመታት ሓሊፉ ክንሱ ኤርትራ ነቲ ካብ ሳተላይት ዝስሓብ መስመር ኢንተርኔት ኣይረኸበቶን። ኣቶ ኢሳያስ ሕጂ እውን ክም ልማዱ ሓሰዩ ንህዝቢ ኤርትራ ኢጋግዩና።

ኤርትራ ኣብ ኣገልግሎት ጽላት መጉዓዝያ ብዝያዳ ድማ ኣብ መጉዓዝያታት ባሕሪን ኣየርን ብማዕረ እቲ ክትኮኖ ዝግብእ ዝነበረ ኣይሰጎመትን። ኢሳያስ ነቲ ንሰባትን ኣቑሑትን ኣገልግሎት ዝህብ ጽላት መጉዓዝያ ባሕሪ እምብዛ ኣይተገደሰሉን።

ኢሳያስ ኣብ ጉዳይ መጉዓዝያ ባሕሪ ዝገበሮ ሓደ ኮመዲያዊ ድራማ ግን ንህዝቢ ኤርትራ ኩሉሳዕ የስሕቐን የዛናግየን ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ኢሳያስ ኣብ ሓንቲ ሰባት እያ ተመሳልስ ዝተባህለት ኣዝያ ዓባይ መርከብ (liner) ደይቡ ኤርትራ ነታ መርከብ እቲኣ ዓዲጋታ ከምዘላ ዘስምዕ ሓበሬታ ምስሃበ እሞ ብድሕሪኡ እታ መርከብ ናበይ ከምዝተሸርበት ከይተፈልጠ ምስጠፍኣት እቲ ድራማ ንኤርትራውያን ተዓዚብቱ ኣስሒቑ ኣዛናጊዑዎም።

ኣብ ኣገልግሎት መጉዓዚያ ኣየር ብዝመጸ፡ እቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኣሉታዊ ጉዳይን ዝርዝሩን ኣብዚ ኣሕጺርካ ዘይግለጽ ኣዝዩ ነዊሕ እዩ። ንስለምጥቃሱ ግን እቲ ጽላት ክዕረ ዝኽእል እቶም ንሓድሕዶም ተማላሊኦም ብምትሕብባር ንዓሰርተታት ዓመታት ሓሊኾም ሒዞሞ ዘለው ረቛሕቲ ማለት ኣቶ ኢሳያስን ኣቶ ጳውሎስ ካሕሳይን መገዲ ኣየር ናስ-ኤየርን ካብቲ ንጥፈት ርሒቖም ስርዓተ መጉዓዝያ ኣየር ኤርትራ ዳግማይ ተሃዲሱ ከምዝውደብን ከምዝህነጽን ብምግባሩ እዩ።

ንመጉዓዝያ መሬት ኣብ ዝምልከት፡ ኤርትራ ዝምስገን ሽፉነ ጽርግያታትን ብዝሒ በብዓይነተን ኣውቶሞቢላትን ኣለዉዋ። ድኻማ ኣብ ህላወን ዝርግሐን መስመራት መጉዓዝያ ባቡር ምድሪ እዩ። እዚ ነጥቢ እዚ ኣብ እዋን ስርዓት ኢሳያስ መስሓቕ ጥራይ ኮይኑ



ተሪፉ። ብሕጂ ግን ብዕቱብ ክስርሓሉ ኣለዎ። ንምብራቓዊን ምዕራባዊን ጎላጉል ኤርትራ ዘላግቡ መስመራት መገዲ ባቡር ክህልዉ የድሊ። ብዝይዳ እውን ብቐዳምነት ንዓሰብን ባጽዕን ተሰነይን ዘራኽብ መስመር ምስራሕ የድሊ።

ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘራኽቡ ንቑጣታት ክኣ ክልተ ክህልዉ። ሓደ ምስ መስመር ጂቡቲ-ኣዲስ ኣበባ ዝላገብ ነቑጣ፡ ካልኣይ ሓደ ክኣ ምስ መስመር ከሰላ-ካርቱም ዝላገብ ነቑጣ። ንኤርትራ ንግዚኡ ብዙሕ ከተሃውኽት ኣብዞም ክልተ ጥራይ ከተትኩር እዩ ዝሕሻ። ድሓር ዝመጽእ ምዕባለ እንተሎ ድማ ንስትራተጂ ጂኦ-ፖለቲካ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ግምት ዘእተወ ይኹን። ኣብ ዘለናዮ እዋን ኬንካ ዝውሰንን ዝድምደምን ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን።

## ምብልሻው ምሕደራ ዞባታት ኤርትራ፡ ሃገራዊ ድሕነት

ኣቶ ዘራጊቶ ንፈጸምቲ ትካላት መንግስቲ ኣብ ናይ ምብልሻው መደቡ ነኺሱ ቀጺሉዎ። ንናይ ዞባታት ምምሕዳራትን ንሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራትን ምእንቲ ከዳኽመን ትሑት ዓቕሚ ዘለዎም ሓለፍቲ መዲቡለን። ዝበዝሑ ኣማሓደርቲ ዞባታት ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዘይጸገቡን ንዝኣተዉዎ ስራሕ ዘይብቑዓትን እዮም። ሃገርና ብቑዓት ኣማሓደርቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት ዝስኣነት ክትመስል ያኢ ንገሊኦን ዞባታት ኣብ ምዝራብ ጥራይ ተሞርኪሎም ዝሰርሑ ንከንብቡን ክጽሕፉን ኣዝዮም ዝሽገሩ ኣማሓደርቲ ኣብ ዝመደቦትሉ ኩነት ተበጺሑ።

ሎሚ ዞባታት ኤርትራ ወተሃደራዊ ትእዛዛት ብዘኽብሩ ገዳይም ተጋደልቲ እየን ዝምሓደራ ዘለዋ። ልዕሊ ሚኒስተርና ካብ ዘሎ 'ላዕለዋይ ኣካል' ተውሂቡና ብዝብልዎ ናይ 'ግበር/ኣይትግበር' ወተሃደራዊ ትእዛዝ እናተመርሑ ብኣቶ ኢሳያስ ንዝውሃቦም ዝሩግ መምርሒታት ስራሕ ሰጥ ኢሎም የተግብሩ ኣለዉ። ስለዚ ክኣ ኣብ ኩለን ዞባታት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ክይተሰምዐን መሰላት ህዝቢ ብዘይ ስክፍታን ብቐጻሊን እናተጋህሰን ይስራሕ ኣሎ።

እዚ ኩነት እዚ ንግዚኡ እሲ ኣብ ዞባታት ርግኣትን (stability) ጸጥታን ንክሰፍንን ንኽሕሎን ኣኽኢሉ ይኸውን እዩ። ባይቶታት ዞብታት እውን ሓውሲ-ስማዊ ስልጣን ጥራይ ዋላ ይሃልዎም ኣብ ዞባታት ርግኣትን ጸጥታን ንክረጋገጽ ይሕግዙ ኣለዉ። ኣብ መጻኢ እዋን ግና ኣብ ኣጋባብ ኣቃውማን ምሕደራን ዞባታት ኤርትራ ምምሕያሻት ክግበሩ ኣለዎም።

ዞባታት ኤርትራ ፕረዚደንታዊ ስልጣን ብቐሊሉ ዘየርክበሎምን ህዝቢ ባዕሉ ንኣካይድኦምን ምሕደራኦምን ዘማእዝኖን ዘማዕብሎን ኮይኖም ዝተሰርዑ ትካላት ክኾኑ ይግባእ። ናይ ዞባታት ኣማሓደርቲ ናይ ግድን ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዝጸገቡን ብዛዕባ ሲቪላዊ ምሕደራ ትምህርቲ ወስዶም መርመራ ዝሓለፉን <u>ሲቪላት</u> መንእሰያት ክኾኑ ኣሎዎም። ኣቶ ኢሳያስ ድሕሪ ምስንጉ ስለዚ ምምሕያሽ ክግበር እዩ። ብወገነይ ነቲ ዝግበር ምምሕያሽ ብኸምዚ ዝስዕብ እማመ መቕረብኩዎ።

ሃገራዊ ባይቶ ብዝውስኖ መሰረት ምምሕዳር ዞባታት፡ ምቹእነት ናይ ጂኦግራፊያዊ ቅርጺ-መሬት ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ቁጽረን ካብ ሸሞንተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ (8-12) ብዝበጽሓ <u>ኣውራጃታት</u> (administrative divisions, AD) ተተኪኡ ይቐውም። ኣሰራርዓ ምሕደራ ኣብ ክልተ ጽፍሒታት ማለት ኣብ ጽፍሒታት ኣውራጃን ወረዳን (District, Commune, prefecture, etc) ጥራይ ዝተሓጽረ ይኸውን። ዓዳዊ ኮማት ወይ ናይ ከም ሽማግለታት ይህልዉ። ብህዝቢ ብቀጥታ ዝምረጽ ናይ ወረዳ ኣማሓዳሪ ይህሉ። ተሓታትነቱ ነቲ ዝመረጸ ህዝቢ እዩ።

ኩሎም እዚኦቶም ተወሃሂዶምን ሓቢሮምን ኣብ ወረዳኦም ንዝስላሰሉ ንጥፈታት ኩሉ-ጎናዊ መደባት ልምዓት፡ ምዕቃብ ያታን ልምዲን፡ ምውሓስ ሕጊን ስርዓትን፡ ኣካባብያዊ ጽሬት፡ መርዓ፡ ሓዘን፡ ስፖርትን ምዝንጋዕን፡ ምውሓስ ሃይማኖታዊ ክብሪታት፡ ምኽባር ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ብዓላት (ጽንብል ናጽነትን ዝኽሪ ስዉኣትን) ወዘ.ተ. ይከታተሉ። ኣብ ውሽጢ ወረዳን ወጻኢ ካብኡን፡ ናብ



ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ከይተረፈ፡ ንነበርቲ ናይ ወረዳ ዘርብሑ ምሃርቲ ዓይነት ናይ ምብጻሕ (ቱሪዝማዊ) ዑደታት ወዲቦም የተግብሩ።

ናይ ኣውራጃ ኣማሓዳሪ እውን ብህዝቢ ብቀጥታ ተመሪጹ ተጸዋዕነቱ ናብቲ ዝመረጸ ህዝቢ ይኸውን። እቲ ኣማሓዳሪ ኩሎም ትካላት ናይ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኣብ ደረጃ ኣውራጃ ስርሖም ብግቡእ ይፍጽሙ ምህላዎም የረጋግጽ። ኣብ ኣውራጃኡ ብደረጃ ሃገር ዝሰላሰሉ መደባት ልምዓት እንተለዉ ንኽዕወቱ ይተሓጋገዝ። ምስ መራሒ (ቀዳማይ ሚኒስተር) ናይ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ፡ ንስለ ሕባራዊ ምይይጥ ክብሃል፡ ቀጥታዊ ርክብ ይህልዎ። ብዛዕባ ስራሕ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ንኹሎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ፈጸምቲ ኣካላት ብቐጥታ ይረኽቦም።

ኣማሓዳሪ ኣውራጃ ኣብ ደረጃ ወረዳታት ማሕበራዊ ፍትሒ ይሰፍን ምህላዉ ብትዕዝብቱ (monitoring) የረጋግጽ። ኣብ ውሽጢ ዓመት (ኣብ ከባቢ ፍርቂ ዓመት) ዝካየዱ ስሩዓት ኣኼባታት ወዲቡ ወረዳታት ዝዝትያሉን ዝሳተፍኦን ዝተፈላለዩ ኣርእስታትን ቴማታትን ዘልዕል ናይ ዘተ መድረኽ (districts dialogue forum) ይፈጥር።

ንኹሎም ኣማሓደርቲ ኣውራጃታት ዘሳትፍ ሓደ ቤት-ምኽሪ (council) ይህሉ። ኣኼባታት ብስሩዕ የካይድ። ጸብጻብ ናይቲ ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ዘሎ ፖለቲካዊ ቁጠባዊን ማሕበረ-ባህላዊን ሀልዊ ኩነታት ይሰምዕ። ንትዕዝብትታቱ ንኩለን ኣውራጃታት ብጽሑፍ ይህበን። ኣቦ-መንበርነት ኣኼባ ናይቲ ቤት ምኽሪ ተርታ ተኸቲሉ ዘዋሪ (rotating) ይኸውን።

ምስ ፈጸምቲ ኣደ-ኣሃዱታቶም ብቐጥታ ዝራኸቡ ኪኢላዊ ዓይነት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ኩለን ኣውራጃታት ይህልዉ። ምስ ወረዳታት ብቀጥታ እናተራኸቡ ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ልምዓት ናይ ሃገር፡ እንተላይ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን (peace and

stability)፡ ክምኡ ድማ ኣብ ምውሓስ ሕጊን ስርዓትን (law and order) ኪኢላዊ ምኽሪታት ይዉፍዩ።

ኣብ ሃገራዊ ቅዋም ዝተሰረተ ንጹር ስልጣን ዘለዎም ናይ ወረዳታት ባይቶታት ይህልዉ። ኣብ ባይቶ ወረዳ ንምምሕዳር ኣውራጃ ወይ ንፍሉይ ሰልፊ (ንኣብነት ህግደፍ) ዝውክሉ እዮም ዝብሃሉ ኣባላት ኣይህልውን። ዕድመ ስልጣን ኣባል ባይቶ ወረዳ ካብ ክልተ (2) ዓመት ኣይበዝሕን። ነፍሲወከፍ ኣባል ባይቶ ንወረዳኡን ንሃገሩ ኤርትራን ጥራይ እዩ ዝውክል።

ባይቶታት ወረዳታት ብምምሕዳር ኣውራጃ ዘይዝወሩ ናጻ ኣሃዱታት እዮም ክኾኑ። ስለዚ ምወልኦም (financial budget) ብምሉኡ ካብ ናይ ወረዳ ውሽጣዊ ምንጭታት ካብ ዝእከቡ ኣታዊታት እዩ ክመጽእ። እንተኣድለየ ክኣ ኣብ ደረጃ ማእከላይ መንግስቲ ንባይቶታት ወረዳታት ዝኽውን ባጀት (subsidy) ብመልክዕ ድጎማ ክስላዕ ይኽኣል እዩ።

ናይ ወረዳ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራን ይዛመዱ እዮም። ናይ ወረዳ ባይቶ ተጸዋዕነቱ ናብ ህዝቢ ወረዳኡ ጥራይ ኮይኑ ምስ ሃገራዊ ባይቶ ንስለ ምይይጥ ቀጥታዊ ርክብ ይህልዎ። ክልቲኦም ጽፍሒታት ባይቶታት ንሓድሕድ ተማላሊኦምን ተዋሃሂዶምን ናይ ህዝቢ ሓድነትን ናይ ሃገር ኩሉ-ጎናዊ ልምዓትን የውሕሱ።

ኣብ ባይቶ ወረዳ ክም ኣቦ-መንበርን ምክትል ኣቦ-መንበርን ኮይኖም ዝምረጹ ክልተ ምሁራት መንእሰያት ብቕጽበት (automatically) ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ እዮም ክኾኑ። ብዓቢ ጥንቃቑ ክምረጹ ይግባእ። ባይቶ ኤርትራ ብዝውስና መሰረት፡ ኣብ ጽፍሒ ወረዳ ብህዝቢ ዝተመርጹ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝቑጽሮም ዜጋታት ብቀጥታ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ክኾኑ ተኽእሎታት ክምዘሎ እውን ክፍለጥ ኣለዎ። ብዙሓት ቁጽሪ ካብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ስለዚ ካብ ኩለን ወረዳታት ሃገርና ብቀጥታ ብህዝቢ ዝተመርጹ ክኾኑ እዮም። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ክኣ ንዝተወሰኑ ዓመታት



ዘገልግሉ ብቐጥታ ብህዝቢ ዝተመርጹ ይኾኑ። ናይ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ኣቦ-መንበር ካብ ኣባላት ብኣባላት እዩ ክምረጽ።

ፕርዚደንት ሃገረ ኤርትራ ግና ብመላእ ህዝቢ ኤርትራ ክምረጽ ከሎ እዩ ዝሓይሽ። ክምኡ ምስዝኽውን ህዝቢ ኣብ ዝኾነ እዋን ንፕረዚደንቱ ከረኻኽበሉ ክኽእል እዩ። እቲ ፕረዚደንት ብናይ ትውልዲ ዜግነቱ 100% ኤርትራዊ፡ ብመሰረት ብሉጽ ብቕዓቱን ክእለቱን ጠባያቱን (merit) ዝምስገን፡ ክምኡ ድማ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ዘይኮነ፡ እዩ ክኽውን።

ናይ ምምሕዳር ኣውራጃታት ሚኒስትሪን ሚኒስተርን ዝብሃሉ ቦታታት ስራሕን ስልጣንን ኣብ ደረጃ ሃገር ኣይህሉዉን። ምኽንያቱ ክኣ ኣድላይነት ስለዘይብሎም እዩ። ዓበይቲ ከተማታትን ብዙሕ ህዝቢን ዘለዉወን ኣውራጃታት ምስ ዕቤተን ዝመጣጠን ተሰታፍነት (ኣባልነት) ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ይህልወን።

ኣብ ደረጃ ኣውራጃታት፡ ንእቦ-መንበርን ምክትልን ናይ ባይቶ ወረዳን ንተወከልቲ ኣባላት ናብ ሃገራዊ ባይቶን ብሓባር ዘሳትፍ ኣብ ዓመት ክልተሳዕ ዝእከብ ናይ ምይይጥ (ዘይባይቶ) ተክኒካዊ መድረኽ (forum) ይህሉ። ኣብቲ ኣውራጃ ኣብ ዝርከባ ወረዳታት ዘለዉ ኩለንታዊ ምዕባለታት ተመዓራርዮም ይስጉሙ ምህላዎም ወይ ዘይምህላዎም እናፈተሸ ንርኽበታቱ ብኣገልግሎት መራኸቢ ብዙሃን ጌሩ ናብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ይዝርግሕ።

ብኸምዚ ክግለጽ ዝጸንሐ ኣጋባብ ምስዝስራሕ፡ ሓደ ብደረጃ ሃገርን ወረዳን ዝተማእከለ ግን ክኣ ኣሳታፊ ስርዕተ ፖለቲካ ክህሉን፡ ናይ ዜጋታት ኩሎም መሰላትን ናጽነታትን ፖለቲካዊ ሓይሊን (power) ክሳብ ኣብ ውልቀሰብ ደረጃ ወሪዱም ክውሓሱን፡ ክከኣል እዩ። ምስኡ ተዛሚዱ ዝኸይድ ክኣ ኤርትራና ካብ ደረጃ ወረዳ ጀሚራ ኣሳታፊ ዝኾነ ሃገራዊ ቁጠባ ክህሉዋ እዩ። በዚ ኣጋባብ እዚ ኣቢላ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ፍትሓዊ ማሕበራዊ መነባብሮ ህዝቢን፡ ናይ ኣምላኽ ምረቓ

ተሓዊሱዎ፡ ኣገደስቲ እወታዊ ምዕባለታት ክተመዝግብ ክትክእል እያ።

ክም ተወሳኺ ክርአ ዝኽእል ካልእ ብልጫ እውን ኣሎ። መስርሕ ትግባረ ምኽፋልን ምእካብን ግብሪ ማእከላይ መንግስቲ ኣዝዩ ስሩዕን (systematized) ዝያዳ ርትዓዊን ስሉጥን (more rational and efficient) ክኸውን እዩ። ኤርትራዊ መንእሰይ ካብ ጽቡቓት ባህሊታት ቁለን ብዝሓትና ክቕድሑን ክዕቀቡን ዝግብኦም ብዙሓት እወታውያን ልምድታትን ክብሪታትን ክምዘለዉ ተገንዚቡ ኣብ ዕለታዊ ሂወት ናይ ወረዳኡን ሃገሩን እናሰኸኦ ክሰርሓሎምን ክማዕብሎምን ክኽእል እዩ።

ተገሊጹ ዘሎ ስርዓተ ምሕደራ ሃገር ንታሪኻዊ ኣጋባብ ምሕደራ ሕብብረተሰባት ኤርትራ (ሕጊታት እንዳባ) ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ዘበን-ኣምጽኦን ዝብሃላ ኀዛዘይቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክህልዋ ኣይጠልብን እዩ። ኣብ ክንድኡ፡ እቲ ስርዓት ኑቶም ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ዘለዉ ንናይ ሃገርና ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ማሕበራዊ ሂወት፡ ባህሊን ልምዲን፡ ኩነታትና ዝከታተሉ ኮሚቲታትን ፍሉያት ንኡሳን-ኮምቲታትን ብዝያዳ ነጢፎምን ኣድማዕቲ ኮይኖምን ንኽሰርሑ ክተባብዖም እዩ።

ብሪማንያ ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት ይሃልዋ ክትብለና ከላ ስለዝተቐበልናያ ኣብ ናይ ናጽነት ጉዕዞና ክምዝኸሰርና ክንዝክር ይግብኣና። ንህግደፍ ክም ሰልፊ ኮይኑ ክሰርሕ ብምፍቃድና ሳዕቤኑ እቶም ሕጂ ዘጋጠሙና ዘለዉ ድምር ሽግራት ምዃኑ ክነስተውዕል ይግብኣና። ካብቶም ድሮ ዘሕለፍናዮም እወታዊን ኣሉታዊን ተሞክሮታት ረዚን ትምህርቲ ክንቀስም እውን ይግብኣና እዩ።

እቲ ሎሚ ኣቶ ኢሳያስ ንህዝብና ንኽርዕደሉ (Police State ንከፈጥር) ምሒር ኣዐንቲሩዎ ዘሎ ሃገራዊ ሓይሊ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ደረጃ ወረዳታት ምስወረደ ኣጸቢቑ ተበዊዙን ተቐጢኑን ዳግም



ተሰሪዑን ልዙብ ስልጣን ጥራይ ክምዝህልዎ ክግበር እዩ። ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ዘርዕድ ንህዝቢ ብሰላም ዘገልግልን ዝሕግዝን ሓይሊ ኮይኑ ብኣታሓሳስባን ኣብ ቅርጹን ዳግማይ ክምዓራረ ኣለዎ። ብሓፈሽኡ ፖሊስ ኤርትራ ናይ ህዝብና ሓጋዚን ረዳኢን ›ተዘይኮይኑ ኣርዓዲን ዓማጺን ክኸውን ዘኽእሎ ስልጣንን መሳለጢያታትን ክውንን የብሉን። ድሕሪ ምስጓግ ኣቶ ኢሳያስ እምብኣር ክፍሊ ሃገራዊ ድሕነት ብምሉኡ፡ ምስ ኩሎም ጨናፍራቱን ዕማማቱን ሓለፍቱን ኣባላቱን፡ ዳግማይ ተሓዲሱን ተመዓራርዩን ክቐውም ኣለዎ። መብዛሕትኡ ሓይሊ ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ደረጃ ወረዳ ካብ ኣባላት ወረዳ ዝምልመል ናይ ህዝቢ ኣገልጋሊ እዩ ክኸውን።

## ምብልሻው ጽላት ገንዘብ፡ ምቕያር ባጤራ ናቕፋ

ኣብ መወዳእታ 2015 ኣቶ ዘራጊቶ ንመሓውር ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ ኤርትራ ክዕኑ ንዘለዎ እኩይ መደቡ ብምቕጻል ንባንካዊ ጽላት ኤርትራ ክፍርስ ተበጊሱ። ኣብ ግጉያት ስረተ-ኣተሓሳስባትን (concepts) ዝምቡዓት ስርዓታት ኣሰራርሓን (procedures) ተሞርኪሱ ብምስራሕ ንናይ ሃገርና ጽላት ገንዘብን (Monetary sector) ባንካዊ ስርዓትን (Banking system) ዓጠምጠም ኣቢሉዎም።

ኢሳያስ ኣብ ታሕሳስ 2015 ኩሉ እቲ ኣብ ዑደት ዝጸንሐ ባጤራ ናቕፋ ብሓዲሽ ሕታም ተተኪኡ ኣብ ውሽጢ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ግዜ ገደብ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ (ክሓርር) ክኸውን ምዃኑ ዝገልጽ ኣዋጅ ብኢደዋኒኑ ኣእዊጁ። ብቼክ እናተጠቐምና ኢና ክንሰርሕ ኢሉና። ክምዝፍለጥ ግን ባንክ ኤርትራ ተጸዋዕነቱ ናብ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ድኣ እምበር ናብ ፕረዚደንት ወይ ፈጻሚ ኣካል መንግስቲ እውን ኣይኮነን። እቲ ኣቶ ዘራጊቶ ዝወሰዶ በይናዊ ስጉምቲ ስለዚ ብቐዳምነት፡ ዘይሕጋዊን (illegal) ኣዕናዊን ብኻልኣይ ሸነኹ ድማ ኣብ ግጉያት ክልሰ-ሓሳባት (faulty theories) ዝተሞርኮሰ እዩ ኔሩ።

ኣብቲ እዋን እቲ፡ ምናልባት 'ዝሓበርናካ ተዛረብ' ስለዝተባህለ ይኸውን እዩ፡ ግዜያዊ ኣማሓዳሪ ባንክ ኤርትራ ኣብ መስከት ተለቪዥን ኤርትራ ተቐልቂሉ 'ብምዕቡል ኣጋባብ ማለት ብቼክ ክንሰርሕ ስለዝደሌና በዚ ሕጂ ናብ ዑደት ዝኣቱ ዘሎ ሓዲሽ ባጤራ ናቕፋ ክንጅምር ኣድልዩና' ኢሉና። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ናይ ምቕያር ባጤራ ግን ከምኡ ኣይነበረን።። ንጽላት ገንዘብን ባንካዊ ስርዓትን (monetary and banking system) ኤርትራ ንምብላሻው እዩ ኔሩ እቲ ቅንዲ ዕላማ። እምበር ብቼክ ምስራሕ ድኣ 'ምዕቡል' ኣሰራርሓ ምኣስ ዝብሃል ኮይኑ።

ነዚ ፍጻመ እዚ ዝትንትኑዎ ብዙሓት ኤርትራውያን ናይ ስነ-ቁጠባን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ተመራመርቲ (economists and social scientists) ኣለዉ። ብርግጽ ክኣ ብሕጂ እውን ብዛዕብኡ ብዙሕ ክብሃልን ክጽሓፍን እዩ። ብቼክ ተጠቒምካ ምስራሕ ኣቐዲሙ ብባንክታት ኤርትራ ተፈቲኑስ ካብ ጥቕሙ ጸገማቱ ምስበዝሐ እዩ ተገዲፉ። ኣብ ባንክ እኹል ሚዛን ሕሳብ ዘይብልካ ክነስኻ ብሓሶት ቼክ እናጽሓፍካ ናይ ምፍናው ዓይነት ገበን ሳዕሪሩ። ነቲ ኣሉታዊ ተሞክሮ እቲ ክኣ ኩላትና ዓማውልን ንባዕሉ እቲ ግዜያዊ ሓላፊ ባንክ ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ ሰብን ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኢና።

እቲ ብኣቶ ኢሳያስ ዝተወስደ ስጉምቲ እምብእር ኣቐዲምካ ክትትንበዮ ዘየጸግም መጠነ-ሰፊሕ ዕንወት ኣስዒቡ። ኣብ ልዕሊ 1)ሃገራዊ ቁጠባ፡ 2)ማሕበራዊ ናብራ ዜጋታት፡ 3)እምነት ኣብ ባንካዊ ኣሰራርሓ፡ 4)ዝምድና ባንካዊ ስርዓት ኤርትራን ናይ ደገ ባንክታትን፡ ወዘተ ከበድቲ ማህሰይቲታት ኣውሪዱ።

ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባ ኣብ ዝኾነ እዋን ንትውግታት ክጥቀመሉ ዘድልዮ ፍሉጥ ብዝሒ ገንዘብ ኣለዎ። እቲ ዝድለ ብዝሒ ገንዘብ ክኣ ምስ ብዝሒ እቶም ዝፍጸሙ ትውግታትን ፍጥነት ዑደት ናይቲ ገንዘብን (ሓይሊ ናይቲ ቁጠባ) ይቀያየር። ዋላ ምስ ወቕትታት እውን ይቀያየር እዩ። ኩሉ ግዜ ስለዚ ሓድሓደ ኣገደስቲ እዋናውያን ምትዕርራያት እናተገብረሉ ይሰርሕ።



ንቁጠባ ሃገርና ኣብ ንቡር እዋንን ኣብ ግዜ ወርሓት ጥሪ ዕብዲን ንትውግታት ዘድልዮ ብዝሒ ናቕፋ ሓድሓደ ቅመራታት ብምክያድ ይግመት እዩ። እቲ ቅመራ ከይተኻየደሉ (without calculation) ካብ ፍርቂ ታሕሳስ 2015 ጀሚሩ ብትእዛዝ ኣቶ ኢሳያስ ካብ ባንክ ኤርትራ ክፍናን ብሞቕነን እናተማቐረሐ ናብ ተጠቀምቲ ክዝርጋሕን ዝተወሰነ ብዝሒ ናቕፋ ግና ኣመና ዉሒዱ። ንምንቅስቓስ ንጥፈታት ቁጠባ ሃገርና ብዝግባእ ክርውዮ ስለዘይክኣለ ኣዝዮም ቀለልቲ ትውግታት እኳ (ንኣብነት ምኽፋል ደሞዝ መዓልታውያን ሰራሕተኛታት፡ ምዕዳግ ንስራሕ ዘድልዩ ቀንጠመንጢ ቀረባት፡ ወዘተ) ንምፍጻም ኣጸጊሙ። ስለዚ ንቁጠባ ሃገርና ምሒር ሓሊኹዎ። ንቁጠባ ሃገርና፡ ኣብ ርእሲ እቶም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ወሪዶሞ ዘለዉ ከበድቲ ማህሰይቲታት፡ ሓደ ዘይተሓሰበ ሓዲሽ ማህሰይቲ ብሃንደበት ተወሲኹዎ። ከም ኣሉታዊ ሳዕቤን ናይቲ ዝተገብረ ምቕያር ባጤራ ናቕፉን ኣጋባብ ኣሰራርሓ ባንክን ክኣ ብዙሓት ካብቶም ብወቕቱን ብዕለቱን ረጊኦም ዝሰላሰሉ ዝነበሩ ልሙዳት ቁጠባዊን ማሕበራዊን ንጥፈታት (እኒ መርዓ፡ ሓዘን፡ ውራያት፡ ወዘተ) ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተሰናኺሎም።

ናይ ዜጋታትና ስደት ስለዝኾነን ዕድላት ስራሕ ኣብ ኤርትራ ስለዘየለዉን ብዙሓት ስድራታት ካብ ደገ ብዘመድ-ኣዝማድ ንዝሰደደለን ገንዘብ ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ናብ ባጤራ ናቕፋ እናቐየራ ኣብ ገገዝአን ብጥረ-ገንዘብ የቐምጥኦ ምኻነን ኩሉ ሰብ ይፈልጦ እዩ። ንግዳዊ ኩባንያ ›ሰቲት እ፡ ብትእዛዝ ኣቶ ኢሳያስ፡ ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ንሓደ ዶላር ብልዕሊ 50 ናቕፋ የሸርፎ ስለዝነበረ እቲ ባንክ ኤርትራ ንትካል ሰቲት ዝሃቦ ኣዝዩ ብዙሕ ናቕፋ ናይ ግድን ናብ ዕዳጋ ወሪዱ። ንሱ ከምኡ ምኻኑ እናተፈልጠ ክንሱ ግን እቶም ኣብ ባንክ መጺኦም ኣረጊት ናቕፋ ክለውጡ ዝደለዩ ዓማውል፡ ኩሉ እቲ ዘምጽኡዎ ጥረ ገንዘብ ብሓላልን ዘይሓላልን መስርሕ ምሸርራፍ ዝሓለፈ ምኻኑን ዘይምኻኑን ምእንቲ ክረጋገጽ፡ 'ምንጪ ገንዘብካ ብጽሑፍ ግለጽ' ተብሂሎም። ኣብ ንቡር ባንካዊ ኣሰራርሓ ግና ምንጪ ናይ ገንዘብካ ክትሕብር ኣይትግደድን ኢኻ። እምበርከ፡ ካብቲ ኩባንያ ሰቲት ሕጊ

ባንክ ኤርትራ እናጥሓሰ ዝተሳተፈሉ ዕሙር ጸሊም ዕዳጋ ሸርፊ ወጻኢ ዘምጻእክም ገንዘብ እዩ ኢሉ ዝነግር ሰብ ክርከብ ድዩ?!

ሓሳልን ዘይሓሳልን ጥረ-ገንዝብ ናይ ምፍላይ ሕቶ እውን እንተኾነ ንናይ ገበን ተቖጻጸርቲ ኣሃዱታት መንግስቲ ዝምልከት እምበር ንባንክታት ኤርትራ ብቐጥታ ዝምልከት ስራሕ ኣይኮነን።

ኣብ ዘለናዮ ህሞት፡ መብዛሕትኡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብቼክ ዘይኮነስ ብጥረ-ገንዘብ እዩ (cash) ትውጊታት ይፍጽም ኣሎ። ነዚ ልምዲ እዚ ብዝተሰርዐ ወፈራ ዘገምታዊ መስርሕ ክትቅይሮን ክትማዕብሎን ግን ይከኣል እዩ።

ንሓደ ህዝቢ ናብ መርበብ ባንካዊ ኣሰራርሓ ክተእትዎን ኣብ ባንካዊ ስርዓት እምነት ከምዘሕድር ክትገብሮን ነዊሕ ግዜን ጽዑቕ ጎስጓስን እዩ ዝሓትት። ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ባንካዊ ስርዓተ ኣሰራርሓ ድሮ ኣዝዩ ዝምስገን እምነትን ባህሊን ኣጥርዩ እሎ። እዚ ምዕቡል ብልጫ እዚ ብጥንቓቐ ተዓቂቡ ክቕጽል ክሕደግ ምተገብኦ። ምስ ምቕያር ባጤራ ናቕፍ ተኣሳሲሩ ብዝተጋህደ ግዕዘይ ባንካዊ ኣሰራርሓ እዚ እምነትን ባህሊን እዚ ተባሕጕጉ።

ስርዓተ ባንክ ኤርትራ ምስ ናይ ግዳም ባንክታት መዓልታዊ ንቡር ዝምድና ኣለዎ። እቲ ዝተበገሰ ኣጋባብ ምቕያር ናቕፋ ግና ነቲ ዝምድና ዓንቂፉዎ። ናይ ደገ ባንክታት ኣብ ልዕሊ ባጤራ ናቕፋን ኣሰራርሓ ባንካዊ ስርዓት ኤርትራን ንግዚኡ እምነት ስለዘጥፍኣ፡ ግዜ ወሲደን ንኣንፈታት ኣካይዳ ባንካዊ ጽላት ኤርትራ ምእንቲ ክዕዘባ፡ ምስ ሃገርና የሳላስልኦ ንዝነበራ ናይ ገንዘብ ትውጊታት ብግዚያውነት ጠጠው ኣቢለንኦ። ኣህጉራዊ ክፍሊታት ብስሩዕ ክፍጸሙ ኣይተኻእሉን። ናይ ገንዘብ ትውጊታት ከየካየድካ ክትሰርሕን ክትነብርን ከኣ ኣይክኣልን እዩ።

ኣቶ ኢሳያስን መሳርሕቱን ብምኽንያት ዝተኸተሉዎ ግጉይ ኣሰራርሓ ኣብ ምምዝባል መጠነ ሸርፊን ምንሃር ዋጋታት ናይ ኣቑሑትን



ኣገልግሎታትን ንዝሰዓቡ ክሳራታትን ከምኡ ድማ ንዝተሓፍሱ 'ግና' መኽሰባትን (windfall profits) ብኣጋ ኣይገመትዎምን። ብውልቃውያን ኣውፈርቲ ክውሰዱ ይኽእሉ ንዝነበሩ ውሳነታት ወፍሪ ረሲዖሞም። ብሰንኪ እቲ ዝተኸተሉዎ ግዕዘይ ኣሰራርሓ ገሊኦም ኣቓዲሞም ሃብቲሞም ዝጸንሑ ሰባት ብሰሪ ምቕያር መጠን ሸርፊ ብተዓጻጻፊ ሃብቲሞም፡ ገሊኦም ቅድም ድኻታት ዝነበሩ ሰባት ድማ ብዝያዳ ደኺዮም። ኣብ መንጎ ሃብታምን ድኻን ዝነበረ ናይ ረብሓታት ጋግ ገፊሑ እምበር ኣይጸበበን። ብዙሓት ከብገሱ ተሓሲቦም ዝነበሩ ውሳነታት ወፍሪ እውን ሃንደበት ተሰሪዞም።

ንንቡር ሕጊ ሃገርን ኣሰራርሓ ማእከላይ ባንክን ተኸቲልካ ተሰሪሑ ኔሩ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ኩሉ ሕታማት ናቕፋ ብሓዊ ከይሓረረ ክሰርሕ ክቕጽል ክግደፍ ምተኻእለ። ወይ ከኣ ብምልኡ እቲ ኣረጊት ዝተባህለ ናቕፋ ብንቡር መስርሕ ሓሊፉ 100% ናብ ሓዲሽ ናቕፋ ተቐይሩ ናብ ዑደት ተመሊሱ ክምዝቕጽል ምተገብረ ነበረ።

ባጤራ ናቕፋ ኣብ ትውጊታዊ መዓላታት (transactions) ንክገልግል ተብሂሉ ባዕሉ ባንክ ኤርትራ በብግዚኡ ናብ ዑደት ዝፈነዎ ሕጋዊ ገንዘብ (legal tender) ሃገረ ኤርትራ እዩ። ስለዚ ሕጋዊ መሰልን ግዴታን ሓዚሉ ኣሎ። ብዲክታተር ፕረዚደንት ብዝውሰድ በይናዊ ስጉምቲ ከመቕጽበት ዝሃፍፍን ዝጉሓፍን ናይ ቶራ ወረቐት ናይ ተምሳል ገንዘብ (false money) ኣይኮነን።

ብዝኾነ፡ ኣቶ ኢሳያስን ኣባላት ናይታ ናቕፋ እተቐይር ኮሚቲን ኣብ ጽላት ገንዘብን ባንክን ኣውሪዶሞ ብዘለዉ ጸይቂታትን ኣዝዩ ከቢድ ማህሰይቲን ተኸሲሶም ኣብ መጻኢ እዋን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ብዝፈጸሙዎ ናይ ቁጠባ ገበን (economic crime) ክፍረዱ ኣለዎም።

ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ነታ ባጤራ ናቕፋ ከተቐይር ብኣቶ ኢሳያስ ዝቖመት ኮሚቲ ሓደ ኣገዳሲ ሜላ ኣምሊጡዋ እዩ። ገንዘቦም ንዘቐመጡ ሰባት ንኹሉ እቲ ብኣረጊት ናቕፋ ሒዝኩሞ ዘሎኹም ገንዘብኩም ብክምቲ

ባንክ ኤርትራ እናጥሓሰ ዝተሳተፈሉ ዕሙር ጸሊም ዕዳጋ ሸርፌ ወጻኢ ዘምጻእክዎ ገንዘብ እዩ ኢሉ ዝነግር ሰብ ክርከብ ድዩ?!

ሓሳልን ዘይሓሳልን ጥረ-ገንዝብ ናይ ምፍላይ ሕቶ እውን እንተኾነ ንናይ ገበን ተቛጻጸርቲ ኣሃዱታት መንግስቲ ዝምልከት እምበር ንባንክታት ኤርትራ ብቐጥታ ዝምልከት ስራሕ ኣይኮነን።

ኣብ ዘለናዮ ህሞት፡ መብዛሕትኡ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብቼክ ዘይኮነስ ብጥረ-ገንዘብ እዩ (cash) ትውኒታት ይፍጽም ኣሎ። ነዚ ልምዲ እዚ ብዝተሰርO ወፈራ ዘገምታዊ መስርሕ ክትቅይሮን ክትማዕብሎን ግን ይክኣል እዩ።

ንሓደ ህዝቢ ናብ መርበብ ባንካዊ ኣሰራርሓ ክተእትዎን ኣብ ባንካዊ ስርዓት እምነት ከምዘሕድር ክትገብሮን ነዊሕ ግዜን ጽዑቕ ጎስጓስን እዩ ዝሓትት። ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ባንካዊ ስርዓተ ኣሰራርሓ ድሮ ኣዝዩ ዝምስገን እምነትን ባህሊን ኣጥርዩ እሎ። እዚ ምዕቡል ብልጫ እዚ ብጥንቓቐ ተዓቂቡ ክቕጽል ክሕደግ ምተገብአ። ምስ ምቕያር ባጤራ ናቕፍ ተኣሳሲሩ ብዝተጋሀደ ግዕዘይ ባንካዊ ኣሰራርሓ እዚ እምነትን ባህሊን እዚ ተባሕጕጉ።

ስርዓተ ባንክ ኤርትራ ምስ ናይ ግዳም ባንክታት መዓልታዊ ንቡር ዝምድና ኣለዎ። እቲ ዝተበገሰ ኣጋባብ ምቕያር ናቕፋ ግና ነቲ ዝምድና ዓንቂፉዎ። ናይ ደገ ባንክታት ኣብ ልዕሊ ባጤራ ናቕፋን ኣሰራርሓ ባንካዊ ስርዓት ኤርትራን ንግዚኡ እምነት ስለዘጥፍአ፡ ግዜ ወሲደን ንኣንፈታት ኣካይዳ ባንካዊ ጽላት ኤርትራ ምእንቲ ክዕዘባ፡ ምስ ሃገርና የሳሳስልአ ንዝነበራ ናይ ገንዘብ ትውኒታት ብግዚያውነት ጠጠው ኣቢለንአ። ኣህጉራዊ ክፍሊታት ብስሩዕ ክፍጸሙ ኣይተኻእሉን። ናይ ገንዘብ ትውኒታት ክየካየድካ ክትሰርሕን ክትነብርን ክአ ኣይክኣልን እዩ።

ኣቶ ኢሳያስን መሳርሕቱን ብምኽንያት ዝተኸተሉዎ ግጉይ ኣሰራርሓ ኣብ ምምዝባል መጠነ ሸርፊን ምንሃር ዋጋታት ናይ ኣቐሕትን



ኣገልግሎታትን ንዝሰዓቡ ክሳራታትን ከምኡ ድማ ንዝተሓፍሱ 'ማና' መኽሰባትን (windfall profits) ብኣጋ ኣይገመትዎምን። ብውልቃውያን ኣውፈርቲ ክውሰዱ ይኽእሉ ንዝነበሩ ውሳነታት ወፍሪ ረሲያሞም። ብሰንኪ እቲ ዝተኸተሉዎ ግዕዘይ ኣሰራርሓ ገሊኦም ኣቓዲሞም ሃብቲሞም ዝጸንሑ ሰባት ብሰሪ ምቕያር መጠን ሸርፌ ብተዓጻጻፊ ሃብቲሞም፡ ገሊኦም ቅድም ድኻታት ዝነበሩ ሰባት ድማ ብዝያዳ ደኺዮም። ኣብ መንጎ ሃብታምን ድኻን ዝነበረ ናይ ረብሓታት ጋግ ገፊሑ እምበር ኣይጸበበን። ብዙሓት ክብገሱ ተሓሲቦም ዝነበሩ ውሳነታት ወፍሪ እውን ሃንደበት ተሰሪዞም።

ንንቡር ሕጊ ሃገርን ኣሰራርሓ ማእከላይ ባንክን ተኸቲልካ ተሰሪሖም ኔሩ እንተዝኸውን ኔሩ፡ ኩሉ ሕታማት ናቕፋ ብሓዊ ከይሓረረ ክሰርሕ ክቕጽል ክግደፍ ምተኻእለ። ወይ ክኣ ብምልኡ እቲ ኣረጊት ዝተባህለ ናቕፋ ብንቡር መስርሕ ሓሊፉ 100% ናብ ሓዲሽ ናቕፋ ተቐይሩ ናብ ዑደት ተመሊሱ ከምዝቕጽል ምተገብረ ነበረ።

ባጤራ ናቕፋ ኣብ ትውኒታዊ መዓላታት (transactions) ንክገልግል ተብሂሉ ባዕሉ ባንክ ኤርትራ በብግዚኡ ናብ ዑደት ዝፈነዎ ሕጋዊ ገንዘብ (legal tender) ሃገረ ኤርትራ እዩ። ስለዚ ሕጋዊ መሰልን ግዴታን ሓዚሉ ኣሎ። ብዲክታተር ፕረዚደንት ብዝውሰድ በይናዊ ስጉምቲ ከመቕጸብት ዝሃፍፍን ዝጉሓፍን ናይ ቀራ ወረቐት ናይ ተምሳል ገንዘብ (false money) ኣይኮነን።

ብዝኾነ፡ ኣቶ ኢሳያስን ኣባላት ናይታ ናቕፋ እተቐይር ኮሚቲን ኣብ ጽላት ገንዘብን ባንክን ኣውሪዶሞ ብዘለዉ ጸይቂታትን ኣዝዩ ከቢድ ማህሰይቲን ተኸሲሶም ኣብ መጻኢ እዋን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ብዝፈጸሙዎ ናይ ቁጠባ ገበን (economic crime) ክፍረዱ ኣለዎም።

ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ነታ ባጤራ ናቕፋ ክተቐይር ብኣቶ ኢሳያስ ዝቖመት ኮሚቲ ሓደ ኣገዳሲ ሜላ ኣምሊጡዋ እዩ። ገንዘቦም ንዘቐመጡ ሰባት ንኹሉ እቲ ብኣረጊት ናቕፋ ሒዝኩሞ ዘሎኹም ገንዘብኩም ብከምቲ

ዘሎ ንቡር እዋናዊ መጠን ሸርፊ (50 ናቕፋ ንሓደ ዶላር) ናብ ቅሙር ዶላር ብምቕያር ኣብ ሕሳብ ባንክ ኣቐምጥዎ ክትብሎም ትኽእል ኔራ። ኣይበለቶምን። እታ ኮሚቲ ነቶም እቲ መጠን ሸርፊ ላዕሊን ታሕቲን ምስተቐያየረ ብኹሎም ወገናት ክኽሰቱ ዝኽእሉ መኽሰባትን ክሳራታትን ብዕምቀት ኣይገምገመቶምን።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኩሉ ዓይነት ትውኒታት ቼክ እናተጠቐምካ ክትሰርሕ ምድላይ ምዕባለ ንቕድሚት ዘይኮነስ ብርግጽ ከም ምንሽርታት ንድሕሪት ገጽካ እዩ ዝቑጸር። ቼካት ኣብ ዓለም ድሮ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት 'ካርድታት' (credit card, debit card, etc.) ተተኪኦም እዮም። ንካርድታት ዝትክኡ ካልኦት ካብኦም ዝሓደሱን ዝበለጹን መሳለጥያታት እውን መጺኦም ኣለዉ። ሞባይል ተሌፎን ተጠቒምካ ዝደሌኻዮም ዓይነታት ትውኒታት ክትፍጽም ኣብ ዝተኻእለሉ ደርጃ ምዕባለ ተበጺሑ ኣሎ። ንኣብነት ኣብ ሃገረ ኬንያ ኣብ ገጠር ዝነብር ብዓል ዋኒን ይኹን ሓረስታይ ኣገልግሎት ሞባይል ተለፎን እናተጠቐመ እዩ ካብ ቦትኡ ከይተንቀሳቐሰ ክሎ ኩሎም ዓይነታት ትውኒታት ዝፍጽም ዘሎ። ክፍሊ ቁጠባ ህግደፍ ክኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላጥ ክጋግዮ ስለዝደለየ እዩ እምበር፡ ነዚ ሓቂ እዚ ይፈልጦ እዩ።

ኮሚቲ ምቕያር ባጤራ ብሓላፊ ባንክ ኤርትራን ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ ህግደፍን ሚኒስተር ፋይናንስን ዝቖመት እያ። ኣቦ-መንበራ ክኣ ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ። ስለምንታይ ግና ኣቶ ሓጎስ ኣብ ዘይምልከቶ ናይ ባንክ ኤርትራ ስራሕን ሓላፍነትን ጣልቃ ኣትዩን ኣቦ-መንበር ኮይኑ ተመዚዙን? ሚኒስተር ፋይናንስ እውን እንተኾነ ኣብ ምሕያል ፊስካላዊ ጽላት ኣድሂቡ ክሰርሕ ድኣ ይግብኦ ነበረ እምበር ስለምንታይ ኣብ ኮሚቲ ምቕያር ናቕፋ ኣባል ኮይኑ ተሳቲፉ? ነዚ ሕቶታት እዚ ተንኮለኛ ኣቶ ዘራጊቶ መልሲ ክህበሉ ትጽቢት ይግበር።

**ምብልሻው መስርሕ ምድላብ ሸርፊ ወጻኢ**



ዝኾነት ትኹን ሃገር ኣብ ናይ ኣህጉራዊ ንግዲ እታውን ሰደድን ክትሳተፍ እንተኮይና ሸርፊ ወጻኢ ክትጥቀም የድልያ። ኣብ ንጥፈታት እታው ናይ ሸርፊ ወጻኢ ክፈላ ትዕድግ። ኣብ ንጥፈታት ሰደድ ክኣ ሸርፊ ወጻኢ ትድልብ። እቲ ንግዲ ንናይ ኣግልግሎታትን ኣቑሑን መሸጣታት የጠቓልል። ብብሕታዊ ክፋልን ብመንግስቲን ይሰላሰል።

እቲ ዝያዳ ኣሸጋሪ ዕማም ምድላብ ሸርፊ ወጻኢ እዩ። ሸርፊ ወጻኢ ካብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ምንጭታት እውን ክርከብ ይክኣል እዩ። ንኣብነት ካብ ሓዋላ፡ ዕዳጋ ነጻ ቀረጽ፡ ህያባት፡ ለቓሓት፡ ወፍሪታት፡ ወዘተ ሸርፊ ውጻኢ ክርከብ ይክኣል።

ሃገርና ካብዞም ኩሎም ንጥፈታት እዚኦም ትረብሕ እያ። ኩሎም ተደማሚሮም ንትሕዝቶ ሸርፊ ወጻኢ ናይ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ የደንፍዑ። ካብኡ ድማ ኩሎም ተገልገልቲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ጌሮም ይጥቀሙ።

ኢሳያስ ነዚ ስርዓት እዚ ንኽዘርግ ይሰርሕ። ንባንካዊ ጽላት ብመገዲ ናይ ህግደፍ ክፍሊ ቁጠባ ኣቢሉ የፍርሶ። ኩሉ ኣታዊታት ሸርፊ ወጻኢ ናብዚ ክፍሊ እዚን ብቐጥታ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንትን ክምዝኣቱ ተጌሩ። ካብ ናይ ኤርትራ ማዕከን ሸርፊ ወጻኢ ክትግልገል ማለት ስለዚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰማይ ዘሎ ደበና ኮይኑዎ ኣሎ።

**ምብልሻው ጽላት ፊስካል፡ ምፍራስ ሚ/ሪ ፋይናንስ**

ኣቶ ኢሳያስ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ካብ ኩሎም ሚኒስትሪታት ኣዛይዱ እዩ ዝጸልኦን ክፍርሶ ዝደሊን። ንጽላት ፊስካል ምእንቲ ክባላሹ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍርሶ የድልዮ። ብኣቶ ኢሳያስ ዝተወስዱ ንጽላት ፊስካልን ንሚኒስትሪ ፋይናንስን ዝዝርጉ ብዙሓት ሃሰይቲ ስጉምታት ኣለዉ። ከም መወከሲ ንኽኾኑና ንገለ ካብኦም ምግላጸም የድሊ።

ኣቐዲምና ከምዝጠቐስናዮ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ጽላት ንግዲ ኤርትራ ዘቤታዊ እገዳ ብምእዋጁ ኣብ ሃገርና ሕጋዊ ይኹኑ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት (ንግዲ) እታውን ሰደድን ከይሰላሰሉ ከልኪሉ። ምስኡ ለኪሙ ድማ ንክፍሊ ጉምሩክ ናይ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ካብ ስራሕ ገሊፉዎ። ክፍሊ ጉምሩክ ኣብ ምክትታል ኮንትሮባንዳዊ ንጥፈታት ጥራይ ተሓጺሩ ንኽሰርሕ ተቐሲቡ። ኣብኡ እውን እንተኾነ ኣይሰለጠን። እቲ ጉዳይ ብቐጥታ ዘይምልከቶምን ዘይሰርሖምን እኳ እንተኾነ፡ ኣቶ ዘራጊቶ፡ ንንጥፈታት ኮንትሮባንድ ክከታታሉ ስልጣን ዘለዎም ትካላት መንግስቲ 1) ክፍሊ ዉሽጣዊ ጸጥታን 2) ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን እዮም ክኾኑ ዝብል ሓዲሽ መምርሒ ብምሕላፍ ንክፍሊ ጉምሩኽ ኣሐንኪሶዎ። ንእግረ-መገዱ ክኣ ንብልሹውና፡ ስርቂ፡ ክትሪ፡ ዝርጋን፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ግዕዘያት ሃየ ኣስተርሒኹም ዓምብቡ ኢሉዎም።

ኣቶ ኢሳያስ ንትግባረ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ፋይናንስ ኮይኑ ክሰርሕ ተሓሲቡ ዝነበረን ኣብ ከባቢ ባጽዕ ተጀሚሩ በብቕሩብ ናብ ከባቢ ዓሰብን ከባቢ ተሰነይን ክስፋሕስሕ መደብ ዝነበሮን ሃገራዊ ፕሮጀክት ምምስራት 'ናጻ_ዞናታት ኤርትራ' (Eritrean Free Zones national project) ቆጽዩዎ። ዝተፈላለዩ ናይ ሓሶት ምስምሳት እናቕረበ ንስራሕ ከምዘይብገስ ጌሩዎ። ትግባረ ናይቲ ፕሮጀክት እንተዝዕወት ኔሩ፡ ከምቲ ኣብ ተሞክሮ ናይ ናጻ ዞናታት ሆንግኮንግ፡ ሲንጋፖር፡ ዱባይ፡ ወዘተ ዝተመስከረ፡ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ልምዓት ብዝያዳ እውን ኣብ ሃገራዊ ቁጠባዊ ልምዓት ቀልጢፉ ንቕድሚት ክትውንጨፍ ምኽኣለት ነበረ። ነዚ ፕሮጀክት እዚ ምስ ምፍራስ ናይ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ኣተኣሳሲሩዎ።

ይኹን እምበር ሕጂ እውን እዚ ስትራተጂዊ ፕሮጀክት እዚ ኣብቲ ድሮ ተጌሩሉ ዘሎ ናይ ሰብን ማልን ወፍሪታትን ከምኡ እውን ደሊቡዎ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ተሞክሮን ተሞርኲሱ ብሓዲሽ ገምጋም ዳግማይ ተበራቢሩ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ፋይናንስ ኮይኑ



ምስራሕ ክቕጽል ኣለዎ። እቲ ፕሮጀክት ንሃገርናን ንሚኒስትሪ ፋይናንስን ዘለዎ ኣበርክቶ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን።

ኣብ ጉዳይ ምኽፋል ደሞዝ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብዝመጸ፡ ኣቶ ዘራጊቶ ኣብ መወዳእታ 2015 ንመንእሰያትና ክኀጃጅሎም ሓሲኑ። ንዉሑዳት መንእሰያት ሓደስቲ ናይ ቴክኒክ ምሩቓት ፈልዩ ንነፍሲወከፎም ብኣሽሓት ዝቑጸር ወርሓዊ ደሞዝ ከፊሉዎም። ኣስማቶምን ደሞዞምን ኣብ መዛግብቲ ክፍሊ ትረዠሪ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ሰራሕተኛታት መንግስቲን (CPA) ኣይሰፈረን። ኣብ መዛግብቲ ክፍሊ ባጀት እውን ኣይኣተወን። ደሞዞም ካብ ክፍሊ ትረዥሪ ዘይኮነስ ብቐጥታ ካብ ቤት ጽሕፈት ዓዲሓሎ እናወጸ ይኽፈሎም። ምንጪ ናይቲ ዝኽፈሎም ገንዘብ ብንጹር ኣይፍለጥን እዩ። ግን ብመገዲ ናይቲ ብክፍሊ ቁጠባ ህግደፍን ኢሳያስን ዝውነን ባንክ ኣባይቲን ንግዲን ጌሩ ብናይ ኢሳያስ ውሳነ ካብ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ ዝምዝሓቕ ምዃኑ እዩ ዝግመት። ነዚ ወጻኢ ገንዘብ እዚ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ሎሚ ኣይፈልጦን እዩ። ውዒሉ ሓዲሩ ግን ከም ዕዳ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ስለዝምዝገብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክኸፍሎ እዩ። እቲ ዕዳ ሎሚ ኣብ ክፍሊ ትረዠሪ ክምዝገብ እናተገብኦ ብናይ ኢሳያስ ውሳነ ኣይምዝገብን እዩ። ክፍሊ ትረዠሪን ክፍሊ ባጀትን ኣብ ምሕደራ ናይቲ ኣብ ዓዲሓሎ ተማእኪሉ ዝሰርሕ ዘሎ ከፈላዊ ሓዲሽ ስርዓተ ደሞዝ ኢድ የብሎምን። ካብኡ ተገሊፎም እዮም።

ነዞም ናይ ሕጂ ምሩቓት መንእሰያት ዝቐደሙዎም ወርሓዊ 450 ናቕፋ እናተኸፍሉ ንዓመታት ክሰርሑ ዝጸንሑ ገዳይም መንእሰያትን ኣቦታትን ኣለዉ። ኣብዚ እዋን እዚ ደሞዞም ኣይተቐየረን። በቲ ኣቶ ዘራጊቶ ዘዳለዎ ዘይምዕሩይ ኣጋባብ ኣካፋፍላ ደሞዝ ሕጉሳት ኣይኮኑን። ስለዚ ድማ ኩሎም ደሞዝተኛታት መንግስቲ ንስርዓት ኢሳያስ ዝድግፉን ዘይድግፉን ተብሂሎም ግድነት ኣብ ክልተ ተኀጂሎም።

ናይ ሕጂ (2015 current) ሚኒስተር ፋይናንስ ንኹሉ እቲ ክግለጽ ዝጸንሐ ጌጋታት ርኢዎ እዩ። ንኽእርሞ ግና ስጉምቲ ኣይወሰደን። ተቓውሞኡ ብጋህዲ ንምግላጽ ብዉሕዱ ካብ መዝነቱ ንኽፋኖ ክሓትት ኔሩዎ። እቲ ልምዲ ክኣ ኣይስዓቦን ድኣ እምበር ጸኒሑዎ እዩ። ስማዊ ሹመት ሚኒስትርነት መቂሩ ኣዓሽዩዎ ግዲ ኮይኑ ግን ከምኡ ኣይገበረን። ንዕምቆት ናይቲ ንጽላት ፊስካልን ንሚኒስትሪ ፋይናንስን ዘንጸላለዎም ሓደጋ ብዝግባእ ዝተገንዘቦ ኣይመስለን። ሓደ ካብ ክልቲኦም ኣካላት ምስዝፈርስ እቲ ካልኣይ እውን ክምዝፈርስ ኣይተረድኣን።

ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ንምፍራስ ብኢሳያስ ዝተበገሰ ጥምጥም ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ከባቢ 2005 እዩ ተጀሚሩ። ኣብቲ ሽዑ ዝተኻየደ ቃልሲ ኣቶ ዘራጊቶ ንብዙሓት ዝተገርሃ ትካላትን ዘይተገርሁ ውልቀሰባትን ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ ኣንጻር ሚኒስትሪ ፋይናንስ ገጢሙ። እተን ዝተገርሃ ትካላት እኒ ሚኒስትሪ ዜና፡ ምኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን፡ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት፡ ናይ ዞባታት ምምሕዳራት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ናይ ጸጥታ ኣካላትን ጋራጅ መንግስቲን (ዓሽ ጎልጎል) ኔረን። እቶም ከይተገርሁ ዝተሳተፉ ዉልቀሰባት ክኣ ከምኒ 'ዜናዊ' መንእሰይ፥ ሚኒስተር ዶክተር፡ ኣማኻሪ ዶክተር፡ ከምኡ እውን ገለ ኣማሓደርቲ ዞባታትን ጀነራላትን ዝኣመሰሉ እዮም። ነፍሲወከፎም ነንዝተጸወቱዎ ኣሉታዊ ተራ ስለዝፈልጡዎ ሕጂ ኣብዚ ክዝርዝር ኣድላይነት የብሉን። ኩሎም ኣብ ምፍራስ ክፍሊ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ጨሚቶም። ኣንጻር እቲ ክፍሊ እቲ ዝቐንዐ ኣባላሸውቲ ትእዛዛት ክተግብሩ ተጓይዮም። ኣንጻር ስሩዕን ቅኑዕን ኣጋባብ ፋይናንሲያዊ ኣሰራርሓ መንግስቲ ኤርትራ ተሰሊፎም። ግና ኣይተዓወቱን፡ ኩሎም ብሓባር ተስዒሮም። ኣቶ ኢሳያስ ግና ንጸይቅታቱ ኣበርቲዑ ቀጺሉዎም። በዚን በቲን ኢሉ ተዓዊቱ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ (2015) ንኀብለል ሚኒስትሪ ፋይናንስ ኤርትራ ማዕረ እቲ ዝምነዮ ዝነበረ ጌሩ ኣፍሪሱዎ እሎ።



ኣቶ ዘራጊቶ ዝተፈላለዩ ሜላታትን ኣጋባባትን እናተጠቐመ እዩ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ዘበላሸዎ። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ነቶም ወራራት ወያነ ንኽምክቱ ኩቲቶም ዝነበሩ ላዕለዋይ 'ኪኢላ' ዝብሃሉ ዝነበሩ ኣባላት ሚኒስትሪ ፋይናንስ እቲ ወራር ምስተደምደም ናብ ቦትኦም ከይምለሱ ክልኪሉ። ኣብ ዉሽጢ ሚኒስትሪ ምክልኻል ወይ ናብ ካልኦት ዘየድልዩወን ኣሃዱታት መንግስቲ ንኽሰርሑ መዲቡ ብታቲኑዎም። ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣስኢኑዎ።

ኢሳያስ፡ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ንስራሕ ዘድልዮዎ ንብረትን መሳለጥያታትን እውን ብቐጻሊ ይኸልኦ እዩ። ኣገደስቲ ናይ ስራሕ ህንጻታት ከምዘይውሃብዎ እናገበረን ንዝነበሩዎ እናኣሕደገን ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ካብ ሲቪላውያን ዋናታት ህንጻታት ብኽቡር ዋጋ እናተኻረየ ንኽሰርሕ የገድዶ። ንመሳለጢ ስራሕ ዘገልግልኦ መኻይን ከሊኡ ኣብ ምንቅስቓሳቱ ይሕልኾ። ኮይኑ ድማ እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ዞባታት ኣብ ዝተፈላለዩ ነቑጣታት ካብ ግብሪ ንዝኣከቦ ናይ ህዝቢ ገንዘብ ከም ናይ ካልእ ሰብ ዉልቃዊ ንብረት ኣምሲሉ ብብልሓት ብናይ ሲቪል ኣውቶቡሳትን መኪይንን ጽዒኑ ናብ መኽዘኒ ቦታ (ባንክ) ኣብ ዘሰጋግረሉ ደረጃ በጺሑ።

ኢሳያስ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ብማዕረ ናይ ሃገራዊ ባይቶን ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲን ጌሩ እዩ ዝጸልእ። ንጹር ምኽንያት ኣለዎ። ሰለስቲኦም ወገናት ሓድሕድ ተወሃሂዶም ንኢሳያስ ኣብ መንጎኦም ቀርቂሮም ኣንጻር ድሌቱ ኬኺዱዎን ካብ ስልጣኑ ክሰጉዎን ይኽእሉ እዮም።

ብቕቡል ኣጋባብ ኣሰራርሓ ክሰርሕ ከሎ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ዓመታዊ ባጀት ተዳልዩ ምስተመስርሐ ብሃገራዊ ባይቶ ክጸድቕን ብሚኒስትሪ ፋይናንስ እናተፈነወ ክትግበርን እዩ ዝግባእ። ኣቶ ኢሳያስ ግና ነዚ ኣጋባብ እዚ ኣይቅበሎን እዩ። በይኑ ኮይኑ ንባጀት መንግስቲ ከጽድቖ ወይ ከየጽድቖ ይደሊ። ስለዚ ድማ ብዙሕ ግዜ፡ 'ናይ ቆልዓ ስራሕ' ክብሃል ዝከኣል፡ ኢሳያስ ነቲ ዝተዳለወ ባጀት ንዓ ብደረጃኻ ኣጽድቆ እሞ ስራሕና ክንቅጽል ተብሂሉ ምስዝሕተት

እምብለይ ኣየጽድቖን እየ| ኢሉ ይኣቢ። ሕሉፍ-ሓሊፉዎ ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራትን ካብኡ ወጻኢን 'ሎሚ ዓመት ዝጸደቐ ባጀት የለን' እናበለ ይፍክር። መርኣያ ድንቁርናኡ ኮይኑ እዩ እምበር ስራሕ መንግስቲ እንተሎ ንመተግበሪኡ ዝኸውን ዝውሃቦ ገንዘብ ክህልዎ ግድነት እዩ። ባጀት መንግስቲ የለን ክብሃል ኣይክኣልን እዩ። ኢሳያስ ይቀበሎ ወይ ኣይቀበሎ ወይ ይረድኣዮ ወይ ኣይረድኣዮ ብዘየገድስ ዓመት መጸ መንግስታዊ ባጀት ግድነት ክዳሎን ክህሉን እዩ። ምኽንያቱ፡ ብውሑዱ ንመኽፈሊ ደሞዝ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ንመመወሊ ልሙዳት ዕድጊታት መንግስቲ፡ ንመተግበሪ መደባት ልምዓት መንግስቲ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ መዓላታት ዘድሊ ብዝሒ ገንዘብ ግድነት ኣብ ወወርሒን ኣብ ዓዓመትን ክፍኖ ኣለዎ።

ኣቶ ኢሳያስ 'እምቢ ኣይፍርምን እየ' እናበለ ክሕንግድ ከሎ ነቲ ልሙድ ዝብሃል ባጀት (Recurrent Budget) መንግስቲ እውን ምስኡ ስለዝልከሞ ኣብ መንጎኡን ሚኒስተር ፋይናንስን ኩሉግዜ ዘየቋርጽ ምፍሕፋሕ ኣሎ። ናይ ኢሳያስ ምሕንጋድ ኣብ ዓመታት 2010፡ 2011፡ 2012 እመና በዚሑን መትሓዚ ተስኢኑዎን። ኣብ 2012 ብፍላይ ዋላ ነቲ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ወርሓዊ ዝኽፈል ናይ ደሞዝ ገንዘብ ኣየጽድቖን እየ ኢሉ ኣቕቢጹ። ብሰንኩ ኩሉ እቲ ንቡር ሂወት ናይ ብዙሓት ስድራቤታት ኤርትራ ክመዛበልን ክህሰን ምኽኑ እኳ እንተፈለጠ ኣይዓጠጠን።

ኣብ ከምኡ ኩነት ኣብ 2012 ንዓይ ንሚኒስተር ፋይናንስ ክገብሮ ዝግብኣኒ ሓደ ኣማራጺ ጥራይ ኔሩኒ። ንዘሎኒ ናይ ሓላፍነት ስልጣን ተጠቒመ ባዕለይ ዝሕተተሉ በይናዊ ውሳነን ስጉምትን ብምውሳድ ነቲ ንመኽፈሊ ደሞዝ ሰራሕታኛታት መንግስቲ ዝኸውን ባጀት ኣፍቂደዮ። ንኽትግበር ፈሪመሉ። ከምኡ ጌረ ምስወዳእኩን ምስሓበርኩዎን ኣቶ ዘራጊቶ ንተቓውምኡ ኣዝሊቑዎ። ብኽምቲ ዝፍክሮ ዝነበረ ጌሩ ኣይቀጸሎን። ዋላ ሓንቲ እኳ ናይ ተቓውሞ ቃል ብጭቕ ከየበለ ኣፉ ዓጽዩ ትም ኢሉ። ነቲ ብደረጃይ ዝደምደምኩዎ ናይ ደሞዝ ባጀት ኣይዓንቀፎን። ሽዑ ኩላትና ሰራሕተኛታት



መንግስቲ (እንተላይ ኣነን ንሱን) ደሞዝና ወሲድና። ክሳብ ክንድዚ ዝኣክል ኣጸጋሚ እዩ ምስራሕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳያስ!!

ኣቶ ዘራጊቶ ንህልኽ ከም ንቡር መዓልታዊ መግቡ ጌሩ ስለዝወስዶ ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ኣየቋርጾን እዩ። ነቲ ኣዝዩ ስሩዕ ዝኾነ ባጀታዊ ኣሰራርሓ መንግስቲ ኤርትራን ንዝተርፉ ካልኦት ዕምማት ናይቲ ናይ ኣማእዛኒ ተራ ዝጻወት ሚኒስትሪ ፋይናንስን ከይበላሸወ ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ክዓርፍ ኣይደለየን። ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ብምብልሻው ንብሙልኡ ንጥፈታት ናይ መንግስቲ ኤርትራ ከደስክልን ክሰናኽልን ክድምስስን ክምዝኽእል ስለዝፈለጥ ኢሳያስ ካብ ርእሲ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ምውራድ ኣብዩ። ኣብ መጋቢት 2012 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ንጎብለል ሚኒስትሪ ፋይናንስ ስለዚ ዘሊፉዎን ኣቋናጺቡዎን። ብዙሓት ሓቅነት ዘይብሎም ዘረባታት ወሳሲኹ ኣጸሊሙዎ። እዚ ድዩ ናይ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ባጀት? ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ትሑት ደሞዝ ዝኸፍል ዓይነት ባጀት? ወዘተ እናበለ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ብጌጋ ምስ ኩነተ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ኣተኣሳሲሩ ኣናሽዩዎ። ግን ከኣ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ደሞዝ ዝኸፍል ድኣ እምበር ንስርዓተ ደሞዝ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ከምዘይውስኖ እናፈለጠ እዩ ኣቶ ዘራጊቶ ከምኡ ዝበለ። ነቲ ሓቂ ዓባቢጡዎ ክሓልፍ ደልዩ።

ኢሳያስ፡ 'መንግስቲ ኤርትራ ናይ ገንዘብ ዕዳ የብልናን፡ ኣብ ምኽፋል ዕዳ እውን ብኣለቃሕትና ምስጉናት ኢና' ኢሉ ዘይሓቂ ተዛሪቡ። ብሽንኽይ ንክልቲኦም ዘረባታቱ ዘዝግብኦም ሓቀኛን በዳሂን መልሲታት ምስሃብክሎም ግና ኣትኪሉ ኣይመከተን። ኩሎም መልስታተይ ኣብ ናይ ሽዑ ደቓይቕ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ተመዝጊቦም ኣለዉ።

ኢሳያስ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ብምብልሻው ንብሙልኡ ስርዓተ <u>ኣካይዳን ምሕደራን</u> መንግስቲ ኤርትራ ከበላሹ ዝደሊ ዓይነት ሰብ እዩ። ኣነ ከኣ ነዚ ክፉእ ድሌቱ እዚ ንዓመታት ተዓዚበዮ እየ። ንኢቃውሞ ክቃወም ኢለ ስለዚ ኣብቲ ኣብ መጋቢት 2012 ዝተኻየደ

ናይ ካቢኔ ሚኒስተራት ኣኼባ ኣብ ልዕሊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ብሃገር ደረጃ ገምጋም ንግበር ኢለ ጸዊዐ። ህልዊ ኩነታትናን መጻኢ ኣንፈትናን ክንፍልጥ እሞ ብኡ መሰረት ሓዲሽ ሃገራዊ ልምዓታዊ መደብ ሓንጺጽና ንቕድሚት ክንሰጉም ኢለ ጠሊበ። ሰውራ ኤርትራ ዝተዓወተ በብግዚኡ ገምጋም እናተገብረሉ ብግቡእ ይቕለስ ስለዝነበረ እዩ እውን ኢለ። ኣብ ኩሎም እትም ጉዳያት ግን ዝሓገዘኒ ዋላ ሓደ እኳ ኣባል ካቢኔ ኣይረኸብኩን። ኩላቶም ጃጅዮም ኣስቂጦም።

ንጉዳያት ሃገራዊ ባይቶ፡ ቅዋማዊ ኣሰራርሓ፡ ትካልነትን ትካላዊ ኣገባብ ኣሰራርሓን፡ መደብ ልምዓት ሃገር፡ ናይ ጉዳያት ወጻኢ ዝምድናታት ፖሊሲን ዲፕሎማሲን፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣገደስቲን ገዘፍቲን ሃገራዊ ዛዕባታት ብዓውታ ኣልዒለዮም። ሚኒስትሪ ፋይናንስ ካብ ንጥፈታት ዕደና ክረኽቦ ዝግብኦ ዝነበረ ኣታዊታት ብፍላይ እውን ኣታዊታት ሸርፌ ወጻኢ ይረክብ ከምዘየሎ ገሊጸ። ብተወሳኺ፡ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ንምፍራስ ብፍላጥ ይስራሕ ኣሎ እንተኾይኑ ኣብ ምህናጹ ን12 ዓመታት ንዝመራሕኩዎ ሚኒስትሪ ክፈርስ ከሎ ክርኢን ኣብ መስርሕ ምፍራሱ ባዕለይ ክሳተፍን ኣይደልን እየ ኢለ። ኣብቲ ናይ ምፍራስ መስርሕ ከም ሚኒስተር ፋይናንስ ኮይነ ክቕጽል ከምዘይመርጽ ሓቢረ። ምሉእ ትሕዝቶ ናይ ሽዑ ዘረባይ ኣብ ደቓይቕ (minutes) ናይ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት ሰፊሩ ኣሎ። ብጽሟቕ ክኣ ብድሕሪ እቲ ኣኼባ ናብ ፕረዚደንትን ብቕዳሕ ናብ ኩሎም ሚኒስተራትን ኣብ ዝሰደድኩዎ ደብዳበይ ተሰኒዱ ኣሎ።

ብሓጺሩ ክግለጽ ከሎ ዘረባይ፡ ኣብ ኣካይዳ መንግስቲ ብዝመጸ፡ 1) ብቅዋም ንስራሕ፡ 2) ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ይካየድ፡ 3) ሓዲሽ ሃገራዊ ባይቶ ይሃልወና፡ 4) ሓዲሽ መሪሕነት ንምረጽ 5) ሓዲሽ ሃገራዊ መደብ ልምዓት ንሓንጽጽ፡ ዝብል ኮይኑ ኣብ ምሕደራ መንግስቲ ብዝመጸ ክኣ 5) ነቲ ውልቃዊ ውሳነታት ዝዕብልሎ ናይ ሃበስ-ቀድስ ስርዓተ ምሕደራ መንግስቲ ገዲፍና ትካላውነትን ትካላዊ



ኣገባብን ብዝኸተል ስነ-ፍልጠታዊ ስርዓተ ምሕደራ ንተክኣዮ ኢለ። ኢሳያስ ነቲ ኣንጻሩ ዝቐንዐ ኮይኑ ዝተሰምዖ ዘመሓላለፍኩዎ ክቢድ መልእኽተይ ቆብ ኣቢሉዎ። 'ፕረዚደንት ንቐይር' እብል ከምዘሎኹ ገሚቱ። ግዚኡ በሊዑ ስለዚ ንኹሉ እቲ ነጥቢታት በብሓደ እናወሰደ ኣዳህሊሉ ኣሉታዊ ግብራዊ መልስታት ሂቡሉ።

ኣብ መጀመርታ ነሓሰ 2012 ካብቲ ዝጸናሕኩዎ ናይ ሚንስተርነት ሓላፍነተይን ናይ ስራሕ ቦታይን ኣልጊሰ ክምዘለኹ ዝገለጸ ካብ ኢሳያስ ዝተላእከ <u>ዘይቀጥታዊ</u> ጽሑፋዊ ሓበሬታ ናብ ኢደይ በጺሑኒ። ዘይቀጥታዊ መስርሕ ምልጋሰይ ነቲ ልሙድ ቆልዓዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣንጸባሪቑዎ። ትሕዝቶን ኣጸሓሕፋን ናይቲ ሓበሬታ ብፍላይ ንዘይብስለትን ሽፉን ስምዒታዊነትን (emotionalism) ናይ ኣቶ ዘራጊቶ ኣጉሊሑዎ። እቲ ሽዑ ዝተራእየ ኩነት ተዘርዚሩ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ክግለጽ ስለዘይግባእ ግና ከምሻሙ፡ ነቶም ከም መወከሲ ኮይኖም ዘገልግሉ ሰነዳት ተገዲፉ፡ ተንሒፉ እሎ።

ኣብ ግንቦት 2014 ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይኣረገ ቅዋም ስለዘይብልኩም ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ክተካይዱን ሓዲሽ ባይቶ መስሪትኩም ሓዲሽ መሪሕነት ክትመርጹን ኣይትኽእሉን ኢኹም ዝብል መልእኽቲ ኣስሚዑና። ንሓዲሽ ቅዋምኩም ባዕለይ ክንድፈልኩም እየ እውን ኢሉና። ተዳፊሩና። ትሕትና ዝጎደሎ ኣዝዩ ብዕሉግ ዘረባ ኣስሚዑና።

ኢሳያስን ኣነን እምብኣር ኣብ ገለ ንህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ጉዳያት ብሓቂ ኣዝዮም ዝጻረሩ መርገጺታት ሒዝና እናተጓሰጥና ንነብር ኣለና። ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ ጉስጢ ንኢሳያስ፡ ግዜይ ወሲደ፡ ብዘየዳግም ክስዕሮ ምኳነይ ክኣ ርግጸኛን እተኣማመንን እየ።

ነቲ ዝተክኣኒ ሓዲሽ ሚኒስተር ፋይናንስ ኣብ ዕለት 03 ነሓሰ 2012 ናይ ሹመት ወረቐት በጺሑዎ። ንተንኮላት ኢሳያስ ስለዝፈለጠ እሞ

ናይ ኣጋጣሚ እዩ ኢለ ዘይግምቶ ነገር ክልቴና ኣሕዋት ብቀዳማይ ስምና ሞኽሲታት ኢና። ክልቴና 'ብርሃነ' ንብሃል። ብስምና ክምኡ ንኹን እምበር ብኹሉ ካልእና ግና ኣይንቃራረብን ኢና።

ስራሕ ክንረኻኸብ ከለና እምብኣር ንሓዲሽ ሚኒስተር ብዛዕባ እቶም ኣብ ስርሑ ክይተዘንግዐ ክሕዞምን ክጥንቀቐሎምን ዘለዎ ኣገደስቲ ጉዳያትን ብዝያዳ ድማ ኣቶ ኢሳያስ ንስርዓተ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ንኽይፈርሶ ነቒሑ ክብድሆ ክምዘድልዮን ገሊጸሉ። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግና እቲ ኣዝዩ ስሩዕን ዱልዱልን ዝነበረ ስርዓተ ባጀታዊ ኣሰራርሓ መንግስቲ ኤርትራ ብድሕረይ መንነቱን ትካላዊ ህላወኡን ኣጥፊኡ። ኣቶ ኢሳያስን ንሱን ተላፊኖም ንባጀታዊ ስርዓት መንግስቲ ኤርትራ ኣባላሸዮሞ። በቲ ዝትዓዘብኩዎ ኣካይዳ ኣብ ደረጃ ውልቀይ ብዙሕ ጉሁየ። ሓዲሽ ሚኒስተር ፋይናንስ ኣብ ክንዲ ኣትኪሉ ዝምክት ንዕማማት ናይ ጽላት ፊስካልን ሚኒስትሪ ፋይናስን ንጎኒ ኣወንዚፉ ንዳርጋ ምሉእ ዓቕሙ ኣብ ምክትታል ንቑፈታት 1) ናይ ዕደና ኩባንያታትን 2) ኣብ ምፍራም ናይ ባንክ ቼካትን ኣውዒሉዎ። ሚኒስተር ፋይናንስ ምኻን ክኣቢ ኔሩዎ። ክምኡ ኣይገበረን።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ዝግለጽ ንባጀት ዝምልከት ጉዳይ ኣሎ። ኣብ 2012 ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ታሕሳስ ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ስራሕ መንግስቲ ዘይተመደብኩን ዘይሰራሕኩን ክንሰይ ንዓይ ምሉእ ናይ ሰለስተ ወርሒ ደሞዝ ተውሂቡኒ። ታሕሳስ 2012 ምስኮነ ስለዚ ደብዳበ ናብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ጽሒፈ። ከይሰራሕኩ ደሞዝ መንግስቲ ክወስድ 1) ብመትከልን 2) ብሕልናን ስለዘይቅበሎ ካብ ሓደ ጥሪ 2013 ጀሚሩ ንደሞዘይ ተብሂሉ ባጀት መንግስቲ 'ኣይትሓዝ' ክብል ብድሌተይ ወሲነ ሓቢረ። ኮይኑ ድማ ካብ ጥሪ 2013 ንድሓር ናይ 'ብልሽውና' ደሞዝ ካብ ካዝና መንግስቲ ምውሳድ ንኹሉሳዕ ኣቋሪጸዮ።

ገሊኦም ዝፈልጠም ፍኹሳት ሰባት 'ኣታ ስቕ ኢልካ ግዳ ደሞዝካ ዘይትቖርጥም፡ ዓሻ ኢኻ' ኢሎሙኒ። ገሊኦም ለባማት ክኣ 'ኣገናዕ



'ረዚን ኣብነት' ኢሎሙኒ። ዘገርም እዩ፡ ክልቲኦም ወገናት ብዛዕባይ ተጻረርቲ ርድኢታት ሒዞም።

እቲ ንዘይርሃጽኩሉ ደሞዝ ንኽይቅበል ኢለ ዝወሰድኩዎ ውሳነ፡ ብሓደ ሸነኹ ኩላትና ኤርትራውያን ግድነት ጽግዕተኛታት ናይ መንግስቲ ኴንና ክንነብር ከምዘየድልየና የረጋግጸልና እዩ። ብካልኣይ ሸነኹ ድማ ኢሳያስ ይፍጽሞም ንዘሎ ብዙሓት ብልሹውናታትን (ምብኻን ገንዘብ ህዝቢ፡ ምልማስ ሃገራዊ ጉልበት፡ ወዘተ) ንህልዊ ግዕዘይ ዲክታተራዊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራን ብጋህዲ ብሓሳብን ብግብሪን ክንቃወም ከምዝግብኣና የረድኣና እዩ። ብሳልሳይ ሸነኹ፡ ኩላትና ኤርትራውያን ንሓድሕድና እናተሓጋገዝናን እናተኣላሌናን እንነብር ሓንቲ ስድራ ምኻንና የረጋግጸልና።

ርግጽ እዩ፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ክይተሰደድካን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኴንካ እናነበርካን እሞ ድማ ንዓቢ ስድራ ክትኣሊ ሓላፍነት ዝተሰከምካ ሰብኣይ ብዘይደሞዝን ብዘይስራሕን ክትነብር ምኽኣል ብሓቂ ኣዝዩ ከቢድ ብድሆ እዩ። ቀሊል ዓይነት ውሳነ ኣይወሰድኩን። ኣምላኽ ይመስገን ግና ኣይተሸገርኩን። ኣባላት ስድራ-ቤተይን ኣዕሩኽይን ሓጊዞሙኒ።

ኣብ ትሕቲ ቀጻልቲ ሰንሰለታውያን ሓደጋታትን (risks) ስክፍታታት ናይ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲን ጭውያን ፈተነ-ቅትለትን ኴንካ ምንባር የሸቑርር እዩ። ብዓቕምኻን ብዘለካ ክእለትን ሰሪሕካን ቀሲንካን ክይትነብር ዝዕንቅፉ ብሓይልታት ሃገራዊ ጸጥታ ኤርትራን ብኢሳያስን ኣብ ልዕሌኻ ዝፍጸሙ ሸርሒታት (sabbotages) ኣለዉ። ኣሻቐልቲን ኣቋሰልቲን ዘኢተነገሩ ዓይነት ሰላሕታውያን ነውራማት መጥቃዕትታት እውን የጋጥሙ እዮም። ኩላቶም እዚኣቶም መልክዕ እናቐያየሩ ንዓይ ኣጋጢሞምኒ። ግድነት ንኹሎም ክምክቶም ክኣ ኣድልዩኒ። ዘቤታዊ ፖለቲካ ኤርትራ ብዙሓት ሕልኽላኽት እዩ ዘለዎ። ብወገነይ ንኩሉ እቲ ዘጋጠመኒ ሽግር ከም ናይ ቃልሲ ሕቶ ጌረ ስለዝርኣኹዎ ግን ንውሳነይ ንስለ

ክብረተይን ክብረት ህዝበይን ሃገረይን ክብል ከምዝወሰድኩዎ ጌረ እየ ቆጺረዮ። ኤርትራውያን ኣብ ባህልና እንሕበነሎም ከምእኒ ኒሕ፡ ሓቦ፡ ትዕግስቲ፡ ሓድሕድ-ምትሕግጋዝ፡ ዘይምንብርካኽ፡ ምምካት፡ ርእሰ-ተኣማምነት፡ ልቦና፡ ጠላሚ ዘይምዃን፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ክብረታት ኣለዉና። ንኹሎም እዚኦም ኣብ ዕለታዊ ሂወተይ ዘኪረዮም።

ካብ ናይ ፋይናንስ ሚኒስተርነት ስርሐይ ምስ ኣልገስኩ ኣብ ውሽጢ ሃገረይ ኤርትራ እየ ተቐሚጠ። ብሰለስተ ምኽንያታት። 1) ክብረተይ ንዝኸነት ሃገረይ ኤርትራ እኒ ኢሳያስን መሰልቱ ኮራኹሩን ከምድላዮም ንኽዕንድሩላ ክገድፈሎም ኣይደለኹን። 2) ንዲክታተራዊ ስርዓት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዉሽጡን ካብ ቀረብኡን ኮይነ፡ ንህላወይ ብፍላጥ ካብ ዘየድልዩኒ ዓይነት ሰባት ኣርሒቐ ብምንጻልን (isolated) ኣብ ዝተሓተ ጽፍሒ ብምውራድን (very low key approach)፡ ክይተጠርጠርኩ ዕለታዊ ክጽንየን ክትንትኖን ደልየ። 3) 'ምስ ሰብካ ምዓት ዳርጋ ግዓት' ከምዝብሃል፡ ከበድቲ ሓደጋታት ክጋጥሙኒ ተኽእሎታት ዋላ እኳ ይሃልዉ፡ ካብ ናይ ህዝበይ ናይ መነባብሮ 'ግዓት ምዓት' ክቋደስ መሪጸ። ኣብ ሰለስቲኡ መዳያት ከኣ ተዓዊተ።

እቲ ባዕለይ ዝእክቦ ሓበሬታ ብዝተኻእለ መጠን ቀዳማይ-ኢድን ቀጥታዊን ስለዝኸውን ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ሓጻርቲ ግና ዕቱባት ዑደታዊ (cyclic) ወድዓውያን መደምደምታት ክገብር ሓጊዙኒ። እዚ ነጥቢ እዚ ኣብ ውሽጢ ከተማ ኮይነ ምስጢራዊ ዘይጎነጻዊ ናይ ደባይ ቃልሲ (urban non-armed guerrilla struggle) ንኽካይድ ኣኽኢሉኒ።

## ምብልሻው ቤ/ጽ ፕረዚደንት፣ ህድማ ናብ 'ዕርዲ' ዓዲሓሎ

ኣብ ጥሪ 2013 ብ 'ጉጅለ' ስዒድ ዓሊ ሕጃይ (ወዲ ዓሊ) ዝተወደበ ኣንጻር ስርዓት ፕረዚደንት ኢሳያስ ዝቖንዐ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ተኻይዱ ኔሩ። እቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ዘይተዓወተ ፈተነ ዕልዋ



መንግስቲ ኣብ ኤርትራና ብመሰረት ቅዋም ክሰራሕን ዴሞክራሲ ክሰፍንን ዝጠልብ ኔሩ። ብወገነይ፡ ንጠለቦም ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መጋቢት 2012 ኣብ ኣኼባ ካቢኔ ሚኒስተራት ኣቕሪበዮ ዝነበርኩ ጠለብ ጌረ ወሲደዮ። ብዝኾነ፡ እቲ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ንኣቶ ዘራጊቶ ኣሰምቢዱዎን ምሒር ኣርዒዱዎን። ንኢሳያስ ኣብ ርእሲ-ከተማ ኣስመራ እሞ ከኣ ብዓቢ ክብረት ክትሓዝ ይግብኦ ንዝነበረ ቤት-ጽሕፈቱ ረጥሪጡ ናብ ገጠር ናብ ዓዲሓሎ ሃዲሙ ከምዝዓርድ ጌሩዎ።

ሎሚ ኣቶ ዘራጊቶ ሓንቲ መዕቆቢቱ እትኾና ንእሽቶ ግዜያዊት ቤት ጽሕፈት ኣብ ዓዲሓሎ ሰሪሑ እሎ። ብኹሉ ኣቃሜጣ ምስእትርኦ ንሓደ 'ማእከል እዚ ወተሃደራዊ ስርሒታት' (military operations command centre) እያ ትመስል። ቤት ጽሕፈት ናይ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ክትከውን ፍጹም ኣይትበቅዕን እያ። ብዝኾነ፡ ንኣቶ ሃዳሚ ኣዕቍባቶ እላ።

ነዚ ኣቶ ዘራጊቶ ወሲዱዎ ዘሎ መስሓቕ ዝመስል ግና ዘየስሕቕ ስጉምቲ እዚ ክልተ ትርጉም ክውሃቦ ይክኣል እዩ። ብሓደ ወገን፡ ዝርከቦ ሰብ ድኣ እዩ ስኢኑ እምበር ኣቶ ኢስያስ ተነጺሉን ተጨኒቑን ይነብር ስለዘሎ ንነብሱ ካብ ናይ መሪሕነት ስልጣን ክልግሳ 'ይምህለል' ምህላዉ ይእንፍተልና እሎ። ብካልኣይ ወገን ከኣ፡ ኣቶ ኢሳያስ ነቲ ንዕኡ ዝትክእ ሓዲሽ ፕረዚደንት ኤርትራ ብግቡእ ዝሰርሕ ዉዱብን ዘይተበላሸወን ስሩዕ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ክረክብ ከምዘይደሊ ይገልጸልና እሎ።

ድሮ እውን ነቲ ንነዊሕ እዋን ዳይረክተር ናይቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ፡ መተካእታ ከይገበረሉ፡ ከም ሚኒስተር ዜና ጌሩ ብምሻም ኣብቲ ኣዝዩ ስሩዕ ኮይኑ ዝጸንሐ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ሓደ ሃጓፍ ፈጢሩ እሎ። ኣቶ ኢሳያስ ንህሉዊ ኩነታቱ 'ንለባም ኣምተሉ፡ ንዓሻ ደርጉሓሉ ' ጌሩ ገሊጹዎ። ህዝቢ ኤርትራ እውን፡ ዕጉስ ድኣ እምበር ዓሻ ስለዘይኮነ፡ ንኣመት ኢሳያስ ኣይስሓቶን።

ቤት ጽሕፈት ዓዲሓሎ፡ ብመንጽር ፖለቲካ ተጠሚታ፡ ኣብ ዉሽጣ ሰለስተ ነገራት ዝሓዘት እያ። ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ሰለስተ ኤርትራታት እያ። ንሳተን፡ ሓቀኛ፡ ቅዳሕ፡ ክልሰ-ሓሳባዊት (real, clone, hypothetical) ኤርትራ ይብሃላ። ሓቀኛ፡ እታ ኩላትና ንነብረላ ዘለና ህልውቲ ኤርትራ እያ። ቅዳሕ፡ እታ ኢሳያስ ንበይኑ ኮይኑ ዝነብረላ ዘሎ ኤርትራ-መሰል ኤርትራኡ እያ። ክልሰ-ሓሳባዊት ድማ፡ እታ ርእሰ-ከተማ ናይታ ኢሳያስን ገለ ኢትዮጵያውያን ተሓባበርቱን ኮይኖም ክነብሩዋ ዝምነዩዋ ዘለዉ መጻኢት ዓይነት 'ድቓላ ኤርትራ' እያ።



# ምዕራፍ (20) ዕስራ

## ተዘክሮቲ ፍጻመታት፡

## መወዳእታ ዘይብሎም ቅጥፈታት ኣቶ ኢሳያስ

እዚ ኣርእስቲ እዚ ኣመና ሰፊሕ እዩ። ንብዙሓት ጉዳያት ክሓቁፍ ምኽኣለ። ሕጂ ግና ኣብቶም ኣብ ታሪኽ ከም ኣብነታት ክዝከሩ ዝኽእሉ መሃርቲን ናይ ዝሓለፈ ምዕራፍ መቐጸልታ ዝኾኑን ዉሕዳት ፍጽመታትን ቅጥፈታትን ጥራይ እዩ ክተኩር። ንኹላትና ዝኸውን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ግና ክቕስመና እዩ።

### ጋሕቴላይ፡ ሕማም ዓሶ-ርእሲ

ኣብ 1993 ኣቶ ኢሳያስ ናብ ጋሕቴላይ ከይዱ ሃንደበት ብሕማም ዓሶ-ርእሲ (ዌልካም) ተጠቒዑ ተብሂሉ ብብርቱዕ ምስሓመመ፡ እታ ምስ ሃጸይነት ኣመሪካ ደሪብና ከም ጸላኢት ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እንቖጽራን እነውግዛን ዝነበርና ጽዮናዊት ኢስራኤል ናብ ሃገሩ ወሲዳ ፈዊሳን ኣሕውያን ናብ ኤርትራ መሊሳቶ። ኣብቲ እዋን እቲ መስርሕ ረፈረንደም ድሮ ተጀሚሩስ ናብ ምዝዛሙ ገጹ ተቓሪቡ ኔሩ። ኣቶ ፕረዚደንት ሓውዩ ናብ ኤርትራ ብምምላሱ ገሌና ኤርትራውያን ደቂ ጻዕዳ-ልባ ብዙሕ ተሓጒሽና። ዓሊልና፡ ኣጣቒዕና። እቶም ብቐሊሉ ዘይተገርሁ ኤርትራውያንን ኣህጉራውያን ኣዕሩኽትና ተቓለስቲን ግን ናይ ኢስራኤል ተግባር ኣተሓሳሲቡዎም። ልግሲ እዶ እዩ ወይሲ ጉርሒ፡ ወይሲ ሽርሒ፡ ኣናበሉ ነንነብሶም ሓቲቶም። ኢሳያስ ኣብ ክንዲ ናብ ኢስራኤል ገጹ ዝኸይድ ስለምንታይ ናብተን ቀንዲ ደገፍትን ኣዕሩኽትን ናጽነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝብሃላ ዝነበራ ሃገራት ዓለም ከይዱ

ዘይትሓከመ? ብብቕዓቶም ዝድነቑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ሓካይምከ ንኢሳያስ ክሕውዩዎ እዶ ኣይምኽኣሉን ነበሩ? ክብሉ ሓቲቶም። 'እዛ ጣይታ እዚኣ ነገር ኣላታ' ኢሎም።

ኢስራኤል፡ ምስ ኣመሪካ ብምውጋን፡ ንፖለቲካ ቀይሕ ባሕሪ ኣዝያ ስለእትግደሰሉ ንኢሳያስ ብመንጽር ረብሓታታን ረብሓ ኣመሪካን ምዕራብ ኤውሮጳን ጠሚታ ንሸለልታን ንዕድልን (chance) ክትገድፎ ኣይደለየትን። ኣቶ ዘራጊቶ ንሀላወ ዶባታ ዝተሓንጸጸላ ናጻ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጽኑዕ መትከል ረጊጹ ዘይድግፍ ጠላም ሰብ ምኻኑ ኣመሪካን ኢስራኤልን ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዘን ይፈልጥኦን ኣብ መደቡ ንኽዕወት በብዓቕመን ይሕግዝኦን ኔረን እየን። ስለዚ፡ ንኢሳያስ ብሂወቱ ንነዊሕ ግዜ ክጸንሓለን ደልየንኦ።

ኣቶ ዘራጊቶ ንከምስል ንኣመሪካን ብሪጣንያን፡ ብዝያዳ ድማ ንኣመሪካ፡ ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ብግሉጽ ይወቕሰን እዩ። ኣብ ቃልዕ ዋላ እንተወቐሰን ግና ብውሽጦም ስለዝፋለጡ እተን ሃገራት ብናይ ኣራዊታዊ (beastish) ባህርያቱን ኣካይዳኡን 'ኣገናዕ ›ተዘይኮይኑ 'ያዕ' እኳ ኣይብልኦን እየን። ኢሳያስ ንኢስራኤል ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ ነቒፉዋ ኣይፈልጥን እዩ። ሓቅነቱ ንኽተረጋግጽ ንግዚኡ ይኽብድ እኳ እንተኾነ፡ ኢሳያስ ኣባል ክፍሊ ስለያ ኢስራኤል (ሞሳድ) ምኻኑን ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናይ ደገ ናይ ጸጥታ ሓይልታት ብዝያዳ እውን ንሲኣይኤን (CIA) ንሞሳድን (MOSSAD) ዘገልገለን ምስጢራዊ 'ዓቢ ክዳዕ እዩ ኔሩ' (Great Treasonist) ዝብሉ ለባማት ኤርትራውያን ኣይተሳእኑን። ስለዚ፡ 'ዘይተፈስወ፡ ነይተጨንወ' ስለዝብሃል መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መጻኢ እዋን ነዚ ኣባህላእም እዚ ከጻርዮ ክድልዮ እዩ።

ኣብ መንጎ ፍልስጤምን ኢስራኤልን ዘሎ ግጭት ምእንቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክፍታሕ 'ክልተ ሃገራት ይሃልዋ' (two states solution) ዝብል ፍታሕ ባዕሎም ፍልስጤማውያን ሕራይ ኢሎም ዝተቐበሉዎ ኣህጉራዊ እማመ ኣሎ። ኢሳያስ ግና፡ ንመርገጺ ኢስራኤል ብምድጋፍ፡ ነቲ እማመ ኣይቅበሎን እዩ። ብወግዒ ነጺጉዎ። ናጻ ሃገር



ፍልስጤም ኣብ ክንዲ እትምስረት ሓንቲ ሃገረ ኢስራኤል ጥራይ ተሪፋ ኩሎም ፍልስጤማውያን ኣብ ዉሽጢ ዮርዳኖስን ሊባኖስን ኣትዮም ክምዝውሓጡ ምግባሮም ይሓይሽ ይብል። እቶም ንጉዳዮም ባዕሎም ዝያዳ ዝፈልጡዎ ህዝቢ ፍልስጤም እኳ ንዘይመርጹዎ መርገጺ ሒዙ ይንቀሳቐስ።

## ኒው ዮርክ፡ ኤምባሲ ኤርትራ

ኣብ 1993 ኤርትራውያን ሓደ ምቹእን ሰፊሕን ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ኔሩና። ቁሩብ ጽንሕ ኢሉ እቲ ቤት ጽሕፈትና ምኽንያቱ ከይተገልጸ ብመሰረት መምርሒ ኣቶ ኢሳያስ ንኤምባሲ ኢትዮጵያ 'ንሓላሉ' ተውሂቡዎ። ኢትዮጵያ ንምቹእ ቦታና ምስወሰደቶ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲና ናብ ካልእ 'ዘይምቹእ' ቦታ (ፓላሶ) ግዒዙ። ኣብቲ ዝግዓዝናዮ ፓላሶ 'ብዘይኢጋጣሚ' ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኢስራኤል ኣሎ። ንሕና ኣብ ጫፍ ላዕለዋይ ደርቢ ናይቲ ፓላሶ፡ ኤምበሲ ኢስራኤል ድማ ትሕቴና ኣብ ዘለዉ 3-4 ደርቢታት ኮይኑ፡ ክልቴና ብሓባር ኣብ ሓደ ህንጻ ሰፊርና ኣለና።

ነቲ ፓላሶ ዝሕልዉዎ ናይ መንግስቲ ኣመሪካ ኣርማ ዝተለጠፎ ክዳን ዝለበሱ ብረት ዝዓጠቑ ኣይሁድ ሓለውቲ ጸጥታ ኣለዉ። ኣብቲ ዘካይድዎ ሓለዋ ብመሰናኽላት ናይ ዓበይቲ ናይ ቼሜንቶ ኣእማን ይሕግዙ። ንኹላትና ተገልገልቲ ናብቲ ፓላሶ ዘእትወና ሓደ ኣፍደገን ማዕጸን ኣሎ። እቲ ፓላሶ ንዓና ንኤርትራውያን ጥራይ ዘገልግል ካልእ መእተዊን መወጽኢን የብሉን።

ማዕጸ ሓሊፍካ እትው ምስበልካ ንኹሉ ዝኣቱ ሰብ ዝፍትሽዎ ሲቪል ዝለበሱ ኣባላት ጸጥታ ኤምባሲ ኢስራኤል ጎፍ ይብሉኻ። ብእኦም ተፈቲሽካ ምስ ሓለፍካ ጥራይ ኢኻ ጉዕዞኻ ናብ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ትቕጽል። ካብ ኤምባሲና ክትወጽእ ከለኻ ድማ እቲ ኣጋባብ ብግልብጥሽ ተደጊሙ ብኢስራኤላውያን ሓለውቲ ተፈቲሽካ ናብ ደገ ትወጽእ።

ኣብ ውሽጢ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲና ምስበጻሕካ ሓደ ነገር ትዝ ይብለካ። ኣብ ኒውዮርክ ከለኻ እሲ ኣብቲ ዝዓበየ ክፉት ቤት ማሕቡስ ዓለም ተብሂሉ ዝፍለጥ ቦታ ወሽመጥ ቓዛ (Gaza) ዘለኻ ኮይኑ ይስምዓካ። ስለምንታይ ከምዚ ይኸውን ኢልካ ንነብስኻ ትሓትት። ዘደንጽ እዩ ነገራቱ። እረ ኤርትራውያን ብመንከ ኢና ተሓቢስና ዘለና? ብኣመሪካ እዶ ወይስ ብኢስራኤል ወይስ ብኣቶ ኢሳያስ ወይስ ብሰለስቲኦም? ትብል። ኤርትራውያን እንታይ ኢና ኣቢስና? ድሕሪ ናጽነትና ምርካብና እኸ ስለምንታይ ኢና ኣብ ቤት ማሕቡስ ናይ ስትራተጃውያን ጸላእትና ተዳጐንና? ኣብ ኒውዮርክ ዘሎ ኩነታትና ከምኡ እዩ ዘብለካ። ነቲ ጉዳይ ቁሩብ ምሕድግ ኢልካ ምስእትርእዮ ግና ሓደ ንጹር ነገር ትርዳእ። እቲ ንሃገርና ኤርትራ ቀዳምነት ሂቡ ዘይሰርዕ ኢሳያስ ንመደብ ፖለቲካዊ ውህደት ኤርትራ-ኢትዮጵያ ምስ ግዳማውያን መሻርኽቱ ኮይኑ ንኽተግብር ኣንጊሁ ተበጊሱ ምህላዉ ትርዳእ።

**ቅርስታት፡ ካሕሳ፡ ወደባት፡ ቁጠባዊ ወፍርታት**

ኣብ እዋን ቃልስና ኢትዮጵያ ንመሳቐዪ ኤርትራውያን እሱራት ዝተጠቐመትሎም ብዙሓት ናይ ማእሰርቲ መሳለጥያታትን ቦታታትን (ማርያም ግምቢ፡ እንዳፍራስ፡ ኤክስፖ፡ ወዘተ) ኣለዉ። ኣቶ ኢሳያስ፡ ደድሕሪ ምእዋጅ ናጽነትና፡ ነዚኣቶም ኣብ ታሪኽና ከም ቅርሲታት ኮይናም ክሰነዱን ብመጻኢ ወልዶታት ክፍለጡን ኣይደለዮም። ንብሙሉኦም ብህጹጽ ከምዝድምሰሱ ዝገበር መምርሒ ኣመሓላሊፉ ኣደምሲሱዎም። ንጽልኢ ዘዘኻኽሩ ቅርስታት ኣየድልዩን እዮም ኢሉ ኣሰሮም ሚእቲ ካብ ሚእቲ ንኽጠፍእ ኣዚዙ። እዚ ሓሳድ ሰብ እዚ ያኢ ንቅርስታትና ዘድልዩን ዘየድልዩን ኢሉ ብምፍላይ ብድሌቱ መሪጹልና!

መንግስቲ ኢትዮጵያ ስለ እቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ኤርትራ ዘውረዶ ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ንኤርትራውያን ካሕሳ ክኸፍለና ይግብእ እዩ። ኣቶ ዘራጊቶ ግና ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ካሕሳ ኣይትሓትትን እያ፡ ኣይትቕበልን



እውን ብምባል ነቲ ካሕሳ ናይ ምሕታትን ምቕባልን መሰልና ብበይናዊ ዉሳነ ነጺጉ ደምዲሙዎ። ሕጊ ተኸቲሉን ብኣፍልጦ ባይቶ ኤርትራን ተኸይዱ እንተዝኸውን ኔሩ ግና ኤርትራ ሽዑ ካሕሳ ምረኸበት እሞ ነቲ ዝረኸበቶ ገንዘብ ንመመወሊ መደባት ሃገራዊ ዳግመ-ሕውየትን ልምዓትን መውዓለቶ ነበረት።

ኣብ 1993 ኣቶ ዘራጊቶ ኣብ ኣስመራ ኮይኑ ኢትዮጵያ ንወደባት ኤርትራ ብዘይክፍሊት ክትጥቀመሎም እያ ክብል ኣፍሊጡ። ካብ ሃብቲ ወደባትና ብሽርፊ ወጻኢ ክንሓፍሶ ይግብኣና ንዝነበረ ኣታዊታትና፡ በቲ ዝወሰዶ ናይ ባዕሉ ግዜያዊ ምርጫን ኣብ ዳሕራይ ግዜ ብወገን ኤርትራ ክስረዝ ዝክኣልን በይናዊ ውሳነ ኣቢሉ፡ ከመቕጽበት ኣህሪፉዎ።

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ 90 እታት ምስ ወያነ ትግራይ ተረዳዲኡ ናይ ሓባር ቁጠባዊ ወፍርታት ኣብ ኤርትራ ኣጀሚሩ ኔሩ። እቶም ወፍርታት ንኢትዮጵያ ኣብ ቁጠባ ኤርትራ እግራ ክተንብር ዝሕግዙዋ ዓይነታት ኔሮም። ኢሳያስ ንቁጠባ ኤርትራ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ጽግዕተኛ ወይ ምሉእ ኣካል ናይ ቁጠባ ኢትዮጵያ ዝገብሩዎ ስትራተጃውያን ውሳኔታት እናወሰደ ምስራሕ ተተሓሒዝዎ። ኩሎም›ቶም ወፍርታት ምስተደመሩ ብዘገምታ ናብ ምሉእ ቁጠባዊ ውህደት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክብጽሑ ዕላማ ዝገበሩ ኔሮም።

ኢትዮጵያ ግና ብሽምቲ ኣቶ ዘራጊቶ ዝተጸበየ ጌራ ኣብ ቁጠባ ኤርትራ ኣየውፈረትን። ንወደባት ኤርትራ ብሓባር ኴንና ነማዕብሎም ንዝብል ወፈያ ኣይተገደሰትሉን። ኢትዮጵያ ንኤርትራ ኣብ ጽላታት ባንክን መጉዓዝያ ምድሪን ወፍሪታት ክትገብር ኣየፍቀደትላን። መራሕቲ ኢትዮጵያ ናይ ኢሳያስ ምስሉይ ኣተሓሳስባ ኪኖ ሕልሚ ዘይከይድን ዘይግብራዊን ኣብ ርእሲ ምኻኑ ኔና ከይተበገሰ ከሎ ዝፈሸለ ምኻኑ እውን ብኣግኡ ተገንዚቦሞ።

**ሽርሓዊ ንድፊ ካርታ**

ወራር ስርዓት ወያነ ተመኪቱን ሃፍኡ ወዲኡን ኩናት ኣብ 2000 ደው ምስበለ፡ ጉዳይ ግጭት ዶብ ንፍርዲ ናብ 'ኣህጉራዊ ኮሚሽን' ዶብ ክቐርብ ተወሲኑ። ስለዚ ብሸነኽና ንዕኡ ዝኸውን ምቅርራብ ክንገብር መስርሕ ተጀመሩ። ሽዑ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣካራኻሪ ኮይኑ እሎ ንዝበሎ ቦታታት ኣብ ካርታ ሓንጺጹ ብዓቢ ቀንቃቐን ህድኣትን ናብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣቕረቡ። ከም ኣመሉ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክጽውዕ ስለዘይደለየ ግን ነቲ መግለጺ ንባይቶ ኤርትራ ኣይሃቦን።

ካብቲ ንሱ ብህድኣት ዝቐረቦ 'ዝከራኸር' ዝበሎ ናይ ዶብ መስመራት ሓደ ክፋሉ <u>ካብ ከባቢ ዓሊቴና 'ጀሚሩ ንደቡብ ክሳብ ከባቢ ዓሰብ</u> ዝበጽሕ ኔሩ። እዚ ኩነት እዚ ናጨባ እዩ ክብሃል ዝከኣል። ከመይ ኮይኑ እዩ ክሳብ ከባቢ ዓሰብ ዝበጽሕ! ስለምንታይ? ኣብ ከባቢ ዓሰብ ዝርከብ ቦታታት ድኣ እንታይ ዘከራኸር ነጥቢ ኣለዎ? እቲ ኣቶ ኢሳያስ ዘቐረቦ ናይ ሸርሒ ካርታ ስለዚ ብትሕዝቶኡ ንዓይ ኣይማእምኣንን። መኣረምታ ክግበረሉ ሓቲተ። እቲ ኢሳያስ ዘከራኸር ዝበሎ ገሊኡ ቦታታት ፈጺሙ ኩናት ዘይተኻየደሉን ባዕሎም ኢትዮጵያውያን እኳ 'ይብጽሓና እዩ' ኢሎም ብዕሊ ዘየልዓሉዎን የጠቓልል ስለዝነበረ ብወገነይ 'ባዕልና ንሓዲሽ ሽግር ማዕጾ ምእንቲ ከይንኸፍት ንገሊኦም ካብቶም ኣብቲ ካርታ ተሓንጺጾም ዘለዉ ግጉያት ሕንጻጻት ንሰርዞም' ኢለ። እቶም 'ግጉያት' ዝተባህሉ ሕንጻጻት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ተኣሪሞም፡ ተሰሪዞም። ንሕና እውን ነቲ ዘመሓየሸናዮ ቅኑዕ ካርታና ሒዝና ናብቲ ኮሚሽን ቀሪብና።

ስለምንታይ እዩ ግና ኢትዮጵያውያን ባዕሎም ንዘየልዓሉዎ ሕቶ ንመከራኸሪ ክኸውን ተሓሲቡ ኣብቲ ብኣቶ ኢሳያስ ዝተዳለወ ካርታ ከም 'ግጉያት ሕንጻጻት' ተመሲሎም መጺኦም? ብዓቢ ህድኣት ዝተዋህበ ኣዳህላሊ መግለጺን ብእዎታ ዝተራዕመ መኣረምንታንክ ጉርሒን ሸፈጥን ድዩ ኔሩ ወይስ እንታይ? ብርግጽ ኩሉ እቲ 'ጌጋ' ዝመሰለ ብግርህነት ዝተፈጸመ ኣይነበረን።



ኣብ ፍርዲ ምስ ከድና ከባቢ 'ባድመ' ዘየማትእ መሬት ኤርትራ ምዃኑ ዳግማይ ብሕጊ ተረጋጊጹ። ብሸነኽ ከባቢ ዓሊቴና-ሰልቆጠም-ጾሮና ካብ ዝርከብ መሬት ኤርትራ ግን ገለ ክፋሉ ብዓሎቕ ንኢትዮጵያ ተውሂቡዋ። ናይ ኮሚሽን ዶብ ብይን ምስተኣወጀ ኣቶ ኢሳያስ ነቲ ዝተዋህበ ብይን 'ናይ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓወት' ክብል ገሊጹዎ። ሽዑ ናይ ኢትዮጵያ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዝነበረ ኣቶ ስዩም መስፍን ግና 'ዘይሓተትናሉ መሬት እኳ ተውሂቡና' ብምባል እዩ ምስቲ ብኣቶ ኢሳያስ ዝተዋህበ ምስሉይ ሓበሬታ ዘይቃዶ መግለጺ ሂቡ።

ኣቶ ኢሳያስ፡ ኣብ ገጹ ኣየርኣዮን እምበር፡ ብደምዳሚ ብይን ኮሚሽን ዶብ ኣይተሓጎሰን። ሕርር ኩምትር እዩ ኢሉ። ንሱ ዝምነዮ ዝነበረ ብይን ካልእ ዓይነት እዩ ኔሩ። ሓደ ገዚፍ ጭራም ካብ መሬት ኤርትራ ተገዚዑ ንኢትዮጵያ (ትግራይ) ክውሃብ ኔሩ ትጽቢቱ። ኣብ ክንድኡ ግና፡ ብኣንጻር ትጽቢት ኣቶ ኢሳያስ፡ ሕንጹጽ ዶብ ኤርትራ-ኢትዮጵያ ብዘየዳግም ተነጺሩ ተረጋጊጹ። እቲ ንባድመ ዝሓወሰ ዶብና ብናይ ጂኦግራፊ ቴክኖሎጂ ብዝግለጹ ተመሳኸርቲ ነጥብታት (geographical virtual co-ordinate points) ኣብ ካርታ ብንጹር ሰፊሩ።

ኣብቲ ህሞት እቲ እዩ እምብኣር ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ዕረ እናጥዓሞ 'ተዓዊትኩም' ዝበለና። እቲ ንዶብ ኤርትራ ክፍርስ ዕላማ ዝገበረ ኣቐዲሙ ኣብጊሱዎ ዝነበረ ፕሮጀክቱ ብብይን ኮሚሽን ዶብ ተሰሪዙዎ። ድሕሪ እዚ ስዕረቱ እዚ ኢሳያስ ንኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኣብ ምብልሻውን ህዝቢ ኤርትራ ብጃምላ ክምዝስደድ ኣብ ምግባርን ኣቶኩሩ ምስራሕ ቀጺሉ።

## ዕልዋ-መንግስቲ ኤርትራ ብመንግስቲ ኤርትራ

'ወፍሪ ዋርሳይ-ይከኣሎ ደድሕሪ ምብጋሱ፡ ኣብ 2003፡ 'ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ (ኩዴታ) ብመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ' ክብሃል ዝከኣል ኣቶ ኢሳያስ ዝወደቦ ምስጢራዊ ፍጻመ

ኣጋጢሙ። ሽዑ ዓበይቲ ኣቦታትና ነቲ ፍጻመ ቀልጢፎም ኣስተብሂሎሞሉ። ዋእ! ወተሃደራዊ መንግስቲ እባ እዩ ዘለና ኢሎም።

ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ ብመገዲ እቲ ዘካየዶ 'ወተሃደራዊ' ዕልዋ መንግስቲ ኣቢሉ፡ ንኹሎም ኣማሓደርቲ ዞባታት ሓለቓታቶም ዝኾኑዎም ጀነራላት መዲቡሎም። ገበርትን ሓደግትን ወሰንትን እቶም ጀነራላት፡ ተኣዘዝቲን ተግበርቲ ትእዛዝን ድማ እቶም ኣመሓደርቲ ዞባታት ኮይኖም። ኩሎም ሲቪል ኣማሓደርቲ ዞባታት ብግብሪ ካብ ስርሖም ኣልጊሶም። ድሕሪ ኣዋርሕ፡ እቲ ንግዚኡ ዝቖመ 'ወተሃደራዊ' መንግስቲ እውን ዝተመደበሉ ዕማሙ ወዲኡ ፈሪሱ። ኩሎም ጀነራላት ነናብ ንቡር ዓስከራዊ ስርሖምን ሰፈሮምን ተመሊሶም።

ሽቶ ናይቲ ዕልዋ መንግስቲ እንታይ ከምዝነበረ ኣይተገልጸን። ብምሁራዊ ግምት ግና ክፍለጥ ዝከኣል እዩ። ኩለን ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ልክዕ ከምቲ ኣቐዲሙ ነተን ሚንስትሪታት ዘጋጠመን፡ ናይ ምብልሻው ኩነት ኣንኒፉወን። ኩሉ እቲ ዝጸንሐን ስሩዕ ኣጋባብ ኣሰራርሓ ተዘሪጉወን። ኣማሓደርቲ ዞባታት ካብ ትግባረ መደባት ልምዓት ተገሊፎም። መደብ ሃገራዊ ወፍሪ ዋርሳይ-ይከኣሎ እውን ምፍሻሉ ዘይተርፎ ምኽኑ ተኣንፊቱ።

እቲ ዕልዋ ግን ነቲ ኣብ መንጎ ኢሳያስን ጀነራላትን ዝነበረ ሚዛን ሓይሊ ፈታቲሹዎ። ጀነራላት ኤርትራ ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ 'ኩዴታ' (ዕልዋ) ክካይዱ ዝኽእሉ ወይ ዘይክእሉ ምኽኖም ተፈቲኖም እሲ ዘይክእሉ ምኽኖም ተመስኪሩ። ጀነራላትና መንግስቲ ክመርሑ ዘኽእሎም ፖለቲካዊ ብስለትን መንግስቲ ንኽመሓድሩ ዘኽእሎም ብቑዕ ክእለትን ከምዘይብሎም ኣመስኪሮም። ንጠላም ኢሳያስ ክኣ ዋላ በቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይንደልዮ ኣጋባብ ማለት ብወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ጌርካ ካብ ስልጣን ኮተልግሶ ከምዘይክኣል ተረጋጊጹሉ።



እቶም ጀነራላት ብፖለቲካ ብሱላት እንተዝኾኑ ኔሮም፡ ሽዑ ንዝነበሮም ገዚፍ ስልጣንን ኣጋጣሚን ተጠቂሞም ንኢሳያስ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ሕጂ ነካይድ ክብልዎ ዕድል ኔሩዎም። ግና ንዕድሎም ኣይተጠቐምሉን። ኣብ ክንድኡ፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ዘዘጻወደሎም ናይ ብልሽዉና መፈንጠራታት እናተጠብሱ ብናይ ሕሉፍ ጅግንነቶም የኽብሮም ብዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ፍጹም ተኺዒቦም ጸግየም ሒዞም። ብተወሳኺ፡ ኣቶ ኢሳያስ ነቶም ጀነራላትን ካልኦት ላዕለዎት መኮንናትን ሓድሕድ ኣጋጭዩዎም። ከም ዉሁድ እኩብ ሓይሊ ኮይኖም ክሰርሑ ከምዘይክእሉ ጌሩ ንኹሉሳዕ ዘራሪጉዎም።

ሎሚ ጀነራላትና ኣንጻር ኢሳያስን ስርዓቱን ተቓወሞ ንዘልዓሉ ሰባት ኣብ ክንዲ ዝድግፉዎም 'ዝምቡላት' እናበሉ ይጥቅኑዎም ኣለዉ። ኢሳያስ 'ኣፈ-ሙዝኩም ናብ ህዝቢ ኤርትራ ኣቕንዕዎ' ዝበሎም ክመስሉ እውን ንህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ምኽኒትን ኣብ ፈቖዶ ቦታታትን ኣጋጣሚታትን ናይ ጭቆና በትሮም ኣብ ልዕሊኡ እናኣውረዱ የሳቕዩዎ ኣለዉ።

### ምጽናት ኤርትራዊት ስድራ-ቤት፡ ስደት ይቕጸል

ቅዋም ኤርትራ ንኤርትራዊት ስድራቤት ከም ቀንዲ ሰረት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ጌሩ እዩ ዝወስዳ። ኩሉሳዕ ብመንግስቲን ብሕብረተሰብን ብስሩዕ መገዲ ክትእለን ክትሕብሓብን ግቡእን መሰልን ኣለዋ ይብላ። ብኣንጻሩ ግና ኣቶ ኢሳያስ ካብ ቅዋም ኤርትራ እናሃደመ ንኤርትራዊት ስድራ-ቤት ብሰላሕታን ብጋህዲን ክፍርስን ክጽንትን እዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

ኢሳያስ ንኤርትራዊ መንእሰይን ንስድራ-ቤትን ንተጋደልቲን ንወለዶ ዋርሳይን ንኹሎም ብማዕረ ይጸልኦም። ንተጋደልቲ ናጽነት ኤርትራ ስለዘምጽኡ፡ ንዋርሳይን ይከኣሎን ክኣ ልኡላውነት ሃገር ስለዘውሓሱ ይጸልኦም። ንኤርትራዊት ስድራ-ቤት ሕመረት ሕብረተሰብ ኤርትራን ኣፍራዪት ኤርትራውያን ጀጋኑን ብምኳና

ይጸልኣ። ንመእሰያት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣንቃሳቓስቲ ሞተረን ተካእቲ ወለዶን ብምዃኖም ምሒር ይጸልኦም። ስለዚ ኢሳያስ፡ ንኤርትራዊት ስድራ-ቤት ክድምስስን ክጽንትን ከምኡ እውን ንኤርትራዊ መንእሰይ ክጽንትን ካብ ሃገሩ ኣርሒቑ ከምዝስደድ ብምግባር ፋሕብትን ክእትወሉን ነበረያ-ነበረ ጌሩ ክህፍፎን ይሰርሕ። ቀንዲ ዘዝውትረን መጋበርያታቱ ድማ፡ ምዝራግ፡ ምጽናት፡ ስደት፡ ዝብላ እየን። ነዚኣተን ምስ ንጥፍታት ቁጠባ፡ ፍትሒ፡ ምውሓስ ጸጥታ፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታት፡ ፖሊሲታት ልምዓት፡ ምሕደራታት፡ ወዘተ እናተኣሳሰረን እናኣዋሰበን ይጥቀመለን።

ኣብ 2002፡ ንደቅና ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ነፋንዎም፡ ስደት ይቆጸ፡ ናብ ልምዓት ንበገስ፡ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ነካይድ፡ ወዘተ ዝብሉ ሓሳባት ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ብኣባላት ቀሪቦም። ጉዳይ ስደት ኤርትራውያን መንእሰያት ግን ቅድሚኡ እውን እንተኾነ ኣብ ኣኼባታት ካቢነ ሚኒስተራት ብተደጋጋሚ ይልዓል ኔሩ እዩ። ግና እቲ ዝግብኦ ቅኑዕ ውሳነን ስጉምቲን ኣይተወሰደሉን።

ንዓይ ስደት መንእሰያትና ወትሩ የሻቕለኒን ድቃስ ይኸልኣኒን ስለዝነበረ ኣብ <u>2003</u> (ቅድሚ 12 ዓመታት ምዃኑ እዩ) 'ዋሕዚ ስደት መንእሰያትና ይበዝሕ ስለዘሎ ካብ ደረጃ ጸረርታ ናብ ውሕጅ ከይተቐየረ ከሎ ቀልጢፍና ንቑጽዮ' ዝብል ርኢቶ ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣቕሪበ። ንርኢቶይ፡ ንቶም ካብ ኩናት ፈሪሆም ዝሃድሙ ዘለዉ ቁንጣሮ ጀጀውቲ ቁጽሮም እንተዘይነጋንና ይሓይሽ' ዝብል ኣሽካዕላሊ መልሲ ካብ ኣቶ ኢሳያስን ካብ ገሊኦም እቶም ደገፍቱ ሚኒስተራትን ተውሂብዎ።

ከምእንደገና (ድሕሪ 8 ዓመታት) ኣብ መፈለምታ <u>2011</u> ኣብ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ንመንእሰያት ዝምልከት ሓደ ሓዲሽ ሓሳብ ኣቕሪበ። 'ሓንቲ ፍልይቲ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ነካይድ፡ ንሓደ ዛዕባ ጥራይ ንዘትየሉ፡ ዛዕባ ኣኼባና ንጉዳይ መንእሰያትናን ስደትን ጥራይ ይመልከት' ዝብል ሓሳብ። ኣቶ ዘራጊቶ ንዘረባይ ትቕብል



ኣቢሉ 'ብዛዕባ እዚኦም ጽጹይ ሓበሬታ የለን፡ ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣሎ ድዩ?' ወዘተ ብምባል ንእማመይ ክቐጽዮ ፈቲኑ። ንኽንሰርሕ ዘኽእለና እኹል ሓበሬታ ከምዘሎ ብወገነይ ኣነጺረ ነጊረዮ። እቲ ሽዑ ዝተኻየደ ሓጺር ናይ ዘረባ ምልልስ ኣብ መንጎ ክልቴና ጥራይ ስለዝተሓጽረ ናይ ካልኦት ሚኒስተራት ርኢቶ ኣይነበረን። ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራት ሓሳቦም ክገልጹ ዕድል ኣይተዋህቡን። ነቲ ዝቐረበ ሓሳብ ባዕላቶም እውን ክድግፍዎ ዝግብኦም እኳ እንተነበረ ንኣሉታዊ ኣቃጫጭ ኣቶ ዘራጊቶ ምስተዓዘቡ ምናልባት ጃጅዮም ግዲ ኮይኖም ኣስቂጦም። ንርኢቶይ ኣይደገፉምን። ከም ዝፍለጥ፡ ኢሳያስ ንኹላቶም ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ብውልቂ ይኹን ብእኩብ፡ ንዕኡን ንስርዓቱን ደፊሮም ክምዘይቃወሙ ጌሩ ኣልሚሉዎም እዩ።

ኣቶ ኢሳያስ ስለዚ ነቲ ዘቕረብኩዎ ሓሳብ ንናይ ኣቦ-መንበርነት ስልጣኑ ተጠቒሙ ብቐሊሉ ነጺጉዎ። እቲ ኣነ ዝኣመምኩዎ ፍሉይ ኣኼባ ኣይተኻየደን። ጉዳይ መንእሰያትና ኣብ ፍሉይ ኣኼባ ካቢነ ሚኒስተራት ኣይተዘተየሉን። ብኢሳያስ ተዓምጺጹ ተሪፉ። ብመሰረት እቲ ሽዑ (2011) ዝቐረበ እማመ ተሰሪሑ እንተዝኸውን ኔሩ ግን ናይ መንእሰያት ኤርትራ ሽግርን ስደትን ብዉሑዱ ካብ 2011 ንድሓር ኣይምቐጸለን ነበረ። ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ድማ ሎሚ ኣብ ጥዑይ ኩነትን ደረጃ ልምዓትን ምሃለና።

ኣኼባ ተወዲኡ ምስ ወጻእና ሓደ 'ለማጽ' ሚኒስተር (ንስሙ ኣብዚ ክጠቕሶ ኣይደልኹን!) 'ጽቡቕ ሓሳብ' ኣቕሪብ ከምዝነበርኩ ነጊሩኒ። ብዘረብኡ ኣይተሓጎስኩን። 'ኣይትሓዘለይ ሓወይ! ኣብ ኣኼባ ከለና ሓሳብካ ክትገልጽ ንዝነበረካ ወርቃዊ ዕድል ኣይተጠቐምካሉን፡ ኣምሊጡካ! ' ኢለዮ ተፈላሊና።

**ማእሰርቲ በዚሑ፡ ስቅያት ኤርትራዊ ብኤርትራዊ**

ማእሰርቲ ኣዝዩ ከቢድ ዓይነት መቕጻዕቲ እዩ። ንእሱር ሰብ እታ ንዘይተኣሰረ ሰብ ኣዝያ ሓጻር እትመስሎ ሓንቲ ሰዓት እኳ ማዕረ ናይ ብዙሓት ዓመታት ናይ ጭንቀታትን ስቅያትን ሂወት እያ። ስርዓት ኢሳያስ ግን ንማእሰርቲ ከም ዋዛን ቀሊል ጉዳይን ጌሩ እዩ ዝጥምቶ። ኣይስከፈሉን እዩ። ማእሰርቲ ኣብ ኤርትራ ሓደ ኣካል ናይቲ

‘ንኤርትራዊ ብኤርትራዊ ሓይሊ ጌርካ ምስቓዩ’ ዝብል ጨካን መደብ ኣቶ ኢሳያስ እዩ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ዓሰርተታት ኣሽሓት ንጹሃት ዜጋታት በብዝወጹዎ ይዓርቡ እለዉ። ርግጸኛ ሸራቢኦም መን ምዃኑ ኣይፍለጥን እዩ። ተሓታቲን ከሳሲን ዘይብሎም፡ ምኽንያት መሐበሲኦም ዘይፈልጡ፡ ዝኾነ ይኹን ሰነድ ምርኽካብ ዘይግበረሎም፡ መንነቶምን ስሞምን ብዘይፍለጡ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ኣብያተ ማሕቡስን ›እንዳ ኣጽንሑልና እን ተደርብዮም ዝተርፉ፡ ምስ ሰባት ክራኸቡ ዘይፍቀደሎም፡ ዝሙጉተሎም ዋና ዘይብሎም ኣብ ማሕቡስ ተዳጒኖም ንዘልኣለም ዝሳቐዩን (tortured ዝኾኑ) ዝጽለሉን ዓይኖም ዝያሩን ናይ ዘለዉ ኤርትራውያን ቁጽሪ ኣመና በዚሑ። ኣቶ ዘራጊቶ ግና በዚ ኩነት እዚ ኣይሰከፍን እዩ። ንዕኡ ዝያዳ ዘገድሶ ብዛዕባ ማእሰርቲን እሱራትን ዘይኮነስ ኩሉ እቲ ካልእ ከም ቀንዲ መደቡ ጌሩ ሒዙዎ ዘሎ ንኤርትራን ህዝባን ዝምልከት ናይ ዕንወት ዛዕባን ፖለቲካን እዩ።



## ምዕራፍ (21) ዕስራን ሓደን

## እገዳን ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ፍጻመታትን ጉዳያትን

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተኣዊጁ ዘሎ እገዳ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ኮም ኣንጻር ኤርትራ ናይ ጽልኢ መርገጺ ወሲዱ ዘሕለፎ ውሳነ ኮይኑ ክርአ ይኽእል እዩ። ኢሰያስን ህግደፍን እውን ነዚ ኣረኣእያ እዚ እዮም ብጻዕቂ ክምዝምዝዎ ፋሕተርተር ዝበሉ። እቲ እገዳ ግና ሳዕቤን ናይቲ ዘራጊቶ ኢሳያስ ኣብ ፖሊሲ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዝጻወቶ ዝነበረን ዘሎን ኣሉታዊ ተራታት እዩ። ኢሳያስ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ንዝፈጠሮም ሽፍትነታዊ ጸይቅታትን ሸበራታትን ዝተዋህበ መልሰ-ግብሪ እዩ። ኤርትራውያን ዓቕሚ ስለዝስኣንና ንኢሳያስ ክንቀጽዮ ኣይከኣልናን። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ኮም ግን ንኢሳያስ ክቐጽዮ ክኢሉ። ንዓናን ንሃገርናን ክኣ ምስኡ ለኪሙና፡

### ውሳነ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ።

ደድሕሪ ምጅዋጅ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣመሪካ ብሰላሕታ ንጅቡቲ ሓዳስ-ግዝኣታ ስለዝገበረታ ኣብ ፖለቲካ ናይ ማያዊ መስመር መጉዓዝያ ቀይሕ ባሕሪ ክትዋሳእ ዘኽእላ ሓዲሽ ዕድል ረኺባ። ብኡ ግን ኣይዓገበትን። ኣብ መስርሕ ናጽነታዊ ቃልስና ስለዝሰዓርናያ ንኤርትራውያን ተሃላሊኻትና። ዝገበረት ጌራ ንኤርትራ ክትቀጽዓ ደልያ። ምስ ብሪጣንያን ሕብረት ኤውሮጳን ገሊኦን ሃገራት ኣፍሪቃን ተሓባቢራ መጥቃዕቲ እገዳ (ማዕቀብ) ‘ኣንጻር ኤርትራ’ ፈንያ። ሕመኣ ንመጥቃዕቲ ማዕቀብ ምእንቲ ክተዋድዶን ክተተግብሮን ከምዚ ዝስዕብ መደብ ሓንጺጻ።

ሃገረ ጅቡቲ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ዶብ ጦርነት ኩናት ክትውልዕ እሞ ካብ ኣቶ ዘራጊቶ እቲ ልሙድ ህውኽ ወተሃደራዊ መልሰ-ግብሪ ክመጸ። ሽዑ ብኤርትራ ተወሪረ ብምባል ጥርዓን ናብ ባይቶ ጸጥታ ክተሕልፍ እሞ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ንኪውሰን ክትጽውዕ።
ሃገረ ሶማልያ ብወገና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተይ ጣልቃ ትኣቱን ትጻብኣኒን ስለዘላ (ሓቅነት ኔሩዎ ይኸውን እዩ!) ኤርትራ 'ትቀጽዓለይ' ዝብል ክሲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ክተቕርብ። ኢትዮጵያ እውን ንተቓውሞተይ ትድግፍ ስለዘላ (ሓቅነት ኔሩዎ ይኸውን እዩ!) ንኤርትራ ኣዓግሱለይ፡ 'ማዕቀብ ይበየንላ' ዝብል ክሲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ክትሰድድ።
ሰለስቲኣን ሃገራት ተዋሃሂደን ንጥርዓናተን ክደፍኣሉ። ኣመሪካን ብሪጣንያን ድማ ነቲ ክስታት ክንበድብድኦ። እቲ ክስታትን ጠለብ መቕጻዕቲን ደገፍ ናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዘለዎ ኮይኑ ምእንቲ ክርአ ቀዲሎም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ስጉምትታት ክውሰዱ። ውድብ ኢጋድ (IGAD) ንሰለስቲኣን ጠራዕቲ ሃገራት ክድግፈን። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (AU) ንጻውዒት ውሳነ ማዕቀብ ይምርቕ። ክልቲኣም ኣፍሪቃዊ ውድባት ብሓባር ኮይኖም 'ኤርትራ ትቀጻዕ' ክብሉ።
ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኤርትራ 'ብድሌታ' ኣብ ኣኼባታት ናይቶም ክልተ ውድባት ኣይተሳተፈትን። ስለዚ ንጉዳያን መሰላን ባዕላ ክትጣበቐሉ ኣይክኣለትን። እትጣበቐላ ካልእ ሃገር ድማ ኣይረኸበትን። ኣቶ ዘራጊቶ ኣቐዲሙ ብዝወሰዶ ናይ ጽሉላት በይናዊ ውሳነ ኤርትራውያን ኣብ ክልቲኤን ውድባት ንዝነበረና ኣባልነት ድሮ ሰሪዝናዮ ኢና።
ኣህጉራዊ ጎስጓስ ንጻውዒት እገዳ እምብኣር ናህሪ ወሲኹ ቀጺሉ። መንግስቲ ጋቦንን መንግስቲ ናይጀርያን ብሓባር ኮይነን ናይ ውሳነ ማዕቀብ ንድፊ እማመ ንባይቶ ጸጥታ ውሕሃ ኣቕሪበናሉ። ባይቶ ጸጥታ ብወገኑ በቲ ብኣመሪካን ኣዕሩኽን ዝግበረሉ ዝነበረ ጸቕጢታት ተደሪኹ ብቁጽሪ 1907/ 2009 ዝተመዝገበ ውሳነ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣሕሊፉ። ኣብቲ ውሳነ እገዳ ዝሓለፈሉ እዋን ኣቦ መንበር



ባይቶ ጸጥታ ዝነበረት ሃገር ኡጋንዳ ኢያ። ኮሚሽነር ሕብረት ኣፍሪቃ (AU) ከኣ ወዲ ጋቦን ኔሩ።
እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ምስተወሰነ ኣመሪካን ተሓባበርታን ጸላኢትና ኢትዮጵያን ተዓዊተን። ኤርትራን ክፍለ-ሃገር ኣፍሪቃን ክሲርና። ገሊኣን ብኣመሪካ ዝዝወራ ተበለጽቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃዊት ሃገረ ኤርትራ ዘይፍትሓዊ እገዳ ክውሰን ከሎ ብዘይምቅዋመን ንክፍለ-ሃገር ኣፍሪቃ ኣዋሪደንኣ።
ብመንጽር ሓቂ ምስ ዝርአ፡ እተን ቀንዲ ናይ ማዕቀብ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈነዋ ሃገራት ኣመሪካን ብሪጣንያን ሕብረት ኤውሮጳን እየን። ኢትዮጵያን ገሊኣን ሃገራትን ክልተ ውድባትን ኣፍሪቃ ድማ ብምርጭኣን ኣብቲ ጉዳይ ተሓጋጊዘን። ኣብ ክንዲ ምስ ኤርትራ ኮይነን ኣንጻር እገዳ (sunction) ዝምክታ ምስ ባዕዲ ወጊነን ንኤርትራ ኣግዲዐንኣ።

## ምስ ውሳኔ እገዳ ዝዛመዱ ፍጻመታትን ጉዳያትን።

ሳምንታት ቅድሚ እቲ ናይ ማዕቀብ ውሳነ ምሕላፉ፡ ናይ ሕመኣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ 'ጻዕዳ' ወ/ሮ ሂለሪ ክሊንተን ኣብ ኬንያ ኮይና ኣብ ዝሃበቶ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ 'ንኤርትራ ኣብ ሶማልያ ትገብሮ ብዘላ ጣልቃ ምእታው ኣብ ቀረባ እዋን ክንቀጽዓ ኢና' ክትብል ፈኪራ። ፈኸርኣ ዘገርም እዩ ኔሩ። ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ጣልቃ ከምዝኣተወትን ምኽንያቱን ዝፈልጥ ሰብ እንተሎ ከዓዕ ኢሳያስ ጥራይ ኔሩን እዩን።
ኣብቲ እዋን እቲ እቲ ኣብ ኣስመራ ንዓመታት ተዓቝቡ ዝነበረ፡ 'ዓርኩ' ንኣቶ ዘራጊቶ፡ ሶማልያዊ <u>ሸኽ ሸሪፍ</u> (ኣባል መራሕነት ውድብ ኣሸባብ ነበርን መራሕ-መንግስቲ ሶማልያን) ኣብ ጎኒ ክሊንተን ብሸነኽ የማና ጠጠው ኢሉ ኔሩ። ኮይኑ ድማ፡ ብኸምቲ ወይዘሮ ክሊንተን ዝፈከረቶ፡ እቲ ብኣመሪካ ከምዝዝወር ዝፍለጥ ባይቶ ጸጥታ ውሕሃ ስርሑ ሰሪሑ ንኤርትራን ህዝባን ብማዕቀብ ቀጺዑና። ንኢሳያስ ከኣ ወዮ እቲ ዝነበሮ ሕቡእ ድሌቱ ሰሚሩሉ።
ውሳነ ማዕቀብ ንኤርትራ ነብሳ ክትከላኸል ዘድልያን መሰላ ዘፍቅደላን ኣጽዋርን ወተሃደራዊ ንዋትን ከይትሸምት ይገብራ። ባዕላ

ከተፍርዮም ንዘይትኽእል ስትራተጃውያን ንዋት ናብ ሃገራ ከይተእቱ (import) እውን ይኽልክላ። ንኣብነት እኳ ኣብ ምህናጽ ጽርግያታትን ካልእት ህንጻዊ ንጥፈታትን ዝውዕል ነታጒ ከተእቱ (import ክትገብር) ኣይትኽእልን።

ውሳነ እገዳ ምስተነግረ፡ ኣብ ውሕሃ (UN) ናይ ኣመሪካ ኣምባሳደር ዝነበረት 'ጸላም' ወ/ሮ <u>ሱዛን ራይስ</u> ውሳነ ማዕቀብ ኣንጻር ኤርትራ ሓሊፉ እሎ። ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ 'ሰናይ መጻኢ እምነየሉ' ክትብል ብድዕ ዝተሓወሰ መግለጺ ሂባ!

መግለጺታት ወይዞሮታት ሂለሪ ክሊንተንን ሱዛን ራይስን ታሪኻዊ ናይ ጽልኢ መርገጺታት ኢዮም። መንግስቲ ኣመሪካ ስለዚ ብዛዕብኦም ይቕሬታ ክሓትና ይግብኦ እዩ። ኤርትራውያን ብግዴና እውን ደጋጊምና ከነዘኻኽሮ የድልየና።

ንኣባል ሃገራት ውሕሃ ንውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ብዝተኻእለን መጠን ክኽብራን ክተግብራን ትጽቢት ይግበረለን እዩ። ናይ ኣመሪካን ሃገራት ምዕራብን ኢድ ምጥዋይን ጸቕጢታትን ተሓዊሱዎ ስለዚ ውሑዳት ሃገራት ንውሳነ እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ብዕቱብ ከተግብርኦ ሃቂነን።

<u>ሱዑዲያ</u> ንኣብነት ንሲቪላዊ መዓላ ዘድልየና ነታጒ ከነእቱ ሓቲትናያ ብምኽንያት እገዳ ኣመሳሚሳ ከሊኣትና።

<u>ኬንያ</u> ብውሳነ እገዳ ተታባቢዓን ኣመሪካ ዝሃበታ ትእዛዝ ንኽተኽብር ክትብልን፡ መርትየ ዘይብሉ ክንሱ፡ ኣብ መሬት 'ሶማልያ' ዝሓዝኩዎም ንዝበለቶም ሰለስተ ንጹሃት ኤርትራውያን ናብ ጸላኢትና ኢትዮጵያ ኣረኪባቶም። ኢትዮጵያ ከኣ ተቐቢላ ናብ መርመርቲ ሲኣይኤ (CIA-America) ኣመሓላሊፋቶም። ብዛዕባ እዞም ጠፊኦም ዘለዉ ዜጋታትና ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ለይቲ-ሎም ድሃይ የብልናን። ኣቶ ኢሳያስ ክሓተሎምን ንህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ ኩነታቶም ከፍልጠናን ይግብኦ ኔሩ። ክምኡ ክገብር ግን ኣይደለየን። ሃገር እናሃለወቶም ደቅና ዋና ስኢኖም ኣብ ኢድ ጨካናት መርመርቲ ሲኣይኤ ኣትዮም ይሳቐዩ ኣለዉ።



ኬንያ ቁሩብ ጽንሕ ኢላ እውን ካብ ዝኾነ ይኹን ኩርናዕ ዓለም ናብኣ ንእንመጽእ ኤርትራውያን ተጓዓዝቲ ናብ ሃገራ ከይንኣቱ ወሲና። ኤርትራውያን ናብ ኬንያ ዘእትወና ቪዛ ከይውሃበና ዝገብር ሕጊ ኣዊጃ። መንግስቲ ኤርትራ ተመሳሳሊ መልሰ-ግብሪ ብምሃብ ዲፕሎማስያዊ ተቓውሞን ጸቕጢን ክገብር ኔሩ። ግና ኣይገበረን። ኣቶ ኢሳያስ ስጉምቲ ከይውሰደ ስለዘስቀጠ ኬንያ ኣብ ልዕሌና ብዝወሰደቶ ቀጻዒ ስጉምቲ ኤርትራውያን ተሃሲናን ተሳቒናን።

ኣብዚ እዋን እዚ መብዛሕትኡ ትሕዝቶ ናይቲ ዝተበየነ እገዳ፡ ምእንቲ ርእሱ ክብል፡ ግዜኡ በሊዑ ተዳኺሙ እሎ። ይኹን እምበር፡ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ንኤርትራ ኣብ ቁጠባዊን ወተሃደራዊን ዲፕሎማሲያዊን መዳያት ከቢድ ሃስያ ኣስዒቡላ እዩ። ዝክሓድ ኣይኮነን። ንምስሊ ኤርትራ እውን እንተኾነ ውሳነ እገዳ ብፍላይ ኣብ ገሊኦን ሃገራት ዓለም ደዊኑዎ።

እቲ ኣብ 2009 ዝተበየነ ውሳነ እገዳ (sanction) ክሳብ መወዳእታ 2015 ጌና ኣይተሰረዘን ዘሎ። ኤርትራውያን ስለዚ እገዳ ንኽስረዘልና ዘኽእል ዕቱብ ፖለቲካዊ ውሳነን ስጉምቲን ብህጹጽ ክንወስድ የድልየና እዩ። ማለት፦ 1) ንናይ ወጻኢ ዝምድናታት ፖሊሲና ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለና ዘይቅድዊ ዝምድናታትን ከነመሓይሽ የድልየና። 2) ንኢሳያስ፡ ጠንቂ ናይቲ እገዳ ስለዝኾነ፡ ግድንት ካብ ስልጣኑ ክነልግሶ የድልየና።

# ምዕራፍ (22) ዕስራን ክልተን

## መኸተ ኣንጻር ዲክታተርነት

ናይ ሕጂ ምዕራፍ ነቲ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዓብሊሉ ዘሎ ዲክታተርነት ንኸንስዕሮን ብስርዓት ደሞክራሲ ንኸንትክኦን ክንብገስ ክምዘድልየና ክዘኽኽረና እዩ።

ዲክታተርነት ንክልተ ነገራት ዘጣመረ ዛዕባ እዩ። ኣንጻር ክልተ ነገራት ተቓሊስና ንተዓወት ክኣ ንብል ኣለና። ብሓጺሩ፡ ኣንጻር ስርዓትን ነቲ ስርዓት ዝመርሖ ዉልቀሰብን ኢና ክንቃለስ። ንዲክታተር ኢሳያስ ካብ ስልጣን ነልግሶ፡ ንዲክታተራዊ ስርዓት መንግስቲ ድማ ብደሞክራሲያዊ ስርዓት መንግስቲ ንትክኦ፡ ንብል ኣለና። ኩላትና ኤርትራውያን ከምእንፈልጦ ክኣ ኣብ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ዲክታተር መራሒን ዲክታተራዊ ስርዓት መንግስቲን ዱልዱል ሰረትን ነዊሕ ታሪኽን የብሎምን።

### ዲክታተርነት ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ምዓስ ብኸመይ ስለምንታይ?

ርጉጻት ንምኻን ዲክተታርነት ኣብ ኤርትራ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት እዩ ተቐልቂሉ። ብባህሪኡ <u>ብረታዊ</u> ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት፡ ክሳብ እቲ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ዝወቅዕ፡ ብወተሃደራዊ ዲክታተርነት ዝተሰነየ እዩ። ስርዓት ወተሃደርነት ድማ ናይ ኣዛዚን ተኣዛዚን ማለት ናይ 'ግበር/ኣይትግበር' ዝምድናታት እዩ ዘሎዎ። ክእዝዝ ዝለመደ ሰብ ተኣዚዙ ክብሃል ወይ ክምዚ ግበር ተብሂሉ ክንገሮ ኣይደሊን እዩ። ኩሉሳዕ ኣብ ናይ ኣዛዝነት ቦታ ስልጣን ክጸንሕ እዩ ዝደሊ። ናይ ግበር/ኣይትግበር ዝምድና ዘስዕቦ ቅርጸት



ኣእምሮ ዲክታተር ንኸትክውን ይደፍኣካ ወይ እውን ንዲክታተርነት ክምትርዕም ይገብረካ።

ስርዓት ዲክተታርነት ኣብ ሜዳ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ ውድባዊን ሓድነታዊን ሃገራዊ ጉባኤ ህግሕኤ፡ ኣብ 1987 እዩ ንጹርን ምሉእን ፖለቲካዊ መልክዕ ለቢሱ። ካብኡ ንድሓር ክሳብ ሕጂ ክኣ እናሰወደ መጺኡ። ኢሳያስ ነጸብራቑ ወይ ህያው ስእሉ እዩ።

ንኢሳያስ ንስርዓት ዲክታተርነት ክርዕሞ ዝድርኾዎ ክልተ ረጃሒቲ ኣሎዉ። 1) መጋበርያ ናይ ባዕዳውያን ጸላእቲ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ስርሑ ዝየዳ ኣድማዒ ምእንቲ ክኸውን ኣብ ቦታ ዲክታተርን ዲክታተራዊ ስርዓትን ደልዲሉ ክቕመጥ ኣድልዩዎ። 2) ኢሳያስ ብባህሪኡ እውን (መላኺ) ዲክታተር ክኸውን ዝደሊ ዓይነት ሰብ እዩ። ካብ እዋን ቁልዕነቱ ጀሚሩ ህቡብ ዲክታተር ናይ ምኻን ጥሙሕን ድሌትን ኣሕዲሩ።

ንታሪኽ ምእንቲ ክንዝክሮን ክንምሃረሉን፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ እዋን ሰውራ ላዕለዋይ መራሒ ኮይኑ ንሓሙሽተ (5) ዓመታት ጥራይ ንኸገልግል ኣብ ፍርቂ 1987 <u>ተመሪጹ</u>። እቲ ምርጫ ብናይ እቲ ሽዑ ምክትል ዋና ጸሓፊ ህግሓኤ ዝነበረ ብኢሳያስ ኣፍወርቂ እዩ ተወዲቡን ተመሪሑን ተሳሳሲሉ። ነቲ ኣብ ልዕሊ ዋና ጸሓፊ ህግሓኤ ብ/ሮመዳን መሓመድ ኑር ብኣቶ ኢሳያስን ተሓባበርቱን ዝተኻየደ ሸርሓዊ 'ምስጢራዊ' ዕልዋ ተኸቲሉዎ ተፈጺሙ።

እቲ ፍጻመ ብኸምዚ ዝስዕብ እዩ ዝዝርዘር። ብ/ሮመዳን ከም መራሒ መጠን ብስራሕ ናብ ወጻኢ ሃገር ገይሹ። ካብ መገሽኡ ምስተመልሰ ብድሕሪኡን ብዘይ ኣፍልጦኡን ንስልጣኑ ዝፈታተን ሸርሓዊ 'ዕልዋ' ተፈጺሙ ጸኒሑዎ። ነቲ ዕልዋ ኣርባዕተ ሰባት ማለት ኢሳያስን (ኣስማቶም ኣብዚ ክጠቕሶ ዘይመረጽኩ) ካልኦት ሰለስተ ቀንዲ ላዕለዎት ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤን እዮም ኣካይደሞ። ክልተ ካብዚኣቶም ኣብ ጉጅለ 15 ኣትዮም። እቲ ራብዓዮም ክኣ ብሂወቱ እኳ እንተሎ ኢሳያስ ካብ ንጡፍ ስልጣን ካብ

ዝሸንድሖ ዓመታት ኣቌጺሩ እሎ። ኣብ ኢግዚብሽናትን ጽምብላትን ኣብ ምስታፍን ባጀላታት ኣብ ምዕዳልን ነጢፉ 'ይሰርሕ' ኣሎ። ካብቶም ዕልዋ ዘካየዱ ኣርባዕተ ሰባት ኢሳያስ ጥራይ እዩ ኣብዚ እዋን እዚ ብመደቡን ብጥሙሑን መሰረት ዲክታተራዊ ስልጣን ጨቢጡ በይኑ ተሪፉ ዘሎ።

እቶም ዓለውቲ ንብ/ሮመዳን ብዛዕባ ዕላማ ናይቲ ዘካየዱዎ ዕልዋ ነጊሮሞ። እቲ ሽዑ ንጡፍ ዝነበረ ምስጢራዊ ዴሳዊ ሰልፊ ደጊምሲ ኣድላይነቱ ስለዘብቅዐ ክፈርስ ም'ዃኑ ገሊጸምሉ። ናይ 'ምክትል' ቦታ ሓላፍነት እውን ክህሉ ከምዘይከኣ ነጊሮሞ። ዲክታተርነት ወግዓውነት ይለብስ ምህላዉ ዝተገንዘበ ብ/ ሮመዳን ኑቶም ሰባት ትጋገዩ ኣለኹም ኢሉዎም። ካብ ምሕባር ሓሊፉ፡ ሓድነት መሪሕነት ግንባርን ገስጋስ ሰውራ ኤርትራን ንኸይዕንቅፍ ክብል፡ ካልእ ስጉምቲ ኣይወሰደን። እወ፡ ብጻይ ሮመዳን፡ ምስ ምሉእ ልቦናኡ እናሃለወ፡ 'ትጋገዩ ኣሎኹም' ኢሉዎም ትም ክብል መሪጹ። ነቲ ሽዑ ዝተፈጸመ ናይ ሰላሕታ ሽርሓዊ ዕልዋ ክኣ ይትረፍ እዶ ህዝቢ ኤርትራ እሲ ንባዕልና ተጋደልቲ ህግሓኤ እኳ ኣይፈለጥናዮን።

ካብ 1987 ንድሓር ንህግሓኤ ዝመርሕ ዴሳዊ ሰልፊ ኣይነበረን። ናይ 'ምክትል' ቦታ ሓላፍነት ንኽስረዝ በቶም ዓለውቲ ስለዝተወሰነ እውን ኣብ ምርጫ 1987 ምክትል ዋና ጸሓፊ ህግሓኤ ኣይተመርጸን። እዚ ቅዩር ኩነት እዚ ክሳብ 1993 ቀጺሉ።

ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ 1993/94 'ምክትል ሚኒስተራት' ተብሂሎም ዝተሰምዩ ምሗቓት ሓለፍቲ ኣብ መንግስቲ ኤርትራ ኔሮም። ኢሳያስ ንህላወኦም ምስ ኣስተብሃለሉ ግና 'ምክትል ዝብሃል ቦታ ሓላፍነት የለን' ኢሉ ንኹላቶም ስልጣኖም ኣሕዲጉዎም። ገለ ካብኦም መዓርግ ቀይሮም ስራሕ ቀጺሎም። ገሊኦም ድማ ብኸምታ ናብ ሃገሮም ዝመጹላ ኣጋባብ ጌሮም ናብ ወጻኢ ሃገራት ንኽነብሩ ዳግማይ ተመሊሶም። ተሰዲዶም።



ናጽነት ኤርትራ ኣብ 1991 ምስተበሰረ ሓዲሽ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ (ፕረዚደንት) ኣብ ፍርቂ 1992 ክምረጽ ኔሩዎ። ግና ሽዑ ረፈረንደም ዝካየደሉ እዋን ስለዘርከበን ዕማም ምንዳፍ ቅዋም ቀሪቡ ስለዝነበረን ብኡ ተመኺንዩ ንዲክታተር ኢሳያስ ኣብ ስልጣኑ ን5 ተወሰኽቲ ዓመታት ማለት ክሳብ ፍርቂ 1997 ንክቕጽል ዕድል ተውሂቡዎ።

ኣብ ውሽጢ እተን ሓሙሽተ ዓመታት ኢሳያስ ንመስርሕ ምንዳፍ ቅዋም ምሒር ረቢሹዎ። ረብሻኡ ንምዝሓል ተብሂሉ ክኣ ገለ ሕድገታት ተጌሮም። ኣብቲ ዝጸደቐ ቅዋም፡ ድሓር ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ፡ ንስልጣን ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ ጸቢብ ዘይድርቱዎ 'ግዜያዊ' ሓለፋታት ሰፊሮም። ንኢሳያስ ሃንደበት ዕላምኡ ሰሚሩሉ። ኣብ ጥሙሑን መደቡን ተዓዊቱ።

ኢሳያስ፡ በቲ ኣብ ቅዋም ዝተገብረ ናይ ግሩሃት ሕድገታት ኣመና ሻዲኑ። ፍሉያት በይናዊ ስልጣናት ብቅዋም ስለዝተዋህቦ መትሓዚ ተስኢኑዎ። ንባይቶ ኤርትራ ንጎኒ ገሊፉ ንነብሱ ከም ሓጋጊ ኣካል ጌሩ ብምቕጻር ምስራሕ ተተሓሒዙዎ። ካብ ስልጣኑ ክግልፎ ዝኽእል ምርጫ ኣብ 1997 ምእንቲ ከይግበር ቅልውላዋት ብምፍጣርን ናብ ወራር ወያነ ዘምርሑ ስጉምታት ብምውሳድን ባዕሉ ንዕድመ ስልጣኑ ክምብሓዲሽ ንሓሙሽተ (5) ዓመታት ኣናዊሑዎ።

ኣብ ፍርቂ 2002፡ ምዱብ ሃገራዊ ምርጫ ብምኽያድ፡ ንዲክታተር ኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ክትግልፎ ይክኣል ኔሩ። ኣቶ ኢሳያስ ግን ብጉዳይ ጉጅለ 15ን ደምዳሚ ውሳነ ኮሚሽን ዶብን ኣሳቢቡ ንመስርሕ ምክያድ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ብኢደ ዋኒኑ ሰሪዙዎ። 'ኣብ ስልጣንካ መን ጽናሕ በለካ' ተብሂሉ ኣብ ኣኼባ ከይሕተት ዝሰግአ ኢሳያስ ንባይቶ ንኣኼባ ኣይጸውዖን። ንሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ብሰላሕታ ኣልሚሱዎ።

ብድሕሪ እዚ ናይ 2002 ፍጻመ እዚ እቲ ሽዑ ኣብ ትጽቢት ዝነበረ ፍርቂ ዓመት 2007 ኣርኪቡ። ብሰንኪ እቲ ህግደፍ ዝፍንዎ ዝነበረ

ጽዑቕ ናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ድማ ብዛዕባ ምክያድ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ክትዛረብ ዘይሕሰብ ኮይኑ። ኢሳያስ ንስልጣኑ ብሰላሕታን ብኢ.ደ-ዋንኑን እንደገና ንሓሙሽተ ተወሰኽቲ ዓመታት ማለት ክሳብ 2012 ኣናዊሖዎ። ስርዓት ዲክተታርነት ኣብ ኤርትራ ሓውሲ ፍጹምን ዘይንቕንቕን ኮይኑ ሰሪቱ። ንህዝቢ ኤርትራ ዘይተጸበዮ ናይ ፖለቲካ ስርቂን ቅጥፈትን ኣጋጢሙዎ።

ሎሚ (2015) ኣብ ዝመጽእ ፍርቂ 2017 ወይ ቅድሚኡ ምርጫ ክትካይድ ክሕሰብ ምተኻእለ። ግና ኣቶ ዘራጊቶ ነቲ ምርጫ ክይተበገሰ ክሎ ብኣግኡ ዓንቂፉዎ። ኣብ ናይ 2014 ግንቦት ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዘሰምዖ መደረ ንህዝቢ ኤርትራ 'ቅዋም የብልኩምን፡ ቅዋምኩም ክይተሰርሓሉ ግዜ ስለዝበልዐ ሓሪሩ እዩ (expired ኮይኑ) ' ኢሉና። ቅዋም ኤርትራ ስለምንታይ ከምዘይሰርሓን ጠንቂ እውን ብዘየዋላውል ባዕሉ ምኽኑን ግና ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይገለጸልናን።

ኢሳያስ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ሰሪቑ ብሸለብገለብን ብፍርሂ ተውሒጡን ዝነብር ዘሎ ቀጣፊ ሰብ እዩ። ኮይኑ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ብሰላማዊ መስርሕ ከረክብ ›ተዘይኮይኑ ካልእ ዝገብሮ ኣማራጺ የብሉን።

## ብድሆ ንዲክታተርነት

ኣቶ ኢሳያስ ካብ ግዜ ሰውራ ጀሚሩ ክስብ ሎሚ (2015) እናጭበርበረ ኣብ ጽፍሒ ዝልዓለ መሪሕነት ኮይኑ ንኣስታት 28 ዓመታት (1987-2015) ጸኒሑ እሎ። ሕጂ ግና ይእክሎ። ካብዚ ንኔው ህዝቢ ኤርትራ ንዲክታተርነት ኢሳያስ ክጻወሮ ኣይክእልን እዩ። ኤርትራውያን፡ ንዲክታተርነት ኢሳያስ ኣልጊስና ንሃገርና ብዴሞክራሲያዊ ኣጋባብ ክንመርሓ የድልየና እሎ። ግድነት ለውጢ ክነምጽእ ይግብኣና።

ለውጢ ክግበር ክሎ ዝቕልቀሉ ገለ ኣሉታውያን ተርእዮታት ግን የጋጥሙ እዮም። ነዚኣቶም ኩሉሳዕ ኣብ ግምትና ክንእትዎም ይግብኣና። ዝዕንገሉ ቆልዓ-ሰበይቲ ዘለዉዎም እሞ ስራሕ ወይ ደሞዝ ክይስኣኑ ስለዝሰግኡ ለውጢ ክመጽእ ዘይደልዩ ሰባት ክህልዉ ምኻኖም ብኣግኡ ንዘክር።

ኣብ ናትና ናይ ኤርትራ ጉዳይ ብዝመጸ ዝበዝሑ ካብቶም ንለውጢ ብቕልጡፍ ሓንጎፋይ ዘይብሉዎ እቶም ልዕሊ 45 ዓመት ዝዕድሚኦም እሞ ንእሽቶ ሓለፋ ዝረኸቡ ገዳይም ተጋደልቲን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲን እዮም። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ከምዘንነፈ፡ ካብ 'ዳይረክተር' ክሳብ 'ሚኒስተር' ጽፍሒ ሓላፍነት ከምኡ ድማ ካብ 'ኮለኔል' ክሳብ 'ጀነራል' ጽፍሒ መዓርግ ዘለዎም ሰባት ኣብ መስርሕ ለውጢ ሃንደራእ ኢሎም ኣይሕወሱን እዮም። ክልተ-ሰለስተ ሳዕ ክሓስቡ ይደልዩ። ወሲኖም ንለውጢ ምስተሓወሱዎ ግና ክምህ ዘይብሉ እሙናትን ጀጋኑን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እዞም ሰባት እዚኦም ብእፍልጦን ፍቓድን ናይ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ስልጣን ወይ ኣብ ቦታ ስራሕ ኮፍ ዝበሉ እዮም። ኢስያስን ስርዓቱን 'ክልግሱ ኣለዎም' ክብሃል እናክሰምዑ ስለዚ ስኽፍክፍ ይብሎም። 'ብድሕሪ ኢሳያስ እንታይ ክንከውን ኢና?' እናበሉ ብጌጋ ይጭነቑ። ብመደብ ዘንቅሖምን ዝጉስጉሶምን መሪሕ ኣካል ክህሉ የድልዮም።

ኣብዚ እዋንዚ ብዙሓት ተጋደልቲ ህግሓኤ ኣብ ኩሉ ሲቪላዊን ወተሃደራዊን መሳርዕን ናይ ሓላፍነት ጽፍሒታትን ተመዲቦም ይሰርሑ ኣለዉ። ካብ ሚኒስትሪታት ጀሚሩ ክሳብ ዞባታት፡ ንኡስ-ዞባታት፡ ወረዳን ንኡስ-ወረዳ ንዘሎ ቦታታት ሓላፍነት ዳርጋ ብምሉኡ ብሒቶሞ እዮም። ብዛዕባ ኣጋባብ ሲቪላዊ ምሕደራ ብቑዕ ኣፍልጦን ተሞክሮን ስለዘይብሎም ግና ንህዝብና ብዓስከራዊ ባህርያቶም የርዕድዎን የሳቕዩዎን ኮይኖም። ንኩነት መነባብሮን ሃይማኖትን ባህሊን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ከየእተዉ 'መምርሒ መንግስቲ እዩ፡ ተግብሮ' እናበሉ ንህዝቢ የጨንቕሉ። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ኣብ ዘዝሓዙዎ ቦታ ስልጣን ተሰሚሮም ንነዊሕ

ግዜ ክጸንሑ ዝደልዩ ምኺኖም እዩ። ክምዚኣቶም ዓይነት ሰባት ንመስርሕ ለውጢ ብሓንጎፋይ ኣይሕወሱዎን እዮም።

ገሊኦም ካብኣቶም እውን ኣብ ብልሽውና ስለዝተቘማጥዑን (ምስግጋር ሰባት፡ ምውሳድ ገንዘባዊ ብላዕ ካብ ህዝቢን ካብ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን፡ ግብረ-ምንዝርነት፡ ወዘተ) ብዝረኸቡዎም ሓለፋታት ስለዝዓፍተዉን (ናጻ ናይ መንግስቲ መኪና ምስ ነዳዲኡ፡ ኣገልገልቶም ኣውቲስታታት፡ ናይ ህያብ ሕርዶታት፡ ብናጻ ዝዕደሎም ወርሓዊ ስፔዛታት፡ ወዘተ) ብጋህዲ ናይ ጸረ-ለውጢ መርገጺ ኣሎዎም።

ብዙሓት ገዳይም ሳዕለዎት ሓለፍቲን መኮንናትን ›ዕማምና ወዲእና ኢና፡ ብዕድመ ደፊእናን ሰዲርናን ኢና፡ በጃኹም ዓስብና ክንሓፍስ ግደፉና፡ ነያይና| ኣይትተክፉልና እ፡ ወዘተ ይብሉ እዮም። ሰውራ ኤርትራ ብዓወት ሳላ ስለዝተዛዘመ ድሒኖኦም እምበር ኢያኦም ኢሳያስ እሲ ኣብ ዘዘየድሕን ክፉእ ኩናት እናጥበሰ ከህልቖም መደብ ክምዝነበሮ ኣይተገንዘቡን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ጸበባ ኣትዩ ክምዘሎን ካብቲ ጸበባ ክናግፍዎ ሓላፍነት ክምዘለዎምን ኣየስተውዓሉን። ኣብ ምዕቃብ ኩነተ-ህልዊ (status quo) ኣድሂቦም። ኣብ ጽምብላት ምስታፍን ኣብ መስኮት ተሌቪዥንን እናቐረቡ ቅድሚ 25-40 ዓመታት ኣብ እዋን ሰውራ ብዛዕባ ዝነበሩ ቅያዊ ፍጻሜታት ኣብ ምዝንታውን የተኩሩ። ሕራይ፡ ኣብ ጽምብላት ምስታፍ ግቡእን መሰሎምን ስለዝኾነ ይትሓጎሱ። እቲ ምዝንታው ከኣ፡ ንታሪኽ ኣብ ጽሑፍ ኣስፊሮም ከመሓላልፉዎ ክሳብ ዘይክኣሉ፡ ብመራኸቢ ብዙሃን ተጠቒሞም ኣፈ-ታሪኽ ይምዝግቡ ስለዘለዉ ከም እወታ ይሕሰበሎም እዩ።

ንኣቶ ኢሳያስ መን ክትክእ እዩ እናበሉ ብጌጋ ዝጭነቑ ሰባት እውን ኣይተሳእኑን። ክጭነቑ ይብሎምን። ምኽንያቱ፡ ንዲክታተር ኢሳያስ ዝትክእ ዉልቀ-ሰብ ኣየድልየናን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ቅዋም ስለዘለና ብመትከል ዴሞክራሲን ብናይ 'ሓባር' መሪሕነትን ክንምሕደር ንኽእል ኢና። ብግቡእ ዝመርሑና ሃገራዊ ባይቶን



ቅዋም ኤርትራን ኣለዉና። ጥራይ ንዲክታተርነት ነልግሶ መኪትና ብሓባር!!

# ምዕራፍ (23) ዕስራን ሰለስተን

## ንበል መርሓባ ንለውጢ

ኣብቲ ዝሓለፈ ምዕራፍ ንዲክተታርነት ንመክቶ ክንብል ጸኒሕና። ከምኡ ምባልና ክኣ ንኢሳያስን ዲክታተራዊ ስርዓቱን ንገልጮም ማለት እዩ። እቲ ምልጋስ ግን ብሕጋዊን <u>ሰላማዊን</u> ስልጡን መስርሕ ክኸውን ኣሎዎ። ህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ብሰላም ተኣኪቡ ሓዲሽ ኣቦ-መንበር ክመርጽን ንኣቶ ኢሳያስ ካብ ናይ መሪሕነት ቦታ ዘልግሶ ውሳነ ክሕልፍን እዩ። ካብኡ ስዒቡ እቲ ዲክታተራዊ ስርዓት የልግስ። ብደሞክራሲያዊ ስርዓት ይትካእ። ኣብቲ መስርሕ ብዙሓት ሓደስቲ ብድሆታት ክጋጥሙ እዮም። መደብ ኩለንተናዊ ሃገራዊ ልምዓት ክትግበር ይሓቱ።

### ኢሳያስ ግድነት ካብ ስልጣን ክልግስ እዩ

ኣብ መስርሕ ምልጋስ ዲክታተርነት ዝሳተፉ ወገናት 1) ህዝቢ ኤርትራ ብዓቢኡ፡ 2) ባይቶን መንግስቲን ኤርትራ፡ 3) ኣቶ ኢሳያስ፡ 4) ንኣቦ-መንበራ ሓዊስካ ሸውዓተ-ትሸዓተ ዝኣባላታ ኮሚቲ ኣወሃሃዲት ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን (ኮኣምፖስ) (political power transfer coordinating committee)፡ 5) ኣባላት ኣኸበርቲ ጸጥታ፡ እዮም። ነፍሲወከፎም ዝጻወቶ ተራ ኣሎዎ።

ባይቶ ኤርትራ፡ ንሃገርና ክመርሓ እዩ። መንግስቲ፡ መንግስቲ እዩ። ኣቶ ኢሳያስን ህዝቢ ኤርትራን፡ ሰብ ጉዳያት እዮም። ›ኮኣምፖስ እ፡ ምስላጥ መስርሕ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን (facilitation) እዩ ተርኣ። ህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ንኣኼባ ክምዝተጸውዐን ተኣኪቡ ዘድልዩዎ ውሳነታትን ስጉምታትን ክምዝወሰደን ተረጋግጽ። ፖለቲካዊ ስልጣን ክትሕዝ ሓላፍነትን መደብን የብላን። ኣኸበርቲ ጸጥታ፡ ንኣቶ ኢሳያስ ኣብ ቀይዲ ናይ ምእታው ሓላፍነት ኣሎዎም።



ናይ መንግስቲ ኤርትራ ኣካይዳን ምሕደራን ጥዑይ ኔሩ እንተዝኸውን፡ መስርሕ ምልጋስ ኣቶ ኢሳያስ ስሩዕ ሃገራዊ ምርጫ ብምክያድ ምተፈጸመን ኣዝዩ ቀሊል ሕጋዊን ሰላማዊን ኣጋባብ ምኾነን ነበረ። ንኢሳያስ ክትሕብሶ ኣይመድለየን ነበረ። ባዕሉ ኣቶ ኢሳያስ ሰንሰለታውያን ኣባላሸውቲ ስጉምታት እናወሰደ ንጥዑይ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ስለዘበላሸዎ ግና እቲ ሰላማዊ ሕጋዊ መስርሕ ሓዲሽ መልክዕ ሒዙ። ካልእ ዓይነት 'ሰላማዊ' ኣጋባብ ክምሃዝ ጠሊቡ። ናይ ሕጂ መስርሕ ንኢሳያስ <u>ኣብ ቀይዲ</u> ምእታው ስለዘጠቓለለ 'ንእሽቶ ጎነጽ'' ዝተሓወሶ 'ሰላማዊ' ኣጋባብ ኮይኑ። ኣብቲ 'ሰላማዊ' መስርሕ ናይ ሲቪልን ወተሃደራዊን ሓይልታት ዉሁድ ተሳትፎ ክህሉ እዩ። ብሓዲኦም ጥራይ ክፍጸም ኣይክኣልን እዩ። ኤርትራውያን ብወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ዝመጽእ ለውጢ ኣይንቕበልን ኢና። ብመንጽር ህልዊ ኩነታት ሃገርና ተጠሚቱ ክኣ፡ ጽቡቕ ዕድል ኮይኑልና፡ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ክካየድ ዘኽእለና እኳ ዕድል የብልናን። ኢሳያስ ንጀነራላትናን መኮንናትናን ድሮ ኣልሚሱዎም እዩ። ዕልዋ መንግስቲ ንኽካይዱ ዘኽእሎም ብቕዓት ክምዘይህልዎም ጌሩዎም።

ንኣቶ ኢሳያስ ክልተ ዓይነት ተኽእሎታት ጎነጻዊ 'ሰላማዊ' መስርሓት ይጽበዩዎ ኣለዉ። 1) ብሓደጋ ወይ ብኣምላኽ ወይ ብሰብ ክቕተል፡ 2) ብኣኸበርቲ ሕጊ ብሰላም ናብ ቀይዲ ክኣቱ። እቲ ዝሓሸን ቅቡልን ተኽእሎ ድማ ብኣኸበርቲ ሕጊ ብሰላም ክቕየድ ክሎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ንኣቶ ኢሳያስን ናይ ቀረባ ተሓባበርቱን ብዘይሕጋዊ መገዲ ምቕታሎም ኣይድግፍን እዩ። ክቱር ውልቃዊ ጽልኢ ዋላ ምናልባት እንተሃለወ ሕጊ ኣብ ኢድ ውልቃውያን ቀተልቲ ክኣቱ የብሉን። ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ ክሕተትን ክፍረድን ዘይግሃስ መሰል ኣለዎ።

ኩላትና ክምንፈልጦ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንቃለስ ኣብ ዝነበርናሉ እዋናት ንሃጸይ ሃይለስላሰ ወይ ንኮለነል መንግስቱ ክንቀትል ኢልና ዕላማ ኣይገበርናን። ክምኡ ስለዝነበረ

እምንቶና ክኣ ቃልስና ሃጸይ ሃይለስላሰ ምስ ሞተ ኣይተቛረጸን፡ ቀጺሉ። ኮለኔል መንግስቱ ካብ ኢትዮጵያ ምስሃደመ እውን ቃልስና ክሳብ ዕለተ ዓወት (ረፈረንደም) ብስሩዕ ቀጺሉ። ቃልስና ኣንጻር መግዛእታዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ እዩ ኔሩ እምበር ኣንጻር እቶም ቤት ፍርዲ ክፈርዶም ዝኽእል ዉልቃውያን 'ገበነኛታት' መራሕቲ መንግስቲ ከምዘይነበረ ተመስኪሩ። ናይ ኣቶ ኢሳያስ ጉዳይ እውን ብኸምኡ ዓይነት ጌርካ እዩ ክጥመትን ክትሓዝን ዘሎም።

ንኢሳያስ ዘቐይዶ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎ። ንቅዋም ኤርትራ ብድሌቱ ስለዝነጸጎ ብኢደዋኒኑ 'ዘይሕጋዊ' መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ። ኣኽበርቲ ሕጊ ክኣ ንዝኾነ ሕጊ ዝጥሕስ ሰብ ክቕይዱ ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎም። ሕጊ፡ ሕጊ እዩ። ኩሉ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ብማዕርነት እዩ ዝርአን ዝትሓዝን። ኣይተግበሮን እምበር ሳዕለዋይ ሓላፊ ወኪል ሃገራዊ ድሕነትን ጸጥታን ወይ ንዕኡ ዝተክእ ሰብ ንኢሳያስ ብሕጋዊ መገዲ ክቕይዶ ይግብኦ እዩ።

ኣብ መስርሕ ምልጋስ ዲክታተርነት እዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ንጥፈታት ኣለዉ፦

1) 'ኮኣምፖስ' ኣቶ ኢሳያስ ከምዝተሓበሰ ንሃገራዊ ባይቶን ንህዝቢ ኤርትራን ክትሕብር እያ። ንገለ 3-4 ሳምንታት ዝኸውን ድማ ንቡር ሂወት ሃገርን ህዝቢን ኤርትራ ተረጋጊኡ ብሰላም ይቕጽል ምህላዉ ክተረጋግጽ እያ።

2) ባይቶ ኤርትራ ተኣኪቡ ሓዲሽ ግዜያዊ ኣቦ-መንበሩ ክመርጽ እዩ። ኣብ ዝቐርብሉ ጭቡጣት ሓበሬታታት ተሞርኲሱ፡ ንኢሳያስ ካብ ስልጣኑ ከምዘልገሶ ንህዝቢ ኤርትራን ንፍርዳዊ ኣካል መንግስቲን ብውሳነኡ ክፍልጦም እዩ።

3) ህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ብዓወት ከምዝተተግበረ (3-6 ኣዋርሕ) ምስኣረጋገጸ ንነብሱ ካብ ሓላፍነት ክልግሳ እዩ።



4) ሓዲሽ ዝተመርጸ ባይቶ ኤርትራ ሕጋዊ ሓላፍነቱ ተረኪቡ ንሃገርናን ህዝብናን ብዴሞክራሲያዊ ኣጋባብ ክመርሕ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክኣ ንቡር ሰላማዊ ሂወቱ (normal regular peaceful life) ሓልዩ ምንባር ይቕጽል።

ኣባላት ናይ 'ኮኣምፖስ' እኒ መን እዮም ክኾኑ? ዝብል ሕቶ ኣሎ። ብርኢቶይ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ዝፈልጡን እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ዝሓስቡን ውፉያት ሃገራውያን ሓርበኛታት እዮም ክኾኑ። ብሓፈሽኡ ንምግማቶም ዘጸግም ኣይኮነን። ተበገስ! ምስተባህሉ ኣነ እዕወት! ዝብሉ ንግዚኡ ተጸቒጦም ዘለዉ ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣለዉ።

ኣባላት 'ኮኣምፖስ' ንሓጋጊ ኣካል፡ ንፍርዳዊ ኣካል፡ ንፈጻሚ ኣካል፡ ንሃገራዊ ጸጥታን ድሕነትን፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንኩነታት ናይቶም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ወዘተ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ዝምስገን ኣፍልጦ ዘለዎም እዮም ክኾኑ። ኣቦ-መንበር ኮኣምፖስ ካብ ውሽጢ ኣባላታ ይምረጽ።

'ኮኣምፖስ' ኣዝዩ ሓጺር እዩ (ephemeral) ዕድመኣ። ቀንዲ ዕምማታ ክኣ ክልተ ጥራይ፦ 1) ንመስርሕ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ምስላጥን 2) ህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ክሳብ ዝእከብ (3-4 ሳምንታት) ንቡር ኩነታት ሃገርና ተረጋጊኡ ብሰላም ይቕጽል ምህላዉ ምርግጋጽን። 'ኮኣምፖስ' ንግዚኡ፡ ብርዱእ ናይ ጸጥታ ምኽንያት፡ ምስጢራዊት ኮይና ክትጸንሕ እያ። ኣብ ምቛማ እውን ብዙሕ ክትዕ ክግበረላ ኣይክኣልን እዩ። ናይ ግድን ብምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ከምዝተራዕመት ኮይና ክትሕሰብን ክትውሰድን እያ። ንሱ እዩ እቲ ህሉዊ ውድዓዊ ኣማራጺ።

## ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ፡ መደብ ሃገራዊ ልምዓት

ንኢሳያስ ካብ ስልጣን ስለዘልገሰ ጥራይ ስርዓት ዲክታተርነት ኣይግለፍን እዩ። ናብ መስርሕ 1) ምልጋስ ስርዓት ዲክታተርነትን 2)

ምትክኡ ብስርዓት ዴሞክራሲን ገጽካ ምኻድ የድሊ። ናብ መድረኽ ምህናጽ ስርዓተ ዴሞክራሲያዊ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ይእቶ። መደብ ህንጸት ሃገር እውን ብዕቱብ ይቕጽል።

ኣብዚ ዕማም እዚ ብዝመጸ ብቐዳምነት ናብ መድረኽ መደብ ህጹጽ ዳግመ-ሕውየት እዩ ክእቶ። እቲ መደብ በቲ ህሉዊ ዘሎ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ክብገስን ክምራሕን እዩ።

ካብኡ ሰዒቡ መድረኽ ስሩዕ መደብ ኩለንተናዊ ሃገራዊ ልምዓትን ራህዋን ይመጽእ። ነዚ ካልኣይ መድረኽ እዚ መሪቑ ዘበግሶ እቲ ብመስርሕ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ሓሊፉ (ድሕሪ 3-4 ኣዋርሕ) ዝምረጽ ብመንእሰያት ዝተዓብለለ ሓዲሽ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ እዩ። እኹል ቅድመ-ምቅርራብን ውጥንን ዝግበረሉ መደብ ስለዝኾነ እቲ ሓዲሽ ሃገራዊ ባይቶ ቅድሚ ምምራጹ ዝብገስ ኣይኮነን።

ኣብ መድርኽ መደብ ህጹጽ ዳግመ-ሕውየት ኩሎም እቶም ብስርዓት ዲክታተርነት ንዕለታዊ ሂወት ህዝቢ ኤርትራ ዝርግርግ ኣእትዮሙሉ ዝጸንሑን ዘለዉን ብኢሳያስ ዝተፈጸሙ ጸይቂታትን ጌጋታትን ክእረሙ እዮም። እቲ ኣብ ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ባህሊን ማሕበራዊን ስርዓት ዲክታተርነት ተሰሪቱ ዘሎ ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ብህጹጽ ዳግማይ ጸርዩ ክሓዊ እዩ።

ቅድም ቀዳድም ዳግማይ ክሓውዩ ዘለዎም ጉዳያት እኒ እቲ መሪሕ ተራ ዝጻወት ፖለቲካዊ ጽላትን ምስኡ ተሳንዮም ክኸዱ ዘለዎም ትካላት ፍርዲን ፍትሒን እዮም። ቀዳምነታት ንስለ ምጥቃስ እንተዘይኮይኑ ግና ኩሎም እቶም ናይ ቁጠባን ባህሊን ማሕበራዊ ሂወትን መደባት ዳግመ-ሕውየት እውን ማዕሪኦም ክስጉሙ እዮም።

**ንሃገራዊ ባይቶ ዝጽበዮ ዘለዉ እዋናውያን ዕማማት።**

ክምዝፍለጥ፡ ብቑጽሪ ተጓዲልና እኳ እንተኾንና ናብ ዝተጸዋዕናዮ ወግዓዊ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክንመጽእ እንኽእል ኣብ ኣብያተ ማሕቡስን ካብኡ ወጻኢን እንርከብ ኣባላት ናይቲ ህሉዊ ባይቶ



ኤርትራ ብሂወትና ኣለና። ናይ ኣጋጣሚ ኮይኑ ንባዕለይ ሓደ ካብኦም እየ። ንኣኼባ ምስተጸዋዕና ናይ ግድን ንኽንእከብ ሃገራዊ ሓላፍነትን ሓደራን ተሰኪምና ኢና። ናይ ባይቶ ንቡር ስራሕና ብምስራሕ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ 2016 ሓዲሽ ኣቦ-መንበር ባይቶ ኤርትራ መሪጽና ክንውድእን ናብ ካልኦት ዕማማት ክንሰግርን ይግብኣና።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ምክትል ፕረዚደንት፡ ምክትል ኣቦ-መንበር ባይቶ ኤርትራ፡ ምክትል ዋና-ሚኒስተር፡ ምክትል ኣቦ-መንበር ህግደፍ፡ ወዘተ ዝብሃሉ 'ምክትላት' ሓለፍቲ የለዉን። እዚ ኩነት እዚ ድሮ ሽግራት ፈጢሩልና እዩ። ምክትል ኣቦ-መንበር ባይቶ ኤርትራ ካብ ዘይሃለወ ኣብ ክንድኡ ኮይኑ ንፈላሚ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክበግሶ (call to coming to order) ዝኽእል ሰብ መን እዩ ክኸውን ዝብል ሕቶ ክነልዕል እኳ ኣገዲዱና ኣሎ።

ንፈላሚ ኣኼባ ባይቶ መሪቑ ዘበግስ ጥራይ ሓደ ገዲም ሓውና ክህሉ የድልየና። ኩሉሳዕ ንሓድነትናን ንታሪኽናን ብጥንቃቐ ክንሕዞም ክምዝግብኣና ኣብ ግምት ብምእታው ብርኢቶይ እቲ ሰብ እቲ ሓውና ሓርበኛ ሮመዳን መሓመድ ኑር ወይ ድማ ሓውና ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ክኸውን ምኽኣለ ምበልኩ። ምናልባት ካልኦት ብቑዓት ሰባት እውን ይህልው እዮም። እዋኑ ምስ በጽሐ፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ተመያይጥና ናይ መወዳእታ ምርጫና እንብሎ ዝኾነ ይኹን ሓውና ክነለሊ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ብዙሕ ክሰሓሕበናን ክካትዓናን ዝኽእል ነጥቢ የብሉን።

ንሓውና ሮመዳን መሓመድ ኑር መብዝሕትና ኤርትራውያን ንፈልጦ ኢና። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ብመጀመርታ ጽሓፊ ናይ ህሓሓኤ ድሕሪኡ ክኣ ጽሓፊ ናይ ህግሓኤ ኮይኑ ዝነበረ ሓርበኛ ኣቦ-ሰውራ እዩ። ሓውና ኣሕመድ ጣህር ባዱሪ ድማ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ሃገራዊ ባይቶ ዝምስገን መረዳእታ ዘለዎ ገዲም ተጋዳላይ እዩ። ኣብነት ንምጥቃስ፡ ሓደ እዋን ኣብ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ 'ዝተፈላለየ ዕማምን ሓላፍነትን ዘለወን ብዙሓት ናይ ባይቶ ሽማግለታትን (committees) ንኡሳን-ሽማግለታትን (sub-

committees) ኣቑምና ንሰራሕ' ዝብል መሰረታዊን ቅኑዕን (correct) ሓሳብ ኣቕሪቡ ከምዝነበረ ብወገነይ እዝክር እየ። ሓደ ካብቶም ኣብ ልዕሊ ዋና ጸሓፊ ህግሓኤ ኣብ 1986 ሽርሓዊ ዕልዋ ዘካየዱ ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ህግሓኤ (ንሕጂ ስሙ ኣይግለጽን) ስለዝተቓወመ ግና እቲ ቅኑዕ ዝነበረ ሓሳብ ናይ ባዱሪ ተነጺጉ ኣይተተግበረን።

ብህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ቅልጡፍ ቆላሕታ ክግበረሎምን ስጉምቲ ክውሰደሎምን ዘድልዮም ብዙሓት ጉዳያት ኣለዉ። ዉሑዳት ካብኣቶም እዞም ዝስዕቡ ይጥቀሱ፦

--ኣማኢት ኣሽሓት ቅድሓት (ፍሉይ ጋዜጣ ብምሕታም ክግበር ዝከኣል እዩ) ናይ ቅዋም ኤርትራ ተሓቲሙ ናብ ህዝቢ ክዝርጋሕ።

--ኩሎም ናብ ፍርዲ ዘይቀረቡ ናይ ዘይገበናዊን ፖለቲካን እሱራት ብህጹጽ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክፍትሑ።

--ግድነት ኣድላይነት እንተሃልዩዎም ንኣሽቱ ምትዕርራያት ኣብ ቅዋም ኤርትራ ክግበሩ።

--ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ክካየድ። [ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ ሰልፊ ወይ ሰልፍታት ክህልዋ ኣይንጸበ። ኣይክህልዋን እየን። ንግዚኡ ክኣ ኣየድልያናን እየን። ካልኣይ ሃገራዊ ባይቶኣዊ ምርጫ ኣብ እንካይደሉ እዋን ግን ሃዲእና ንሓስበለን።]

--ኣዋጅን መደብን ሃገራዊ ኣገልግሎት ክድስከሉ።

--ንኣህጉራዊ ጉዕዞታት ዘገልግሉ ሰነዳት (ፓስፖርት፡ ቪዛ፡ ወዘተ) ንዜጋታት ብስሉጥን ብዘይቅድመ-ኩነትን ክውሃቡ።

--ንኹሎም ተሰዲዶም ዘለዉ ኤርትራውያን ከካብ ዘለውዎ ክፍለ-ዓለም ተበጊሶም ብፍቶቶም ናብ ሃገሮም ዓሲሎም ንኽትኣኻከቡን ክነብሩን ዘኽእሉዎም ናይ ምሕጋዝ ስጉምቲታት ክትግበሩ።



[ህዝቢ ንሰራሕን ተሰፋን ዘይብሉ ሃገር ራህዋን ቅሳነትን ሓጎስን ዝሰፈኖ ምዕቡል ጥዑይ ሃገር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።]

--ንጥፈታት ሕጋዊ ኣህጉራዊ ንግዲ (እታውን ስደድን) ብህጹጽ ክጅመርን ብዘይዕንቅፋታት ክሰርሕን።

--ብቑዓት ኣገልግሎታት ማይ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ኢንተርነት፡ ሞባይል-ተለፎን፡ ጽዓት፡ መግቢ፡ ወዘተ ክቐረቡ።

--ንጽላት ገንዘብን ባንክታትን ዝምልከቱ ኩሎም ዓንቀፍቲ ኣዋጃትን መምርሒታትን ክስረዙን ናብ ንቡር ኣጋባብ ባንካዊ ኣሰራርሓ ክምለሱን።

--ፍቓዳት ዋኒን ብዘይገደብን ብስሉጥ ኣጋባብን ክውሃቡ።

--መደብ ዕቑር ሰራዊት ንግዚኡ ክድስከል።

--መንግስታዊ ሓገዝ ንዘድልዮም ዜጋታትን ንኣረጋውያንን ህጹጽ ቆላሕታ ክግበር።

--ኣገልግሎታት ትምህርቲን ሞያዊ ስልጠናታትን ተመዓራርዮም ክውሃቡ። 'ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ' ዳግማይ ተበራቢሩ ብስሩዕ ስርሑ ክጅምር።

--ፍርዳውን ፈጻሚን ኣካላት መንግስቲ ክመዓራረዩ።

--ህሉዋት ኣህጉራውን ዲፕሎማስያውን ዝምድናታት ኤርትራ ተኸሊሶም ክመዓራረዩ።

--ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተበይኑ ዘሎ 'እገዳ' (sanction) ብህጹጽ ንኽልዓል ዘኽእሉ ስጉምቲታት ክውሰዱ።

--ምስ ብሪጣንያን ሕመኣን ፈረንሳን ኢትዮጵያን እስራኤልን ዘለዉና ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ተገምጊሞም ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ብዘቐድም መገዲ ክትክኡን ክመዓራረዩን።

–ምስ ሩስያን ቻይናን ህንዲን ጃፓንን ኩለን ጎረባብትና ሃገራትን (ሱዳን ስዑዲያ የመን ጂቡቲ ኢትዮጵያ) ኣህጉራውያን ውድባትን (AU, UN, EU, IGAD, etc) ዘለዉና ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ተመዓራርዮም ክቕጽሉ።

–መጻኢ ዕድሉ ብባይቶ ኤርትራ ክሳብ ዝውሰነሉ ውድብ 'ህግደፍ' ክድስክል።

–ሃማመተኤን ሃማደኤን ሃኮሰኤን ክመዓራረዩ።

ካልኣት ባይቶ ባዕሉ ዝመርጾምን ዝውስኖምን ብዙሓት ተወሰኽቲ ጉዳያት እውን ክህልዉ እዮም።

ህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ብኣምራጺት ኮሚቴ ተሓጊዙ ኣብ ፈላሚ ኣኼባኡ ሓዲሽ ኣቦ-መንበር ክመርጽ ሕጋዊ ግቡእ ኣለዎ። ኣቐዲሙ ክምዝተገልጸ ክኣ ኩሎም ሲቪልን ዓስከርን ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ክካብ ዘለውዎ ቦታ መጺኦም ኣብ ኣኼባታት ባይቶ ክርከቡ ዘገድዶም ብቕዋም ዝተዋህበ ግድነታዊ ሕጋዊ ሓላፍነት ኣሎዎም። እቲ ባይቶ ስለዚ ነጢፉ ንኽንቀሳቐስ ዘኽእሎ ምሉእ ዕድል ኣሎዎ። ንዕድሉ ብግቡእ ይጠቐመሉ።

ህሉዊ ሃገራዊ ባይቶ ብሓዲሽ ኣቦ-መንበሩ እናተኣልየ ንኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ኣመሓይሹ ንሃገርን ህዝቢን ኤርትራ ናብ ኣፍራዪ ስራሕን ርሁው ሂወትን ክስግሮም እዩ። ሃገራዊ ባይቶ ንኢሳያስ ናብ ሓደ ግዜያዊ ስራሕ መንግስቲ ክውፍሮ ወይ ኣብ ዝተናውሐ ማሕዩር ክጽንሖ የድልዮ። ኢሳያስ ብመሰረት እምነቱ ንኽጣየስ ክፍቀደሉ ኣይኮነን!

ህሉዊ ሃገራዊ ባይቶ ብተወሳኺ ነቲ ካብ ስልጣን ዘልገሶ ኣቶ ኢሳያስ ዝትክእ ግዜያዊ ኣካቢ (ኣቦ መንበር) ናይ ካቢነ ሚኒስተራት ዝኸውን ብቑዕ ሰብ ክምዝዝን ንፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ዝመርሕ 'ዘይግዜያዊ' ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክምድብን እዩ።



## ኣብ ግምት ናይ ሃገራዊ ባይቶ ዝኣትዉ ገለ ዛዕባታት

ቀዳማይ ሚኒስተር ዘለዎ ፕረዚደንታዊ መንግስቲ ኤርትራ ክህልወና ኣብ ግምት ክኣቱ ዝኽእል ኮይኑ ክምኡ ዝኸውን ግና እቲ ጉዳይ ናብ ህዝቢ ወሪዱ ብህዝባዊ ረፈረንደም ምስተወሰነ ጥራይ እዩ ዝትግበር።

ንቁጠባን ባህሊን ማሕበራዊ ሂወትን ኤርትራ ተቓላጢፍካ ናብ ቅኑዕ መስመሩ ብምምላስ ነፍሲወከፍ ዜጋ ብዝደለዮን ዓቕሙ ብዘፍቅደሉን መሰረት ሰሪሑ ብሰላም ንኽነብር ዘኽእል ናይ ሰባትን ኣቑሑትን ናይ ምንቅስቓስን ሓሳብካ ናይ ምግላጽን መሰረታውያን ናጽነታት ምውሓስ ክህሉ ኣሎዎ። ብዝተኻእለ መጠን ብዙሓት ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣር የድሊ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሰሪሑ ክነብር ዘኽእሎ ባህሪያዊን ሕጋዊን መሰል ስለዘለዎ ነዚ መሰል እዚ ዝቃወም ዘይሕጋዊ መምርሒ ወይ ስጉምቲ ብዝኾነ ይኹን ወገን ክይፍኖ ዝሕብር ሕጊ ክወጽእ ኣለዎ። ተፋንዩ/ኣይተፋነወን፡ ጥዩስ/ዘይጥዩስ፡ እናበልካ ዝግበር ኣፈላላይ ይትረፍ። ኩሉ ኤርትራዊ ብመሰል ናጻን <u>ጥዩስን</u> እዩ።

ባይቶ ነቶም ኣቶ ኢሳያስ ክይእወጁ ዝተጸየኖም ግን ድሮ ተዳልዮም ተቐሚጦም ዘሎዉ ንባጀትን ምእካብ ግብሪን መንግስቲ ዝምልከቱ እማመ ሕግታት ብዘይምድንጓይ ከአውጆም ኣለዎ። ንኹሎም እቶም ንመራሒ ሃገረ ኤርትራ ዲክታተር ንክኸውን ዘባራትዑ ሓለፋታትን ሕጋዊ ዓንቀጻትን ሓደ ብሓደ እናፈተሸ ክሰርዞም ኣለዎ።

### ጥንቃቐታት ክግበሩ የድሊ።

ድሕሪ ደጊም ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ካብ ኩለን ብሄራትና ብዝመጹ ምሁራት መንእሰያት ዝዕብለል ክኸውን ይግባእ። እዚ ነገር እዚ ዘካትዕ ነጥቢ የብሉን። ኩላትና ኣያታቶምን ኣቦታቶምን ንመንእሰያትና ንሓግዞም ድኣ እምበር ኣብ መንግስታዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣመና ኣይንቃጸጸም። ሚኒስተር ወይ ካልእ ሹም መንግስቲ ኬንካ ንልዕሊ ሓሙሽተ (5) ዓመታት ኣብ ቦታ ስልጣን ተኾይጥካ ክትጸንሕ ናይ ምድላይ ሕማቕ ባህሊ ኣይነውርሶም። ንመንእሰያትና

ንኹሉ ናይ ሓላፍነት ቦታታት ብስሩዕ ኣጋባብ ነረክቦም። ዓቕሚ ዘይብልካ ክንስኻን እሞ እናፈለጥካን 'ተሸይመ እየ' እናበልካ ንነዊሕ ግዜ ሓላፊ ክትከውን ምሕሳብ ሎሚ ይኹን ኣብ መጻኢት ኤርትራ ኣይቅቡልን እዩ። ብመንእሰያት ደቃ እትምሕደርን እትህነጽን ኤርትራ እቶም መንእሰያታ ባዕሎም ዝመርጽዎ ዓይነት ባህሪ ዘለዋ ሃገር ክትከውን ይግባእ።

ኣብ እዋን ለውጢ ሓድሓደ ዓበይቲን ንኣሽቱን ሽግራት ክኽሰቱ ኩሉሳዕ ትጽቢት ይግበር እዩ። ነዚኣቶም ብትዕግስቲን ጥንቃቐን ምሓዞምን ምእላዮምን የድሊ። ኤርትራ ውድቕቲ ሃገር እያ (failed state) ኣብ እትብሃለሉ ደረጃ ምእንቲ ከይትበጽሕ ብንቕሓትን ምስትውዓልን ንሰጉም። ንሃገርናን መንግስትናን ካብ ኩሎም ግዳማዊን ውሽጣዊን ተጻብኦታት ንሓልዎም። ንኹሎም ወጻእተኛታትን መንግስታትን ብዛዕባ ሃገርን ሰበ-ስልጣን መንግስቲን ዝምልከት ሓበሬታን ምስጢርን ብፍላጥ ይኹን ብግርህነት ምምጣው ኣይሃሉ። ንትራሕ፡ ንለብም፡ ንጠንቀቕ። ኩላትና ኤርትራውያን ንሃገርና ብውልቀን ብሓባርን ኬንና ባዕልና ሓለውታ (ዋርድያ) ንኹኑላ።

ነቲ ብመሪር ቃልሲን ክቢድ መስዋእቲን ዝተሃንጸ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ተጠንቂቕና ንዓቅቦ። ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከይተደፍረ ምእንቲ ክሕሎ፡ ኣብ 'ጉዳይ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ' ክሕለፍ ዘይብሉ ሓደጋ ዝሕብር ቀይሕ መስመር ክምዘሎ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ክግንዘብ ይግባእ። ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክፍርስ ዝፈታተን ወይ ዘመኽኒ ዝኾነ ይኹን ረቛሒ ወይ ተበግሶ ኣይሃሉ። ሰላምን ርግኣትን ጸጥታን ድሕነትን ሃገርን ህዝቢን ከይተሸራረፈ ይተሓሎ። ብዝኾነ ሰበብ ክምኡ ዝኽእል ዓይነት ዕግርግር (chaos) ኣብ ኤርትራና ንኸይግሃድ ንጠንቀቕ። ኩሉሳዕ ትኩራት ንኹን። ብናጽነትናን ዕድል ሃገርናን ክንጣላዕ ኩነታትና ብፍጹምን ከቶን ኣይፍቀደልናን እዩ።



ንዘለና ክእለትን ተሞክሮን ብቕዓትን ኣብ ረብሓ ሃገርና ክነውዕል ኩላትና ኤርትራውያን ድሉዋት ንኹን። ንሓድሕድ ምጽውዋር፡ ምክእኣል፡ ሕነ ክትፈዲ ዘይምድላይ፡ ዝኣመሰሉ ጽቡቓት ባህርያት ክህልዉ ኣለዎም። ኣብ ዓወትና ኣገዳሲ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ናይ ጽን ምብህሃልን ምክብባርን ባህሊ ይሃሉ። ህዉኽት ስምዒታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዮም ሪጊእካ ምሕሳብን ብምስትውዓል ምስራሕን ይሃሉ። ብታህዋኽ ናብ ዘይሓቀኛ ወይ ግምታዊ መደምደምታ ምብጻሕ ጎዳኢ ምዃኑ ነፍሲወከፍና ክንፈልጥ ይግብኣና። ኩሎም ዘይርጡባት ወረታት በለካ-ለኽዓከን ቤላ-ቤሎውን ይጥፍኡ።

ኩሉ ዜጋ ኣፍራዪ ናብ ዝኾነ ስራሕ ብዘይትህኪት ይውፈር። እናኣዳናገርካን እናሓሶኻን ክትነብር ምፍታን ነውሪ እዩ። ሓላልን ሓቀኛን ስራሕ ብምስራሕ እዩ ክብረትን ዓወትን ዝሕፈስ። ስርቅን ምጥፍፋእን ቀንጠብጠብ ምባልን ብልሽዉናን ከይህሉ ንጠንቀቕ።

ህዝቢ ኤርትራ ንሓይልታት ሓዲሽ-መግዛእቲን ሃጸይነትን ዓውለማነትን በይንና ክንምክቶም ልዕሊ ዓቕምና ስለዝኾኑ ኣብ ቃልሲ ዝሰዓርናዮም ኣይምሰለና። ክሳብ ሕጂ ኣንጻር መግዛእቲ ጥራይ ኢና ተቓሊስና ናጽነት ሃገርና ጨቢጥና ዘለና። ስለዚ፡ ከም ግዳማውያን ረቛሒቲ ኮይኖም፡ ብፍላይ ካብ ኣመሪካን ብሪጣንያን ኢስራኤልን ሃገራት ኔቶን (NATO)፡ ዕንቅፋታትን ተጻብኦታትን ክመጹና ከቕጽሉ ምዃኖም ንዘክር። ኣብ ቀይሕ ባሕርና ንኤርትራውያን ዘገድሱና ብዙሓት ስትራተጃውያን ረብሓታትን ጸጋታትን ስለዘለዉ ብሰንኮም በብዓይነቶም ባዕዳውያን ኣዕናኺን ተጻብእቲን ክህሉዉና እዮም። ንጸጋታትናን ግዳማውያን ሓይልታትን ከከም ኣድላይነቱ ንረብሓና ክገልግሉ ብዝኽእሉ መገዲ ኣማእዚንና ክንኣልዮምን ክነማሕድሮምን ቅሩባት ንኹን። ካብ እወታዊ ኣትሓሳስባን ናይ ምትሕብባር መንፈስን እናተበገስና ተጠንቂቕና ንኣህጉራዊ ዝምድናታትና ዳግማይ ንህነጾ። ምስ ኩለን ጎረባብትና ሃገራት ኣብ ሓድሕድና ተኸባቢርና ክንነብር ይግብኣና

ዝብል ሃገራዊ መርገጺ ይሃልወና። ብሓፈሽኡ፡ ኣብ ኩሉ መዳያትን ጉዳያትን ጥንቁቓት ኴንና ንስራሕን ንነበርን።

**ዝድገሙን ዘይድገሙን ነገራት።**

ኣብ ዝሓለፍናዮም ኩሎም ገጻት ናይ ጽሑፍና ክምዝተዓዘብናዮ ብዙሓት ክድገሙን ዝግብኦምን ዘይግብኦምን ነገራት ኣለዉ። ንነገራት ብመንጽር እቲ ኣብ ቀረባን ርሑቕን እዋን ክበርክቱዎ ዝኽእሉ ሃገራዊ ረብሓታትን ክስዕቡዎም ዝኽእሉ ሃስያታትን ተጠሚቶም ክድገሙ ዝድለዩ ወይ ዘይድለዩ እዮም እናተባህሉ ንፍለዮም። ቀጻልነቶም ድማ ብኡ መሰረት ይተሓዝ።

ካብቶም ኣብ ጽሑፍና ኣልዒልናዮም ዘልና ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ጠቓሚ ትምህርቲ ወሲድና ኢና። ንኣብነት፡ ፍልጠት ሓይሊ ብምኻኑ ንጥፈታት ሰፊሕ ፍልጠት ምድላብን ምምሃርን ክድገም ክድጋገም ኣለዎ። ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ፍልጠቱ ከስፍሕ ይጽዓር። ድሕሪ ደጊም ንኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብ ክንዲ ናብ ድኳናት ኢንተርነት-ካፌ እናኸድና ክንረኽቦ ንፍትን ካብተን ኣብ ኢድና እንሕዘን ተንቀሳቓሲቲ ተሌፎናት (mobiles) ንኽንረኽቦ ንጽዓር። ምናልባት እውን ናይ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን 'ሚኒስትሪ' ክንምስርት ክድልየና እዩ።

ኣብ ጽሑፍና ዓበይቲ ጸይቅታት ክፍጸሙን ሓደጋታት ክኽሰቱን ክለዉ ተዓዚብና ኢና። ክምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ተሞክሮታት ድሕሪ ሕጂ ክድገሙ ኣይምደሌናን። ኩሎም እቶም ዝርኣናዮም እወታዊን ኣሉታዊን ፍጻመታትን ዛዕባታትን መወከሲ ተሞክሮን ትምህርትን ይኹኑና።

መንእሰያትን ዓበይትን ኤርትራውያን ብሓባራ፡ ኣብ ኩሎም እናሳላሰሎም ጉዳያት ኣብ መትከልና ጸኒዕና ክንብድህን ክዕወትን ኢና። ግና ኸኣ ጉዳያት ግድነት ኩሉግዜ ብኸምቲ ዝደሌናዮምን ዝሓሰብናዮምን ክኸዱልና ኣይንጸበ። ስለዚ ንዝኾነ ይኹን ጽቡቕ



ተኽእሎ ናብ ክውንነት ንምቕያሩ ኩላትና ሓላፍነትና ተሸኪምና ንዕየ። በለጽን ሸለልትነትን ተወጊዶም ነፍሲወከፍና ኣብ ዘጋጥሙና ዕድላት (opportunities) ብትግሃት ንሳተፍ። ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ እውን ከምቀደምና ወትሩ ዘሐብኑና ታሪኽ ንስራሕ። እምበርከስ ብቐደሙ፡ 'ታሪኽ ጽሒፍቶ ኣይኮነን፡ ብሰባት እዩ ዝስራሕ' ተብሂሉ ስለዝኾነ ንመጻኢ ሂወትና ብሩህን ራህዋ ዝመልኦን ንኽንገብሮ ብምሉእ ዓቕምኻን ተበግሶን <u>ንስራሕ።</u>

## ምዕራፍ (24) ዕስራን ኣርባዕተን

## ንድፊ ውጥን ስራሕ ንግብራዊ ምልጋስ ዲክታተርነት

ኣቐድም ኣቢልና ኣብ ሃገርና ለውጢን ልምዓትን ክነምጽእ ይግባእና ኢልና ኔርና። ኩላትና ኤርትራውያን ብሓባርን ብውልቅን ክንቃለስ ከምዝግባእና እውን ተገንዚብና። ሽቶ ቃልስና ምእንቲ ብምልኣት ክዕወት ስለዚ ትግባረኡ ምስ ተቓረበ ናብ 'ጽፉፍ ውጥን ስራሕ' ክቕየር ዝኽእል ኣንፈቲ ንድፊ ውጥን ስራሕ ግብራዊ ምልጋስ ዲክታተርነት ክዳሎ ከድሊ እዩ።

ነቲ ውጥን እተዳሉን ምትግባሩ እተረጋግጽን ካብ ሲቪልን ዓሳክርን ዝተዋጽኡ ኣባላት ዘለዉዋ ግዜያዊት ሃገራዊት ኮሚተ (ኮኣመምፖስ) ግድነት ብቐዳምነት ክትቀውም ኣሎዋ። እዛ ኮሚቲ እዚኣ ኣማእዛኒትን ቀላሲትን እያ። ንዝተፈላለዩ ወገናት ናይ ሕብረተሰብና ዘማእዝኑ መልእኽታት ምዕዶታትን ጻዊዒትን ክትሰድድ እያ።

ብዘይካ ምድላው ጽፉፍ ናይ ስራሕ ውጥን እታ ኮሚቲ ድሓር ክምሓየሽን ብዝያዳ ተነጺሩ ክዝርዘርን ዝኽእል መልእኽታት ናብዞም ዝስዕቡ ወገናት ክትሰድድ እያ። ማለት፦ ናብ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ናብ ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራት፡ ናብ ኣባላት መሪሕነት ህግደፍ፡ ናብ ኣዘዝቲ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ናብ ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ፡ ናብ ክፍሊ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት፡ ናብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ናብ ኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶ፡ ናብ ሚኒስተር ዜና፡ ናብ መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ፡ ዝቐንዑ መልእኽታት ክትሰደድ እያ።

ሓርፋፍ ትሕዝቶኦም ክኣ ከምዚ ዝስዕብ ክመስል እዩ፦



1) ናብ ኢሳያስ ኣፍወርቂ።

ካብ ቦታ ሓላፍነትካ ብህጹጽን ብሰላምን ኣልግስ። ስርዓት ዲክታተርነት ክኣ ግድነት ምሳኻ ክልግስ እዩ። ምኽንያትን ምንጪን ናይ ኩሉ እቲ ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ዕለታዊ ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይን መከራን ሕሰምን ውርደትን ቃንዛን ንስኻን ስርዓትካን ምዃንኩም ኣይትስሕቶን ኢኻ። ንሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ክይትእክቦ ሓንጊድካ። ሕጂ ግን ይእከልካ። እንተስ ብውዲ እንተስ ብግዲ ንብምሉኡ ናይ ፕረዚደንትነት ስልጣንካ ናብታ ድሮ ቆይማ ዘላ ግዜያዊት ኮሚቲ ኣሳላጢት ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን' (ኮኣምፖስ) ንሒደት መዓልታት ጥራይ ብግዜያውነት ሰጊሩ ምህላዉ ፍለጥ። ንዓኻ ዝምልከቱ ብባይቶ ኤርትራ ንዝውሃቡ ውሳኔታት ተጸበ። ምስ ኮኣምፖስ ጥራይ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ንድሕነትካን ድሕነት ሃገርን ክብሃል ብትእዛዝ ናይ ሓላፊ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብሕጋዊ ሰላማዊን ስልጡንን መስርሕ ብግዜያውነት ኣብ ቤት ጽሕፈት ዓዲ-ሓሎ ተሓቢስካ ክትጸንሕ ምዃንካ ተረዳእ። ምሕባስካ ኣብ ውሽጢ ውሑድ ሰዓታት ክትግበር እዩ። ምስተፈጸመ ክኣ ንኮኣምፖስን ንህዝቢ ኤርትራን ብዕሊ ክሕበር እዩ። ምስ ኩሎም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኩሎም ሓለፍቲ ምሕደራ ኣሃዱታት ሲቪላዊ መንግስቲን ኩሎም ሓለፍቲ ህግደፍን ኩሎም ዓይነት ወጸእተኛታትን ኩሎም ኣባላት ስድራ-ቤትካን ንግዚኡ ብዝኾነ ይኹን መገዲን ኣጋባብን ክትራኸብ ኣይፍቀደልካን እዩ።

2) ናብ ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን።

ኩልኹም ሚኒስተራት ዘይብቑዓትን ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘይትውክሉን ላዕለዎት ሓለፍቲ ኴንኩም ምጽናሕኩም ባዕልኹም እትምስክሩዎ ሓቂ እዩ። ሕጂ ግና ይእከልኩም። ኣብ ነፍሲወከፍ ሚኒስትሪ ኣብ ጽፍሒ ትሕቲ ሚኒስተር ንዝርከቡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣኪብኩም 'ግዚያዊት ኮሚቲ ኣዋሃሃዲት ምስግጋር' (ግኮኣምስ) ንኽቖሙ ንገሩዎም። ኩሎም ኣማሓደርቲ ዞባታት ዝኣባላታ 'ግኮኣም' እውን ትቑም። ኩለን ግዜያውያን ኮሚቲታት ነናተን ኣቡ

መንበር ይምረጸ። ስሩዓት ኣኼባታት መዓልታዊ እናካየዳ ንብሙሉኡ እቲ ሃገራዊ ሲቪላዊ ንጥፈታት ናይ ሚኒስትሪታትን ዞባታትን ብግቡእ ይምርሕኦን የቐጽልኦን። ንቡር ሰላማዊ ሂወት ህዝቢ ከይተረበሸን ከይተመዛበለን ብርግኣትን ሓድሕዳዊ ስኒትን ይቕጽል ምህላዉ የረጋግጸ።

3) ናብ ኣባላት መሪሕነት ህግደፍ።

ሓለፍቲ ክፍሊታት ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ባህሊ፡ ውደባ፡ ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ብክምቲ ትጽቢት ዝተነብረልኩም ጌርኩም ኣየገልገልኩምን። ጽሓፊ ህግደፍ እውን ከምኡ። ሓሙሽተኹም ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ንድሕነትኩም ክብሃል ካብ ኤርትራ ኣይትውጽኡ። ንጥፈታት ክፍሊ ቁጠባ ብኸፊል ይቐጽል። ንጥፈታት ክፍሊ ባህሊ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይቐጽል። ኩሎም ንጥፈታት ናይ ክፍሊ ፖለቲካን ክፍሊ ውዳበን ጽሓፊ ህግደፍን ይደስክሉ። ንስለ ድሕነትኩምን ጸጥታ ሃገርን ክብሃል ኩሉኹም ብግዜያውነት ኣብ ትሕቲ ክትትል ክፍሊ ጸጥታ ኣቲኹም ምህላውኩም ተገንዘቡ።

4) ናብ ኣዘዝቲ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ።

መብዛሕትኹም ጀነራላት ዳርጋ ድሮ ደስኪልኩም ኢኹም ዘሎኹም። ስለዚ ኢድኩምን እግርኹምን ኣርኒብኩም ጸግዕኹም ሓዙ። ተዓዘብቲ ጥራይ ኩኑ። ናታትኩም ካብ ቦታ ሓላፍነት ምእላይ ዘኸትሎ ኣሰካፊ ኣሉታዊ ሳዕቤን የብሉን። ኣብ ሃገራዊ መስርሕ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ሓደራ ተጊህኩም ብእወታ ተሳተፉ። ኩሉኹም ዝልዓልኩም ሓለፍቲ ናይ ኣርባዕተ (4) እዚታትን ናይ ሓይልታት ባሕሪን ኣየርን ሓንቲ ብኣቦ-መንበርነት ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም እትእለ ናይ ሓባር ግዜያዊት ኮሚቲ ኣቑምኩም ንብሙሉኡ ንጥፈታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ኤርትራ ምርሕዎ። ልኡላውነት ሃገርና ኣውሕሱ። ኣብ ሲቪላዊ ሂወት ህዝቢን ሃገርን



ብዝመጸ ግን ሚኒስትሪ ምክልኻል ይትዓገስ፡ ኣይእቶ። ንኹሉ ሃገራዊ ተርእ ፈላልዩን መዚኑን ይፍለጦ።

5) ናብ ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ።

ንፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ዝምልከት ቅልጡፍ ውሳነ ብህሉዊ ባይቶ ኤርትራ ክወሰድ እዩ። ክሳብ ሽዑ ዝኸውን፡ እቲ ፍርዳዊ ኣካል ብኸምቲ ሕጂ ዝገብሮ ዘሎ ሰንከልከል እናበለ ምስራሕ ይቐጽል። እቶም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ከይተፈርዱ ዝሳቐዩ ዘለዉ ኤርትራውያን እሱራት ብምሉኦም ብትኣዛዝ ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ብህጹጽ ይፈትሑ። ናይ ሽቃ ኢሳያስ 'ፍሉይ ቤት ፍርዲ' ንፋይላቱ ኣብ ከብሒ ኣቐሚጡ ይደስኪሉ ይጽናሕ። ኩሉኹም ኣባላት ናይ ኩለን ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ዕማም ሃገራዊ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ተጊህኩም ብእወታ ተሳተፉ።

6) ናብ ክፍሊ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት።

ሓላፊ ናይዚ ክፍሊ እዚ ንኣቶ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ብቕልጡፍ ናብ ቀይዲ ኣእትዎ። ኩሉኹም ኣቱም ብቐጥታ ኣብ ትሕቲ ሓላፊ ወኪል ሃገራዊ ጸጥታን ድሕነትን ተመዲብኩም ዘለኹም ናይ ጨናፍር (departments) ላዕለዎት ሓለፍቲ ንድሕነትኩም ክብሃል ብትእዛዝ ሓላፊኹም ብግዜያውነት ተሓቢስኩም ቀንዩ። ሕጂ ዝኸተሉ ስራሓት ናይ ጨናፍር ክፍሊ ጸጥታ ከይተቛረጹ ይቐጽሉ። ሕጊን ስርዓትን ጸጥታን ርግኣትን ሃገርና ይከበር። ናይ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ መሰረታውያን መሰላትን ናጽነታትን ክይትግሀሱ ተጠንቀቑ። ንጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ንስለ ድሕነቱ ክብሃል ብግዜያውነት ብህጹጽ ሓብስዎ። ነቶም ንህዝቢ ኤርትራ ሰንሰለታውያን ሓሶታት እናመገቡ ክሰርሑ ዝጸንሑን ዘለዉን ሓሰውቲን ኣላኻዕቲን ጋዜጠኛታት ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና እውን ንስለ ውልቃዊ ድሕነቶም ክብሃል ኣብ ትሕቲ ክትትል ክፍሊ ጸጥታ ኣጽንሑዎም። ኣብ ማሕቡስን ወጻኢ ሃገርን ዝርከቡ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ክሳተፉ ዘኽእሎም መሰልን ናጽነትን ግቡእን

ክምዘለዎም ተረዲኡም ተሓባበሩዎም። ኩሎም ኣባላት ኮኣምፖስ እውን ክሕለወሎም ዝግባእ ምሉእ መሰልን ናጽነትን ግቡእን ክምዘለዎም ተረዲእኩም ኣብ ስርሖም ኣይትዓንቅፉዎም። ካብ ተጻባእቲ ሓልዉዎም። ኩሎም እቶም ሕጂ ብግዜያውነት ዝተሓበሱ ሰባት ኣብ ዉሽጢ ናይ ሓደ ወርሒ ናይ ግዜ ገደብ (ካብ ዜሮ ክሳብ 30 መዓልታት) ብውሳነ ቤት ፍርዲ ክልቐቑ ይክኣል እዩ። ንገለ ካብኣቶም ክሲ ክምስረተሎም ስለዝኾነ ግና ብዛዕባ እዚኣም ካብ ኣኽባር ሕጊ ሕቶ ምስቀረበ ብተወሳኺ ናይ ምቕያዶም ጉዳይ ፍርዳዊ ኣካል መንግስቲ ክሳብ ዝውስኖ ክፍሊ ጸጥታ ክከታተሎም ይጽናሕ። ኩሉኹም ኣባላት ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ኣብ መስርሕ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ተጊህኩም ብእወታ ተሳተፉ።

7) ናብ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ።

ሀሉዋት ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ቁጽሩኹም ኣዝዩ ዉሑዱ እኳ እንተሃለወ ኩሉኹም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ዘለኹም ኣባላት ክካብ ዘለኹሞ ቦታ (እንተላይ ካብ ቤት ማእሰርቲ) ናብ ቦታ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ናብ ኣስመራ መጺእኹም ተኣከቡ። ሓዲሽ ኣቦ-መንበር መሪጽኩም ንኤርትራን ህዝባን ብግቡእ ምርሕዎም። ኩሉኹም ብዕድመ ዝደፋእኩም ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብህዝቢ ብዝተመርጹ መንእሰያት ክትትክኡ ምኽንኩም ተገንዘቡ። ኣብ ቦታ ስልጣን ንነዊሕ ግዜ ክንጸንሕ ኢና ኢልኩም ኣይትሕሰቡ። ንኹሎም ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት ካብ ማሕቡስ ዘውጽእምን ነቶም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ቲዓቑቡም ዘለዉ ፖለቲከኛታት ናብ ሃገሮም ብሰላም ዘምልሶምን ህጹጽ ውሳነ ዉሰዱ። ውሳነኹም ብዘይምድኑጓይ ክምዝተተግበረ ኣረጋግጹ።

8) ናብ ኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶ።

ንመንግስቲ ኤርትራ ብግቡእ ንክትካይድን ክተማሕድርን ዘኽእለካ ፖሊቲካዊ ስልጣን ከካብ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ሕጋዊ መስርሕ ተኸቲልካ ቀልጢፍካ ተረከብ። ተሞክሮ የብለይን ወይ ተሞክሮ



ከይውሕደኒ፣ እጠራጠር እየ ኢልካ ኣይትሰከፍ። እቲ ዕማም ምስኣቶኻዮ ባዕሉ ኣንፈት ክህበካን ክመርሓካን እዩ። ማሕበራዊ ፍትሒን ሰላምን ደሞክራሲን ዝሰፈና፡ ንተፈጥሮኣዊ_ኣካባቢኣ እትዕቅብን ዘይትብከልን፡ ምዕብልቲን ብልጽግቲን ናጻ ኤርትራ ህነጽ። ንምዕብልቲ ሃገርካ ድርዒ ስኒትን ሓድነትን ክደንና። ቀሲንካ ንበረላ። ኩሉ-ጎናዊ ንቕሓት ደልብ፡ በድህ። ኣፍራዩን ውጽኢታዊን ዕቁብ ስራሕ ምስራሕ ፍቶ። ኩሉኹም ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ዕማም ሃገራዊ መስርሕ ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ተጊህኩምን ነጢፍኩምን ተሳተፉ።

9) ናብ ሚኒስተር ዜና።

ንብምሉኦም እቶም ብኮኣምፖስ ዝውሃቡኻ ሓበሬታትን መምርሒታትን ንኹሉም እቶም ኤርትራ ዘለዉዎ ዓይነታት መሳለጥያታት መራኸቢ ብዙሃን ተጠቒምካ ብኹሎም ቋንቋታት ኤርትራ ጌርካ ብህጹጽ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ኣመሓላልፎም። ኣብ መስርሕ ምስግጋር ስልጣን ብሕጊ ዘሕትተካ ኣዝዩ ኣገዳሲን ቁልፊን ተራ ሒዝካ ምህላውካ ተገንዘብ። ንስርሓት ናይቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ንቡር ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ምስ ስራሕካ ደሪብካን ብህጹጽ ኣረጋጊእካን ብግዜያውነት ምርሓዮ።

10) ናብ መራሕቲ ሃይማኖታት ኤርትራ።

ንመንፈሳዊ ሂወት ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ብኽምቲ ዝግባእ ጌርኩም ንኽትኣልዩዎን ንኽትመርሕዎን ኣምላኽ በረኸቱ ይሃብኩም። ኣብ ኤርትራ፡ ንዘሎና ክቡር ሃይማኖታዊ ባህሊ ንክትዕቅቡ እናጽዓርኩም፡ ኩለን ሃይማኖታትና ክምቀደመን ብስኒትን ኣብ ሓድሕድ ምርድዳእ ተሞርኲሰንን ንኽነብራ እናምሃርኩመን ናይ ደገ ሓይልታት ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳይና ጣልቃ ንኸይኣትዉ ተኻላኸሉ። ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ብዓቢ ጥንቃቐ ጓስዩና። ኣብ ቅዋም ኤርትራ ሰፊሩ ብዘሎ ድንጋገ መሰረት ሃይማኖታዊ መንግስቲ ኤርትራ ክምዘይብልና ዘክሩ። መንግስቲ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳያት ናይ

ኩለን ሃይማኖታትና ጣልቃ ክኣቱ መሰልን ግቡእን የብሉን። ምናልባት እንተፈተነ ክኣ ካብዚ ዝተጠቕሰ ንጹር መረዳእታ እዚ ተበጊስኩም ብትብዓት መክትዎ። ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ብውልቁ ዝውሰኖ ዓይነት ሃይማኖት ንኽህልዎ ወይ ንኸይህልዎ ክመርጽ መሰል ኣለዎ። ንእምነቱ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ክስገድድ ግና መሰል የብሉን። እዚ ኩሉ መሰላት እዚ ብዝኾነ ወገን ክግሃስ ዘይግብኦ ባህሪያዊን ብድንጋገታት ቅዋም ኤርትራ ዝተፈቕደ ሕጋዊን እዩ።



## ምዕራፍ (25) ዕስራን ሓሙሽተን

### መደምደምታ

ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ነቶም ንኤርትራ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መገዲ ክጸልዉዋ ዝኽእሉ ብዙሓት ናይ ዓለምን ዞባታዊን ናይ ፖለቲካ ተርእዮታት ብመንጽር እቲ ካብ ሕርሻዊ ሰውራ ጀሚሩ ክሳብ ሰውራ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን መራኸቢታትን ዝተዘርግሐ እዋን ብመድርኾት ሰሪዕና ገሊጽናዮም ኢና። ንኹላቶም ምስ ግዜ ክቀያየሩ ከለዉ ተዓዚብናዮም። ንክልቲኦም ማለት ንናይ ዓለምን ናይ ውሽጢ ሃገርን ፖለቲካታት፡ ክም ግዳማዊን ውሽጣዊን ረቛሒቲ መጠን፡ ብዕምቆት ክነጽንየምን ንስትራተጂዊ ሃገራዊ ረብሓና ብዘገልግል መገዲ ጌርና ክነማሕድሮምን ክምዘድልየና ተገንዚብና። ንወቕታውያን ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ፖለቲካታት ብዕቱብ ክንከታተሎም ዘኽእለና ፍልጠትን ክእለትን ዓቕሚን ክንውንን ክምዘድልየና ተገንዚብና። ስለዚ ንብዙሓት ኣቓዲምና ምሳና ዘይጸንሑ በብዓይነቶም ፍልጠታት ደሊብናዮም እሲ ዳርጋ ኣብ ደረጃ ድሓን ኩነት በጺሕና እለና ክንብል ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር ሕጂ እውን ኣይንዛነ። ንኣፍልጠና ብዘይምቁራጽ ብስፍሓትን ብዕምቆትን ክነማዕብሎ ኩሉ ግዜ ንስራሕ።

ኣብ ናይ ኤርትራ ውሽጣዊ ፖለቲካ ብዝመጸ፡ ድሕሪ እቲ ዝገበርናዮ ሰፊሕን ነዊሕን ገምጋም፡ ንስርዓት ዲክታተርነት ንኹሉሳዕ ብመንእሰይ ወለዶ ብዝምእዘንን ዝእለን ቅዋማዊ ባይቶኣዊ ስርዓት ዴሞክራሲ ክንትክእ ክምዘድሊ ተገንዚብና ኢና። ነቲ ምትካእ ሕጋዊን ሰላማዊን ስልጡን ኣጋባብ ተኸቲልና ክንፍጽሞ ክምእንኽእል እውን ኣሚትና። ልምዕቲን ብልጽግቲን ኤርትራ ክንሃንጽ ዘኽእሉና ዝተፈላለዩ ረቛሒቲ ኣለሊና። እቲ ኤርትራዊ-ኢትዮጵያዊ ተብሂሉ ክጽዋዕ ዝመርጽ ክዳዕ ኣቶ ዘራጊቶ ንዘፍረሳ ታሪኻዊት ኤርትራዊት ስድራ-ቤት ዳግማይ ክንሰርዓን ክንሃንጸን ክንሕብሕባን ክምዘድልየና

ፈሊጥና እለና። ኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋንን ጉዳይን ኣብ ኩሉ ናይ ህዝብናን ሃገርናን ሂወት ናይ መራሒ ተራ ክጻወት ክምዝግብእ ደምዲምና።

ንሃገርና ካብ ተቐርጾ (perspective) ዓለማዊን ዘቤታዊን ፖለቲካ ተበጊስና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ዛዕባታትን ከመይ ከምዝነበረትን ዘላን ንዝተፋላለዩ ዓውዲታት ስነ-ፍልጠት ተጠቒምና ካብ መዘንናያ ኣብ መጻኢ እዋን ድማ ኣብ ኩሎም ዕማማትና ንኸንዕወት ኣብቶም ዓውዲታት ብብቕዓት ክዋስኡ ዝኽእሉ ብዙሓት ኤርትራውያን ምሁራት ከነፍሪ ከምዘድሊ ተገንዚብና። ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ብንጹር ርኢናዮ ከምዘለና ዓለም ሎሚ ኣብ ዘበነ ኢንተርነትን ብAI ዝድገፉ ICT & Production Systems በጺሓ ስለዘላ ኤርትራና ካብዚ ዉሁብ ዓንኬል እዚ ወጺኣን ንነብሳ ነጺላታን ክትነብር ኣይትኽእልን እያ። ኣብ ኩሎም ናይ ዓለም ምዕባለታት ተጠንቂቕና ሕዉሳት ንኹን።

—ተፈጸመ—



## ጥብቆ (1) ሓደ

## ላምፐዱዛ፡ ዝኸሪ ንህልቂት ኤርትራውያን

ኣብ ሕዳር 2012 ዝጀመርኩዎ ኤርትራና፡ ሕጂ እኸ ናበይ| ዝኣርእስቱ ሓጺር ጽሑፈይ ኣብ ጥሪ 2013 ደምዲመዮ። ግና ብሳንሱር ከይሓለፈ ክሕተም ኣይተኻእለን። ገሊእም ኣሕተምቲ፡ ንገለ ካብ ትሕዝቶኡ ምስነገርኩዎም (ምቕያር መራሒ መንግስቲ ዝብል ኣለዎ ምስበልኩዎም) ከይእሰሩ ስለዝፈርሁ ክሓትሙዎ ኣይደለዩን። ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብቲ እዋን እቲ ሓደ ዝፈሸለ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ተፈጺሙ ኔሩ እዩ። ብወገነይ ንጽሑፈይ ናብ ወጻኢ ሃገር ሰዲደ ክሕትሞ ክኣ ኣይመረጽኩን። ስለዚ ኣብ ኢደይ ሒዘዮ ሰኺ ኢለ።

ካልእ ሜላ ተጠቒመ ክሕትሞ ላዕልን ታሕቲን እብል ኣብ ዝነበርኩሉ ህሞት ኣብ ጥቅምቲ 2013 ሓደ ኣዝዩ ንዓይ ዘሕዘነኒ ፍጻመ ኣጋጢሙ። ኣማኢት ኤርትራውያን ኣብ ማያት ደሴት ላምፐዱዛ (ኢጣልያ) ጥሒሎም ብላሽ ሃሊቖም። ሽዑ ኣነ ንሕክምና ናብ ዓዲ ጥልያን ከይደ ኔረ። ነቲ ናይ ህልቂት ፍጻመ ክኣ ግድነት ሰኒደዮ። እዚ ሕጂ ዝቐርብ ዘሎ ብዛዕባ ህልቂት ኤርትራውያን ዝምልከት ትሕዝቶ እዚ እምብኣር እቲ ኣብቲ እዋን እቲ ዝሰነድኩዎ እሞ ኣብቲ ክሕትሞ ኢለ ሓሲበዮ ዝነበርኩ ጽሑፈይ ከም ‘ድሕረ-ጽሑፍ’ ኮይኑ ቀሪቡ ዝነበረ እዩ።

ማዕከናት ዜናታት ዓለም የቃልሕአ ብዝነበራ ‘ሓበሬታ መሰረት ኣስታት 520 ስደተኛታት ጽዒና ካብ ሊብያ ናብ ኢጣልያ (ደሴት ላምፐዱዛ) ትጎዓዝ ዝነበረት ዓባይ ጃልባ ካብ ገማግም ላምፐዱዛ ሓደ ኪሜ ጥራይ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ጂኦግራፊያዊ ነቑጣ

(geographical point) ጥሒላ። ኣብኣ ካብ ዝነበሩ ተሳፈርቲ 151 ጥራይ (ብሂወቶም) ክድሕኑ ከለዉ ክባቢ 370 ዝኾኑ ኤርትራውያን ምስኣ ጥሒሎም ሞይቶም። እዚ ንህዝቢ ኤርትራን ንዓለምን ዘሰንበደ ክትሰምዖን ክትሓስቦን ከለኻ ዘሰካሕክሕ ናይ ህልቂት ፍጻመ እዚ ኣብ መጀመርታ ሰሙን ጥቅምቲ 2013 እዩ ኣጋጢሙ። ኣብቲ ፍጻመ እቲ መተካእታ ዘይርከቦ ሂወት ናይ ኣማኢት ንጹሃት ኤርትራውያን ብከንቱ ጠፊኡ።

ብመራኽቢ ብዙሃን ኤርትራ (ተሌቪዥንን ራድዮን) ሽዑ ዝተመሓላለፈ ሓበሬታ፡ ኣመና ደንጉዩ ተቓሊሑ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኣዝዩ ዝተጠማዘዘን ንኤርትራውያን ዘጉሃየናን ኔሩ። ኤርትራውነትና ዝኽሕድ ሓበሬታ ተዘርጊሑ። እቲ ሓበሬታ 'ኣስታት 500 ዘይሕጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ናብ ኤውሮጳ ኪሰግሩ ኣብ ዝፈተንሉ እዋን ዝተሳፈሩዋ መርከብ ኣብ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ብምጥሓላ ሓያሎ ካብኦም ጥሒሎም ሞይቶም ' ድሕሪ ምባል፡ 'መብዛሕቶም ካብቶም ዝሞቱ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዜጋታት ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኢዮም' ኢሉ። ዝጠሓሉ 'ኤርትራውያን' ኣለው ፍጹም ኣይተባህለን። 'ኤርትራውያን እሲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እንዲና ንርከብ፤ ዝብል ጨሪ ምኽንያት ምእንቲ ከቕርበሉ ተሓሲቡ ስለዝነበረ እዩ እቲ መግለጺ ብድብስብስ ክሕለፍ ተመሪጹ። ጽንሕ ኢሉ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተዘርግሐ ተወሳኺ መግለጺ ድማ 'ነቲ ናይ ሓደጋ ፍጻመ እቲ መንግስቲ ኣመሪካ እዩ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ' ዝብል ኮይኑ። ሕቶ ተሓታትነት ዉዒሉ-ሓዲሩ ምምጽኡ ዘይተርፎ እኳ እንተኾነ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ተሓታትነት ንምርሓቑ ዝተፈነወ ኣዝዩ ህዉኽ ሓበሬታ ስለዝነበረ ተሓታትነት ህልቂት ንጹሃት ኤርትራውያን ብንዕቀትን ብድዐን ሻቡ ብቕጽበት ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ተደርብዩ።

ኣብዚ ፍጻመ እዚ ክልተ ኣገደስቲ ሕቶታት ኪልዓሉን ኪምለሹን ይግባእ። ቀዳማይ፡ ስለምንታይ እቲ ፍጻመ ኣጋጢሙ? ካልኣይ፡ በቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዝሕተቱ ወገናት ብርግጽ እኒ መን እዮም?



ብቕዳምነት እዞም ኣብ ማያት ላምፐዱዛ (Lampedusa) ሂወቶም ስኢኖም ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሽዑ ካብ ሊብያ ይበገሱ እምበር መበቆላዊ መበገሲኦም ምድሪ ኤርትራና ኢዩ። ካብ ሃገሮም ካብ ኤርትራ ወጺኦም እዮም ብዝተፈላለዩ ሓደገኛታት ኣገባባት ጉዕዞ ተጐዒዞም ናብ ሊብያ ኣትዮም። ድሕሪኡ ናብ ኢጣልያ ኪሰግሩ ፈቲኖም።

ስለምንታይ ካብ ኤርትራ ኪወጹን ናብ ስደት ክምርሑን ክምዝተቐሰቡ ስለዚ ግድነት ክፍለጥ ይግብኦ። ኣብ ኤርትራ ዘቤታዊ ቅሳነትን ዕግበትን እንተዝህሉ ኔሩ ኤርትራውያን ንዘፍቅሩዋ ሃገሮም ገዲፎም ናብ ስደት ዘምርሑም ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣይምሃለወን ነበረ። ኣካይዳን ምሕደራን መንግስቲ ኤርትራ ዝተመዓራረየ ኔሩ እንተዝኸውን ጉዕዞ ኤርትራውያን ናብ ወጻኢ ሃገራት ኣብ ክንዲ ብሓደገኛታት ኣገባባት ጉዕዞ ዝኸውን ብወግዒ ብዝተፈልጠ ዉሑስ ኣገባብ ኪሰላሰል ምተኻእለ ነበረ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብቅዋም ኤርትራ ንዝተረጋገጸሉ መሰሉ ተጠቒሙ ናይ መገሻ ወግዓዊ ሰነዳት (ፓስፖርት፡ መውጽኢ ቪዛ፡ መእተዊ ቪዛ፡ ወ.ዘ.ተ) ሒዙ ናብን ካብን ዝመረጾ ሃገር ኪገይሽን ኪመላለስን ምመረጸ። ኣብ ኤርትራ ሃገሩ ኮይኑ ብዘይጸገም ሰሪሑ ክነብር ዝኽእል ኤርትራዊ ዜጋ ምናልባት እንተዘይኮይኑ ስራሕ ክናዲ ኢሉ ናብ ስደት ክምርሕ ኣይመጣጠርን እዩ።

ስለዚ ኣብ ላምፐዱዛ ህልቂት ኤርትራውያን ዘስዓበ ፍጻመ ምንጪ መኽንያቱ ካልእ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነበረን ዘሎን ዘይምቹእን ዘይውሑስን ኩነታት ናብራን ሂወትን እዩ። ኤርትራዊ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ኪቐስን እንተኺኢሉ ስለምንታይ ብናይ ኣሞሪካ ሽርሒን ድፍኢትን ካብ ሃገሩ ተመንቁሱ ናብ ስደት የምርሕ! ህዝቢ ኤርትራ ንዝተፈላለዩ ሽግራትን ተጻብኦታትን መኪቱ ክምዝዕወት እኳ ድሮ ብታሪኹ ኣመስኪሩ እዩ።

ናብቲ ካልኣይ ነጥቢ ምስእንሰግር፡ ምጽራይ ኪግበረሉ ከምዝግባእ ዘየካትዕ ጉዳይ ኮይኑ ብዛዕባ ተሓታትነት ግና ብወገነይ ሰለስተ ተሓተትቲ ወገናት ኣለዉ እየ ዝብል።

ሓደ። ብመጀመርታ ክንሕተት ዝግብኣና ባዕልና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣለና። ዘቤታዊ ድኽመትና ኣየወገድናን እምበር ኣብ ከርሲ ኤርትራ ዝተወልደት ሂወት ኣብ ማያት ደሴት ላምፐዱዛ (ማእከላይ ባሕሪ) ኣይምዓረበትን ነበረ። ሃገራዊ ገምጋም ክንካይድን ኩነታትና ክንፈትሽን ይግብኣና። ንድኻማትናን ሓያል ጎኒታትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ነለሊ። ሃገርና ክብረትና ንሕና ከኣ ክብረታ ምኻንና ዝክሓድ ነገር ኣይኮነን። ኤርትራውያን ኣብ ሃገርና ንዉለድ፡ ኣብኣ ንነብር፡ ኣብኣ ከኣ ንዓርፍ። ኣብ ምድረ-ኤርትራ ዝተፈጥረት ሂወትና ኣብ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ይኹን ካልኦት ናይ ስደት ጎደናታት እትጠፍኣሉ ምኽንያት ከቶ ኣይሃሉ። ብዛዕባ ተሓታትነት ስለዚ ንካልኦት ወገናት ቅድሚ ምኽሳስና ንባዕልና መንግስቲን ህዝብን ኤርትራ ብቐዳምነት ተሓተትቲ ኢና።

ክልተ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዖም ዝሕተቱ፡ ናይ ኢጣልያን ሊብያን ኤርትራን መንግስታት እዮም። ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሊብያ ተበጊሶም ኣብ ግዝኣታዊ ማያት ኢጣልያ ኪሃልቁ ምኻኖም ሰለስቲኦም መንግስታት ኣቐዲሞም ይፈልጡ ኔሮም። ምኽንያቱ ከኣ ከምኡ ዓይነት ፍጻመን ሓደጋን ከጋጥም ዳርጋ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ስለዝጸንሐ እዩ። ንኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ኪምለሱ ወይ ከኣ ብዉሑስ መገዲ ጉዕዞኦም ኪቕጽሉ ዘኽእል ዕቱብ ስጉምቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ኣይተወሰደን። ድሕነት ኤርትራውያን ንምርግጋጽ ብመንግስታት ሊብያን ኢጣልያን ኤርትራን ዉሁድ ስጉምቲታት ኣይተወሰደን ጥራይ ዘይኮነ ተበግሶ እውን ኣይነበረን።

ሓደ ኪ.ሜ. ርሕቀት ኣብ ጽፍሒ ባሕሪ ነዊሕ ኣይኮነን። ዓባይ ጃልባ ንዝኣክል ግዙፍ ነገር ብዓይንኻ ክትርኢ እትኽእለሉ ርሕቀት እዩ። 'ርድኡኒ' እናበለ ኣውያት መርድእ ንዘእዊ ሰብ እውን ክትሰምዖ ተኽእሎታት ኣሎ። እቲ ኣማኢት ኤርትራውያን ዝተቐዝፍሉ ቦታ



ብሓይልታት ሓለዋ ገማግም ባሕሪ (coastal guards) ኢጣልያ ዝሕሎን ብዘመናውያን መሳርሒታትን ቴክኖሎጂን ዝዓጠቓ መራኽብ ብቐጻሊ (24-ሰዓታት) ምክትታል ዝግበረሉን እዩ። ምናልባት ግደፍዎም ምስ ጃልባኦም ይጥሓሉ| ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ብወገን ኢጣልያውያን ኔሩ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ኣፍደገ (ገደና) ደሴት ላምፐዱዛ ኤርትራውያን ስደተኛታት ጥሒሎም ኪሞቱ ኣይምተገብአን ነበረ። ምኽንያቱ ከፍለጥ እኳ እንተዘይተኻእለ ኢጣልያውያን ብርግጽ ንምርዳእ እቶም ግዳያት ኣይተጓየዩን!! ብኢጣልያን ሊብያን ኤርትራን ዕቱብ ሓባራዊ መርመራ ኪካየደሉ ዝግባእ ፍጻመ እዩ ኣጋጢሙ ዘሎ።

ስለምንታይ እዩ ግና ንኤርትራውያን ብገሊኣን መንግስታት ዓለም ግቡእ ሓልዮትን ክንክንን ዘይተዝበረልና? ስለምንታይከ ሃገራዊን ኣህጉራዊን መሰላትና ብዝግባእ ዘይተኸብረ? ትሕቲ ካልኦት ህዝብታትን ዜጋታትን ዲና ክንቁጸር? እዚ እሞ ከቶ ክሕሰብ እውን ዘይግብኦ ነገር እዩ። ኤርትራውያን ኣብ መላእ ዓለም ብክብረት ክንትሓዝ ዝግብኣና ክቡራት ህዝቢ ምኻንና ክፍለጥ ኣለዎ። ከምኡ ምእንቲ ክኸውን ግና መንግስቲ ኤርትራ ብዜጋታቱ ክግደስ ኣሎዎ። መንግስቲ ኤርትራ ብዜጋታቱ ብዕቱብ ዘይግደስ ክሳብ ዝኾነ ስለዚ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ክብረትና እንተተቐንጠጠ ክገርመና የብሉን።

እቲ ብመንግስቲ ኢጣልያ ዝተራእየ ሸለልትነት ኣብ ታሪኽና ወትሩ ብኤርትራውያን ወለዶታት እናተዘከረ ኪነብር ኢዩ። ንናይ ጠላም መንግስቲ ኤርትራ ክቢድ ገበን ንግዚኡ ንጎኒ ኣጽኒሕና፡ መንግስቲ ሊብያ እውን ተሓታቲ እዩ። ናይቶም ናብ ሃገሩ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ድሕነት ክረጋግጽን መሰል ክሕሉን ኣህጉራዊ ግቡእን ግዴታን ኔሩዎን ኣለዎን። ከምኡ ግና ኣይገበረን።

ሰለስተ። ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዖም ዝሕተቱ ወገናት ብዙሓት እዮም። ካብኦም፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU)፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት(UN)ን ሕብረት ኣፍሪቃ (AU)ን

ይርከቡዎም። ኤርትራውያን ቀርሰንቲ እውን በቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ብሕጊ ተሓተትቲ እዮም።

ክፍለ-ዓለም ኤውሮጳ ካብ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ስደተኛታት ንኸይኣትዉዋ ዝከላኸል ክልሰሓሳባዊን ግብራዊን ሓጹር ኣብ ደባታ ሃኒጻ ንንብሳ ኣብ ቤት ማሕቡስ (ዕርዲ) ዳጕናታ ክትነብር ብምምራጽ ዘገርምን ዘሕዝንን ኩነት ፈጢራ እላ።። ብኣንጻሩ ነቶም ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክጉዓዙ ዝደልዩን ዝተባብዑን ዜጋታት ኤውሮጳ ኣፍደገ ኣፍሪቃ ብርሒብ ጋህ ዝበለ ክፉት እዩ። ኤውሮጳዊ ሕብረት ክኣ ነዚ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ረኺባቶ ዘላ ወርቃዊ ዕድል እዚ ኣይትቃወሞን እያ። ከምኡ ካብ ኮነ ድኣ እሞ ኤርትራውያን ብዘይዕንቅፋት ናብ ኤውሮጳ ክንኣቱን ክንወጽእን ጥራይ እዩ ዝግብኣና ኔሩ። ኣፍደገታት ኤውሮጳ ልክዕ ከምቲ ናይ ኣፍሪቃ ጋህ ዝበለ ኮይኑ ክኸፈተልና ኣለዎ። ወግዓዊ መንቀሳቐሲ ወረቐት ናይ መንግስቲ ኤርትራ ክንሕዝ ስለዘይክኣልና ጥራይ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ተብሂልና ተፈሪድና ሂወትና ኣብ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ብከንቱ ክትጠፍእ ቅቡል ኣይኮነን። ኤርትራውያን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ናብን ካብን ኤውሮጳ ከም ሕጋውያን (በጻሕቲ) ሰደተኛታት ተቐጺርና ክንኣቱን ክንወጽእን ዘኽእለና ኣተሓሳስባ ኣብ ክልቴና ወገናት ክሰርጽ ኣለዎ። ነቲ ሓሳብ ክኣ ወግዓዊ ክልተኣዊ ስምምዕ ብምኽታም ንድርዮ።

ውድብ ሕብረት ኤውሮጳ ንሕቶ ኩሎም ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ብተደጋጋሚ ኣብ መጋባኣያታቱ የልዕሎ እዩ። ግን ድርብ ዕያር (double standard) ዝጥቀም ኮይኑ። ካብ ኣፍሪቃ ንዝመጹ ስደተኛታት ማዕረ እቶም ካብ ካልኦት ክፍለ-ዓለማት ዝመጹ ጌሩ ናይ ምቕባል ኣንፈት የብሉን። መልሰ-ግብሪ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክኣ ምርዓምን ስቕታን ጥራይ ኮይኑ።

ሕብረት ኣፍሪቃ ንረብሓ ኣፍሪቃውያን ብዝግባእ ኣይወከሎን። መሰል ናይ ኩላትና ኣፍሪቃውያን ሰደተኛታት ክረጋግጽ ሓላፍነት ኣለዎ። ናይ ሮማ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ጳጳስ ዮሃንስ ንሬሳታት



ኤርትራውያን ክበጽሑን ጸሎት ክገብርን እናተራእየ ክሎ ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ ግን፡ ልክዕ ከምቲ ስርዓት ዲክታተር ኢሳያስ ዝገበሮ፡ ንዝተሰምዮ ሓዘን ብዕሊ ኣይገለጸን።

መንግስቲ ኣመሪካ ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ዘለዎ ኣሉታዊ ታሪኻዊ መርገጺ ካብ ቀደሙ ዝተፈልጠ እዩ። ኣብ ሎሚ በጺሑ ዝቕየረሉ ምኽንያት ስለዘይብሉ፣ ህልቂት ኤርትራውያን ኣብ ላምፐዱዛ ንኣመሪካ ኣይንታያን እዩ። ኤርትራውያን ክንስደድ ንዘይጸልእ ወይ ስደት ክተባብዕ ንዝመርጽ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ግና ብዛዕባ ፍጻመ ላምፐዱዛ ተሓታቲ ክትገብሮ ይክኣል እዩ።

ውዱብ ሕቡራት ሃገራት (UN) ብድሪኺት ኣመሪካ ዝለዋወ ልሙስ ኣህጉራዊ ኣካል ስለዝኾነ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ኪወስዶ ዝኽእል መርገጺ ካብ ፍቓድን ድሌትን መንግስቲ ኣመሪካ ዝወጽእ ኣይኮነን። ውሕሃ ብዛዕባ ህልቂት ኤርትራውያን ስደተኛታት እንተዘይተገደሰ ስለዚ ክገርመና እኳ እንተዘይብሉ ክግደስ ግን ይግብኦ እዩ። መሰላት ናይ ኩሎም ኣህዛብ ዓለም ንኽኽበሩ ክጣበቕ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኤርትራውያን ቀርሰንቲ (Human Traffikers) ናይ ገዛእ ርእሶም ዓቢ መርበብ-ቅርሰና ዘርጊሖም ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። እዚኣቶም ማእለያ ዘይብሉ ብዝሒ ገንዘብ ክጥርዩ ክብሉ ንንጹሃት ኤርትራውያን ኣሕዋቶም ብኣዝዩ ሓደገኛ መገዲ ናብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ካልኦት ቦታታት ዓለምን ኣሸሓት ዶላራት እናኣኽፈሉ ንክሰዱ ዝንየዩ ዘለዉ ዘይሓቦኛታትን ዘይሃገራውያንን ኣረመኔ ፍጡራት ኢዮም። ሂወት ኤርትራውያን ሸይጦም ገንዘብን ሃብትን ክኻዕብቱ ዝተዋፈሩ ሸፋቱ ገበነኛታት ስለዝኾኑ ካብ ዘዝተሓብእሉ መሸጎራጉር ተሞንቁሶም ኪወጹን ብገበን ተኸሲሶም ናብ ፍርዲ ቀሪቦም ክቕጽዑን ይግብኦም እዩ።

እዚ ናይ ኩተርቲ መርበብ እዚ ብሓይልታት ጸጥታን ድሕነትን ኤርትራ ክይተሰብረን ክይተበተነን ንነዊሕ እዋን ይቕጽል ምህላዉ

ንባዕሉ ኣተሓሳሳቢን ኣገራሚን እዩ። እዞም ሓይልታት እዚኦም ንባዕሎም ኣብ ንግዲ ቅርስና ምናልባት ኣትዮም ከይህልው ንምርግጋጽ ኣብ ልዕሊኦም መርመራ ክካየድ ኣለዎ።

ህልቂት ኣብ ማያት ላምፐዱዛ፡ ምስቶም ቅድሚኡ ኪፍጸሙ ዝጸንሑ በብዓይነቶም ካልኦት ስደት ዘበገሶም ህልቂታት ተደሚሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቕ ሓዘንን ምረትን ኣስዒቡ ጥራይ ኣይኮነን ሓሊፉ። ጉዳይ ቀብሪ ሬሳታት ናይቶም ብኣሊፍ ዝተቐዝፉ ኤርትራውያን እለዓዒሉ። ሬሳታት ናይዞም ብኣሊፍ ዝተቐዝፉ ዜጋታትና ናብ ሃገሮም ኣይተመልሰን። ስነ-ስርዓት ቀብሮም ኣብ ኤርትራ ኣይተፈጸመን። ቀብሮም ብኽብረት ኣይተዘከረን። ስለምንታይ ግን ክምኡ ይኸውን ዝብል ሕቶ ክልዓል ግቡእ እዩ።

ውሃብ ቃል መንግስቲ ኤርትራ ኮይኑ ዝቐረበ ኣምባሳደር መንግስቲ ኤርትራ ናብ ኢጣልያ ሬሳታት ናይቶም መንነቶም ድሮ ዝተለለየን ናይቶም ብሕጂ ብመርመራ ዲኤንኤ(DNA) ክልለ እዩ ዝተባህለን ኩሉ ተሓዋዊሱ ብግዜያውነት፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሲቺልያን (sicily) ካልኦት ቦታታት ኢጣልያን ተቐቢሩ እሎ ዝብል ወግዓዊ መግለጺ ሂቡ። እዚ ንኽብረት ኤርትራውያንን ክብረት ሃገርናን ዝቐንጠጠ ዘይሓላፍነታዊ መግለጺ እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ሬሳታት ዜጋታትና ናብ ሃገርና ክሳብ ዝምለሱ ማለት እዩ፡ ንኩሎም እቶም ኣብ ማያት ላምፐዱዛ ሂወቶም ዝጠፍኣት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዘልኣለማዊ ዝኸረን ክብረን ንስድራታቶምን ህዝቢ ኤርትራን ድማ ጽንዓት ይሃበና ፈጣሪ!

ካልእ ተወሳኺ ነጥቢ ኣሎ። ድሕሪ ፍጻመ ላምፐዱዛ ሓዘን ዝተሰምዖምን ክቱር ጽልኢ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ዘሕደሩን ኤርትራውያን ወወገኖም ሒዞም ብመገዲ ኢንተርነት ንሓድሕድ ኪቋየቑን ኪጸራረፉን ተርእዮም። ክምኡ ኪኸውን ኣይምተገብአን ነበረ። ኣብ እዋን ሓደጋን ሓዘንን ርግእ ምባል ዝሓሸ ኮሎ፡ መፍቶ ጸላእትና ኮይኑ፡ ሓድሕድ ምንጃት ተርእዩ። ንድኹም ጎንና ሻቡ



ዘስተብሃልሉ ገለ ትግራዎት ሕጂ ዕድል ተረኺቡ፡ ብምባል ሓድነትና ንኽዘርጉ ተንቀሳቒሶም። ገሊኦም ዕባይ ኤርትራ ገሊኦም ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ወጻኢ ሃገራትን ዝነብሩን ትግራዎት እዮም። ኤርትራውያን ተመሲሎም ኣብቲ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ብኢንተርነት ዝካየድ ዝነበረ ቆይቁታት ብምስታፍ ሓዊ ክመልሱ ሃቂኖም። ብመንነቶምን ስሞምን ሳላ ብኣጋ ዝተለለዩን ዝተፈልጡን ግን ተመኪቶም። ባህጎም ብኽምቲ ዝተመነዩዎ ኮይኑ ኣይሰመረሎምን።

እመሪካን ተሓባበርታን ብወገኖን ንኣገልግሎታት ምዕራባዊ መርበብ ሓበሬታ ተጠቒመን ኣንጻር ሃገርና ኤርትራ መርዛም ፕሮፓጋንዳዊ መጥቃዕቲ ፈንየን። ሳላ ሓጺናዊ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ግና ብሙሉኡ እቲ ተጻብኦታተን ፈሺሉ።

ህልቂት ኤርትራውያን ኣብ ማያት ላምፐዱዛ ኣቐንዛዊ ትምህርቲን ተሞክሮን ኮይኑና። ንዕኡ ዝመስል ፍጻመ ዳግማይ ምእንቲ ከይንርኢ፡ ነቒሕና ዕዮ ገዛና ክንሰርሕ ክምዝግባእና ምሂሩና። ሃገርናን መንነትናን ክብረትናን ክንዕቅብ ክምዝግብኣና ኣዘኻኺሩና። መጻኢና ኣዝዩ ብሩህ ዝኸውን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ውሽጢ ኤርትራና ኴንና ምስ እንነብርን እንሰርሕን ምዃኑ ኣገንዚቡና።

ስለዚ ሃየ ንኤርትራና ንህዝባ እተርብሕ ሃገር ክምትኸውን ጌርና ነማዕብላ። ባዕልና ደቃ ንንበረላ፡ ንስራሓ። ንስደትን ናብራ ስደተኛን ክተዖ ንግበረሎም።።

—///—

## ጥብቆ (2) ክልተ

### ምስ ኢትዮጵያ ዝዛመዱ ጽዉጽዋያት ንስጎግ

ንእግረ-መገድና ክንትክፎ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ (4) ሽሕ ዓመታት ካብ ግብጺ ክሳብ ደቡብ ኣፍሪቃ እትዝርጋሕ 'ኢትዮጵያ' እትብሃል ኣፍሪቃዊት 'ሃገር' ኔራ እናተባህለ ብብሄር ኣምሓራ ዝንገር ጽውጹዋይ ኣሎ። ብመንጽር ታሪኽ ኣፍሪቃን ስነ-ፍልጠትን ምስእንርእዮ ግን እቲ ጽዉጽዋይ ዘካትዕ ዘይብሉ ጻዕዳ ሓሶት ኮይኑ ንረኽቦ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ኣፍሪቃ ፍሉጣት 'ሃገራት' ስለዘይነበራ ፍልጥቲ 'ሃገረ ኢትዮጵያ' እውን ኣይነበረትን። ፍሉጥ ዶብ ዘለወን ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኤውሮጳ እየን ቅድሚ ኣስታት 130 ዓመት ቆይመን።

ርግጽ እዩ 'ኣቢሲንያ' ዝብሃል ጸቢብ ዞና (ዘይሃገር) ኣብ ከባቢ ናይ ሎሚ ክፋል ኤርትራ-ኢትዮጵያ-ሱዳን ከምዝነበረ ታሪኽ ኣፍሪቃ ሰኒዱዎ ኣሎ። ግሪኻውያን ነቲ ኣቢሲንያ እቲ ብሓፈሻ ኪኖ ግብጺ ዝርከብ 'ዝሓረረ ሕብሪ ቆርበት ዘለዎም ሰባት ዝሰፍርሉ ቦታ' ይብልዎ ኔሮም። ናይ ሎሚ ኢትዮጵያን (ኣቢሲንያ) ኣብቲ እዋን እቲ ኣቢሲንያ ዝተባህለ ዞናን ግና ዘይቃራረቡ ክልተ በበይኖም ኣሃዱታት እዮም።

'ሓበሻ' ዝብሃል ካልእ ጽውጹዋይ ቅዲ ኣጻውዓ እውን ኣሎ። ነቲ ቅዲ ምናልባት ብዕምቆት እትፈልጡዎ ሰባት እንተለኹም ኣስፊሕኩም ክትገልጽዎ ጽቡቕ ምኾነ። ብኣምሓሩን ገሊኦም ትግራዎትን ገለ ክርስትያን ኤርትራውያንን እናሻዕ ዝጥቀስ ቅዲ ኣጻውዓ እዩ። ንዝተረፉ ብሄራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝምልከት ኣጻውዓ ኣይኮነን። ኣሮሞን ካልኦት ብሄራትን ኢትዮጵያ ንኣብነት ኣዝዩ ከቢድ ጽልኢ ኣንጻር 'ኢትዮጵያውያን ሓበሻ' ኣለዎም። እቲ ዘገርም ጽቡቕን ሓቂን ነገር ክኣ ኩላቶም ንዓና ንኤርትራውያን 'ሓበሻ' ኢሎም ኣይጽውዑናን እዮም።

ብትዕዝብተይ፡ ገሊኦም ኣምሓሩ ነቲ ርሱን ምኼኑ ዝፍለጥ ሃገራዊ ስምዒት ኤርትራውያን ክብድሁ ምስ ዝደልዩ ዝጥቀሙሉ መሳርሒ ኮይኑ ረኺበዮ እሎኹ። ብቅዲ ኣጻውዓ ሓበሻ ተጠቒሞም ንኤርትራዊ መንነት ክብርዙዎ ወይ ክድምስሱዎ ይምነዩ። ኣምሓሩ ነዚ ቅዲ ኣጻውዓ እዚ ከም ንዕኦምን ንብሄር ትግርኛን ዝውክል ናይ ሓባር ስም ጌሮም ብምውሳድ ንዓናን ንኤርትራውያንን እኮ ዝፈልየና የብልናን። ክልቴና ሓበሻ ኢና' እናበሉ ይጉስጉሱ። ዓማውል ንከጥርዩ ድማ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን 'ሕማም ሓበሻ' (Habesha Syndrome) ከላብዑ ይፍትኑ።

ስለዚ ገሊኦም ገርህኛታት ወይ ተሪር ሃገራዊ ስምዒት ዘይብሎም ወይ ብዕድመ ዝደፍኡ ኤርትራውያን፡ ንመርዛምነት ጎስጓስ ኣምሓሩ ከየስተብሃልሉ፡ በቲ ተላባዒ ሕማም ሓበሻ ይልከፉ። 'ሕማም ሓበሻ' ይሓሙ። ክዛረቡ ከለዉ፡ ምሳይ 'ኤርትራውያን' ኣለዉ ወይ የለዉን ኣብ ክንዲ ዝብሉ ብጌጋ ምሳና '<u>ሓበሻ</u>' ኣለዉ ወይ የለዉን ይብሉ። ነቲ 'ኤርትራዊ' ዝብል ቃል ቁልቁል ዝኣፉ 'ሓበሻ' ብዝብል ቃል ይትክእዎ።

እምበርከ፡ መንከ እዩ ሓበሻ? ኩላትና ሃገራውያን ኤርትራውያን ንታሪኽ ኣህዛብ ምብራቓዊ ሰሜን ኣፍሪቃ (ሱዳንን ኤርትራን) ብንጹር ንርድኦ ኢና። መቦቆል ናይ ብምሉኣትና ኤርትራውያን ካበይን በየንን ሸነኽ ዝመጸ ምኻኑ ብታሪኽና ስለንፈልጥ፡ ነዚ ብኣምሓሩ ኢትዮጵያውያን ዝፍኖ 'ሓበሻዊ' ግጉይ መረዳእታ እዚ ኣይንቕበሎን ኢና። ነቲ ጌጋ ኤርትራውያን ባዕልና ብንቕሓት ክንእርሞ ይግብኣና። ንነብስና ክንጽውዕ ከለና ሓደራ ነቲ መለለይናን ምኽርዒናን ዝኾነ 'ኤርትራዊ' ዝብል ቅኑዕ <u>ኣሕባሪ</u> ቃልና ንዘውትር። ህዝብታት ዓለም እውን እንተኾኑ ከምቲ ንኢትዮጵያዊ ኢትዮጵያዊ፡ ንሱዳናዊ ሱዳናዊ፡ ንግብጻዊ ግብጻዊ፡ ንኬንያዊ ኬንያዊ ወዘተ እናበሉ

ዝጽውዕዎ፡ ንኤርትራዊ ኤርትራዊ ይብሉዎ እምበር 'ሓበሻ' እናበሉ ኣይጽዉዕዎን እዮም።

ብትግራዎት ዝንዛሕ ካልእ ዓይነት ጽውጽዋይ 'ድማ ኣሎ። ጽውጽዋይ 'ትግራይ-ትግርኚ' ይብሃል። ኣብ 40 እታት ኤርትራ ንናጽነታ ክትሟጎት ከላ፡ ብሪጣንያ ንኤርትራ ክፋፊላ ኣብ ክልተ ክትገምዕን ንሓዲኡ ግማዕ ምስ ሱዳን ነቲ ካልኣይ ድማ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንብርን ትሰርሕ ኔራ። ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዛረብቲ ቋንቋ ትግሪኛ ስለዘለዉ፡ ትግርኛ ንዝዛረብ 'ክፋል ከበሳ ኤርትራ' ምስ ሃገረ 'ኢትዮጵያ' ምጽንባሩ ይሓይሽ ትብል ኔራ። ትግሪይኛ ንዝዛረብ 'ክፋል ኢትዮጵያ' ምስ ሃገረ ኤርትራ ምጽንባሩ ይሓይሽ ግን ኣይበለትን። ትግራዎት ብወገኖም ሕማም ልቢ-ወለዳዊት 'ዓባይ ትግራይ' ኣብ ውሽጦም ኣትዩ የዕገርግሮም ስለዝነበረ ነቲ ብሪጣንያ ዘሳሰየቶ ሓሳብ ኣይጸልኡዎን። ኣብ ዉሽጢ ኢትዮጵያ እትርከብ ትግራዮም ክሳብ ውሽጢ ኤርትራ ገጻ ክትዝርግሓሎም ተመንዮም። ምንቅስቓስ 'ትግራይ-ትግርኚ' ኣበጊሶም። ካብ 1950 ንድሓር ሕቶ ናጽነት ኤርትራ ፍሉይ መልክዕ ምስሓዘ ግና ምንቅስቓስ (ህወተታ) 'ትግራይ-ትግሪኚ' ቅሂሙ። ልቢ-ወለዳዊት ዓባይ ትግራይን ጽዉጽዋይ ትግራይ-ትግሪኚን ብሓባር 'ድሓን ኩኑ' (ቻው!) ተብሂሎም።

ኢሳያስን ገሊኦም (ወየንቲን ደምህታውያንን) ትግራዎትን ግና ነቲ ትልሚ እቲ ጌና ኣይረስዑዎን። ዓባይ ትግራይ ክይመስረቱ ክዓርፉ ኣይደለዩን። እዚ ምንዮት እዚ ክዉን ክኾነሎም ብምሕሳብ ስለዚ ሓድነታ ዝሓለወትን ስምርቲን ህገረ ኢትዮጵያ ንኽይትህሉ ሽርሒታት ተጎልቢቦም ይሰርሑ ኣለዉ። ስምርቲ ዓባይ ሃገረ ኢትዮጵያ ተሰሪዛ ኣብ ክንድኣ ዝተጎጃጀላ ብሄር ዝሰረተን ረፑብሊካት ኣብ ኢትዮጵያ ምስዝቖማ ረፑብሊኮም ካብዘን ረፑብሊካት እዚኣን ተፈንጪላ ምስታ ኤርትራዊ-ኢትዮጵያዊ ኢሳያስ (ካብ ወለዶ-ቴምቤን) ክም ውድቕቲ ሃገር ጌሩ ዝሰርሓሎም ዘሎ ዝመስሎም ድኽምቲ ዓይነት ኤርትራ ክትጽንበር እሞ ምስተን ናይ ኢትዮጵያ ረፑብሊካት ዘይተቖርነት፡ ናይ ባዕላ ኣፍደገ ባሕሪ



እትውንን፡ 'ኣብ ውሽጣ ብቀቢላታት ተጎጃጂላ ዝመሽመሽት' ልቢ-ወለዳዊት ሃገረ ትግራይ-ትግሪኚ ንኽቁሙ ንብላሽ ላዕሊን ታሕቲን ይብሉ ኣለዉ። ኤርትራውያን ግና እዛ'ናይ ኢትዮጵያ ትግራይ እዚኣ ምሳና ምስ ኤርትራውያን ክትጽንበር ድሌት የብልናን። ንዓና ንኤርትራውያን ኤርትራና በይና ትኣኽለና እያ። እንተ ነቶም ምሒር ስሱዓትን ተንከለኛታትን ጠለምቲን ምኺኖም ኣጸቢቕና እንፈልጦም ትግራዎት ክኣ ንኹሉ ግዜ ኣብ ሃገሮም ኢትዮጵያ ምስ ደቂ ሃገሮም ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ሓቢሮም ክነብሩ ኢና ንደልዮምን ንመኽሮምን። እንተኺኢሎምሲ ትግራዎት 'ዝበደለ እንተረስዐ ዝተበደለ ኣይርስዕን እዩ' ንዝተባህለ ምስላ ክዝክሩ ይሕሾም። ትግራዎት ንኤርትራውያን ኣብ ዝተፈላለዩ <u>እዋናትን ጉዳያትን</u> ብዙሕ-ሳዕ ብኽቢድ ጠሊሞምናን በዲሎሙናን ምኺኖም ኤርትራውያን ክቶ ክምዘይንርስዕ ይፍለጡ። ብዉሑዱ ከምቲ ኣብ ታሪኽና ተመዝጊቡ ዘሎ እቶም ንኣህጉራዊ ሕጊ ጥሒሶም ካብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ 'ባድማ' ምውጻእ ኣብዮም ዕጭ ሓንፊጮም ዘለዉ ሰፋሮ (settlers) ወዮም ትግራዎት እምበር ካልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ከምዘይኮኑ ንሕና ኤርትራውያንን ባዕሎም ንሰም ትግራዎትን ብርግጽን ብማዕረን ንፈልጥ ኢና!!

---///---

ሓምለ 2018

## ሓጺር መመላእታ (Brief Addendum)

## ንመጽሓፍ 'ግገረይ ኤርትራ፡ ሕጂ'ኸ ናበይ?'

## ድሕረ-ጽሑፍ፡ እዋን ዓመት ምህረት 2016-2018

ሕጂ ተቐሪቡ ዘሎ መጽሓፈይ ክሳብ 2015 ንዝተጋህዱ'ም ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ጽልዋታት ንዝነበሮም ኣህጉራዊን ዘቤታዊን ፖለቲካዊ ተርእዮታት እዩ ዳህሲሱ። ግና ድሕሪኡ ክሳብ 2018 ኣብ ዘሎ እዋን እውን ኣብ ክልቲኡ መዳያት ንኤርትራ ብእወታን ኣሉታን ዝጸለዉ ብዙሓት ኣገደስቲ ታሪኻውያን ፍጻሜታት ተመዝጊቦም ኣለዉ። እዚኣቶም 'ግገረይ ኤርትራ፡ ድሕሪ 2015 ዝተጋህዱ ንኤርትራ ዝጸለዉ ዓለማዊን ዘቤታውን ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ሳዕቢናቶምን' ብዝብል ኣርእስቲ ኣዳልዎ ኣብ ዘሎኹ መጽሓፈይ ብሰፋሓትን ዕምቆትን ተዘርዚሮም ክግለጹ እዮም። ንግዚኡ ግን ገለ ካብኦም ከም ቅድመ-ሓበሬታ ብምኻን ዘአንፍቱ እዞም ዝስዕቡ ቁንጣሮ ኣብነታት ናይ ፖለቲካ-ጣቀስ ምዕባለታት ይዝከሩ።

ብደረጃ ዓለም ኣብ ሹዱሽቲኣን ክፍላተ-ዓለም ዝተፈላለዩ እወታዊን እሉታዊን ሳዕቤናት ዘኸተሉ ብዙሓት ኣገደስቲ ፍጻመታትን ምዕባለታትን ተመዝጊቦም። ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ፕረዚደንት ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኑ። ኣብ ኤውሮፖ 'ብረክዚት' (brexit) ዘስዓቦ ወጥሪታት መጺኡ። ኣብ እስያ ዝምድና ኢስራኤል-ፍልስጤም ብዝያዳ ሓሺኺሩ፡ ዝምድና ሰሜን-ደቡብ ኮርያ ተመሓይሹ፡ ቻይና ብተዓጻጻፊ ሓያል ሃገር ኮይና፡ ኲናት-ሓድሕድ ኣብ የመንን ሶርያን ጸዕጺዑ፡ ኢስራኤል 'ዩሁዳዊት ሃገር' ተብሂላ ክትጽዋዕ ብሕጊ ወሲና። ኣብ ላቲን-ኣመሪካ ቅሌታት



ሃብታማትን መራሕቲ ሃገራትን ዝኸሸሑ 'ሰነዳት ፓናማ' ተዘርጊሖም። ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ጂቡቲ ናይ ኣመሪካን ፈረንሳን ጃፓንን ቻይናን ወተሃደራዊ መዓስከራት ተደኲኖም፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ ናይ ሃገሩ መራሒ መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ደቡብ-ሱዳን ውግእ-ሓድሕድ መመሊሱ ከሪሩ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ፖለቲካዊ ሳዕቤናት ዘኸተለ ሕማም ኢቦላ ተላቢዑ። ድሮ ንኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ሚዛናት ክዝብለ ዝኽእል ብመንግስቲ ዋሺንግተን ዝተጀመረ ዓለማዊ ናይ ንግዲ ኲናት (World Trade War) ክእወጅ ይርከብ ኣሎ። ወዘተ፡ ወዘተ።

ኣብ ደርጃ ኤርትራ፡ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ናይ ሕጂ መጽሓፈይ ተገሊጹ ንዘሎ ናይ ጸረ-ኤርትራን ህዝባን ናይ ጥልመት መርገጺኡ ብሓዲሽ መልክዕን ዝሓየለ ናህሪን ቀጺሉዎ። ንሕጊ-ኣልቦ ዲክተታራዊ ስርዓቱ ኣደልዲሉ ምእንቲ ክሰርሕ ንቅዋም ኤርትራ 'ኣሪጉ ተባላሽዩ (expire ጌሩ) እዩ' ኢሉዎ። መተካእታኡ ባዕለይ ሓዲሽ ክነድፈልኩም ስራሕ ጀሚረ ኣሎኹ ኢሉ። ንሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ካብ ስልጣን ከይግልፎ ስለዝፈርሆ፡ ንኣኼባ ዋላ ንሓንቲ ግዜ'ኳ ኣይጸውዖን። ዘይሓቂ ክንሱ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዮም ኣብ ርእሲ ምባሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተጸዕነ ናይ ኢጣልያ ወይ ናይ ኢትዮጵያ መግዝእታዊ (colony) ስርዓት ኣይነበረን ኢሉ ከምዝርዳእ ገሊጹ። ንሓቂ ብምኽሓድ ዝርከብ ግዜያዊ ረብሓ ምናልባት እንተሃለወ ግን ኣብ ዝተናውሐ እዋን ሳዕቤኑ ሓደገኛን ኣሕዛኒን ክኸውን ከምዝኽእል ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። ወዘተ፡ ወዘተ።

ኣብ ወርሒ ሓምለ 2018፡ ናይ ኢትዮጵያ ጠቕላሊ ሚኒስተር ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ኣስመራ መጺኡ 'ኣቶ ኢሳያስ ናይ ኤርትራ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተሩ ጌሩ ሸይሙኒ ኣሎ' ድሕሪ ምባሉ እቲ 'ኣነ ኢትዮጵያዊ እዩ ክብሃል'የ ዝደሊ' ኣናበለ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ንነብሱ ዘእመነ ኢሳያስ ድማ ናብ ኣዲስ ኣበባ

ከይዱ ናይ ህዝቢን ባይቶን ኤርትራ ፍቓድ ከይረኸበ ብዉልቃዊ ምርጭኡ ንዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ 'ናይ ፕረዚደንትነት ስልጣነይ ንዓኻ ኣረኪበካ ኣሎኹ፡ ንስኻ ናይ ክልቲና ፕረዚደንትና ኢኻ' ኢሉዎ። ተንኮላዊ ድራማታት ምስራሕ ዝለመደ ኢሳያስ ንግዚኡ ዝዋዘ ዘሎ ከይመስል ድማ ንክዋዘ ኢሉ ኣይኮነን ተዛሪቡ። ኣብ ደረጃኡ'ሲ ኢሳያስ ንኣብዪ ኣሕመድ ሓንቲ ሕልማዊት 'ተሸያጢት' ሃገር ብሽፈፃ ክሸጠሉ ብምህቃን 'ሎሚ ታሪኽ ይስራሕ ኣሎ' ክብል ተሰሚዑ። ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምግጋይ ዕላማ ዝገበረ ዉዑይ ድራማ ሰሪሑ ማለት'ዩ። ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ ግን፡ ዝገበረ ዋላ እንተገበረ፡ ናይ ኤርትራ ፕረዚደንት ወይ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ክኸውን ኩቶ ክምዘክእል ይፈልጥ'ዩ። ታሪኽ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ናይ ኢሳያስ ዓይነት ሕሱራት ጸወታታት ንኺዕወቱ ዲልን ዕድልን ኣይህብን'ዩ።

ናይ ኣመሪካ ሲ-ኣይ-ኤን ናይ ኢስራኤል ሞሳድን ምልሙል ወኪል ሰላዪ ምዃኑ ዝፍለጥ ኢሳያስ ንናይ ኤርትራ ናይ ዜናን ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን መሓውራት ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልካዊ ቁጽጽሩ ስለዘእተዎም ንግዚኡ ኮነ ኢሉ ንህዝቢ ኤርትራ ብዝያዳ ድማ ንመንእሰይ ወለዶ ከደንቁርን ንኹሉመሎም ዓይነታት ሃገራዊ ዓቕሚታት ክጽንቅቕን ክበላሹን ጸኒሑ። ይጽበዮ ንዘሎ ጽዋእ ፍሽለት ጨሊጡ ብዘየዳግም ካብ ስልጣን ክግለፍ ምዃኑ ግን ጌና ኣየስተብሃለን ኣሎ ኢሳያስ። <<ተፈጸመ>>

ብርሃነ ኣብርሀ ኪዳነ።



# ብርሃን

## ኣብርሀ ኪዳን

“ንእስታት ሰለስተ ዓመት፡ ኣብ ኤርትራ ክይትሕተም ዝተኸልከለት፡ ትርግታ ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ትገልጽ፡ ብሚኒስተር ብርሃን ኣብርሀ ዝተዳለወት እዋናዊት መጽሓፍ፡ ቃልሲ ህዝቢ ናብ መደምደምትኡ ክበጽሕ ኣበርክቶ ክህልዋ እዩ”

“ንመንእሰያት፡ ተስፋ ተስንቕ፡ ተጻዋርነት ዘለዎ፡ ምዕቡል ሓሳብ ኣብ ምስራጽ እጃም ዘለዋ መጽሓፍ ምሕታሙ፡ መርኣያ ሃገራዊ ፍቕርን፡ ሓላፍነታዊ መገድን እዩ”

“ብርሃን ኣብርሀ፡ ብሕልንኡን ክእለቱን፡ ሃገረይ ኢሉ ዝተጋደለ ሓርበኛ እዩ። ዳግማይ ትብዓቱ፡ ብስልጡን ኤርትራዊ ኣገባብ፡ ዲክታቶርነት ክጠፍእን፡ ዳግማይ ክይቅልቀልንእማመ ኣቕሪቡ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ሓደ ካብቶም ተጋዲና ኣሎና ኢሉ፡ ንረብሓ ኤርትራ ደው ዝበለ ኣንበሳ ተጋዳላይ”

“ሰረት ኤርትራ፡ ጻዕርን፡ መስዋእትን ተጋዳላይን ህዝቢ ኤርትራን እዩ”

”ናይ ኣመሪካ ሲ-ኣይ-ኤን ናይ ኢስራኤል ሞሳድን፡ ምልሙል ወኪል ሰላዪ ምኳኑ ዝፍለጥ ኢሳያስ፡ ንናይ ኤርትራ ናይ ዜናን ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን መሓውራት፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልካዊ ቁጽጽሩ ስለዘእተዎም፡ ንግዚኡ ኮነ ኢሉ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ብዝያዳ ድማ ንመንእሰይ ወለዶ፡ ክደንቁርን ንኹሉመሎም ዓይነታት ሃገራዊ ዓቕሚታት ክጽንቅቕን ክበላሹን ጸኒሑ። ይጽበዮ ንዘሎ ጽዋእ ፍሽለት ጨሊጡ ብዘዮዳግም ካብ ስልጣን ክግለፍ . . . ”